# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 7ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-126-8

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ዋጋ የኢትዮ 48.95

ትምህርቲ ሕብረተሰብ መፅሓፍ ተምሃራይ 7ይ ክፍሊ

MOE

ትምህርቲ ሕብረተሰብ

መፅሓፍ ተምሃራይ
7ይ ክፍሊ




ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

## ነዚ መፅሓፍ ኣዝዩ ዝነኣድ ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቐን ዝኾነ ክንክንን ሓለዋን (ኣተሓሕዛ) ይግበሩሉ




እዚ መፅሓፍ ንብረትን ሃፍትን ቤት ትምህርትኹም እዩ።

ንኸይበላሸው፣ ንኸይጉዳእን ንኸይጠፍእን ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቐን ዝኾነ ኣተሓሕዛ ግበሩ።

ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቐን ዝኾነ ኣተሓሕዛ (ክንክንን ሓለዋን) መፅሓፍ ንክህልው ዝሕግዙ ዝስዕቡ ኣገደስቲ ዝበሃሉ 10 (ዓሰርተ) ሓሳባት (ትእዛዛት) ኣለዉ።

1. መፅሓፍ ብላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይድማ ልሙፅ ዓብዪ ወረቐት ወዘተ ምሽፋን (ምጥራዝ)።
2. ኩልሻዕ ኣብ ፅሩይን ደረቕን (ንቑፅን) ቦታ መፅሓፍ ምቕማጥ።
3. መፅሓፍ ንኽትጥቀም እንትትሕዝ ኢድካ ፅሩይን ንፁህን ምዃኑ ምርግጋፅ።
4. ኣብ ሽፋን ይኹን ኣብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ፅሑፍን ምልክትን ዘይምግባር።
5. መፅሓፍ እንትትጥቀም ኣብውሽጡ ቁራፅ ወረቐት ወይድማ ካርዲ ንምልክት ምጥቃም።
6. ካብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ስእሊ ወይድማ ገፅ ዘይምቕዳድ፣ ዘይምውሳድ።
7. ዝተበላሸወ ወይድማ ዝሃሰሰ ፅሑፍ እንትገጥም ምድማቕን ምሕዳስን የድልይ።
8. መፅሓፍ ናብ ቦርሳ እንትተእትዉ ግቡእ ጠመተ ምሃብን ብውነ ምስትውዓልን የድልይ። ህድእ ኢልኩም ከይቕደድን ከይዕፀፍን ጥንቃቓ ክትገብሩ ይግባእ።
9. መፅሓፍ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ እንትሓልፍን ኣብ ምቕብባልን ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር።
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ እንትትጥቀሙ ብስርዓትን ብዝባንን ምሉእ ብምሉእ ገፁ ምቕማጥ። ብሓደ ግዘ ውሑድ ገፃት ጥራሕ ምርኣይ ይግባእ። አዕሪኻ ዘይምሕሳይ። ካብ ገፅ ናብ ገፅ ምስግጋር እንትህልው ጠርዚ ሕድሕድ ገፅ ከይጉዳእ ብጥንቃቐ ቀስ ኣቢልካ ምግልባጥ (ክሳብ ዝለምድ)። እዚ ንሽፋንን ጠርዝን መፅሓፍ ብፅቡቕ ኩነታት ንምሓዝ ዝሕግዝ እንትኸውን እቲ መፅሓፍ'ውን ነዊሕ ዕድመ ንኸገልግል ይሕግዝ።



# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

### 7ይ ክፍሊ


መዳለውቲ፦

ሞሳ ተድላ ብሩ (M.Sc)

ፀሃዩ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A)

ገምገምቲ፦

ሮማን ግደይ

ኣለም ኣፅብሃ

ጠዓመ ገብሩ



ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፈንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ልቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 - ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ።

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ። መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ። ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓላለፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቕዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይከኣልን።

ኣብ ምድላውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ። ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'የ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢሩን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ።

ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣዝዮም ብዙሓት ካርታታትን ስእልታትን ከምኡ'ውን ሰደቓታትን ኣለዉ። እዚኦም ካብ ኢንካርታ፣ በዓልመዚ ስራሕቲ ካርታ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ማእከላዊ ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ፣ ኢንቴርኔትን ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ከምኡ'ውን ብውልቀ ካብ ኣይተ ሞላ ተድላ ብሩ (ዋና መዳለዊ'ዚ መፅሓፍ) ዝተወሰዱ ብምዃኖም ነዚኦም ብምልኦም ግቡእ ኣፍልጦ እናሃብና ስለተጠቐምናሎም ድማ ኣዚና ካብ ልቢ ነመስግን፡፡

© ፈለማ ወርሒ ሓምለ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ

**ምድላው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ**

ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

**ከምኡ'ውን**

ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ

ቑ.ሳ.መ 21073

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሊቑፅሪ

ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-126-8

# ትሕዝቶ

## ምዕራፍ ሓደ

## ኣብ ኣፍሪካ ምንባር ..................................1




1.1 መርከቦ፣ ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ .................................... 3
1.2 ሞሮን ቃስታን ............................................................ 7
1.3 ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርገሐኦምን ........ 11
1.4 ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ (ግብፅን ካርቴጅን).................. 19
1.5 ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት - ዚምባብዌ፣ ማሊን ፉንጂን.................................................................34
1.6 ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ከም ምኽንያት መራኸቢ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ.................................................................45
1.7 ህዝቢ.................................................................50


መጠቓለሊ.................................................................70

ማህደረ ቃላት.................................................................73

መጠቓለሊ ሕቶታት.................................................................76


## ምዕራፍ ክልተ

## ኣወቓቕራ ምድሪ ..................................79




2.1 ሓበሬታ ካብ ካርታ ኣሊሽካ ምርካብን ምጥቃምን......80
2.2 ቐፀላታት ምድሪ .......................................................86
2.3 ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ ..............................88

መጠቓለሊ.................................................................94

ማህደረ ቃላት.................................................................95

መጠቓለሊ ሕቶታት.................................................................96

## ምዕራፍ ሰለስተ


ስርዓተ ምህዳርን ፈተናታቱን..................99





3.1 እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ....................100
3.2 ማይ፣ ሓመድን ኣየርን .......................................109
3.3 ንምዕቃብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝውሰዱ ስጉምትታት ...115
መጠቓለሊ............................................................119
ማህደረ ቃላት........................................................120
መጠቓለሊ ሕቶታት.................................................120


## ምዕራፍ ኣርባዕተ


ውራይ ህዝቢ...................................121





4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት ............................................ 124
4.2 መሰላትን ደሕንነትን ህፃናት - ክፍፀሙ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን ........................................................135
4.3 ምርግጋፅ ስርዓት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ ................ 141
4.4 መደባት ኣጋርነትን ሽርክና ዝተፈላለዩ ክባብያዊ ውዳበታት ኣህጉር ኣፍሪካ ................................................157
መጠቓለሊ........................................................... 166
ማህደረ ቃላት.......................................................169
መጠቓለሊ ሕቶታት................................................173

# ምዕራፍ ሓደ
# ኣብ ኣፍሪካ ምንባር




## ውፅኢታት`ዚ ምዕራፍ

### ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፧

- መርክቦ ፣ ቅርፅን ቐንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ኣፍሪካ ተብርሁ።
- ቐንዲ ቀጥታዊ ሰልጣነታትን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእትን ሃገራት ኣፍሪካ ትፈልጡ።
- ኣብ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ ፅዕንቶ ዘሕድሩ ምኽንያታት ተቐምጡ።

## ብ`ቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

### ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ቕዓታት ትመልኩ፣ ትውንኑ፧

- እንታይነት ካርታ ትገልፁ።
- እንታይነት ሞሮን ቃስታን ተብርሁ።
- ንድፌ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም መስመራት ሞሮን ቃስታን ተመልክቱ፧
- ሓድሓደ ሓበሬታታት ሕዳግ ካርታ ትገልፁ።
- ቀፀላታት ምድሪ ትገልፁ።
- ቀንዲ ምድሪ ትገልፁ። ቀንዲ ማተርያላት ላዕለዋይ ኣካል መሬት ማለት ክፍለ ዓለማትን ማያዊ ኣካላትን ተመልክቱ።
- ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሊ ትፈልዩ።
- ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት ተብርሁ።


## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ቀዳማይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣብ ኣፍሪካ ምንባር ዝምልከት እንትኸውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ርእስታት ዝሓዘ'ዩ፡፡ ስለዚ ፈለማ ብዛዕባ መርከቦ፣ ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ ክትመሃሩ እንትትኮኑ ኣብ ትሕቲ'ዚ ንኡስ ርእሲ ድማ ኣንፃራዊ መርከቦ ኣፍሪካን ስፍሓትን ዝብሉ ርእስታት ብካርታ እናተሓገዝኩም ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ ብምቕፃል ሞሮን ቃስታን ዝምልከት ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ እዚኦም ምስተምሃርኩም ድማ መልመድታት ክህልውኹም'ዮም፡፡ ድሕሪ'ዚ ርእሲ ድማ ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርግሐኦምን ናብዝብል ንኡስ ርእሲ ትቕፅሉ፡፡ ኣብዚ ርእሲ ብዛዕባ ቀንዲ ቋንቋታት ቤተሰብ ኣፍሪካ ክትመሃሩ እንትትኮኑ ኣብ ትሕቲ'ዚ ንኡስ ርእሲ ድማ ብዛዕባ ኣፍሮ ኤሽያቲክ፣ ኒሎ ሰሃራ፣ ኒጀር ኮንጎን ኮይሳንን ዝበሃሉ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ብዝርዝር ክትመሃሩን ዝርግሐኦም ክትፈልጡን ኢኹም፡፡ ኣብዚ ብስእልታትን ካርታታትን እናተሓገዝኩም እንትትመሃሩ ሓገዝቲ ንጥፈታትን መልመድታትን'ውን ኣለዉ፡፡ ብምቕፃል ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካን ኣብዝብል ንኡስ ርእሲ ውሽጢ ጥንታዊ ስልጣነ ግብፅን ካርቴጅን ዝምልከት ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ ነዚኦም ድማ ብካርታታትን ስእልታት ኣደጊፍኩም ክትመሃሩን ክትመያየጡን ተሓሲቡ ዝተዳለዉ'ዮም፡፡

ካብዚ ብምቕፃል ብዛዕባ ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት ዚምባብዌ፣ ማሊን ሩንጅን ዝምልከት ንኡስ ኣርእሰቲ ይርከብ፡፡ ኣፍሪካ ቅድሚ ባዕዳዊ መግዛእትን ድሕሪኡን እንታይ ከምትመስል ዝሕብሩ ሰለስተ መነፃፀርቲ ካርታታት'ውን ኣለዉ'ዮም፡፡ ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ከም ምኽንያት መራኽቢ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ ዝብል ብካርታ ዝተደገፈ ንኡስ ኣርእስቲ ኣሎ፡፡ ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ህዝቢ ዝብል ንኡስ ርእሲ እንትህልው ኣብትሕቲ'ዚ ድማ ሰለስተ ዋኒናት ተገሊፆም'ዮም፡፡ እዚኦም ድማ ዝርግሐ ህዝብን ኣሰፋፍራን፣ መነባብሮ ህዝብታት ኣፍሪካ፣ ኣብ ዝርግሐ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ፅዕንቶ ዘሕድሩ ባእታታት ዝምልከቱ ይርከቡ፡፡ እዚ ምዕራፍ ኣዝዩም ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ንተምሃሮ ዘተባብዑ'ዮም፡፡ ነዚ ምዕራፍ ኣዝዩ ሰሓባይ ንምግባር ዝተፈላለዩ መግለፅታትን መህንቀውታት ስእላዊ መግለፅታትን ኣለዉ'ዮም፡፡ እሞ ተምሃሮ እናተመያየጥኩምን እናሓተትኩምን ምስ መምህርኩም ፅቡቕ ከምትረዳድኡ ትፅቢት ንገብር፡፡

# 1.1 መርክቦ፣ ስፍሓትን ቅርፅን ኣፍሪካ

ተምሃሮ እስቲ ኣበየናይ ወረዳ፣ ክልል፣ ሃገርን ክፍለ ዓለምን ከምእትነብሩ ግለፁ? ኣብ 6ይ ክፍሊ ትምህርትኹም ብዛዕባ ኣንፃራዊ መርክቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ተማሂርኩም ኔርኩም ኢኹም፡፡ እስቲ ሕዚ ድማ ካርታ ዓለም ብምርኣይ ኣንፃራዊ መርክቦ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ተገንዚብኩም ዝመስለኩም ንምግላፅ ፈትኑ?




ካርታ 1.1 ካርታ ዓለም

ተምሃሮ መርክቦ ሓደ ቦታ ብክልተ መንገድታት ይግለፅ፡፡ እቲ ሓደ ኣንፃራዊ መርክቦ እንትኾን እቲ ኻልኣይ ድማ ፍፁማዊ መርክቦ እዩ፡፡ ካብ ሕሉፍ ክፍልታት ትምህርትኹም ኣንፃራዊ መርክቦ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትዝክሩዶ? ቀፂሉ ዘሎ መነፃፀሪ ርኣዩ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም ኣብ ደፍተርኩም ስኣሉ፡፡ ብኣንፈት ደቡብ ዘሎ ናይ መወዳእታ ጫፍ ኣፍሪካ ብቀይሕ ነጥቢ ምልክት ግበሩሉ። ከምኡ እውን ኣብ ሰሜናዊ፣ ምዕራባውን ምብራቓውን ጫፋት ምልክት ኣቐምጡ። ነዞም ጫፋት ትኽክለኛ ስሞም ካብ ካርታ ኣፍሪካ ብምርኣይ ኬፕ ቦን፣ ኬፕ ኣጉልሃስ፣ ኬፕ ቨርደን ኬፕ ጓርዳፋይ ብምባል ኣቐምጡ፡፡ ብምቕፃል ኬፕ ቦንን ኬፕ ኣጉልሃስን ብመዳይ ሕንፃታት ዋሮ ኣብ ክንደይ ዲግሪ ከምዝርከቡ ኣብ ከባቢ $35^0$ ሰሜንን ደቡብን ብምርኣይ ትኽክለኛ መርክቦኦም ኣብ ደፍተርኩም ኣቐምጡ፡፡ ከምኡውን ኬፕ ቬርደን ኬፕ

ጓርዳፉይን ብመዳይ ሕንፃታት ቃስታ ኣበይ ከምዝርከቡ ኣለልዩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ከባቢ $20^0$ ምዕራብን $60^0$ ምብራቅን ብምርኣይ ኬፕ ቨርዳን ኬፕ ጓርዳፉይን ትኽክለኛ መርከቦ ቓስታ ክንደይ ዲግሪ ከምዝኾነ ኣብ ደፍተርኩም ኣቐምጡ፡፡

ተምሃሮ ብመሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዝሰራሕኹምዎ ዕዮ-ጉጅለ ፍፁማዊ መርከቦ ኣፍሪካ ኣለሊኹም ዶ? እስቲ ኣብ ደፍተርኩም ፀሓፍዎ? ቕርፂ ኣፍሪካ እንታይ ከም ዝመስል ተመያየጥሉ፡፡ ቅርፂ ኣፍሪካ ኣብ ሰሜናዊ ክፋሉ ኣዝዩ ሰፊሕን ክብብ ዝበለ ቅርፂ ዘለዎን እዩ፡፡ ኣብቲ ደቡባዊ ክፋሉ ግና ብምኽንያት ደቡባዊ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ፅብብ ዝበለን ሸሊሕን እዩ፡

## ፍፁማዊ መርከቦ ኣፍሪካ

ኣፍሪካ ኣብ መንጎ $37^0$ $31^1$ ሰሜንን $34^0$ $52^1$ ደቡብን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ $51^0$ 24 ምብራቕን $25^0$ $11^1$ ምዕራብን ትርከብ፡፡ ብዝበለፀ ቀፂሉ ዘሎ ካርታ ተመልከቱ፡፡


### ፍፁማዊ መርከቦ

- ኣብ ካርታን ኣብ ሉል ዝተሰመሩ መስመራት ሪኢኹም ዶ ትፈልጡ?
- ንምንታይ ዝጠቕሙ ይመስለኩም?
- ፍፁማዊ መርከቦ ኣብ ካርታ ዝተሰመሩ ሓሳባዊ መስመራት ቃስታን ሞሮን መበገሲ ጌርካ ዝገልፅ እዩ።
- በዚ ሜላ ኣቀማምጣን መርከቦን ሓደ ቦታ ንምምልካት መስመራት ቃስታን ሞሮን ንጥቀም።
- ኣቀማምጣ ኣፍሪካ ብፍፁማዊ መርከቦ ንምምልካት ዘድልዩና ክልቲኦም መስመራት ቃስታን ሞሮን እዮም።

### ኣንፃራዊ መርከቦ

- ንኣብነት ሓደ ሰብ ንሓደ ቦታ ብቃል ይኹን ብንድፊ ካርታ እንተመልከት ብመንፅር ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ዝተፈለጡ ቦታታት ከመልከት ይኽእል።
- ኣንፃራዊ ኣቀማምጣ ሓደ ቦታ ንምምልካት ዘድልየና ቀንዲ ነገር ሰሜን፣ደቡብ ምዕራብን ምብራቕን ዝሕብር መሳርሒ ጥራሕ እዩ።


ስለዚ መርከቦ ኣፍሪካ ብኣንፃራውን ፍፁማውን ሜላታት ምግላፅ ይከኣል፡፡




ካርታ 1.2 ፍፁማዊ መርከቦ ኣፍሪካ

**ኣርባዕቲኦም ናይ መወዳእታ ጫፋት ኣፍሪካ እዞም ዝስዕቡ እዮም**

- ኬፕ ቦን - ጫፍ ሰሜን ኣፍሪካ (ኣብ ቱኒዝያ)
- ኬፕ ኣጉልሃስ - ጫፍ ደቡብ ኣፍሪካ
- ኬፕ ጓርዳፉይ - ጫፍ ምብራቕ ኣፍሪካ (ኣብ ሶማልያ)
- ሳንቶ ኣንታዊ - ጫፍ ምዕራብ ኣፍሪካ (ኣብ ኬፕ ቨርደ)




ካርታ 1.3 ኣርባዕቲኦም ናይ መወዳእታ ጫፋት ኣፍሪካ

ተምሃሮ ካብ ካርታ 1.2 ኣፍሪካ ብኣቀማምጠኣ ካብ ካልኦት ክፍለ ዓለማት ዝፈልያ ነገር እንታይ ተገንዚብኩም? ብምኽንያት ፍፁማዊ መርክቦኣ ኣፍሪካ እዞም ዝስዕቡ ዝተፈለዩ ባህርያት ኣለውዋ፣

- ቅናት ምድሪ ($0^0$)፣ ሕንፃፅ ሞሮ ($23.5^0$ሰ) ን ሕንፃፅ ቃስታ ($23.5^0$ደ) ዘቛርፅዋ ብሕታዊት ክፍለዓለም እያ፡፡
- ኣብ ኣፍሪካ ካብ ጫፋት ሰሜን ንደቡብን ከምኡ'ውን ካብ ምብራቕ ንምዕራብን ዘሎ ርሕቐት ዳርጋ ማዕረ ወይድማ ዝተመጣጠነ ብምዃኑ ካብ ካልኦት ፍልይ ዝበለት እያ።
- ኣፍሪካ ኣብ ኣርባዕቲኦም ንፍቀ - ክብታት (ብሰሜናዊ፣ ብድቡባዊ፣ ብምብራቓውን ብምዕራባውን) ትርከብ እንኮ ክፍለዓለም እያ።
- 2/3 (ክልተ ሲሶ) መሬት ኣፍሪካ ኣብ ክሊ ሃሩር ይርከብ።



## ንጥፈት

1 ኣየናይ ክፋል ኣፍሪካ እዩ ሰፊሕ? ልዕሊ ቅናት ምድሪ ወይስ ትሕቲ ቅናት ምድሪ ዘሎ?
2 ካብ ጫፍ ሰሜን ክሳብ ጫፍ ደቡብ ዘሎ ርሕቐት ብዲግርን ብኪሎሜትርን ድለዩ።
3 ኣብ ኣፍሪካ ካብ ምዕራባዊ ጫፍ ክሳብ ምብራቓዊ ጫፍ ዘሎ ርሕቐት ብዲግሪ ገብጡ።
4 ኣብ ኣፍሪካ ኣየናይ ርሕቐት ይነውሕ? ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ዶ ካብ ምዕራብ ናብ ምብራቕ።

## ስፍሓት ኣፍሪካ


ተምሃሮ ካርታ ዓለም ብምርኣይ ስፍሓት ኣፍሪካ ምስ ካልኦት ክፍለዓለማት ብምንፅፃር ሓፂር ምይይጥ ኣካይዱ፡፡ ከምቲ ዝርኣኹምዎ ኣፍሪካ ካብተን ሰፋሕቲ ዝበሃላ ሓንቲ እያ። ስፋሓት ኣፍሪካ ኣስታት 30 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜትር እዩ። እዙይ ድማ ካብታ ኣስታት 45 ሚሊዮን ትርቢት ኪሎሜትር ስፋሓት ዘለዋ ክፍለዓለም ኤስያ ቀፂላ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ። ኣፍሪካ ካብ ኣውሮፓ ብሰለስተ ዕፅፊ ትሰፍሕ። ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት መሬት ዓለምና ኣፍሪካ ልዕሊ 20% ዝሓዘት እያ።

## 1.2 ሞሮን ቃስታን

ተምሃሮ ካብ ካርታ ቑፅሪ 1.1 መርክቦ ኣፍሪካ ብትኽክል ሕንፃፃት ሞሮን ቃስታን ኣንቢብኩም ዶ ኣቕሚጥኩም? እስቲ ሕንፃፃት ሞሮን ቃስታን እንታይ ከምዝኾኑ ተመያይጥኩም ኣብርሁ። ንቕድም ግና ኣብ ካርታ ነዞም ሕንፃፃት ፈሊኹም ኣለልዩ። ዓለምና ኸባብ ከም ምዃና መጠን ኣብ ኣርባዕተ ንፍቀ ክብታት ዝተመቐለት እያ። ንፍቀ ኽብታት ብሕንፃፃት ሞሮን ቃስታን ዝተመቐሉ እዮም። ሕንፃፃት ሞሮን ቃስታን ኣብ ካርታን ሉልን ዝተሰመሩ ብዲግሪ ዝልክዑ ናይ ሓሳብ መስመራት እዮም።

**ሕንፃፃት ሞሮ፡-** ሕንፃፀት ሞሮ ኣብ ካርታ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ዝተሰመሩ ጎናዊ ሕንፃፃት እዮም። መበገሲ ኩሎም ዲግሪታት ሞሮ $0^{0}$ ኾይኑ ቕናት ምድሪ ይበሃል፡፡ ቅናት ምድሪ ንዓለም ኣብ ክልተ ማለት ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ንፍቀ ክብታት ዝመቕላ እዩ። ካብ ቅናት ምድሪ ንሰሜን ክሳብ $90^{0}$ ሰሜናዊ ዋልታ ዝበፅሑ ሕንፃፃት ሞሮ ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ኽቢ ስለዝርከቡ ዲግሪታት


ሰሜን እናተባህለ ይፀሓፉ። ካብዞም ሕንፃፃት ሞሮ ሓደ መስመር ካንሰር ይበሃል፡፡ ተምሃሮ እስቲ ነቲ ኣብ $23\frac{1}{2}^0$ ሰሜን ዝርከብ ሕንፃፅ ሞሮ ኣብ ካርታ ብምልላይ ኣብ ደፍተርኩም ነዚ ስዒቡ ተሳኢሉ ዘሎ ኸቢ ስኢልኩም መስመር ካንሰር ኢልኩም ፀሓፉለ። ዋልታ $0^0$ ዲግሪ ደቡብ ዘለዉ ሕንፃፃት ኣብ ካርታ ኣለልዩ። ብምቕፃል ነቲ ኣብ $23\frac{1}{2}^0$ ደቡብ ዘሎ መስመር ኣለሊዩ ነዚ ስዒቡ ተሳኢሉ ዘሎ ኸቢ ኣብ ደፍተርኩም ስኢልኩም ድማ ነቲ ኣብ መንጎ መስመራት ካፕሪኮርን ኢልኩም ፀሓፉለ። ቀፂልኩም ድማ ነሐቲ ኣብ መንጎ መስመራት ካፕሪኮርንን ካንሰርን ዝርከብ መስመር ስኢልኩም $0^0$ ፀሓፉ፡፡ ነቲ መስመር ድማ ቕናት ምድሪ በልዎ።




ካርታ 1.4 መስመራት ሞሮ

**ሕንፃፃት ቃስታ፡-** ተምሃሮ እስቲ ኣብ ሉል ወይ ካርታ ዘለው ዓንዳዊ ወይ ንትኹል ገፆም ዝተሓንፀፁ ሕንፃታት ኣለልዩ ብምቕፃል ነቲ መበገሲ ኩሎም ሕንፃፃት ቃስታ ዝኾነ $0^0$ ቃስታ ወይድማ ቐዳማይ ሜሪድያን ዝበሃል ኣለልዩ፡፡ ተምሃሮ ሕዚ'ውን ሉል ወይድማ ካርታ ተጠቒምኩም ካብ ቐዳማይ ሜሪድያን ንኣንፈት ምብራቕ ዘለው ክሳብ ክንደይ ዲግሪ ምብራቕ ከምዝበፅሑ ኣነፅሩ፡፡ ከምኡ'ውን ኣፍሪካ ካብ ኩለን ክፍለ ዓለማት ብዝተፈለየ መልክዑ ሕንፃፃት ቅናትምድሪን ካፕሪኮርንን ካንሰርን ፕራይም መሪድያንን ዝርከቡላ ብሕታዊት ክፍለ ዓለም ምኟና ተገንዚብኩምዶ?

እቶም ካብ ቀዳማይ ሜሪድያን ጀሚሮም ንኣንፈት ምዕራብ ክሳብ ክንደይ ዲግሪ ምዕራብ ከምዝበፅሑ ኣነፅሩ? ዜሮ ዲግሪ ቃስታ ግሪንዊች ሜሪድያን ወይድማ ኘራይም ሜሪድያን እናተባህለ'ውን ይፅዋዕ እዩ፡፡




ካርታ 1.5 ሕንፃፃት ቃስታ

**ረብሓታት ቃስታን ሞሮን፡-** ተምሃሮ ቃስታን ሞሮን እንታይ እዮም? ጥቕሞም ከ እንታይ እዩ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጡ? እዞም ሕንፃፃት ብቐንዱ ናይ ዝኾነ ቦታ ፍፁማዊ መርክቦ ንምርካብ ዝውዕሉ ከምዝኾኑ ምስ ተመያየጥኩም ካብ ካርታ ናይ ዝተፈላለዩ ቦታታት ፍፁማዊ መርክቦ ኣለልዩ (ንኣብነት ናይ መቐለ)። ተምሃሮ ሕንፃፃት ቓስታ ካብ ዜሮ ዲግሪ ክሳብ $180^0$ ምብራቕን $180^0$ ምዕራብን ከምዝልክዑዶ ፈሊጥኩምን ተዓዚብኩምን? ድምሮም ከ $360^0$ ከም ዝኾነ ተረዲእኹም ዶ? ከምኡ እውን ምድሪ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ኣብ ክሊ ዘንጋ ሓደ ምሉእ ሕምባበ ከምእተካይድ ዘኪርኩም ዶ? ካብዙይኸ ምድሪ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት $15^0$ ከም እትዞር ተገንዚብኩምዶ? እስቲ ተመያየጥሉ?

መርክቦ ብዝበለፀ ንፁር ብዝኾነ መንገዲ ንምርካብ ተባሂሉ ሓደ ዲግሪ ኣብ 60 ደቓይቕ ይምቀል፡፡ $1^0 = 60'$። ከምኡ'ውን ሓደ ደቒቕ ኣብ 60 ሰኮንድታት ይምቀል፡፡ $1 = 60''$.

ተምሃሮ ምድሪ ካብ ምዕራብ ናብ ምብራቕ ኣብ እትዝረሉ እዋን ኣብ ሓደ መስመር ቃስታ ዘለዉ ኩሎም ቦታታት ዓለም ተመሳሰሊ ግዜ ወይ ሰዓት ኣለዎም። ንኣብነት ኣብ $90^0$ ምዕራብ ሰዓት ክልተ ናይ ንጎሆ እንተኾይኑ ካብ ሰሜናዊ ዋልታ ክሳብ ደቡባዊ ዋልታ ኣብ ዝርከቡ ቦታታት $90^0$ ምዕራብ ኩሎም ሰዓት ክልተ ናይ ንጎሆ

እዩ። ካብ $90^0$ ምዕራብ በብ $15^0$ ኣፈላለይ ዘለው ቦታታት ድማ በብ 15 ዲግሪኡ ናይ ሓደ ሰዓት ይንከዩ። ከምኡ እውን እቶም ንምብራቅ ገፅ ዘለው ሓደ ሰዓት ይውስኹ። ንኣብነት ኣብ $0^0$ እትርከብ ከተማ ለንደን ሕዚ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ሰዓት ሸውዓተ እንተኾይኑ ኣብ $15^0$ ምብራቕ እትርከብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ድማ ሰለስተ ሰዓት ወሲኻ ሕዚ ሰዓት ዓሰርተ ድሕሪ ቐትሪ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ $45^0$ ምዕራብ እትርከብ ከተማ ድማ ሰዓት 4:00 ናይ ንጉሆ እዩ።

ካብ ረብሓታት ሕንፃፃት ሞሮ ሓደ ርሕቐት ንምርካብ እዩ። ሕንፃፃት ሞሮ ተመዓዳደውቲ ስለዝኾኑ ኣብ መንጎ ክልተ ሕንፃፃት ዘሎ ርሕቐት ብትኹል ሕንፃፅ ተመሳሳሊ እዩ። ብማእኸላይ ገምጋም ኩሉ ግዜ ኣብ መንጎ ክልተ ሕንፃፃት ሞሮ ኣብ ሓደ ደግሪ ናይ 111 ኪሎሜትር ርሕቐት ኣሎ። ንኣብነት ባድመ ኣብ $15^0$ ሰሜን ትርከብ። ካብ ቅናት ምድሪ ናይ 15 ዲግሪታት ኣፈላላይ ኣሎ ማለትዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ መንጎ ባድመን ቅናት ምድርን ናይ 1,665 ኪሎ ሜትር ርሕቐት ኣሎ።

## መልመዲ 1.1

**ሀ ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣንቢብኩም ምስተረዳእኹም እቲ ኣበሃህላ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኑ ድማ "ሓሶት" ብዝብል ቃል መልሲ ሃቡ፡፡**

1 ካብ ኩለን ክፍለ ዓለማት እታ ዝሰፍሐት ኣፍሪካ እያ።
2 ኣንፃራዊ መርከቦ ብዲግሪታት ቃስታን ሞሮን ይግለፅ።
3 ኩሎም መስመራት ቃስታ ማዕረ ርሕቐት ኣለዎም።
4 ኩሎም መስመራት ሞሮ ማዕረ ርሕቐት ኣለዎም።
5 ኩሎም መስመራት ቃስታ ንዓለም ማዕረ እንትመቕልዋ ኩሎም መስመራት ሞሮ ግን ማዕረ ኣይመቕሉዋን።

**ለ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕን ትኽክለኛን መልሲ ሃቡ።**

1 ትኽክለኛ ፍፀማዊ መርከቦ ኣፍሪካ ዝገልፅ ኣየንኡ እዩ?
ሀ 37° ምዕ - 35° ደቡብን ከምኡውን 37° ሰ - 35° ደ
ለ 90° ሰሜ - 90° ደ.ከምኡውን 17° ምዕ - 52° ምብ
ሐ 37° ሰ - 35° ደቡብን ከምኡውን 17° ምዕ - 52° ምብ
መ 37° ምዕ - 35° ም

2 ካብዞም ዝስዕቡ ትኽክለኛ ፍፁማዊ መርከቦ ክገልፅ ዘይኽእል ኣየንኡ እዩ?
ሀ 108° ደ. ለ 108° ምዕ. ሐ 108° ምብ. መ 19 ሰ.

3 ደቡባዊ ጫፍ ኣፍሪካ ኣበይ ይርከብ?
ሀ ኬፕ ጓርዳፍን ሐ ኬፕ ቨርደ
ለ ኬፕ ኣጉልሃስ መ ኬፕ ብላንክ

4 ኣብ $90^0$ሰ ዝርከብ ሕንፃፅ ሞሮ እንታይ ይበሃል?

ሀ ቅናት ምድሪ　　　ሐ ቐዳማይ ሜሪድያን

ለ ካፕሪኮርን　　　መ ካንሰር

5 ካብቶም ኣብ ሕቶ ቀፅሪ 4 ንዓለም ኣብ ምዕራባውን ምብራቓውን ንፍቁ ክቢ ዝመቕል

**ሐ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።**

1 ሞሮን ቃስታን ዝበሃሉ ቃላት እንታይ ማለት ከምዝኾኑ ብሓፂሩ ግለፁ

2 ኣብ ሓደ ከተማ ሃገርና /$45^0$ምብ/ ሰዓት ዓሰርተ ሓደ ናይ ድሕሪ ቐትሪ እንትኾይኑ ኣብ $120^0$ምብ ዝርከብ ከተማ ቻይና ሰዓት ክንደይ ይኸውን?

## 1.3 ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝርገሐኦምን

### ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ

**ምይይጥ ጉጅለ**



ተምሃሮ ብዛዕባ ቋንቋታት ህዝብታት ኣፍሪካ ትፈልጡ ዶ? ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ተመዲብኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ተመያየጡ፡፡ ብጉጅለታት ዝተመያየጥኩሙሉ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ፡፡


ጉጅለ ፩ - ቋንቋ እንታይ እዩ? እንታይ ረብሓ ኸ ኣለዎ?

ጉጅለ ፪ - ኣብ ሃገርና ክንደይ ቋንቋታት ኣለዉ? ትፈልጥዎም ቋንቋታት ዘርዝሩ።

ጉጅለ ፫ - ካርታ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ብምርኣይ ኣብ ኣህጉርና ክንደይ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ከምዘለዉ ዘርዝሩ፡፡ ኣበይን ካበይ ናበይን ከምተዘርግሑ`ውን ግለፁ፡፡

ጉጅለ ፬ - ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ዝርግሐኦምን ግለፁ፡፡

ጉጅለ ፭ - ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ግለፁ፡፡ ኣብ ትግራይና ዝርከቡ ቤተሰብ ቋንቋታት`ውን ግለፁ፡፡




ካርታ 1.6 ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ህዝብታት ኣፍሪካ


ኣብ እንነብረላ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ኣዝዮም ብዙሓት፣ ብጣዕሚ ዝተፈላለዩን ዝተወራረሱን ቁፅሮም ካብ ሓደ ሽሕ ዘይነኣሱ ቋንቋታት ኣለዉ፡፡ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ`ውን እንተኾነ ካብ 85 ዘይነኣሱ ዝተፈላለዩን ዝተወራረሱን ቋንቋታት ኣለዉ፡፡ ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት እንተትመሃሩ ኣብ ሰለስተ ብርኪ ዝተመቐሉ ኣገላልፃ ኣለዉ፡፡ እዚኦም ቀዳማይ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝበሃሉ፣ ካልኣይ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝበሃሉን ሳልሳይ ድማ ብነፀላ ዝግለፁ ቋንቋታት ዝበሃሉ`ዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ ንክይዲ ምስትምሃርን ምምሃርን ከምኡ`ውን ኣብ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንግልጋሎት ስራሕ ንጥቀመሉ ቋንቋ ትግርኛ ኣሎ፡፡ እዚ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ቤተሰብ ቋንቋ ሴማዊ ዝምደብ`ዩ፡፡ ሴማዊ ቤተሰብ ቋንቋታት ድማ ኣብ ትሕቲ ኣፍሮ ኤሽያቲክ ወይድማ ሃማዊ ሴማዊ ቀንዲ ቤተሰብ

ቋንቋታት ይምደብ፡፡ ተምሃሮ ነዞም ኣብ ሰለስተ ብርኪ መቚልና ዝረኣናዮም ቋንቋ፣ ቤተሰብ ቋንቋን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋን ዝበሃሉ ብኻሊእ ኣብነት ተመያየጡሎም፡፡ ኣብ ክፍለ ዓለምና ክንደይ ዝኣክሉ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ከምዘለዉ`ኸ ትፈልጡ ዶ?

ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ኣርባዕተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ፡፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካርታ ከምዘመልክቶ ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ዝርከቡ ብምልኦም ቋንቋታት ኣብዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ዓበይቲ (ቀንዲ) ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም፡፡ ኣብ ክፍለዓለምና ኣፍሪካ ዝርከቡ እዞም ኣርባዕተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝስዕቡ`ዮም፤

1 ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
2 ኒሎ ሰሃራዊ (ኣባይ ሰሃራዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
3 ኒጀር ኮንጎ (ኒጀር ኮርዶፋንያን) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት
4 ኮይሳን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት እዮም፡፡

1 ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ)፤




ካርታ 1.7 ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ

ካብ ሰሜንን ሰሜን ምዕራብን ኣፍሪካ ክሳብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ (ቀርኒ ኣፍሪካ) ኣብዝርከቡ ሃገራት ብገፊሑ ዝዝረበሎም ቋንቋታት`ዮም፡፡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ኣርባዕተ ንኡሳን ክፍልታት ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉዎ፡፡ እዚኦም ድማ ዝስዕቡ`ዮም፤

- ✓ ሴማዊ ቋንቋታት
- ✓ ኩሽቲክ ቋንቋታት (ኩሻዊ)
- ✓ ቋንቋታት ቻድ
- ✓ ቋንቋታት በርበር


**ሴማዊ ቤተሰብ ቋንቋታት** ካብዝበሃሉ ውሽጢ ዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ትግረ፣ ኣምሓርኛ፣ ጉራግኛ፣ ኣርጎብኛ፣ ጋፋትኛ፣ ሃረሪኛ፣ ኮፕቲክ፣ ግእዝ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም፡፡ እዚኦም ብምልኦም ብህዝብታት ዘርኢ ሴም ዝዝረቡ ቋንቋታት`ዮም፡፡ ተምሃሮ እዞም ቋንቋታት ኣበይ ከባቢ ከምዝዝረበሎም ሓቲትኩምን ነንርእስኹም ተመያይጥኩምን ንመምህርኩም ግለፁሎም፡፡ ተምሃሮ ሴማዊ ቋንቋታት ዝበሃሉ ተመያየጡሎም፡፡ ብዝርዝር ድማ ግለፅዎም፡፡

**ሃማዊ ቤተሰብ ቋንቋታት** ብህዝብታት ዘርኢ ኩሽን ኦሞቲክን ኣብ ኣፍሪካን ኣብ ሃገርናን ዝዝረቡ መብዛሕትኦም ቋንቋታት ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ቋንቋታት ኦሮምኛ፣ ሶማልኛ፣ ዓፋርኛ፣ ኣገውኛ፣ ሲዳምኛ፣ ሃድይኛ፣ ከምባትኛ ወዘተ ኣብዚ ዝምደቡ`ዮም። ካብዚኦም ብተወሳኺ ድማ ቋንቋታት ኦሞቲክ ይርከቡ። ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኦሮሚያን ህዝብታት ብሄር ብሄረሰብ ደቡብ ኢትዮጵያን ዝዝረቡ መብዛሕትኦም ቋንቋታት ኣብ ኩሻዊን ሃማዊን ቤተሰብ ዝምደቡ`ዮም። ኣብ ትግራይ ወረዳ ኢሮብ ዝዝረብ ቋንቋ ሳሆ ኣብዚ ዝምደብ እዩ። ተምሃሮ ሃማዊ (ኩሻዊ) ቋንቋታት ዝበሃሉ ተመያየጡሎም። ብዝርዝር ድማ ግለፅዎም።

**ቋንቋታት ቤተሰብ ቻድ** ዝበሃሉ ብዋናነት ኣብ ምዕራብን ማእኸላይን ኣፍሪካ ዝዝረበሎም እንትኾኑ ክሳብ 100 ዝፅግዑ ቋንቋታት ዝሓቑፈ`ዩ። ካብ ቤተሰብ ቋንቋታት ቻድ ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎም ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ከም ካልኣይ ቋንቋኦም ገይሮም ዝጥቀሙሉ ቋንቋ ሃውሳ እዩ። ቋንቋታት ቻድ ኣብ ቋንቋታት ዘርኢ ሃም ዝምደብ`ውን እዩ።

**ቤተሰብ ቋንቋታት በርበር** ኣብ ሃገራት ማእኸላይ ሰሃራ፣ ሰሜንን ሰሜን ምዕራብን ኣፍሪካ ዝዝረበሎም`ዮም። ተዛረብቲ ቋንቋታት በርበር ዝኾኑ ህዝብታት ምስ ዘርኢ ሴም ተሓናፊያም እንትኾኑ`ውን እዚ ቋንቋ ሃማዊ እዩ። ቋንቋታት ዘርኢ ሃማዊ ብሓፈሽኡ ኣፍሪካዊ መበቆል ዘለዎም እዮም። ብዙሓት ተዛረብቲ ቋንቋታት በርበር በገፊሑ ኣብ ሃገራት ማእኸላይ ሰሃራ፣ ኣልጀሪያ፣ ሊብያ፣ ኒጀርን ማሊን ዝዛረቡሉ ቋንቋ ታማሸቅ ዝበሃልዩ።

ተምሃሮ ቋንቋታት ቤተሰብ ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ዝበሃሉ ብዝርዝር ተረዲእኹሞም ዶ? ኣብ ሃገርና ዝዝረቡን ኣብ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ዝምደቡ ቋንቋታት ብዝርዝር ፊሊጥክምዎም ዶ? ካርታ መሰረት ብምግባር ብሓባርን በብጉጅለን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ነንርእስኹምን ምስ መምህርኩም ኾይንኩም ተመያየጡሎም።





ካርታ 1.8 ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ ኣብ ኣፍሪካ

## 2. ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒሎ ሰሃራዊ (ኣባይ ሰሃራዊ)፤

እዚኦምኣብሽንጥሮሩባኣባይንከባቢበረኻሰሃራንዝዝረቡ`ዮም። ኣብምዕራብ፣ማእኸልን ምብራቕን ኣፍሪካ ዝርከቡ እዮም። ኣብ ትሕቲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒሎ ሰሃራዊ (ኣባይ ሰሃራዊ) ሽዱሽተ ንኡሳን ክፍልታት ቋንቋታት ኣለዉ፡፡ እዚኦም ድማ ዝስዕቡ`ዮም፤

| | | |
|---|---|---|
| ✓ ቋንቋታት ሶንግሃይ | ✓ ቋንቋታት ማባ | ✓ ቋንቋታት ፉር |
| ✓ ቋንቋታት ሰሃራ | ✓ ቋንቋታት ኮማ | ✓ ቋንቋታት ቻሪ - ኒሎቲክ |

ካብዚኦም ውሽጢ ድማ ኣብ ቤተሰብ ቋንቋታት ኮማን ቻሪ - ኒሎቲክን ዝምደቡ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝዝረቡ ብዙሓት ቋንቋታት ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዝዝረቡ ቋንቋታት ከም ኣኝዋክ፣ ኑወር፣ ቤኑሻንጉል፣ ማኦ፣ ኮማ፣ ጉሙዝ ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከቡ። ካብዚኦም ብተወሳኺ ቋንቋታት ኩናምኛን በርታን ኣብ ቋንቋታት ቻሪ ኒሎቲክ ዝምደቡ ይርከቡ። እዚኦም ብልሙድ ቋንቋታት ቤተሰብ ኒሎቲክ ተባሂሎም`ውን ይፍለጡ። ተምሃሮ ኣብ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒሎ ሰሃራዊ (ኒሎቲክ) ዝምደቡ ቋንቋታት ሃገርና ፊሊጥኩሞም ዶ?




ካርታ 1.9 ዝርግሐ ቋንቋታት ኒሎ ሰሃራዊ

### 3 ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ (ኒጀር ኮርዶፋንያን)፧

ኣብ ከባቢ ምዕራብ፣ ማእኸልን ደቡብን ኣፍሪካ ዝርከቡ መብዛሕትኦም ህዝብታት ዝዛረብዎም ቋንቋታት ኣብዚ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ (ኒጀር ኮርዶፋንያን) ዝምደቡ`ዮም። እዚኦም`ውን ብውሑድ ኣብ 27 ሃገራት ኣፍሪካ ብገፊሑ ዝዝረቡ`ዮም። ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካን ማዳጋስካርን ዝርከቡ ዝተሓንፈፁ ቋንቋታት እስያን ኣውሮፓን ይሓቑፉ`ዮም። ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒጀር ኮንኮ ሽዱሽተ ንኡሳን ክፍልታት ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለውዎም። እዞም ንኡሳን ቤተሰብ ቋንቋታት ዝበሃሉ ዝስዕቡ`ዮም።


| | |
|---|---|
| ✓ ቋንቋታት ምዕራብ ኣትላንቲክ | ቋንቋታት ክዋ |
| ✓ ቋንቋታት ምብራቕ ኣዳማዊ | ቋንቋታት ቮልታይክ (ጉር) |
| ✓ ቋንቋታት ማንዴ | ቋንቋታት ቤኑወኮንጎ |

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎም ዮሩባ፣ ፉልፉልዴን ኢግቦን ከምኡ`ውን ኣብ ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ ዝዝረቡ ከም ስዋሂልኛን ዞሎኛን ዝመሳሰሉ ቋንቋታት ኣብዚ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም። ማንዲካን ዞሳን ዝተብሃሉ ቋንቋታት`ውን ኣብዚ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም። ተምሃሮ ካብ

ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ ውሽጢ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝዝረብ ቋንቋ ከምዘየለ ተረዲእኹም ዶ? ካርታ ዝርግሓ ቋንቋታት ኣፍሪካ መሰረት ብምግባር ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኒሎ ሰሃራን ኒጀር ኮንጎን ዝዝረበሎም ከባብታት ተመያየጡ።



ካርታ 1.10 ዝርግሓ ቋንቋታት ኒጀር ኮንጎ



ካርታ 1.11 ዝርግሓ ቋንቋታት ኮይሳን

## 2 ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኮይሳን፤

እዚኦም ኣፍሪካዊ መበቆል ዘለዎምን ነባርን ቋንቋታት`ዮም። ይኹን ደኣ`ምበር ካብቶም ካልኦት ዝፍለዩሉም መሰረታዊ ነገር ኣለዎም። ከምቶም ካልኦት ቋንቋታት ቤተሰብ ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃምን ሴምን)፣ ኒጀር ኮንጎን ኒሎ ሰሃራን ወዘተ ዝተሓላለኹን ዝገፍሑን ጨንፈራት የብሎምን፡፡ መብዛሕትኦም ቋንቋታት ኮይሳን እንትርአዩ ኣብ ከባቢ ካላሃሪን (ቦትስዋና)፣ ደቡባዊ ምዕራብ ኣፍሪካ (ናሚቢያ) ወዘተ ዝዝረበሉ እንትኾውን ውሑዳት ቋንቋታት ኮይሳን ድማ ኣብ ኣንጎላ፣ ዛምቢያ፣ ዚምባብዌን ደቡብ ኣፍሪካን ዝዝረቡ`ውን ኣለዉ። ዝርግሓ ቋንቋታት ኮይሳን ዝተበታተኑን ፋሕ ፋሕ ኢሎም ዝርከቡን ስለዝኾኑ ዝርግሓኦም ገፊሕ ቦታ ዝሓዙ`ዮም። ቋንቋታት ኮይሳን ዝዛረቡ ካብ 200 ሽሕ ክሳብ 300 ሽሕ ዝፅግዑ ህዝብታት ኣፍሪካ ኣለዉ። ቋንቋ ባንቱ ኣብዚ ዝምደብ እዩ።

ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ካብዘለዉ ብዙሓት ቋንቋታት ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለዉዎም ቀዳማይ ዓረብኛ እንትኾውን ኣብ ሰሜን፣ ምዕራብን ማእኸላይን

ኣፍሪካ ኣብዘለዉ ሃገራት ዝርከቡ ህዝብታት ዝጥቀሙሉ`ዩ። ቋንቋ ስዋሂሊ ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ከምኡ`ውን ማእኸላይ ኣፍሪካ ዝርከቡ ልዕሊ 50 ሚሊዮን ህዝቢ ዝዛረብዎ እዩ። ቋንቋ ሃውሳ ድማ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካን ናይጀሪያን ከባቢ ዝርከቡ 25 ሚሊዮን ህዝቢ ይዛረብዎ`ዮም። ቋንቋ ፉልፉልዴ ኣብ ሃገራት ሴኔጋል፣ ካሜሩንን ቻድን ዝዝረብ እዩ። ቋንቋ ዮሩባ ድማ ኣብ ናይጀሪያን ቤኒን ዝዝረብ`ዩ፡፡ ብተመሳሳሊ ኢግቦ ዝበሃል ቋንቋ ብዙሓት ተዛረብቲ ኣለውዎ፡፡ ኣብ ሃገርና ድማ ቋንቋ ኦሮሚፋ (ኦሮምኛ) ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን ልዕሊ 24 ሚሊዮን ህዝቢ ዝዛረብዎ`ዩ። ብምኽንያት ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተኣታተዉን ኣብ ክፍለዓለምና ኣፍሪካ ብገፊሑ እንጥቀመሎም ቋንቋታት ኣውሮፓ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ፖርቹጋልኛን ስፔንኛን ዝጥቀሱ`ዮም። ስለዚ ዓበይቲ ዓለምለኸን ክፍለዓለምለኸን ትካላት ኣብ ኣፍሪካ ዋኒን እንትሕዙ ዝጥቀሙሎም ቋንቋታት ስራሕ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ዓረብኛ፣ ስፓኝን ፖርቹጊዝኛን ክኾውን ተወሲኑ'ዩ፡፡ ተምሃሮ ኣብ ኣፍሪካ ዘለዉ ቋንቋታት ብዝምልከት እኹል ፍልጠት ረኺብኩም ዶ? ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣርባዕተ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። እዚኦም`ውን ዝስዕቡ`ዮም፤

1 ኩሻዊ (ኩሺቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ኦሮምኛ፣ ዓፋርኛ፣ ሶማልኛ፣ ቤጃ፣ ሳሆ፣ ሲዳምኛ፣ ሃድይኛ፣ ከምባትኛ፣ ጌዴኦ፣ ኮንሶ፣ ኣገውኛ፣

2 ሴማዊ (ሴሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ትግረ፣ ኣምሓርኛ፣ ጉራግኛ፣ ኣርጎብኛ፣ ጋፋትኛ፣ ሃረሪኛ፣ ኮፕቲክ፣ ግእዝ፤ሂብሪው

3 ኦማዊ (ኦሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ጋሙ፣ ጎፋ፣ ከፊቾ፣ ኩሎ ኮንታ፣ ከፊኛ፣ ጃንጀሮ፣ ዶርዜ፣ ወላይትኛ፣ ማጂ፣ የም፣ ጊሚራ፣ ኣሪ፣ ሻኩ ወዘተ

4 ኒሎ ሰሃራዊ (ኒሎቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ኩናማ፣ ጉሙዝ፣ በርታ፣ ኮማ፣ መዠንግር፣ ኣኝዋክ፣ ኑወር፣

እዚኦም ኣብ ኣፍሮ ኤሽያቲክን ኒሎ ሰሃራን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም። ቋንቋታት ኩሽ ኣብ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲ፣ ሶማሊያን ኬንያን ዝዝረቡ`ዮም። ዓፋርኛ ኣብ ሃገራት ኤርትራ፣ ኢትዮጵያን ጂቡቲን ብገፊሑ ዝዝረብ`ዩ። ሶማልኛ ቋንቋ ድማ ኣብ ሃገራት ሶማሊያ፣ ኢትዮጵያን ጂቡቲን ይዝረብ። ቋንቋታት ትግርኛ፣ ሳሆን ኩናማን ድማ ኣብ ሃገራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝዝረቡ`ዮም። ቋንቋ ኦሮምኛ ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን ይዝረብ።

ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካርታ መሰረት ብምግባር በብክልል ሃገርናን ኣፍሪካን ብዋናነት ዝዝረቡ ቋንቋታት ኣለልይዎም። ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ጨንፈራቶምን ኣብ ወረቐት ሰኣሉ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝዝረቡ ቋንቋታትን ቤተሰብ ቋንቋታትን ለሊኹም ግለፁ።



## ንጥፈት

**ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይንኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ተመያይጥኩም ናብ ክፍሊ፡ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡**

1 ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ፅርሑ

2 ነቶም ዝፀራክምዎም ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ዝተዳለወ ካርታ ወፂእኹም ኣመልክቱ ።

3 ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣመልኪትኩም ሓፂር መብርሂ ሃቡ፡፡

4 ካብ ክልተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ተዛረብቲ ወሲድኩም ንፅፅራዊ ፀብፃብ ንክፍሊ ኣቅርቡ።

5 ዝርግሐ እዞም ንፅፅር ዝገበርኩምሎም ቋንቋታት ኣብ ካርታ ኣመልክቱ።

6 ብዛዕባ ተዛረብቲ ሓደ ዝተወሰነ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋ ወሲድኩም ክንድዝከኣል ዘርዚርኩም ግለፁ።


## ዕዮ ጉጅለ



ተዛረብቲ ዝተወሰኑ ቋንቋታት ፅርሑ፣ ኣበይ ከባቢ ከምዝርከቡ ግለፁ፣ ኣበየናይ ቤተሰብ ቋንቋ ከምዝምደቡ`ውን ሓብሩ።

## 1.4 ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ (ግብፅን ካርቴጅን)

ተምሃሮ ኣብ 6ይ ኽፍሊ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም ቀዲሞም ካብዝማዕበልሎም ከባብታት ውሽጢ ክፍለዓለምና ኣፍሪካ ትርከብ፡፡ ኣብ ኣፍሪካ ድማ ጥንታዊ ስልጣነታት ቀዲሞም ካብዝማዕበሉሎም ከባብታት ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ከምዝርከብ ተማሂርኩም ነይርኩም፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣፍሪካ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈላለየ ብርኪ ዕብየት ዝነበሮም ጥንታዊ ስልጣነታት ነይሮም`ዮም፡፡ ብመሰረት ኣብ 6ይ ኽፍሊ ዝተምሃርክምዎ ጥንታዊ ስልጣነ እንትበሃል ከመይ ትገልፅዎ? እምበኣርከስ ቀፂሉ ዝርከብ ካርታ ጥንታዊ ስልጣነ ዝማዕበሉሎም ከባብታት ኣፍሪካ እናረኣኹም ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡ ካብዚ ካርታ`ዚ እንታይ ተረዲእኹም? ንመምህርኩም ግለፁሎም፡፡




ካርታ 1.12 ጥንታዊ ስልጣነታት ማዕቢሎምሎም ዝነበሩ ቀንዲ ከባብታት ኣፍሪካ

ጥንታውያን ሰባት ብሃደንን ብምእራይ ፍራምረን ቖፅላመፅልን ኣብዝናበሩሉ እዋን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ኣይቕመጡን ነይሮም። ኩሉ ግዜ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይዘዋወሩ ነይሮም። ሕርሻ ምስጀመሩ ግና ኣብዝተወሰነ ቦታ ሰፊሮም መነባብሮኦም ብቀዋምነት ምምራሕ ጀሚሮም። በዚ`ውን ቁሸታት ክምስረታ ጀሚረን። እዘን ቁሸታት ድሕሪ ግዜ ናብ ከተማታት ማዕቢለን። ምምስራት ከተማታት ንምዕባለ ካልኦት ስልጣነታት መንገዲ ፀሪገን። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ማለት ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኡ ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ።


ስልጣነ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩ ካብ እዋን ናብ እዋን

እናማዕበለ ዝመፀ ኣገባብ መነባብሮ ደቂ ሰብ`ዩ። ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ምምዕባል መንግስታት፣ ንግድን እደ ጥበብን፣ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ስነ ቕርፃ ቕርፂ፣ ሕርሻን ኣብ ደርብታት ምምቃል ሕብረተሰብን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምስ መነባብሮ ከተማ ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ስልጣነ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ዝማዕበለ ፅሑፍ፣ ኣብ ፅኑዕ ውዳበ ዝተመስረተ መንግስቲ፣ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ሓፂን መፂንን፣ ስርፀት ስነ ጥበብ ቕርፃ ቕርፅን፣ ኣብ ተግባር ዝውዓለ ሳይንስን ሒሳብን፣ ምትእትታው ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ ይጥቀሱ።

ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ጎሊሁ ክረአ ዝጀመረ ኣብ ከባቢ 3500 ዓመት ዓለም እዩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ስልጣነ ብቐፃልነት እናማዕበለ ዝመፀ ታሪካዊ ተርእዩ እዩ። ብምኳኑ`ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ እንትኸውን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕን ምብራቕ ኣፍሪካን ጥንታዊ ስልጣነታት ዝማዕበሉሎም ግና ግብፂ፣ ኑብያ፣ ሜሮዌ፣ ኩሽ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ስለዚ ሕዚ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ብፍላይ ኣብ ግብፅን ካርቴጅን ማዕቢሎም ዝነበሩ ስልጣነታት ክትመሃሩ ኢኹም።

## ስልጣነ ጥንታዊት ግብፂ

ተምሃሮ ግብፂ ኣበይ እያ ትርከብ? ግብፂ ኣበይ ከምትርከብ ኣብ ካርታ ተመልከቱ። ግብፂ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ትርከብ ሃገር እያ። ንውሓት ቁመታ ናብ 550 ማይል ዝፅጋዕ ኾይኑ ካብ ሩባ ናይል (ኣባይ) ናብ ፀጋም ኣንፈት 15 ማይል ከምኡ'ውን ናብ የማን ኣንፈት 15 ማይል ስፍሓት ዘለዋ'ያ። ግዝኣት ጥንታዊት ግብፂ ካብ ገማግም ባሕሪ ሜዲቴራንያን ጀሚሩ ክሳብ ሰሜናዊ ሱዳን ዝሸፈነ ኾይኑ ንሩባ ናይል (ኣባይ) ዝተኸተለ'ዩ ነይሩ። ሄሮዱቶስ "ኣቦ ታሪክ" እናተብሃለ ዝፍለጥ ግሪካዊ ኣብዝፀሓፎ መፅሓፍ "ግብፂ ውህብቶ ፀጋ ሩባ ናይል (ኣባይ) እያ" እንትብል ገሊፁ። ተምሃሮ ሩባ ናይል ካበይ ናበይ ከምዝፈስስ ኣብ ካርታ ርኣዩ። ሩባ ናይል ካብ ሰሜናዊ ጫፍ ግብፂ ክሳብ ደቡባዊ ጫፍ ምሉእ ንምሉእ ንግብፂ ከምዘቋርፃ ሪኢኹም ዶ? ሄሮዱቶስ "ግብፂ ውህብቶ ፀጋ ሩባ ናይል እያ" እንትብል ዝገለፀ ንምንታይ ይመስለኩም? ብዘይካ ማይ ሩባ ናይልን በብግዚኡ ዝመፅእ ሓዱሽ ውህሉል ሓመድ'ዚ ሩባ ናይልን ግብፂ ምድረበዳ ምኾነት ነይራ፣ ልምዑነትን ሃፍተ ገነትን ግብፂ ኣብ ልጋሰ ሩባ ናይል ዝተመስረተ እዩ ዝብል መበገሲ ሓሳብ መሰረት ገይሩ'ዩ ሄሮዱቶስ "ግብፂ ውህብቶ ፀጋ ሩባ ናይል'ያ" እንትብል ዝገለፀ።




ካርታ 1.13 ጥንታዊት ግብጺ ካብ 3500 - 1000 ዓመት ዓለም

ህይወት ግብፃውያን ኣብ ሩባ ናይል ብወሳናይ መልክዑ ዝተመስረተ'ዩ። ኣብ ግብጺ ዘሎ ሕርሻን ልምዓት መስኖን ኣብ ሩባ ናይል ዝተመስረተ እዩ። ሩባ ናይል ንህዝቢ ግብጺ ፅሩይ ማይን ልሙዕ ሓመድን ጥራሕ ዘይኮነስ መስመር መጓዓዝያ'ውን ፈጢሩሎም። ኢኮኖሚያዊ መሰረት ህይወት ጥንታዊ ግብፃውያን ልምዓት ሕርሻ እዩ ነይሩ። መብዛሕትኦም ግብፃውያን ድኻታት ሓረስቶት ስለዝነበሩ መስኖ እናተጠቐሙ ዝተፈላለዩ ዘራእቲ የፍርዩ ነይሮም። መንግስታት ግብጺ ልዕሊ'ኹሉ ንሩባ ናይል ከመሓድሩ'ዮም ተመስሪቶም። ህዝቢ ግብጺ ሩባ ናይል ዝጠልቆሉ ጥንኩር መስመር መትረብን መጠራቐሚ ማይን ብጣዕሚ ይደልዩ ነይሮም። ብምኽንያት ተፋሰስ ሩባ

ናይል ግብጺ ኣብ ክልተ ተመቒላ ነይራ። ታሕታይ ግብፅን ላዕላይ ግብፅን ዝበሃሉ ማለት'ዩ። ታሕታይ ግብጺ ዝበሃል ሰሜናዊ ጫፍ ሩባ ናይል ዝርከቦ እንትኸውን ላዕላይ ግብጺ ዝበሃል ድማ ካብ ማእኸል ግብጺ ንደቡብ ኣንፈት ናብ ሱዳን ዘሎ ከባቢ ማለት እዩ ነይሩ። ሩባ ካብ ብራኽ ዘለዎም ከባብታት ቁልቁል ንታሕቲ'ዩ ዝወርድ።




ጥንታዊት ግብጺ ቅድሚ 3100 ዓ.ዓ




ጥንታዊት ግብጺ ካብ 3100 - 2200 ዓ.ዓ





ማእኸላይ ዘመን ጥንታዊት ግብጺ ካብ 2200 - 1730 ዓ.ዓ




ጥንታዊት ግብጺ ካብ 1570 - 1100 ዓ.ዓ

ካርታ 1.14 ምዕባለ ጥንታዊት ግብጺ ካብ ቅድሚ 3100 - 1100 ዓ.ዓ



ስእሊ 1.1 ጥንታዊት ከተማ ቴበስ ብ2040 ዓመተ ዓለም

ኣብ ከባቢ 3100 ዓመተ ዓለም "ሜነስ" ዝተብሃለ ንጉስ ላዕላይ ግብጺ ንታሕታይ ግብጺ ብምውራር ንክልቲኣን ክፋላት ግብጺ ሓዊሱ ሓደ ግዝኣት ገይርወን፡፡ ስለዚ ግብፃውያን ነዚ ንጉስ ሜነስ ኣብ መሬት ዘሎ ፈጣሪኦም (እግዚኣብሄር ኣምላኽ) ገይሮም የምልኽሉ ነይሮም፡፡ ካብዚ እዋን'ዚ ንደሓር ታሪክ ጥንታዊት ግብጺ ኣብ ሰለስተ ዘመን ተመቒሉ ዝርአይ'ዩ ነይሩ፡፡ ፈላማይ ናይ ቀደም ግዝኣት ስርወ ንግስና ግብጺ (Old Kingdom) ዝበሃል ካብ 3100 - 2200 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ'ዩ፡፡ እዚ ድማ ብንጉስ ሜነስ ፈላማይ ፎርኦን ኾይኑ ዝተጀመረ እዩ፡፡ ኣብዚ ዘመን ማእኸል ንግስና ዝነበረት ከተማ ማምፌስ ትበሃል ነይራ፡፡ እዞም ነገስታት ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ፒራሚዳትን ምስልታትን ኣቕሪዖም ተኺሎም ነይሮም፡፡ ካብቶም ዝተቐረፁ ምስልታት እቲ ሓደ "ዓብዩ ሲፊኒክስ" ዝበሃል ኾይኑ ሰውነቱ ንኣንበሳ ዝመስል ኾይኑ ገፁ ግና ንሰብ ዝመስል'ዩ ነይሩ፡፡ እዚ ዘመን ፎርኦናት ግብጺ ዓበይቲ ፒራሚዳት ይሃንፁሉ ዝነበረ "ዘመነ ፒራሚድ" ዝበሃል'ዩ፡፡



ስእሊ 1.2 ስፊኒክስ ጥንታዊ ግብፃውያን



ስእሊ 1.3 ኣብ ጊዛ ዝርከብ ፒራሚድ ግብፃውያን

እቲ ካልኣይ ግዝኣት ስርወ ንግስና ማእኸላይ ዘመን ጥንታዊት ግብፂ (Middle Kingdom) ተባሂሉ ዝፍለጥን ካብ 2200 - 1730 ዓመት ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ'ዩ። ኣብዚ እዋን ማእኸል ንግስና ናብ "ቴበስ" ዝበሃል ደቡባዊ ክፋል ግብፂ ተዛዊሩ። እዚ ዘመን ብፍላይ ድማ "ዘመነ መኳንንቲ" ተባሂሉ ዝፍለጥ'ዩ። መኳንንቲ፣ መሳፍንትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝለዓለ ሃፍቲ፣ ሓይልን ዓቕምን እናጥረዩ መፂኦም። ስለዚ ፖለቲካዊ ሓይሊ ፎርኦናት ነገስታት ተዳኺሙ ብተፃራሪኡ ድማ በብከባቢኡ መኳንንትን መተሓዳደርትን ዝሓሸ ፖለቲካዊ ስልጣንን ተሰማዕነትን ነይርዎም። እቲ ሳልሳይ ሓዱሽ ዘመን ግዝኣት ጥንታዊት ግብፂ (New Kingdom) ተባሂሉ ዝፍለጥ ካብ 1570 - 1100 ዓመት ዓለም ቅድመ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ እዋን'ዩ። ኣብ ሰለስቲኡ ዘበናት ሰላሳን ሓደ ስርወ ንግስነት ነይሮም።

ጥንታዊት ግብፂ ብወተሃደራዊ ሓይልን ዓቕምን ተጠናኺራ ወተሃደራዊ ወፍርታት ብምክያድ ብጣዕሚ ገፊሕ ግዝኣት ነይርዋ። ኣብዚ እዋን ዝነበሩ ፎርኦናት ሰራዊት ኣጠናኺሮም ናብ ደቡብ ኣንፈት ናብ ኑብያን ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ማእኸላይ ምብራቕ እስያ ኣንፈት ናብ ፍልስጤምን ሶርያን ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣካይዶም። ድሕሪ 1100 ዓ.ዓ ወተሃደራዊ ዓቕምን ፖለቲካዊ ሓይልን ጥበብን ጥንታዊት ግብፃውያን እናተዳኸመ ብምምፅኡ ካብ ወፃኢ ዝፍነዉ ወራራት ምምካትን ምክልኻልን ኣይከኣሉን። ብምኳኑ'ውን ካብ ግሪክ ንጉስ መቆዶንያ ዝነበረ ንጉስ ኣሌክሳንደር ዓብዪ ብ332 ዓ.ዓ ንግብፂ ወሪሩ ሒዝዋ። ሎሚ ኣብ ግብፂ ትርከብ ሰሜናዊት ወደብ ኣሌክሳንድሪያ ትበሃል ብስም'ዚ ንጉስ'ያ ትፅዋዕ ዘላ። ግሪካውያን ንግብፂ ክሳብ 30 ዓ.ዓ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተቖፃፀርዋ እንተኸውን ድሕሪ'ዚ ግብፂ ኣብትሕቲ ሮማውያን ወዲቓ ማለት'ዩ።




ስእሊ 1.4 ምስሊ ፎሮኦናዊ ንጉስ ራምሰስ 2ይ



ስእሊ 1.5 ፒራሚዳት ፎሮኦናት ግብፃውያን

ኣብ ዓለም ጥንታዊ ስልጣነ ንፈለማ ዝማዕበለሉ ከባቢ ኣብ ሽንጥሮ ሜሶፖታሚያ እንትኸውን ቐፂሉ ድማ ኣብ ግብፂ ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ'ዩ ማዕቢሉ ነይሩ። ስለዚ ኣብ ኣፍሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ዝማዕበለሎም ከባብታት ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ዝርከብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካን ምብራቓዊ ኣፍሪካን ማእኸል ዝገበረ'ዩ ነይሩ። ካብዚኦም እቲ ሓደ ኣብ 3100 ዓመተ ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ግብፂ ማዕቢሉ ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ይርከብ። ሩባ ናይል መሰረት ህይወት ግብፃውያን እዩ። ስልጣነ ጥንታዊት ግብፂ ኣዝዩ ማዕቢሉ ኣብዝነበረሉ እዋን ነገስታት ግብፂ ወተሃደራዊ ወፍርታት ብምክያድ ግዝኣቶም ናብ ደቡብን ናብ ምዕራባዊ እስያን ኣግፊሖም ነይሮም። ነዚ ገፊሕ ግዝኣቶም ዝቆፃፀሩሉ ፅኑዕ መሓውር ምምሕዳር መንግስቲ'ውን ዘርጊሖም ነይሮም።

ነገስታት ጥንታዊ ግብፂ 'ፎርኦናት' ተባሂሎም ይፅውዑ ነይሮም። እዞም ፎርኦናት ግብፂ ድማ ዝተፈላለዩ ስነ ህንፃታት ክምዕብሉ ገይሮም። ንመቓብር ነገስታት ዘገልግል "ፒራሚድ"ን መልግባትን ሃኒያም፡፡ ብስነ ህንፃ ዲዛይን ዝተጋየፁ ኣብያተ መንግስትን ኣብያተ ፀሎትን ሃኒያም፡፡ ኣብ ግብፂ ዝርከቡ ብጥንታውያን ፎርኦናት ዝተሃነፁ "ፒራሚዳት" ኣብዚ ሎሚ እዋን ካብቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ "ሸውዓተ ብጣዕሚ ዘደንቑ ሓድግታት ጥንታዊ ዓለም" ውሽጢ ሓደ ኾይኖም ተመዝጊቦም'ዮም፡፡ ስለዚ ጥንታዊ ግብፃውያን ብስነ ህንፃ፣ ቅርፃ ቅርፂ፣ ብሕክምና፣ ብስነ ፅሑፍን ሳይንሳዊ ውፅኢታትን ኣብ ኣጠቓቕማ ቀለንተንን ኣዝዩ ዝድነቕ ምዕባለ ነይርዎም፡፡ ጥንታዊ ግብፃውያን ድሕሪ ሞት ህይወት ኣሎ ኢሎም ይኣምኑ ስለዝነበሩ። ሰብ ምስሞተ ሬስኡ ከይፈረሰን ተዓቂቡን ንዓመታት ክፀንሕ ዝገብር "መሚ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኬሚካል ነይርዎም።



ስእሊ 1.6 ኣብ መቓብር ንግስቲ ኣሞንሂርክሂፐሴፍ ዝተረኸበ ሂይሮግሊፊክስ ፅሑፍ



ስእሊ 1.7 ኣብ መቓብር ንጉስ ፎርኦን ራምሰስ ዳግማዊ ከባቢ 1270 ዓ.ዓ ዝተፅሓፈ ሂይሮግሊፊክስ

ስለዚ ጥንታዊ ግብፃውያን ንዓለም ዘበርከትዎ ውፅኢት ስልጣነ እንትንርእይ፤

1. ኣብ ህንፀት ፒራሚድን ሲፊኒክስን ዘርአይዎ ሳይንሳዊ ጥበብ ምህንድስና፣
2. "ሂይሮግሊፊክስ" ጥበብ ኣፀሓሕፋን ስእላዊ ፊደልን ምስ ኣጠቓቕምኡ፣
3. ምንቅስቓስን ውደትን ፀሓይ፣ ወርሕን ክዋክብትን ከምኡ'ውን ውሕጅ ሩባ ናይል መሰረት ገይሮም ብዘፅንዕዎ 365¼ መዓልትታት ዘለዎ ቀለንተን ኣዳልዮም

4. ልምዓት መስኖን መትረብን ምስራሕ ፍሉይ ክእለትን ፍልጠትን ግብፃውያን ነይሩ፡፡
5. ኬሚካላዊ ቅመማ ማሚይ፣ መድሓኒታት፣ ሒሳብ፣ ብርጭቆ ምስራሕን ወዘተ ፍሉይ ውፅኢት ግብፃውያን እዩ ነይሩ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



1. ጥንታዊ ስልጣነ ከመይን ኣበይን ከምዝጀመረ ተመያየጡ።
2. ስልጣነ ጥንታዊት ግብጺ ብዝምልከት ተመያየጡ።
3. መግለፅታት ስልጣነ ጥንታዊት ግብጺ ብዝርዝር ኣረድኡ።

## መልመዲ 1.2


**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣንቢብኩም ምስተረዳእኹም እቲ ኣበሃህላ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኑ ድማ "ሓሶት" ብዝብል ቃል መልሲ ሃቡ።**

1. ኣብ ሃገርና ልዕሊ 85 ብሄረሰባት ዝዝረበሎም ቋንቋታት ኣለዉ፡፡
2. ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ ብካሊእ ኣፀዋውዓ'ውን ኣባይ ሰሃራዊ ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡
3. ሃማዊ ቋንቋታት ሃገርና ብካሊእ ኣፀዋውዓ ድማ ኩሻዊ ቋንቋታት እናተብሃሉ ይፅውዑ'ዮም፡፡
4. መነስ ዝተብሃለ ንጉስ ንጥንታዊት ግብጺ ኣብ ክልተ መቒሉ ታሕታይን ላዕላይን ብዝብል የመሓድር ነይሩ፡፡
5. ጥንታዊት ግብጺ ክሳብ 30 ዓመት ዓለም ኣብ ትሕቲ ግሪካውያን ዝነበረት እንትትከውን ብድሕሪ'ዚ ድማ ኣብ ትሕቲ ጥንታውያን ሮማውያን ወዲቓ፡፡
6. ጥንታዊ ስልጣነ ዓለም ንፈለማ ግዘ ዝማዕበለ ኣብ ሽንጥሮ ሩባ ሜሶፖታሚያ እንትኸውን ቐፂሉ ዝማዕበለ ሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ'ዩ ነይሩ፡፡
7. ፒራሚድ ካብቶም ኣብ ዓለም ካብዘለዉ ሸውዓተ ብጣዕሚ ዘደንቑ ሓድግታት ጥንታዊ ዓለም ሓደ ኾይኑ ተመዝጊቡ'ዩ፡፡
8. ብመሰረት ምንቅስቓስ ፀሓይ፣ ወርሕን ክዋክብትን ከምኡ'ውን ውሕጅ ሩባ ናይል ዘካየድዎ መፅናዕቲ ጥንታዊ ግብፃውያን 365¼ መዓልትታት ዘለዎ ቀለንተን ኣዳልዮም'ዮም፡፡

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕን ትኽክለኛን መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ኣብ ኣፍሪካ ክንደይ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ? ብዝርዝር ግለፅዎም።
2. ኣብ ትሕቲ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሮ ኤሽያቲክ ዝርከቡ ንኡሳን ክፍልታት ቤተሰብ ቋንቋታት ክንደይ'ዮም? ብዝርዝር ግለፅዎም።
3. ኣብ ሃገርና ክንደይ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ? ዘርዝርዎም።


4. ኣብ ሃገርና ካብዝርከቡ ሴማዊ ቋንቋታት ብውሑዱ ሓሙሽተ ጥቐሱ።
5. ኣብ ሃገርና ካብዝርከቡ ኩሻዊ ቋንቋታት ብውሑዱ ሓሙሽተ ጥቐሱ።
6. ኣብ ሃገርና ካብዝርከቡ ኦሞኣዊ ቋንቋታት ብውሑዱ ሓሙሽተ ጥቐሱ።
7. ኣብ ሃገርና ካብዝርከቡ ኒሎ ሰሃራዊ (ኒሎቲክ) ቋንቋታት ብውሑዱ ሓሙሽተ ጥቐሱ።
8. ኣብ ኣፍሪካ ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለዊዎ ቋንቋ ጥቐሱ፡፡
9. ኣብ ሃገርና ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለዊዎም ክልተ ቋንቋታት ብቐደም ሰዓብ ጥቐሱ።
10. ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ልዕሊ 50 ሚሊዮን ተዛረብቲ ዘለዊዎ ቋንቋን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ድማ ልዕሊ 25 ሚሊዮን ተዛረብቲ ዘለዊዎ ቋንቋን ጥቐሱ።




ካርታ 1.15 ግብጺ፣ ኩሽን ሜሮዌን ካብ 1500 ዓ.ዓ - 350 ዓ.ም

## ጥንታዊ ስልጣኔ ካርቴጅ

ተምሃሮ ካርቴጅ ትበሃል ጥንታዊት ከተማ፣ ስልጣኔ ዝተርአየላ ወደብ ሰሜናዊ ኣፍሪካ ኣበይ ከምትርከብ ትፈልጡ ዲኹም? ዝስዕብ ካርታ ብምርኣይ ካርቴጅ ትርከበሉ ቦታ ፍለዩ፡፡ ካርቴጅ ኣብ ሰሜን ኣፍሪካ ኣብ ናይሎሚ ቱኒዝያ ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ባሕሪ ሜዲቴራንያን ተፀጊዓ ዝነበረት ጥንታዊት ስልጥንቲ መንግስቲ'ያ ነይራ፡፡ ስልጣኔ ጥንታዊት ካርቴጅ ዝመስረትዎ ፎኒሽያንስ ዝበሃሉ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ፍልስጤምን ኣብ ናይሎሚ ሶሪያን ሊባኖስን ዝነበሩ'ዮም፡፡ ፎኒሽያውያን ኣብ ምብራቓዊ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ውሩያት ባሕረኛታትን ነጋዶን'ዮም ነይሮም፡፡




ካርታ 1.16 ጥንታዊ ንግዲ ትራንስ ሰሃራን (ምድረበዳ ሰሃራ ዘቋርፅ) ክሳብ 300 ዓ.ም

ፎኒሽያውያን ኣብ ከባቢ 1000 ዓ.ዓ. ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብፍርያት ሓፂን-መፂን ዝፍለጡን ኣብ ገማግም ባሕሪ ሜዲቴራንያን ዓምደ ሰፊሕ ስራሕቲ ንግዲ የካይዱ ዝነበሩ'ዮም፡፡ ሃፍቲ ገነት እዞም ፎኒሽያውያን ኣብ ንግዲ ባሕሪ ዝተመስረተ'ዩ ነይሩ፡፡ ክቡራት ሃፍቲ ሓፂን መፂን ዝኾኑ ከም ወርቂ፣ ብሪ፣ መዳብን ነሃስን

ዝመሳሰሉ ደልዮም ናብ ምዕራባዊ ገማግም ባሕሪ ሜዲተራንያን ሓይሎም ንውሽጢ ብምእታዎም ኣብ ገማግም ሰሜናዊ ኣፍሪካ ነቑጠታት ንግዲ መስሪቶም ነይሮም፡፡ ስነ መሬታዊ መርከቦ ካርቴጅ ኣብ ገምገም ባሕሪ ሜዲተራንያን ብምኳኑ ብቐሊሉ ንግዲ ባሕሪ ስሩዕ ስርሖም ገይሮም ክለምድዎ ኣኽኢልዎም'ዩ፡፡ ኢኮኖሚያዊ መሰረት መነባብሮ ካርቴጃውያን ንግዲ'ዩ ነይሩ፡፡ ካርቴጅ ምስ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካን ሰሃራን እናቋረፁ ስራሕቲ ንግዲ የካይዱ ነይሮም፡፡

ኣብ ከባቢ 800 ዓ.ዓ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ፎኒሽያውያን ሰፊሮምሉ ዝነበሩ ከባብታት ብምልኡ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቶም ክኣትው ስለዝገበርዎ ካብዚኦም ጥንታዊት ካርቴጅ ሓንቲ ብምኳና ኣብትሕቲ ምምሕዳሮምን መግዛእቶምን ወዲቓ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ካርቴጅ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ፎኒሽያውያን ዝነበረት ወደባዊት ከተማ ሰሜን ኣፍሪካ ዝነበረትን ምስ ንግዲ ባሕርን ቴክኖሎጂ ሓፂን መፂንን ምዕብልቲ ዝነበረት እያ፡፡ ምቕጥቓጥን ምቕላጥን (ምምካኽን) ሓፂን መፂንን በራውርን ወዘተ ካብ ካርቴጅ ናብ ካልኦት ከባብታት ኣፍሪካ ተጋፊሑ፡፡


ተምሃሮ ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ካርታ ምግፋሕ ስራሕ ምቕላጥን(ምምካኽን) ምቕጥቓጥን ሓፂን መፂን ኣብ ኣፍሪካ ተመልከቱ'ሞ ተመያየጡሉ፡፡

ፎኒሽያውያን ኣብ ካርቴጅ ምስ ሰፈሩን ዓመታት ምስኣቑፀሩን ብምቕጥቓጥ ብሩርን ዝፍለጡ "በርበር" ዝበሃሉ ዓሌት ብሓባር ምንባር ጀሚሮም፡፡ ዓሌት በርበር ኣብ ቱኒዝያን ኣልጀርያን ዝነበሩን መነባብሮኦም ኣብ ሕርሻ ዝተመስረተ ብምንባሩ ንፎኒሽያውያን ቀለብ ምህርቲ ሕርሻ የቕርቡ ነይሮም፡፡ ፎኒሽያውያን ድማ ነዞም ንምግብነት ዘድልዮም ምህርቲ ውፅኢት ልምዓት ሕርሻ መቕረብቲ ኾይኖም የገልግልዎም ንዝነበሩ ዓሌት በርበር ምቕጥቓጥን ምቕላጥን (ምምካኽን) ሓፂን መፂን ኣተኣታትዮምሎም፡፡ ድሕሪ ነዊሕ ዘመናት ምፅናሕ እዞም ፎኒሽያውያን ምስ በርበራውያንን ካርቴጅያውያንን ተሓዋዊሶም ደቂ ዓዲ ኾይኖም ኣብ ሰሜን ኣፍሪካ ምንባር ቐፂሎም፡፡ ስለዚ ካርቴጅ ማእኸል ምግፋሕ ንግዲ ባሕሪ ኾይና ተገልግል ስለዝነበረት ኣብ ባሕሪ ሜዲቴራንያንን ሰሜናዊ ምዕራብ ኣትላንቲክ ውቅያኖስን መማእኸሊት ዳህሳስ ነይራ፡፡ ብምኽንያት ከምዚ ዝመሰሉ ንነዊሕ ዘመናት ዝፀንሐ ምንቅስቓስ ፎኒሽያውያን ካርቴጅ ኣብ ባሕሪ ሜዲቴራንያን እትርከብ ድምቕትን ዓብዪ ጠመተ ዝነበራን ወደብ ሰሜናዊት ኣፍሪካ ክትከውን ክኢላ፡፡

ተምሃሮ ስነ መሬታዊ ኣቀማምጣ ካርቴጅ ኣብ ካርታ ርአዩ፡፡

ስለዚ ካርቴጅ ብጣዕሚ ዝሐሸ መዕረፊ ጉዕዞ ጥንታዊ መራኽብን ጀልባታትን'ያ ነይራ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ንወደብ ካርቴጅ ዝመስረቱን ዘማዕበልዋን "ፎኒሽያን" ዝበሃሉ ብባሕሪ ንግዲ ብምክያድ ፍሉጣት'ዮም ነይሮም፡፡ ጥንታዊት ካርቴጅ

ዝለዓለ ሃፍታን እቶታን ካብ ንግዲ እያ ትረክብ ነይራ። ፎኒሽያውያን ይገዝእዋ ዝነበሩን ዝመስረቱዋን ካርቴጅ ኣብ ከባቢ 600 ዓ.ዓ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ምዕራባዊ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ሓያል መንግስቲ (ግዝኣት) ኾይና። ካርቴጅ ካብ 800 ክሳብ 500 ዓ.ዓ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ናብ ዝለዓለ ብርኪ በጺሓትሉ ዝነበረትን ብፍላይ ድማ ንግዲ መርበብ ትራንስ-ሰሃራን ማዕቢሉ ዝነበረሉ እዋን'ዩ። ካርቴጅ ብግዚኣ ናብ ዝለዓለ መንግስታዊ ብርኪ በጺሓ ሓያልን ውርይትን ኣብዝነበረትሉ እዋን ብዙሓት ከባብታት ኣብትሕቲ ግዝኣታ ኣትየን ነይረን። ንኣብነት ምዕራብ ሰሜናዊ ኣፍሪካ፣ ደቡባዊ ስፔይን፣ ኮርሲካ፣ ሳርዲኒያን ምዕራብ ሲሲሊይን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ካርቴጅ ወዲቐን ነይረን። ጥንታዊ መንግስቲ ሮም ንሲሲሊይ ናብ ትሕቲ መግዛእቱ ንምእታው ምንቅስቓስ እንትገብር ካርቴጅ ዓብዪ ኲናት ኣካይዳ ነይራ። ሮማውያን ንሲሲሊይ ካብ ግዝኣት ካርቴጅ ኣውጺኦም ናብ ትሕቲ ግዝኣቶም ንኸእትዉዋ ብዝነበሮም ድልየት ምስ ካርቴጅ ናብ ኲናት ኣትዮም ማለት'ዩ።




ካርታ 1.17 ምግፋሕ ስራሕ ምቕላጥን (ምምካኽን) ምቕጥቓጥን ሓጺን መጺን ኣብ ኣፍሪካ

ኣብ ቀዳማይ ኲናት ፑኒክ (ካብ 264 - 241 ዓ.ዓ) ሮማውያን ንሲሲሊ ተቖፃፂሮምዋ። ኣብ ካልኣይ ኲናት ፑኒክ (ካብ 218 - 201 ዓ.ዓ) ጀነራል ካርቴጅ ዝነበረ ሃኒባል እምባታት ኣልፐስ ሰጊሩ ኣንፃር ሮማውያን ኲናት ኣካይዱ ብዙሕ ቦታታት ተቖፃፂሩ ነይሩ። ይኹን'ምበር ንሮም ክቆፃፀራ ኣይከኣለን። ኣብ ሳልሳይ ኲናት ፑኒክ (ካብ 149 - 146 ዓ.ዓ) ካርቴጅ ምሉእ ብምሉእ ብሮማውያን ተደምሲሳ፡፡ "ካቶ" ዝበሃል መራሒ ሮማውያን ዝነበረ ኩልግዜ "ካርቴጅ ክትድምሰስ ኣለዋ" እናበለ ይገልፅ ነይሩ። ስለዚ ካብ 264 ዓ.ዓ ክሳብ 146 ዓ.ዓ ኣብዝነበሩ ዓመታት ሮማውያንን ካርቴጃውያንን ሰለስተ ግዘ ኲናት ኣካይዶም ነይሮም። እዚ ኲናት ሮማውያንን ካርቴጃውያንን "ኲናት ፑኒክ" እናተብሃለ ይፍለጥ ነይሩ። ኣብዚ ፑኒክ እናተብሃለ ዝፍለጥ ኲናት "ካኒባል" ዝተብሃለ ንጉስን ፍሉጥ ወተሃደራዊ መራሒ ካርቴጅን ዝነበረ'ውን ተሳታፋይ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ካርቴጅ ኣብዚ ኲናት ተሳዒራ። ምሉእ ንምሉእ ግዝኣት ካርቴጅ ድማ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሮማውያን ውዒሉ። ንነብርቲ ካርቴጅ ቀቲሎም ነታ ዓሚራ ብዙሕ ዘስመየት ከተማ ድማ ከምዘይነበረት ገይሮም ደምሲሶምዋ። ስለዚ ካርቴጅ ዓንያ። ካርቴጃውያን ይፍለጡሉ ዝነበረ ስልጣነ'ውን በዚ ታሪካዊ ኣጋጣሚ ዓንዩ። ዝነበረ ከምዘይነበረ ኾይኑ ዓንዩ። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ካርቴጅ ኣብቂዑ። ድልየት መራሒ ሮማውያን ዝነበረ ካቶ ሽትኡ ወቒዑ።



ስእሊ 1.8 ፍራስ ከተማ ካርቴጅ - ብሮማውያን ዝፈረሰት ድምቕትን ምዕብልትን ከተማ ዝነበረት


## ዕዮ ጉጅለ



1 ኣመሰራርታን ውድቀትን ስልጣነ ጥንታዊት ካርቴጅ ብዝርዝር ግለፁ።
2 ካብዛ ብኲናት ዝዓንወት ማእኸል ጥንታዊት ስልጣነ ዝነበረት ኣብ ሰሜናዊ ወደብ ቱኒዝያ ጥቓ ቱኒዝ ትርከብ ዝነበረት ካርቴጅ እንታይ ትምሃሩ? ብዝርዝር ተመያየጡን መልሲ ብፅሑፍ ኣቕርቡ።
3 መግለፂ ስልጣነ ጥንታዊት ካርቴጅ ንዝኾኑ ብዝርዝር ተመያየጡሎም።

## 1.5 ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሃገራት - ዚምባብዌ፣ ማሊን ፉንጂን

ተምሃሮ ኣብዚ ንኡስ ርእሲ'ዚ ኣብ እዋን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ኣብ ኣፍሪካ ዝነበሩ ዝተወሰኑ መንግስትታት ክንርእይ ኢና። ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝበሃል መዋእል ኣብ ታሪክ ኣፍሪካ መዓዝ ዝነበረ'ዩ? ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ተመቓቒላ ዝነበረትሉ እዋን'ዩ፡፡ ኣውሮፓውያን ናብ ኣፍሪካ ብፍላይ ካብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ጀሚሮም ተፈጥሯውን ሰብኣውን ሃፍታን ጥሪታን ንምጉሕጓሕ ምምልላስ ጀሚሮም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ግና ከም እኒ እንግሊዝ፣ ፖርቱጋል፣ ስፔይን፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመንን ጣልያንን ዝመሳሰላ ሃገራት ንኣፍሪካ ተመቓቒሎም ይገዝእዋ ነይሮም። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝወደቐትሉ እዩ ነይሩ። ካብ 1960ታት ንደሓር ድማ ሃገራት ኣፍሪካ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ነፃ ይወፁሉ ዝነበረ እዋን እዩ። ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓ ዘይወደቓ ሃገርና ኢትዮጵያን ላይበሪያ ትበሃል ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ትርከብን ጥራሕ እየን።






ካርታ 1.18 ካብ ምዕራብ ኣፍሪካ ናብ ኣህጉር ኣሜሪካ ብኣውሮፓውያንይካየድ ዝነበረ ንግዲ ባርያ

ስለዚ ኣፍሪካ ቅድሚ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምውዳቓ ዝነበረ ፖለቲካዊ፣ ታሪካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ተፈጥሮኣውን ኩነታት እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ንምርዳእ ካብ ምዕራብ ኣፍሪካ ንማሊ፣ ካብ ደቡባዊ ማእኸላይ ምብራቕ ኣፍሪካ ንዚምባብዌን ካብ ማእኸላይ ኣፍሪካ ድማ ፉንጂ ዝበሃላ መንግስታትን ህዝብታትን ከም ኣብነት ወሲድና ክንርእይ ኢና። ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ምውዳቓ ከም ቅድመ ኩነት ተገይሮም ዝውሰዱ ዓበይቲ ተርእዮታት ነይሮም'ዮም። እዞም ተርእዮታት ኣፍሪካ ብካሊእ ህዝቢ ዓለም ብፍላይ ድማ

ብኣውሮፓውያን ክትፍለጥን ክትባሃግን በሪ ዝኸፈቱ'ዮም፡፡ እዚኦም ድማ ካብዚ ንታሕቲ ዝተሓበሩ'ዮም፤


1. ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ኣብ ኣፍሪካ
2. ምዕቡል መስመር ርሑቕ ንግዲ
3. ንግዲ ባርያ ኣፍሪካውያን
4. ውህሉል ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድናትን
5. በብከባቢኡ ኣብ ዓሌት ዝተመስርቱ ኣናእይሽተይ መንግስታት ምንባሮም




ኣፍሪካ ቅድሚ 1877 ዓ.ም.ፈ

ኣፍሪካ ኣብ እዋን ምምቅቃል ብ1887




ካርታ 1.19 ኣፍሪካ ምስተመቓቐለት ብ1912

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ኣብ ገፅ 5 ዘሎ ካርታ ኣፍሪካ መሰረት ብምግባር ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመንን ጣልያንን ዝነበሩ ሃገራት ኣፍሪካ እናነፀርኩም ተመያየጡ።

## ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ መንግስእቲ ዚምባብዌ፤

ተምሃሮ እስከ ንዚምባብዌ ኣብ ካርታ ርኣይዋ፡፡ ዚምባብዌ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ እትርከብ ሃገር እያ፡፡ ዚምባብዌ ካብ ጥንቲ ጀሚራ ዝነበረት እንትትከውን ዝመስረትዋ “ሾና” ዝበሃሉ ዓሌት'ዮም፡፡ እዞም ሾና ዝበሃሉ ዓሌት ካብ 1200 - 1450 ዓ.ም ኣብዝነበረ እዋን ዓበይቲ ኣእማን እናፀረቡ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ይሰርሑ ነይሮም፡፡ ስለዚ እዚ ዚምባብዌ ዝብል ስያመ ካብዞም ሾና ዝበሃሉ “ዲዚምባ ዲዛምብዌ” ካብዝብል ቃል ከምዝመፀን ትርጉሙ ድማ “መንደቕ እምኒ” ወይድማ “ኩምራ እምኒ” ዝብል'ዩ፡፡

ስለዚ እዚ ምስ ፅርበት እምንን መንደቕን ዝተኣሳሰረ ስፍራ “ዓባይ ዚምባብዌ” እናተብሃለ ይፍለጥ ነይሩ። ንደምበ ከፍቲ ዝኾውን ክብን ዓንኬል ዝቕርፁን መንደቕ ይስራሕ ነይሩ። እምኒ ምዕራብን ብምዕራብ እምኒ ድማ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕን ዝኽእል ፍሉይ ጥበብ ዝነበሮም እንትኾውን እቲ ብጣዕሚ ዘደንቕ ክእለቶም ድማ ዝሰርሕዎ መንደቕ መተኣሳሰሪ ዝኾውን ጭቃ ወይድማ ሲሚንቶ ወይድማ ካሊእ ነገር ዘይብሉ ምንባሩ'ዩ፡፡ ከምቲ ኣብ ክልልና ትግራይ ዝፍለጥ ብፅሩብ እምኒ ዝንደቕ ኳና ዝመስል ኾይኑ ፍሉይ ጥበብ ግና ነይርዎ። ምናልባት'ውን ኣብ ወረዳ ኢሮብ ምስዘሎ ፍሉይ ባህላዊ ጥበብ መንደቕ እምኒ'ውን ምንፅፃር ይከኣል።

ተምሃሮ ብኸምዚ መልክዕ ንኸፍቲ ደንበን ሰፈርን እንትሰርሑለን ካብዚ እንታይ ትርድኡ? እምበኣርከስ እዚ ዘርእይየና ዓሌት ሾናን ካልኦት ነበርቲ ዚምባብዌን ንሃፍቲ እንስሳት ዘቤት ብፍላይ ድማ ንጥሪት ኸፍቲ ፍሉይ ትርጉምን ኣክብሮትን ይህቡ ነይሮም ማለት'ዩ። ስለዚ ዓባይ ዚምባብዌ ዝተመሰረተትን ዝማዕበለትን ንምርባሕ ከፍትን ሕርሻን ምችው ዝኾነ ተፈጥሮኣዊ ስነ መሬታዊ ኣቀማምጣ ምህላዉ'ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ገማግም ምዕራብ ኣፍሪካ ናብ ውሽጢ ዓዲ ንዝንዓዙ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ መራኸቢ ኾይኑ'ውን ብምችውነት የገልግል ነይሩ። ስልጣነ ዚምባብዌ ኣብ መስመር ርሑቕ ንግዲ ምስ ምዕራብ ኣፍሪካ፣ ሃገራት እስያ፣ ገማግም ውቅያኖስ ህንዲ ወዘተ ይበፅሕ ስለዝነበረ ዝምድናታት ወፃእን ንግድን ኣዐርዩ ማዕቢሉ ዝነበረሉ እዋን'ዩ።



ስእሊ 1.9 ብዘይጭቃ ተሃኒፁ ዝነበረ ህንፃ ዚምባብዌ

ስለዚ ገዛእቲ ዓሌት ሾና “ስኒ ሓርማዝ፣ ወርቂ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግብን እንስሳትን” ካብዝነግዱ ነጋደ ብዙሕ እቶት ይእክቡ ነይሮም። ውፅኢት ስነ ጥበብ ዝነበሩ መጋየፅታት፣ መሳርሒታት ሓፂን መፂንን ካልኦትን ንዚምባብዌ ብጣዕሚ ሰሓቢትን ተብሃጊትን ክትከውን ገይሮምዋ‘ዮም። ካብ ጡጥ ዝስርሑ ውፅኢት ሽመና‘ውን ንዚምባብዌ ፍሉይ‘ዩ ዝገብራ። መጓሰን ምርባሕ ከፍትን፣ ሕርሻን ንግድን፣ ኢደ ጥበብን ቅርፃ ቅርፅን፣ ከምኡ‘ውን ማእለማ ፍሉይ መለለዩ ዚምባብዌ‘ዩ ነይሩ፡፡ ስልጣነ ዚምባብዌ ሓያል ሰራዊት‘ውን ነይርዎ‘ዩ። ስለዝኾነ‘ውን ኣብ መበል 15 ክፍለዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ህዝብታት ሾና ግዝኣቶም ብምስፍሕፋሕ “ሞኖሞታፓ” ዝተብሃለ ሰፊሕ መንግስቲ መስሪቶም ነይሮም። እዚ መንግስቲ ክሳብ ገማግም ውቅያኖስ ህንዲ ዝበፅሕ ግዝኣት ኣሐዩሉ ዘጠቓለለ‘ውን ነይሩ።

ተምሃሮ ስልጣነ ዚምባብዌ እናተብሃለ ኣብ ታሪክ ዝፍለጥ ካብ ከባቢ 1000 ዓ.ዓ. ጀሚሩ ዝነበረን ኣብ ዙርይኣ‘ውን ንዝርከቡ ስልጣነታት ዝሓቖፈ እንትኸውን ነዚ ዝልጣነ ድማ ዘማዕበሉ ህዝብታት ሾና ከምዝነበሩ ተረዲእኹም ዶ? ህዝብታት ሾና ካብዝመስረትወን ከተማታት ዚምባብዌ እታ ሓንቲ እያ ነይራ፡፡ ጥንታዊ ስልጣነ ዚምባብዌ ኣብ ስነ ህንፃ ዝተመስረተ ከምዝነበረ ተረዲእኹም ዶ? ስለዚ ኣብ ከተማ ዚምባብዌ ብዙሓት ዘደንቑን ዘስደምሙን ዓበይቲ ህንፃታት ተሰሪሖም ነይሮም፡፡ ብዘይጭቃን ካሊእ መተኣሳሰሪን ዝተሃንፁ ዓበይቲ ገዛውቲ ከምዝነበሩ ኽ ተረዲእኹም ዶ?


ኣብ ከባቢ 1450 ዓ.ም ዓባይ ዚምባብዌ ከምዝነበረቶ ክትቅፅል ኣይከኣለትን። ብምኽኑ'ውን ናብ ውድቀትን ዕንወትን ኣትያ። ነዚ ድማ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ።

1. ካብ እዋን ናብ እዋን በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ ብምምፅኡ ልዕሊ ዓቕን ጋህፂ እንስሳት ብምንባሩ መግሃጫ እናተመናመነ ብምኽያዱ፣ ብርሰትን ምጉሕጓሕን ሃፍቲ ተፈጥሮ ብምንባሩ፣ ልሙዕነት ተሓራሳይ መሬት እናነከየ ብምኽያዱ፣ ምህርቲ ዓርቃይ እናነከየ ብምኽያዱ ወዘተ
2. ኣንፈት መስመር ርሑቕ ንግዲ ካብቲ ዝነበሮ መስመር ናብ ሰሜናዊ ኣንፈት ናብ ሩባ ዛምቤዚ ተቐይሩ።
3. ኣብ ከባቢ 'ሽንጥሮ ማዞኤ' ካሊእ 'ኒያሂምቤ ሙቶታ' ዝበሃል መስፍናዊ ግዝኣት ካብ ህዝቢ ሾና ዝምደቡ 'ዓሌት ሮዝዊ' ካብዝበሃል ኣብ መበል 15 ክፍለዘመን ተመስሪቱ። እዚ ሙቶታ ዝበሃል መንግስቲ ከም ብሓዱሽ ተላዒሉ ንመንግስቲ ዚምባብዌን ስልጣኔኡን ዓብሊልዎ።

ካብ ህዝቢ ሾና ዝወፁ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ምስ ሮዝዊ ተደሚሮም ሓይሎም ከጠናኽሩ ፃዕሪ ይገብሩ ነይሮም፡፡ ካብ ኣውሮፓ ዝመፁ ፖርቱጊዛውያን ነቲ ኣብ ዚምባብዌ ዝነበረ መስመር ርሑቕ ንግዲ ይፀልውዎን ምንቅስቓስ ይድርትዎን ነይሮም። ስለዚ ዓሌት ሮዝዊ ክሳብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ፀኒሖም'ዮም። ስለዚ ዚምባብዌ ቅድሚ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪካ ምጅማሩ ኣብ ዓሌታውነት ዝተመስረተ መንግስትን ስርዓት ኣገዛዝኣን ነይርዋ። ዚምባብዌ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ድሕሪ ምፅንሓ ብ1980 ዓ.ም.ፈ ነፃ ወፂኣ። ዚምባብዌ ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ደቡብ ሮደሽያ እናተብሃለት ትፍለጥ ነይራ።

## ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ መንግስቲ ማሊ፤

ተምሃሮ ምዕራብ ኣፍሪካ ዝበሃሉ ሃገራት ኣብ ካርታ ርኣይወን፡፡ ማሊ ኣበይ ከምትርከብ ትፈልጡ ዶ? ካብ መበል 16 ክሳብ 18 ክፍለዘመናት ኣብ ገማግም ምዕራብ ኣፍሪካ ማዕቢለን ዝነበራ ኣናእይሽተይ መንግስታትን መራሕቲ ዓሌታትን ውሽጢ ንኣውሮፓውያን ባሮት ብምቕራብ ዝተሓባበሩ ነይሮም። ንምንታይ ይመስለኩም? ናይጀርያ፣ ቤንን ጋናን ዝመሳሰላ ሃገራት ዝርከባሉ ከባቢ እዚ ምቕራብ ባሮት ከም ቀንዲ ስራሕን ፍልፍል እቶትን ተገይሩ ብዕሊ ተጠናኺሩ የካይዳሉ ዝነበራ ሃገራት እየን።




ካርታ 1.20 ማሊ ኣብ መበል 14 ክፍለዘመን

ተምሃሮ ማሊ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ኣብ ልዕሊ ሩባ ኒጀር እትርከብ ብሃፍቲ ወርቂ ትፍለጥ ሃገር'ያ። ግዝኣት ማሊ ካብ ገማግም ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ብምዕራብ ክሳብ ኒጀርን ርእሰ ከተማ ሶንግሃይ ጥቓ ጎኣ ንምብራኽ ኣንፈት ተዘርጊሑ ኣብዝነበረ ገፌሕ ቦታ ዝነበረት'ያ። ንደቡብ ኣንፈት ድማ ብማእድን ወርቂ ዝፍለጡ ቡሬን ባምቡክን ሒዙ ናብ ደቡባዊ ክፋል ሰሃራ ዘሎ ኣቋሪፁ ክሳብ ናብ ሰሜናዊ ኣንፈት ሳሕል ተዘርጊሑ ኣብዝርከብ ቦታ ማለት'ዩ። ቀደም ማሊ ካብ ግዝኣታት ጋና ውሽጢ ሓንቲ ነይራ። ነበርቲ ማሊ "ህዝቢ ሶሶ" ዝበሃሉ ነይሮም። ምስዚኦም ብዙሓት ዓሌታት'ውን ነይሮም። ደቡባዊ ሶኒንኬን ማሊንኬን ዝበሃሉ ህዝብታት ኣብ ማሊን ጋናን ዝነበረ መስመር ርሑቕ ንግዲ ንምቁፅፃር ዝለዓለ ድልየት ነይርዎም። ኣብዚ እዋን መራሒ ማሊ ዝነበረ "ሱማጉሩ" ዝበሃል ኣብ ህዝቢ ሶሶ ዝምደብ ነይሩ።


ይኹን'ምበር ማሊንኬ ዝበሃሉ ህዝቢ ማሊ ብሱንዲያታ ዝበሃል እናተመርሑ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ጋናን ሶሶ ዝበሃሉ ህዝብን ዓመፅ ኣካይዶም። እዚ መራሒ ዓሌት ኬይቴ ዝኾነ ሱንዲያታ ንዓሌት ማሊንኬ ወዲቡ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሶሶ ኣካይዱ'ዩ፡፡ ነዚ ኣንፃር መንግስቲ ጋና ይካየድ ዝነበረ

ዓመፅ ንምዕጋትን ንምዕምፃዕን ዓሰርተ ሓደ ኣሕዋት ሱንዲያታ ተቐቲሎም፡፡ ኣብ መወዳእታ ድሕሪ መሪር ህዝባዊ ቃልሲ ብሱንዲያታ ዝምርሑ ህዝቢ ማሊንኬን ሶኒንኬን ኣብ ልዕሊ ብሱማግሩ ዝምርሑ ህዝቢ ሶሶ ተዓዊቱ። መንግስቲ ግዝኣት ማሊ ዝበሃል ብ1235 ዓ.ም ተሰሪቱ። ድሕሪ'ዚ መሪር ቃልሲ መራሒ ግዝኣት ማሊ ዝነበረ ሱንዲያታ ዝበሃል ኾይኑ። ብሱማጉሩ ዝምርሑ ሶሶ ዝበሃሉ ብሱንዲያታ ዝምርሑ ማሊንኬ ብዝበሃሉ ተሳዒሮም።

ዋላ'ኳ መንግስቲ ጋና ከምዚ ዓይነት መፈራርሒ ስጉምቲ እንተወሰደ ማሊ ድልየታ ካብምፍፃም ኣይተዓቀበትን፡፡ ብ1235 ዓ.ም ሱንዲያታ ኣብ ልዕሊ ንጉስ ጋና ሓያል ዓመፅ ኣካይዱ፡፡ ስለዚ ሱንዲያታ ኣብ እዋን ስልጣኑ ብዙሓት ግዝኣታት ጋና ወሪሩ ብምሓዝ ንማሊ ነፃ ዝኾነት መንግስታዊ ግዝኣት ክትከውን ገይርዋ። ወርቅን ጨውን ዝርከበሉ ሃፍታም ግዝኣት ኣብ ትሕቲ መንግስታዊ ግዝኣት ማሊ ንክኸውን ገይሩ። ድሕሪ'ዚ ነጋዶ ናብ ክልቲኦም ግዝኣታት (ጋናን ማሊን) እናኣተዉ ክንግዱ ጀሚሮም። ኣብ ሞንጎ ክልቲኣን መንግስታት ውዕዉዕ ምንቅስቓስ ንግዲ ጀሚሮም። ስለዚ ሱንዲያታ ብህዝቢ ማሊ “ጅግና” ተገይሩ'ዩ ዝፍለጥ።

ብድሕሪ ሱንዲያታ ውሩይ ዝነበረ ካብ 1307 ዓ.ም ጀሚሩ ንጉስ ማሊ ዝነበረ “ማንሳ ሙሳ” ዝበሃል ወዲ ሓዉ እንትኸውን ሃይማኖቱ ድማ ሙስሊም'ዩ ነይሩ፡፡ በዚ እዋን መብዛሕትኦም ነገስታት ሙስሊም እንተነበሩ'ውን ብተፃራሪኡ ድማ ዜጋታትን ነበርትን መብዛሕትኦም ሙስሊም ኣይነበሩን፡፡ ብ1324 ዓ.ም ንጉስ ማንሳ ሙሳ ዘይተሓስበ ሃንደበታዊ ጉዕዞ ናብ መካ ገይሩ፡፡ ብዙሓት ሓሻኽር ውህብቶ ወርቂ፣ ስኒ ሓርማዝ፣ ኣግማል፣ ኣፍራስን ንጉልበት ስራሕ ዝድለዩ “ባሮት” እውን ሒዞም ተጓዒዞም፡፡ እዚ ጉዕዞ ንማሊ ምስ ካልኦት ሃገራት ኣዕራብን ግብፅን ከራኽባን ከፋልጣን ፅቡቕ ኣጋጣሚ ዝፈጠረ እዩ ነይሩ፡፡ ሃፍትን ፀጋታትን ማሊ ምስ ካልኦት ሃገራት ንምፍላጥ ፅቡቕ ኣጋጣሚ ነይሩ፡፡ ብምኳኑ'ውን ዝለዓለ ምንቅስቓስ ንግዲ ብምንባሩ ብፍላይ ንግዲ ወርቂ ንማሊ ሃፍታም ገይርዋ'ዩ፡፡ ስለዚ መንግስታዊ ግዝኣት ማሊ ናብ ኣውሮፓን ኣዕራብ ሃገራትን ወርቂ ትሰድድ ነይራ።

ኣብ ገምገም ሩባ ኒጀር ትርከብ “ቲምቡክቱ” ትበሃል ከተማ ድማ ርእሰ ከተማ መንግስቲ ማሊ ነይራ። ኣዕራብ ምሁራን፣ ተመራመርቲ፣ ዑደተኛታትን መንገደኛታትን ከምኡ'ውን ነጋዶን ናብ ማሊ ክመፁ ጀሚሮም። ብመሰረት'ዚ ድማ እቲ ብእግሩ ናብ ብዙሕ ከባብታት ዓለም ከምዝተጓዓዘ ዝግለፀሉ ውሩይ ሙስሊም ተጓዓዛይ ዝነበረ ኢብን ባቱታ ዝበሃል ብ1352 ዓ.ም ናብ ማሊ ከምዝመፀን ንሸሞንተ ኣዋርሕ ከምዝፀንሐን ይፍለጥ። ኢብን ባቱታ ከምዝገለፆ ህዝቢ ማሊ ጥንኩር መሰረት ፍትሒ እምነቶም ከምዝነበረን ገበን ንዝፈፀመ'ውን ብቕልጡፍ ይቕፃዕ ከምዝነበረ'ዩ። ማሊ ብዝነበራ ሃፍቲ፣ ንናብራ ብዘለዋ ምችውነትን ዝለዓለ ምንቅስቓስ ንግዲ ብምንባሩን ብጣዕሚ ከምትደነቐ ገሊፁ'ዩ።




ካርታ 1.21 መንግስቲ ማሊ ኣብ መበል 14 ክፍለ ዘበን



ስእሊ 1.10 - ኣብ ቲምቡክቱ ሳንኮሬ ዝሃነፆ መስጊድ

ስለዚ ህዝብታት ማሊ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት እናተሳተፉ'ዮም ነይሮም። እቲ ቀንዲ ዓንዲ ሑቖ ኢኮኖሚ ግዝኣት ማሊ ዝነበረ ልምዓት ሕርሻ'ዩ። ዝተፈላለዩ ዘራእቲ ይፈርዩ ነይሮም። መሬት ኣዝዩ ልሙዕ ሓመድ ዘለዎ'ዩ ነይሩ። ዋና ምህርቲ ሕርሻ ተገይሮም ዝውሰዱ ምሸላ፣ ለይቋ፣ ሩዝ ዝመሳሰሉ ነይሮም። ናብ ሰሜናዊ ሳህል ከባቢ ድማ ብምርባሕን መጓሰን ኣግማል፣ ኣባጊዕን ኣጣልን ፍሉይ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ መሰረት ዝገበሩ ንጥፈታት ነይሮም። ንግዲ ወርቂ'ውን ዓብዪ ምንቅስቓስ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ስለዝነበረ ኣብዚ መዳይ ዝተዋፈሩ ነጋዶ "ዋንጋራ"ን "ድዩላ"ን ብዝብል ይፍለጡ። እዚኦም ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ይሰርሑ ዝነበሩን ካብ ዓሌት ማሊንኬን ሶኒንኬን ዝወፁ'ዮም፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ መወዳእታ መበል 14 ክፍለ ዘበን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዕብየትን ተፈላጥነትን በጺሑ ዝነበረ ሃፍታም መንግስቲ ማሊ ተዳኺሙ። ነዚ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለውዎ፣

1. ፖለቲካዊ ሓይሊ ማንሳ ሙሳ እናተዳኸመ መጺኡ። ድኹማትን ዓቕሚ ዘይብሎም መራሕቲ ናብ ኣመራርሓን ስልጣንን መጺኦም። ሕድሕድ ምንሕናሕ'ውን ንባዕሉ ጎዳኢ ነይሩ።
2. ነዚ ኣጋጣሚ ንሕንሕ ውሽጥን ድኽመት ፖለቲካዊ መራሕትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ወሰና ወሰን ዶባትን ማሊ ዝነበሩ ግዝኣታት ነፃነቶም እናኣወጁ ተበታቲኖም፡፡ ኣብ ምብራቓዊ ግዝኣት ማሊ ዝነበሩ "ሶንግሃይ" ዝበሃሉ ህዝቢ ዓሚፆም ንበይኖም ኾይኖም። ተገንጺሎም።
3. ሞሲ ዝበሃሉ ገዛእቲ ዓሌት ብዘካየድዎ ዓመፅ ንመንግስቲ ማሊ ኢኮኖሚያዊ ጉድኣት ኣብጺሖሙ፡፡ ካብ ገባራት ዝእከብ ግብሪ ብምሓዞም ማእከላይ መንግስቲ ማሊ አዐርዩ ተዳኺሙ፡፡
4. ቱዋረግ ዝበሃሉ በርበራውያን ድማ ንርእሰ ከተማ ማሊ ዝነበረት ቱምቢክቱ

ወሪሮምዋ፡፡ እዚ ንዕንወት ማሊ ቁልፊ ተራ ዝተፃወተ ተርእዮ ነይሩ፡፡ እዚ ሃፍታም ከባቢ ማሊ ኣብ ትሕቲ ሶንግሃይ ወዲቑ፡፡ ማሊ ከባቢ 1500 ዓ.ም ተበታቲና፡፡ እቲ ቅድም ዝነበረ ናይ ማሊንኬ ፌዴሬሽን ምሉእ ብምሉእ ዓንዩ፡፡ ከምዚ ዝመሰለ ምብትታን ድማ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን አዐርዩ ዝጠቕመ ባይታ ነይሩ፡፡

ንውድቀትን ዕንወትን መንግስቲ ማሊ ኣብ መበል 15 ክፍለ ዘመን ስዒቡ ሶንግሃይ ትበሃል ነፃ ሃገር ተመስሪታ፡፡ ሶንግሃይ ብ"ሶኒ" ዝበሃል ስርወ ንግስና ትመሓደር ነይራ፡፡ ሶንግሃይ ኣብ ማእኸላይ ሩባ ኒጀር ዝተመስረተት መንግስቲ ማእኸላይ ዘመን ነይራ፡፡ ስለዚ ማሊ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ እትርከብ ዝነበረት እንትትከውን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ድማ ስልጣነ ሱዳን ብዝበሃል ዝፍለጣ ብዙሓት ከባብያዊ መንግስታት ዝነበሩሉ'ዩ፡፡ ቀንዲ መሰረት ምዕባለ እዘን ከባብያውን ዓሌታውን መንግስታት ምድረበዳ ሰሃራ ብምቁራፅ ምስ ሰሜን ኣፍሪካ ይካየድ ዝነበረ ምዕቡል መስመር ርሑቕ ንግዲ'ዩ ነይሩ፡፡

ንንግዲ ባርያ ኣፍሪካውያንን መስመር ርሑቕ ንግዲን ስዒቡ ብዙሓት ኣውሮፓውያን ናብ ምዕራብ ኣፍሪካ ምእታው ጀሚሮም ነይሮም፡፡ ድሕሪ'ዞም ኣውሮፓውያን ናብ ኣፍሪካ ምምፅኦም ስዒቡ መስመር ርሑቕ ንግዲ ኣንፈቱ ቀይሩ፡፡ ቀንዲ ማእከላት ንግዲ ኣብ ውሽጢ ከባብታት ምዕራብ ኣፍሪካ ዝነበራ ከተማታት ምዃኑ ተሪፉ ኣብ ገማግም ምዕራብ ኣፍሪካ ኮይኑ፡፡ ምስዚ ተተሓሒዙ ድማ ኣብ ገማግም ምዕራብ ኣፍሪካ ሓደሽቲ መንግስታት እናማዕበላ ይመፃ ጀሚረን፡፡ ካብዚኦን ሓደ ድማ ኣብ ላዕሊ ብገፊሑ እናተገለፀ ዝመፀ ምምዕባል ዓሌታውን ከባብያውን መንግስቲ ማሊ ይርከብ፡፡ ብሕልፊ ድማ ንኣውሮፓውያን ባሮት ብምቕራብ ይተሓባበራ ዝነበራ መንግስታት ምዕራብ ኣፍሪካ ኣዝየን ማዕቢለን ነይረን፡፡

ይኹን'ምበር እዘን ኣናእይሽተይ ዓሌታውን ከባብያውን መንግስታት ዝነበራ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ መበል 19 ክፍለዘመን (ካብ 1880 - 1900 ዓ.ም.ፈ) ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ወዲቐን፡፡ ብተመሳሳሊ ማሊን ከባቢኣን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ወዲቓ፡፡ ንማሊ ሓዊሱ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ዝርከባ መብዛሕትኣን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ዝነበራ ሃገራት ብ1960 ዓ.ም.ፈ ነፃ ወፂኣን፡፡ ተምሃሮ፣ ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ወዲቓ ከመይ ከምተመቓቐለት ኣብ ካርታ ርአዩ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



1. ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ማሊ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዝበፅሓትሉ ከይዲ ደረጃ ብደረጃ ብዝርዝር ኣረድኡ። ግለፁ።
2. ብዛዕባ ማንሳ ሙሳ እንታይ ተረዲእኹም? ተመያይጥኩም መልስኹም ብዝርዝር ፀሓፉ።
3. ንምድኻም መንግስቲ ማሊ ምኽንያታት ዝነበሩ ብዝርዝር ግለፁ።

## ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ መንግስቲ ፉንጅ

ፉንጅ ዝበሃል መንግስትን ግዝኣትን ካብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ክሳብ መጀመርታ ክልተ ዓሰርተታት 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ናይሎሚ ሱዳን ዝነበረ መንግስቲ'ዩ። ቅድሚ ምስረታ መንግስቲ ፉንጅ ከባቢ ሱዳንን ተፋሰስ ሩባ ናይልን 'ኑቢያ' እናተብሃለ ይፍለጥ ነይሩ። ኣብ መበል 15 ክፍለዘመን ዝተወሰነ ክፋል ግዝኣት ኑቢያ ብማኩሪያ ይመሓደር ዝነበረን ብዙሓት ኣናእይሽተይ መንግስታት ብምንባሮም ድማ ተደጋጋሚ ወራር ይገጥም ነይሩ። ቅሳነትን ዝተረጋግአ ምምሕዳር ኣይነበረን። ስለዚ ካብ ምብራቃዊ ክፋል ግዝኣት ኑቢያ ዝወፀ 'ኣብዱላህ ጃማ' ዝበሃል ኣብ ኑቢያ ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣናእይሽተይ ግዝኣታት ናብ ሓደ ኣምፂእወን። ኣብዱላሂ ጃማ ክርስትያናዊ መንግስቲ 'ኣልዋ' ዝበሃል መስሪቱ። ኣብዱላህ ጃማ ዝወፀሉ ዓሌት ብምኽንያት ንግዲ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ሃፍትን ሓይልን ዝነበሮ'ዩ።

ይኹን'ምበር ኣብዱላህ ጃማ ምስዝመስረቶ ግዝኣት ንኽፀንሕ ዘኽእል ነዊሕ ዕድመ ስለዘይፀንሐ ብኣማራ ዱንቃስ ዝምርሑ ህዝቢ ፉንጅ ካብ ደቡብ ኑቢያ ናብ ሰሜን መፂኦም መንግስቲ መስሪቶም። ፉንጅ ዝበሃሉ ህዝቢ ካብ ደቡብ ናብ ሰሜን ዝኸዱ ብሺሉክ ዝበሃሉ ህዝቢ ዝበፅሖም መጥቃዕቲ ንምህዳም ነይሩ። ስለዚ እዞም ህዝቢ ፉንጅ ዝበሃሉ ብኣማራ ዱንቃስ ዝምርሑ ንኣብዱላህ ጃማ ስዒሮም መንግስትነት መስሪቶም። ግዝኣት መንግስቲ ፉንጅ ምስተመስረተ ርእሰ ከተማ ስናር ትበሃል ነይራ። ምምስራት መንግስቲ (ሱልጣኔት) ፉንጅ ዕላዊ ዝኾነሉ ብ1504 ዓ.ም.ፈ እዩ። ስለዚ መንግስቲ ፉንጅ ሙስሊም መንግስቲ ዘይነበረን ንክርስትያናዊ መንግስቲ ዕልዋ ተኪኡ ኣብ ሰሜንን ማእኸላይን ኑቢያ ዝተጣየሸ ነይሩ።

ኣብ ሰሜናዊ ኑቢያ ዝነበረት ሓያል መንግስትን ሃገር ግብፂ ድማ ብ1517 ዓ.ም.ፈ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ግዝኣት ቱርክ ወዲቓ'ያ ነይራ። ንግብፂ ካብ 969 - 1517 ዓ.ም.ፈ የመሓድርዋ ዝነበሩ ስርወ መንግስቲ 'ማምሉክ' ብምኽንያት ወተሃደራዊ ወፍሪ ቱርካውያን ተሳዒሩ ስለዝኾነ ግብፂ ነፃነታ መሊኣ ስኢና። ስለዚ ግዝኣት መንግስቲ ፉንጅ ካብ ላዕላይ ናይል ክሳብ ካርቱም ትርከበሉ ምድማር ሩባታት ፃዕዳን ፀሊምን ኣባይ (ናይል) ዝበፅሕ ነይሩ። ፉንጅ ፈለማ ክርስትያን'ዮም ነይሮም፡፡ ደሓር ግና ካብ 1523 - 1600 ዓ.ም.ፈ ኣብዝነበረ እዋን ናብ ሃይማኖት

እስልምና ተለዊጦም። ስለዚ ግዝኣት ፉንጅ ናብ ምምሕዳር ስርዓት ሙስሊም ሱልጣኔት ተለዊጡ።

ፉንጅ ብሰበኽ ሳግምነት ይመሓደሩ ዝነበሩ፣ ኣብ መጓሰን ምርባሕ ከፍትን መነባብረኦም ዝመስረቱ፣ እቶቶም ኣብ መስመር ርሑቕ ንግዲ ይጥምቱ ዝነበሩ፣ እንትኾኑ ፍሉጣት ፈረሰኛታት'ውን ነይሮም። ብእስላማዊ ሕግን ደንብን ይምራሕ ዝነበረ ፍፁማዊ ስርዓት ዘውዳዊ መንግስቲ ዝኸተል'ዩ ነይሩ፡፡ ፉንጅ ጥንኩርን ተዋጋኣይን ሰራዊት ነይርዎ። እዚ ሰራዊት ብኲናት ዝተማረኹ ባሮት፣ ኣጋርን ፈረሰኛን ዝተሃንፀ ኾይኑ ጎራደን ዘመናዊ ጠመንጃን ሒዞም ናብ ኲናት ይዋፈሩ ነይሮም፡፡ ፉንጅ ኣብ መበል 17 ክፍለ ዘመን ምስ ክርስትያን ንጉስ ጎንደር ዘመነ መንግስቲ ዝነበረ ሱስንዮስ (ካብ 1607 - 1632 ዓ.ም.ፈ. ዝነበረ) ናብ ኲናት ኣትዮም ነይሮም፡፡ መንቀሊ ምኽንያት እዚ ኲናት ሱልጣኔት ፉንጅን ክርስትያናዊ ንጉስ ሱስንዮስ ኢትዮጵያን ዝነበረ ምቁፅፃር መስመር ርሑቕ ንግዲ'ዩ ነይሩ። እዚ ኲናት ብ1620 ዓ.ም.ፈ. ተኻይዱ። ኣብ መበል 17 ክፍለ ዘመን መወዳእታ ሱልጣኔት ፉንጅ እናተዳኸመ ኸይዱ።


ስእሊ 1.16 መሓመድ ዓሊ

ስለዚ ኣብ 1821 ዓ.ም.ፈ ንግብጺ ይመርሕ ዝነበረ "መሓመድ ዓሊ" ዝበሃል ኦቶማናዊ ኬዲቭ ሰራዊቱ መሪሑ ካብ ሰሜን ግብጺ ናብ ደቡብ ኣንፈት ክሳብ ስናር ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣካይዱ። መሓመድ ዓሊ ካብ ፉንጅ ዝገጠሞ ተሪር ተቓውሞ ኣይነበረን። ምኽንያት'ዚ ታሪካዊ ኣጋጣሚ ሱልጣኔት ፉንጅ ብዝገጠሞ ስዕረት ግዝኣቱ ምሉእ ብምሉእ ንግብፅን ንመሓመድ ዓሊን ኣረኪቡ።

መሓመድ ዓሊ ካብ 1769 -1849 ዝነበረን ንኢኮኖሚ፣ መንግስትን ሓይልታት ምክልኻልን (ወተሃደራዊ ሰራዊት) ግብጺ ብዘመናዊ ስርዓት ዝሃነፀን ዘሰልጠነን እዩ። ሰራዊት መሓመድ ዓሊ ክሳብ ካርቱም በፂሖም ንግዝኣት ሱዳን ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ኦቶማን ቱርክን ግብፅን ኣእቲይዋ። በዚ መንግስትነትን ሱልጣኔትነት ፉንጅ ኣብቂዑ። ግብጺ ብ1882 ዓ.ም.ፈ ኣብ ትሕቲ ኣንግሎ-ግብፃውያን ባዕዳዊ መግዛእቲ እንትትወድቕ ድማ ሱዳን'ውን ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣንግሎ-ግብጺ ወዲቓ። ሱዳን ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ነፃ ዝወፀት ብ1956 ዓ.ም.ፈ እዩ። እሞ ተምሃሮ ብዛዕባ ጥንታውን ማእኸላይ ዘመን ስልጣነታትን ቅድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዚምባብዌ፣ ማሊን ፉንጅን ብዝግባእ ተረዲእኹም ዶ? ግብጺ ንልዕሊ 300 ዓመታት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኦቶማን ቱርክ ከምዝነበረትን ካብ 1882 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ድማ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ከምዝነበረት

ፈሊጥኩም ዶ? እምበኣርከስ ቅድሚ ናብ ዝቕፅል ኣርእስቲ ምሕላፍና ነዞም ዝስዕቡ መልመድታት ስርሑ።

## መልመዲ 1.3

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣንቢብኩም ምስተረዳእኹም እቲ ኣበሃህላ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኑ ድማ "ሓሶት" ብዝብል ቃል መልሲ ሃቡ።**

1. ኣብ እዋን ንግዲ ባርያ መብዛሕትኦም ፀለምቲ ኣፍሪካውያን ናብ ብሪቴይን ኣሜሪካን ሽፓኝ ኣሜሪካ'ዮም ተሸይጦም ይኸዱ ነይሮም፡፡
2. ኢብን ባቱታ ንጉስ ማሊ ማሊንኬ ዝነበረ እዩ፡፡
3. መንግስቲ ፉንጅ ፈለማ ክርስትያናዊ መንግስቲ ዝነበረን ደሓር ካብ 1523-1600 ዓ.ም.ፈ ኣብዝነበረ እዋን ናብ ሃይማኖት እስልምና ዝተቐየረ እዩ፡፡
4. መሓመድ ዓሊ ዝተብሃለ ኦቶማናዊ ኬጂብን መራሒ ሰራዊት ግብፅን ብ1821 ዓ.ም.ፈ ንሱልጣኔት ፉንጅ ወሪርዋ ነይሩ፡፡
5. ስልጣነ ማሊ (ማሊያውያን) ብስራሕቲ ፅርበት እምንን መንደቕን ይፍለጡ ነይሮም፡፡
6. ዚምባብዌ፣ ማላዊን ዛምብያን ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ብቕደም ሰዓብ ደቡብ ሮደሺያ፣ ኒያሳላንድን ሰሜን ሮደሽያን ተባሂለን ይፍለጣ ነይረን፡፡

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕን ትኽክለኛን መልሲ ሃቡ፡፡**

1. መፀውዒ ጥንታዊ ነገስታት ግብፂ እንታይ ይበሃል?
2. መስረቲ ጥንታዊ ስልጣኔ ካርቴጅ እንመን ነይሮም?
3. ብ146 ዓመት ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብዝተኻየደ ሳልሳይ ኲናት ፑኒክ ብመሰረት ዝነበሮ ድልየትን ዕላማን ንካርቴጅ መሊኣ ክትድምሰስ ዝገበረ ወተሃደራዊ ጀነራል መራሒ ሮም መን ይበሃል?
4. ኣብ እዋን ኲናት ፑኒክ ንካርቴጅ መሪሑ ኣብ ኣውሮፓ ይዋጋእ ዝነበረ ፍሉጥ ወተሃደራዊ መራሒን ንጉስን መን ይበሃል?
5. ብ332 ዓመተ ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ንግብፂ ዝወረረ ንጉስ መቖዶንያ መን ይበሃል ነይሩ?
6. ንኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘእተዉዋ ሃገራት ኣውሮፓ እንመን'ዮም?
7. ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ዘይወደቓ ሃገራት ኣፍሪካ እንመን'የን?
8. ኣፍሪካ ብኣውሮፓውያን ክትፍለጥን ክትባሃግን በሪ ዝኸፈቱ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ታሪካዊ ተርእዮታት እንታይ'ዮም ነይሮም? እንተወሓደ ሰለስተ መልሲ ጥቐሱ።

9. ንዚምባብዌ ዝመስረቱ ህዝብታት (ዓሌት) እንመን እዮም?
10. ብ1324 ዓ.ም.ፈ ናብ መካ ዝኸደን ንግሲ ምስ ኣዕራብ ሃገራት ዘፋለጠ መን ይበሃል?
11. ብምኽንያት ወተሃደራዊ ወፍሪ ኦቶማን ቱርክ ዝተስዓረን ካብ 969 - 1517 ዓ.ም.ፈ ንግብጺ የመሓድር ዝነበረ ስርወ መንግስቲ መን ይበሃል?

## 1.6 ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ከም ምኽንያት መራኸቢ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ

ተምሃሮ ንግዲ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? ምስዚ ኣተኣሳሲርኩም ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ኸ እንታይ ማለት ይመስለኩም? ታሪክ ሃገርና ዘምህረና ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ከምዝነበረ'ዩ። ኣፈ ታሪክ ሃገርና እንተወሲድና ብዘመነ ንግስተ ሳባ ዘ ኣኽሱም ካብ ማእኸላይ ምብራቕን ግብፅን ይመላለሱ ዝነበሩ ነጋዶ ነይሮም። ዘመነ መንግስቲ ጥንታዊት ኣኽሱም ብወደብ ኣዱሊስ ብቐይሕ ባሕሪ ዝካየድ ብጣዕሚ ዝተጠናኸረ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ምስ ሃገራት እስያን ኣውሮፓን ከምኡ'ውን ግብፅን ኑቢያን ነይሩ'ዩ። ወደባት ዘይላን ኣዱሊስን ፍሉጣት በርታት ንግዲ ነዊሕ ርሕቐት ኮይነን ንሃገርና ብዙሕ ከምዘገልገላ ዝፍለጥ'ዩ፡፡ ኣብ እዋን ማእኸላይ ዘመን ኢትዮጵያ ካብ ደቡባውን ደቡባዊ ምዕራብ ክፋል ሃገርና ናብ ምብራቕ ወደብ ዘይላን ናብ ሰሜን ጎንደር ኣቢሉ ናብ ሱዳንን ወደብ ምፅዋዕን ዝበፅሕ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ነይሩ'ዩ።

ስለዚ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ካብ ወፃኢ ሃገራት ናብ ውሽጢ ሃገርን ከምኡ'ውን ካብ ውሽጢ ሃገር ምህርትታት ናብ ወፃኢ ሃገራት ዝለኣኽሉ ስርዓት ልውውጥ ንግዲ ዝነበረ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር'ውን ካብ ደቡብ ናብ ሰሜንን ምብራቕን ኣንፈት ይካየድ ዝነበረ መስመር ንግዲ ዝጠቓልል እዩ፡፡ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ንሃገርን ዝተወሰኑ ከባብታትን ምስ ሃገራት ወፃኢ ዝራኸብን ዘተኣሳስርን ዝምድና ዝፈጥር'ዩ። ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ንኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ወፃኢ ዘተኣሳሰረን የራኽብ'ውን ዝነበረ'ዩ። ብምኳኑ'ውን ኣብ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ሓያል ንሕንሕን ምጉያይን ዝተርአየሎም እዋናት ብዙሓት ነይሮም፡፡ ነዊሕ መስመር ንግዲ ፍልፍል እቶት'ውን ብምንባሩ ብምኽንያት ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ካብ ወፃኢ ዘመናዊ ኣፅዋር ውግእ ብምምፃእ ወተሃደራዊ ዓቕሞም ዘሐይሉ መንግስታትን ነገስታትን ነይሮም'ዮም። ስለዚ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ኣብተወሰነ እዋን ይጠናኸር ከምዝነበረ ኹሉ ኣብ ካሊእ እዋን ምድኻም ዝተረኣየሎም ኣጋጣምታት ነይሮም።

ነዊሕ መስመር ንግዲ ንኸጠናኽርን ተደላይነቱ ዝለዓለ ንክኸውን ካብዝገብሩ ታሪካዊ ምኽንያታት ውሽጢ ንምጥቃስ ዝኣክል፣

1. ኢትዮጵያ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ትርከብ ስትራተጂካዊ ሃገር ብምኳና ንነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ተጠላቢት ይገብራ ነይሩ፣

2. ግብፂ ኣብ ባሕሪ ሜዲቴራንያንን ቀይሕ ባሕርን ፖለቲካዊ ሓይሊ ዘለዋን ዝተጠናኸረት ሓይሊ ኾይና ብዓብላላይነት ዝተርአየት ሃገር ምንባራ፣
3. ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ምህርትታትን ሸቀጣትን ከምኡ'ውን ክቡራት ማእድናትን ብፍላይ ብኦቶማን ቱርካውያን ብጣዕሚ ተጠለብትን ተደለይትን ምንባሮም፣
4. ድልየት ኣውሮፓውያን'ውን ኣብ ኢትዮጵያ፣ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ብጣዕሚ ስለዝሓየለ፣
5. ኣብ ውሽጢ ሃገር'ውን ኣብ ከባቢ ሩባ ጊቤ ይምስረቱ ዝነበሩ ኣናእይሽተይ ከባብያዊ መንግስታት ምጥያሽን ንንግዲ ዝኾኑ ተጠለብቲ'ውን ነይሮም'ዮም።

ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ዝተፈላለዩ ከባብታት ሃገርናን ናብ ወፃኢ ብኽልተ ኣንፈት ተዘርጊሑ ይለኣኽ ነይሩ። ክልቲኦም ኣንፈታት መስመር ንግዲ መንቀሊኦም ካብ ደቡባዊ ምዕራብ ሃገርና እንትኸውን እዚ ከባቢ ዝተፈላለዩ ተጠለብቲ ዝኾኑ ክቡራት ናውትን ሸቀጣትን ንግዲ ዝርከቡሉ እዩ ነይሩ፡፡

1. እቲ ቀዳማይ ቐልፊ ኣንፈት መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ሃገርና ዝነበረ ኣብ ከፋ ከባቢ ካብዝርከብ ቦንጋ ዝበሃል ዝብገስ ኾይኑ ካብዚ ድማ ናብ ጂረን (ጂማ)፣ ሴካ (ሊሙ ኢናርያ)፣ ኣሳንዳዶ (ሆሩ ጉዱሩ)፣ ባሶ (ጎጃም)፣ ዳሪታ (ቤጌምድር) ገይሩ ኣብ መወዳእታ ናብ ጎንደር ዝበፅሕ ነይሩ፡፡ ካብ ጎንደር ድማ ብኽልተ ኣንፈት ንግዲ መስመር ናብ ወፃኢ ይስደድ ነይሩ፡፡
   ሀ. እቲ ሓደ መስመር ንግዲ ካብ ጎንደር ናብ መተማ ዝኸይድን በዚ ኣቢሉ ናብ ሱዳን ይለኣኹ ነይሮም፡፡ መተማ ኣብ ዶብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ትርከብ ከተማ እያ፡፡ ካብ ሱዳን'ውን ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብሱዋኪንን ግብፅን ኣቢሎም ይስደዱ ነይሮም፡፡ በዚ ሎሚ እዋን'ውን መተማ ምስ ሱዳን ዘራኽብ ዓብዪ ከተማን መስመር መስደድን መእተውን ንግዲ እዩ፡፡
   ለ. እቲ ካልኣይ መስመር ንግዲ ድማ ካብ ጎንደር ናብ ዓድዋ ዝኸይድን በዚ ኣቢሉ ድማ ናብ ምፅዋዕ ዝለኣኽን ነይሩ፡፡ ምፅዋዕ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ትርከብ ወደብ ኢትዮጵያ ዝነበረት እያ፡፡ ሎሚ ምፅዋዕ ኣብ ኤርትራ'ያ ትርከብ፡፡

ቦንጋ → ጂረን (ጅማ) → ሴካ → ኣሳንዳዶ → ባሶ → ዳሪታ → ጎንደር

ጎንደር → መተማ → ሱዳን → ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ሱዳንን ወፃእን
ጎንደር → ዓድዋ → ምፅዋዕ → ናብ ሃገራት ወፃኢ


2. እቲ ካልኣይ ቐልፊ ኣንፈት መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ሃገርና ዝነበረ ካብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ከባቢ ቦንጋን ጅማን ተበጊሱ ናብ ኣንፈት ምብራቕ ኢትዮጵያ ዝርከባ ወደባት ዘይላን በርበራን ዝበፅሕ'ዩ ነይሩ፡፡ ወደባት ዘይላን በርበራን ካብ ስዑዲ ዓረብያ ናብ ሃገርና ዝመፁ ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና

ይመላለሱሉ ዝነበሩን ኣብ እዋን ማእኸላይ ዘመን ድማ ዝተፈላለዩ ሙስሊም ሱልጣኔታትን ክርስትያናዊ መንግስቲ ሸዋን ይነሓንሕሉ ዝነበሩ በርታት መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ዘተኣናግዳ እየን ነይረን፡፡ ስለዚ እዚ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ከምኡ'ውን ማሕበራውን ጉዳያት የተኣናግድ ዝነበረ'ዩ፡፡ እዚ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ካብ ቦንጋን ጂረንን መበገሲኡ ገይሩ ናብ ሴካ (ሊሙ ኢናርያ)፣ ሶዶ ኣብ ጉራጌ፣ ኣሊዩ ኣምባ (ሸዋ)፣ ገይሩ መወዳእታ ናብ ሃረር'ዩ ዝበፅሕ ነይሩ፡፡ ናብ ከተማ ሃረር ምስበፅሐ ድማ ብኽልተ ኣንፈት ናብ ወፃኢ ይስደድ ማለት'ዩ፡፡ እቲ ሓደ መስመር ናብ ወደብ ዘይላ ዝስደድ'ዩ ነይሩ፡፡ እቲ ካልኣይ መስመር ንግዲ ድማ ናብ ወደብ በርበራ ዝስደደሉ እዩ ነይሩ፡፡

ቦንጋ → ጂረን (ጂማ) → ሴካ → ሶዶ ጉራጌ → ኣሊዩ ኣምባ → ሃረር

ሃረር → ዘይላ (ኤደን ባህረ ሰላጤ) → ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ወፃእን
ሃረር → በርበራ (ኤደን ባህረ ሰላጤ) → ናብ ሃገራት ወፃኢ

ቦንጋ ጂረን (ጂማ) ሴካ ሶዶ ጉራጌ ኣሊዩ ኣምባ ሃረር
ዘይላ (ኤደን ባህረ ሰላጤ) ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ወፃእን
ሃረር
በርበራ (ኤደን ባህረ ሰላጤ) ናብ ሃገራት ወፃኢ




ካርታ 1.20 ነዊሕ መስመር ርሕቐት ንግዲ

ተምሃሮ ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ሃገርና ዝነበሩ መስመራት ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ተረዲእኹም ዶ? እዞም መስመራት ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ዝበሃሉ ካብ ውሽጢ ሃገር ናብ ሃገራት ወፃኢ ምህርቲ ዝስደዱለንን ካብ ሃገራት ወፃኢ ድማ ናብ ውሽጢ ሃገር ናውትን ሸቐጣትን ዝኣትዉለን መንገድታት ከምዝነበሩ ተረዲእኹም ዶ? ካብ ሃገርና ከባብታት ደቡብ ምዕራብ እቶም ብዙሓት ናውትን ሸቐጣትን ከምኡ'ውን ምህርትን ውፅኢት ማእድናትን ብበዝሒ ዝስደዱለን ቦታታት ከምዝነበራ ኽ ተረዲእኹም ዶ? እዚ ካብተረዳእኹም ካብ ሃገርና ናብ ወፃኢ ሃገራት ይስደዱን ይልኣኹን ዝነበሩ ናውትን ሸቐጣትን እንታይ ዓይነት'ዮም ነይሮም?

ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ካብ ሃገርና ናብ ወፃኢ ይስደዱ ዝነበሩ ናውቲ፣ ሸቐጣት፣ ምህርትታት፣ ሃፍትታት ማእድናትን እንስሳትን ነዞም ዝስዕቡ ይሓውስ ነይሩ፤ ስኒ ሓርማዝ፣ ወርቂ፣ ቡን፣ ቆርበትን ኣንጋረን፣ ዕጣንን ከርበንን ከምኡ'ውን ባሮት ይርከብዎም፡፡ ካብ ወፃኢ ናብ ውሽጢ ሃገር ይኣትዉ ዝነበሩ ድማ ከም መስታወት፣ ክዳን፣ ጨና (ሽቶ)፣ ብሪ፣ ነሃስ፣ መዳብን ኣፅዋር ኲናትን ይርከብዎም ነይሮም፡፡ ብጣዕሚ ብዙሓት ባሮት ካብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ናብ ዓዕራብ ሃገራት ይሸየጡን ይልኣኹን ነይሮም፡፡ ማእኸላት መሸጢ ባሮት ካብዝነበሩ ውሽጢ 'ያጁቤ' ኣብ ጎጃምን 'ኣብዱል ራሳል' ኣብ ሸዋን ይርከብዎም፡፡ እዞም ባሮት ገሊኦም ብኲናት ዝተማረኹ፣ ገሊኦም ባሮት ንምእካብ ብዝተገብረ ወፍሪ፣ ገሊኦም ድማ ልቓሕን ግብሪን ወይድማ ዕድኦም ብእዋኑ ክኸፍሉ ብዘይምኽኣሎም ብመልክዕ ቕፅዓት ዝተሓፈሱን ዝሸየጡን'ዮም ነይሮም፡፡ ዋጋ መሸጢ ባሮት ከከም ፆታ፣ ዕድመን ኣካላዊ ጥንካረን ዝውሰን'ዩ ነይሩ፡፡

ካብ መበል 17 ክሳብ 19 ክፍለ ዘመን ኣብዝነበሩ እዋናት ኣብ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ተዋፊሮም ዝነበሩ ነጋዶ ሙስሊም እዮም ነይሮም፡፡ መብዛሕትኦም ነጋዶ ሙስሊም ዝነበሩሉ ምኽንያት እንትርአዩ ክልተ'ዮም፤

1. ንሕርሻ ዝኸውን እኹል መሬት ስለዘይነበሮምን ክረኽቡ'ውን ስለዘይከኣሉን
2. መብዛሕትኦም ካብ ወፃኢ ዝመፁ ነጋዶ ማእኸላይ ምብራቕ ሙስሊም ስለዝነበሩ

ኣብዚ ነዊሕ መስመር ርሕቐት ዘለዎ ንግዲ ዝለዓለ ንጡፍ ተዋሳእቲ ዝነበሩ ጀበርቲን ኣፍካላን ኣብ ቀድሚት ዝጥቀሱ'ዮም ነይሮም፡፡ ጃላባ ዝበሃሉ ሱዳናውያን'ውን ነይሮም'ዮም፡፡ እዞም 'ጀበርቲ' ዝበሃሉ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝነበሩን ብቐይሕ ባሕሪ ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ተዋፊሮም ዝነበሩ ሙስሊም ነጋዶ'ዮም፡፡ 'ኣፍካላ' ዝበሃሉ ድማ ኣብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ተዋሰእቲ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ዝነበሩ ሙስሊም ነጋዶ እዮም፡፡ ካብዚኦም ብተወሰኽቲ ብትውልዲ ደቂ ወፃኢ ሃገር ዝኾኑ ኣዕራብ፣ ህንዳውያን፣ ግሪካውያን፣ ኣርመናውያንን ሱዳናውያንን ('ጃላባ' እናተብሃሉ ዝፍለጡ) ኣብ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ተዋሰእቲ ዝነበሩ'ዮም፡፡


እዞም ዝተፈላለዩ ሙስሊም ነጋዶ ብሓባር ተወዲቦምን ዝፀዓኑሎም እንስሳት መሪሖምን ናብ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ እንትወፍሩ ሓለቓ ነይርዎም'ዩ፡፡ ሓለቓ ስራሕቲ ንግድን መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲን ንዝነበሩ ድማ 'ነጋድራስ' ዝብል ስመ ማዕርግ ይወሃቦም ነይሩ፡፡ መለዋወጢ ንግዲ ዝነበረ ድማ ጋምፋር / ገይላ ጨው ዝበሃል ካብ ትግራይ ዝርከብን 'ማርያትሬዛ' ዝበሃል ብመንግስቲ ኣውስትሪያ ካብ 1751 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ እናተሓተመ ኣብ መተዓዳደጊ ስርዓት ዝወዓለ ነይሩ፡፡ ማሪያትሬዛ ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ፍሉጥ መለዋወጢ ዕዳጋ ዝነበረ እዩ፡፡

ተምሃሮ ብዛዕባ ኣብ ሃገርና ዝነበረ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ እኹል ፍልጠት ረኺብኩም ዶ? ዝተምሃርክምዎ መሊስኩም እንደገና ምስ መምህርኩም ተመያየጡሉ፡፡

1. ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘበን ኢትዮጵያ ዝነበሩ ክልተ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ብዝርዝር ተመያየጡሎም፡፡ ካርታ መሰረት ገይርኩም ግለፁ፡፡
2. ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ንኽጠናኸርን ተደላይነቱ ክልዕልን ዝገበሩ ምኽንያታት ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ተመያየጡሎምን ኣብርህዎምን፡፡
3. ኣብ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ተዋሰእቲ ዝነበሩ 'ጀበርቲ'፣ 'ጃላባ'ን 'ኣፍካላ'ን ዝምልከት ብሓባር ተመያየጡ፡፡

## 1.7 ህዝቢ

ተምሃሮ ኣብ 6ይ ኽፍሊ ብዛዕባ በዝሒ ህዝብን ኣሰፋፍራን ከምኡ'ውን ቕልጡፍ በዝሒ ህዝቢ ዝህልዎ ሳዕቤን ብዝምልከት ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? ነዚ ዝተምሃርክምዎ ብምዝካር ህዝቢ እንትበሃል እንታይ ማለት ይመስለኩም? ከመይ ትገልፅዎ? ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብዛዕባ ህዝቢ ኣፍሪካ ብዝምልከት ምስ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራ፣ መነባብሮን ንመነባብሮ ዝፀልዉ ባእታታትን ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ እስኪ ነዚ ዝስዕብ ካርታ መሰረት ገይርኩም ኣብ መሰረታዊ ባእታት ስነ ህዝቢ ተመያየጡ፡፡




ካርታ 1.21 ፃዕቅን ፀቕጥን ህዝቢ ኣፍሪካ

## 1.7.1 ዝርግሐ ህዝብን ኣሰፋፍራን

ህዝቢ ማለት ኣብ ሓደ ከባቢ ሃገር፣ ክልል፣ ዞባ፣ ከተማ፣ ወረዳ፣ ጣቢያ፣ ቀጠና ወይድማ ቑሸት ወዘተ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ እዋን ነባራይ (ተቐማጢ፣ ወዲዓዲ) ምዃኑ ዝገለፀሉ መረዳድኢ ኣምር'ዩ። ብዛዕባ ህዝቢ ዝምልከት ዝርዝር መፅናዕቲ ዝገበረሉ ሳይንስ ዲሞግራፊ (ስነ ህዝቢ) ተባሂሉ ይፍለጥ። ስነ ህዝቢ ከም ሓደ ዘፈር ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ብዛዕባ በዝሒ ህዝቢ፣ ተዋፅኦ፣ ዝርግሐ፣ ኩነታት መጠን ዝውለዱ ህፃናት ምስ መጠን ሞትን ስደትን ብዝምልከት ዘለዉ ለውጥታት

ኣመልኪቱ ብስታቲስቲካዊ ፀብፃብ እናተሓገዘ ሳይንሳዊ ትንተና ዝግበረሉ'ዩ። ስነ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ለውጥታትን ምምሕያሻትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ትልሚ ልምዓት ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን እናገናዘበ ንመንግስቲ ዝጠቕሙ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ዝህብ'ዩ፡፡

ብስነ ህዝቢ ዝርከብ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ድማ መንግስቲ ኣብ መዳይ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ስነ ኣባይቲ፣ ማሕበራዊ ውሕስናን ድሕንነትን፣ ዕድል ስራሕ፣ ምሕብሓብ ከባብን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝምልከቱ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ይህብ'ዩ። ከምዚኦም ዝመሰሉ መረዳእታታትን ሓበሬታታትን ድማ መንግስቲ ንኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዕብየትን ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ደህንነትን ውሕስነትን ዝጥምቱ ብጣዕሚ ወሰንቲ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕብየት ንክሕንፅፅን ሓበርቲ ኣንፈታት ንኸውፅእን ብወሳናይ መልክዑ ይጥቀመሎም። ብዛዕባ ህዝብን ስነ ህዝብን መፅናዕቲ ኣካይዱ መትከላትን ፖሊሲታትን ስነ ህዝቢ ኣመልኪቱ ብ1789 ዓ.ም.ፈ ፅሑፍ ፍልስፍና ብምቕራቡ ዝፍለጥን ክሳብ ሎሚ በዚ ስርሑ ዝዝከርን ምሁር ፈላስፋ **'ቶማስ ኣልበርት ማልታስ'** ዝበሃል'ዩ (ካብ 1766-1834 ዝነበረ)።

ስነ ህዝቢ ብመሰረት ትንታነ መጠን ዝተወለዱ ህፃናትን መጠን ሞትን ምስ ሓፈሻዊ ጥዕና ህዝቢ ብምግንዛብ ዕብየት ህዝቢ የመላኽት፡፡ እዚ ኣገባብጣ መጠን ዝተወለዱን ዝሞቱን ብመንፅር 1000 ህዝቢ እናተገበጠ መጠን ዝተወለዱን ዝሞቱን ካብ 1000 እናተብሃለ'ዩ ዝግለፅ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ መጠን ዕብየት ህዝብን ዘለዉ ለውጥታትን እንትግበጥ ድማ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዓመት ውሽጢ በዝሒ ዝተወለዱ ህፃናት፣ ዝሞቱ ሰባት፣ ዝተሰደዱን ካብ ስደት ዝተመልሱን ኣብ ልዕሊ ዝተቖፀረ በዝሒ ህዝቢ ተገይሩ'ዩ ዝግበጥ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር እዚ ዓይነት ኣገባብጣ ብመሰረት ዕድመ ማእኸል ዝገበረ ትንታነ እንትግበር ዝተወሰነ ምዝባዕ ይርከበሉ'ዩ፡፡ ንኣብነት ጥዕንኡ ምሉእ ብምሉእ ኣብዝተማልአ ሕብረተሰብ እንተወሲድና ብዕድመ ድፍእ ዝበሉ ዓበይቲ ብዙሓት ዝርከብዎምን መናእሰይ ወለዶ ብበዝሒ ዝርከብዎም ኣብ ትሕቲ ድኽነት ዝርከቡን እንትወዳደር መጠን ሞት ተመሳሳላይ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ስለዚ ሰብ ሞያ ስነ ህዝቢ ካብ ከምዚ ዝመሰለ መዋጠጥን መካትዕን ሓሳባት ንምውፃእ ኣብ ዕድመ ዝተመስረተ ክፍፍል ህዝቢ ብምግዳፍ መጠን ምውላድ እኖታትን መጠን ብህይወት ነዊሕ ዕድመ ምንባርን ዝብሉ ክልተ ኣገደስቲ መዐቀንታት'ዮም ዝጥቀሙ፡፡




## ንጥፈት

ተምሃሮ መጠን ዓቕሚ ምውላድ እኖታትን መጠን ብህይወት ነዊሕ ዕድመ ምንባር እንትብሃሉ እንታይ ማለት ይመስለኩም? ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባት ሓቲትኩም መልሲ ክትረኽቡ ፈትኑ፡፡



ቶማስ ኣልበርት ማልታስ

ዝለዓለ መጠን ዓቕሚ ምውላድ እኖታት ዘለወን ሃገራት ካብ 1000 ህዝቢ ናብ 40 - 50 ዝኾኑ መጠን ውልደት ህፃናት ይህልወን፡፡ እዚ ማለት ሓንቲ እኖ (ኣዶ) ካብ 5 - 7 ቆልዑ ትወልድ ማለት'ዩ፡፡ ብተመሳሳሊ ድማ ትሑት መጠን ዓቕሚ ምውላድ እኖታት ዘለወን ሃገራት ካብ 1000 ህዝቢ ናብ 15 - 20 ዝኾኑ መጠን ውልደት ህፃናት ይህልወን፡፡ እዚ ማለት ሓንቲ እኖ (ኣዶ) ብማእኸላይ 2 ቆልዑ ትወልድ ማለት'ዩ፡፡




ካርታ 1.22 ብደረጃ ዓለም ዝርከብ መጠን ውልደትን ሞትን ካብ 1000 ብ2007 ዓ.ም.ፈ

ብህይወት ዝንበረሉ ዕድመ መብዛሕትኡ ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ድሕሪ ክንደይ ዓመት ዕድመ ከምዝሞቱ ዝግበር መግለፂ ትንታነ እዩ፡፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ኣብ ምዕቡላት ሃገራት እንትንርእይ ብህይወት ዝፀንሑሉ ማእኸላይ ዘመን ኣብ መብዛሕትኡ 70 ዓመት እዩ። መጠን ሞት ድማ 10 ካብ 1000 እዩ። እምበኣርከስ ተምሃሮ ኣብ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ስነ ህዝቢ ክንፈልጦም ዝግቡኡና መሰረታዊ ኣምራት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

- መጠን ውልደት
- መጠን ምውላድ እኖታት
- መጠን ምስዳድ
- መጠን ዕብየት ህዝቢ
- መጠን ሞት
- መጠን ብህይወት ዝንበረሉ ዕድመ
- መጠን ካብ ስደት ዝተመልሱ
- መጠን ሞት ህፃናት

እዋ ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መግለፂ ባርግራፍ እንታይ የመልክት? እንታይ ተረዲኢኹም? ብዛዕባ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለምና ኸ እንታይ ትፈልጡ?

ስነ ህዝቢ ብዛዕባ ማሕበራዊ ባህርያት ህዝብን በብእዋኑ ዝርኣይ ዕብየትን ኣነፂሩ ዘርእይ እንትኸውን ነዞም ዝስዕቡ መረዳእታታት'ውን ብውነ ሳይንሳዊ ብዝኾነ ጥበብ ይዓምም'ዩ፤

1. ኩነታት ህዝቢ ብመንፅር ዕድመ፣ ፆታ፣ ስድራ፣ ኣካላዊ ኩነታት፣ ዓሌትን ብሄር ብሄረሰብን፣ ትሕዝቶ ስራሕ፣ መተሓዳደሪ እቶት፣ በዝሕን ፃዕቕን ህዝቢ፣ ተዋፅኦ
2. ብምኽንያት ውፅኢት መጠን ውልደት፣ መርዓን ሓዳርን፣ መጠን ሞት፣ መጠን እኖታት ዝወልደኦም ህፃናት ወዘተ ኣብ ስነ ህዝቢ ዝተርኣየ ለውጢ
3. ስታቲስቲካዊ ፀብፃብ ስደትን ካብ ስደት መልስን ኣብ ኩነታት ኢኮኖሚ ሃገር ዘለዎ ውፅኢትን ሳዕቤንን ዝምልከት ትንታነ
4. ስታቲስቲካዊ ፀብፃብ ገበናት፣ ዘይሕጋውነትን ዓርሰ ቅትለትን ዝምልከት
5. ደረጃ ትምህርትን ኩነታት ጥዕናን ህዝቢ ሃገር ይፅብፀብ
6. ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ረብሓ ዘለዎም ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ብፍላይ ድማ ምስ ቁጠባዊ ትሕዝቶን ኢንሹራንስን ዝተዛመዱ ትንታነ ይስራዕ

ብመሰረት ፀብፃብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብ1 ዓ.ም.ፈ ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ዓለም 300 ሚሊዮን ከምዝነበረን ድሕሪ 1500 ዓመታት ድማ እዚ ቑፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 500 ሚሊዮን በፂሑ ከምዝነበረ የመልክት። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለም ቕልጡፍ ኣይነበረን፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ዝነበረ ጠባይ ኣየር፣ ሓደጋታት ተፈጥሮ፣ ሕፅረት ቀረብ ምግቢ፣ ጥምየትን ብተደጋጋሚ ዝነበረ ኵናትን ነይሩ። ብ1900 ዓ.ም.ፈ ድማ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 1.65 ቢሊዮን በፂሑ። ኣብ 1960 ዓ.ም.ፈ እዚ ቑፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 3.04 ቢሊዮን ደይቡ። ኣብ 1999 ዓ.ም.ፈ እዚ ቑፅሪ በዝሒ ህዝቢ ናብ 6 ቢሊዮን በፂሑ። ስለዚ ብማእኸላይ ኣብ ዓመት 77 ሚሊዮን ህዝቢ እናወሰኸ ይመፅእ ከምዘሎን እዚ ድማ ብሚኢታዊ 1.3 ከምዝኾነ የመላኽት። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ኣፍሪካ እንትንርእይ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ መብዛሕትአን ሃገራት ልዕሊ 2.5 ሚኢታዊ እንትኸውን ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ድማ 2.7 ሚኢታዊ እዩ። ኣብ ኣፍሪካ ዋላ'ኳ ሰፊሕ በረኻነትን ምድረበዳነትን ኣብ ሰሃራ፣ ካላሃሪን ናሚብን ዝበሃሉ ሰብ ዘይነብረለንን ህዝቢ ዘይብለንን ቦታታት እንተሃለዋ ዝለዓለ መጠን ዕብየት ህዝቢ ምህላዉ ኣይተረፈን። ካብዚ እንርድኦ ኣብዘይማዕበሉ ሃገራት ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኦዐርዩ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ'ዩ።

ካብዚ ዝቐረበ መረዳእታ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንርድኦ መሰረታዊ ሓቂ እንተሃለወ በዝሒ ቁፅሪ ህዝቢ ዓለም ብጣዕሚ ቕልጡፍ ብዝኾነ መንገዲ እናዓበየ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ 2050 ዓ.ም.ፈ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ናብ 9.2 ቢሊዮን ከምዝበፅሕ ይግመት'ሎ። ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም በብሰከንድ ብ2.7 ሰብ ከምዝውስኽን ካብዚ ዝርአይ ወሰኽ ውሽጢ 95 ሚኢታዊ ኣብ ዘይማዕበሉ ሃገራት ዓለም ዝምዝገብ'ዩ። ኣብዚ ሎሚ እዋን ሲሶ ህዝቢ ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዝኾኑ ህፃናት ምስምኳኖም እንትንርእይ ዝሕብረና ንቕድሚት ዝህልወና ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ክሳብ ክንደየናይ ዝተሓላለኸ ምኳኑ የረድአና።

ስለዚ ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ምርኣይ ኣገዳሲ ይኸውን ማለት እዩ። ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ማለት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ከባብታትን ከተማን ገጠርን፣ ደጉዓን ከበሳን መታሕትን ቆላን፣ ውሽጢ ሃገርን ገማግም ባሕርታትን ወዘተ ዘሎ በዝሒ ህዝብን ስርዓት ኣዘረጋግሐኦም ዘመልክት'ዩ። ሰባት ብኸመይ ኣገባብ ኣብዝተፈላለዩ ከባብታት መሬት ዓለም ተዘርጊሖም ይነብሩ ከምዘለዉ ዘርእየና'ዩ። ፃዕቅን ፀቕጥን ህዝቢ ድማ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜትር ውሽጢ ዝህልዉ በዝሒ ሰባት ተፀብዒቡ ንረኽቦ ውፅኢት እዩ። ኣብ ከተማታት፣ ገማግም ባሕርታትን ጥቓ ዓበይቲ ሩባታትን ብጣዕሚ ዝለዓለ ቁፅሪ ዘለዎ በዝሒ ህዝቢ ይነብር።

ኣብዚ ክፍለጡ ዝግብኦም ኣርባዕተ ኣገደስቲ ኣምራትን ክልስ ሓሳባትን ስነ ህዝቢ ኣለዉ፤

- ዝርግሐ ህዝቢ
- ፃዕቒ (ፀቕጢ) ህዝቢ
- ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሎም
- ስሕው ህዝቢ ዝነበረሎም

ቑልፊ ምኽንያታት ዝርግሐ ህዝብን ኣሰፋፍራን፤

ተምሃሮ ንምንታይ ይመስለኩም ኣብ ዝተወሰነ ከባቢ ብዙሕ ህዝቢ ብፃዕቒ ዝነብርን ኣብ ዝተወሰነ ከባቢ ድማ ስሕው ብዝበለ መልክዑ ዝነብር?

ኣብ ተወሰነ ከባቢ ብዙሕ ህዝቢ ብፃዕቒ ክነብሩሉ ዝኽእሉሉን ብኣንፃሩ ድማ ስሕው ኢሎም ክነብሩ ዝግደዱሉን ኩነታት ኣሎ። ነዚ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ቑልፊ መንቀሊ ምኽንያት ተገይሩ ዝውሰድ ኣብ ዝስዕብ ሰደቓ ብዝርዝር ተመልኪቱ'ሎ። ተምሃሮ ተመያየጡሉ።

| ወሰንቲ ባእታታት | ብዙሕ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ | ውሑድ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ |
|---|---|---|
| ኣቀማምጣ ገፀ ምድርን ነባሪ ኣየር | ምችው ቅሉዕ ማይዳ ስነ መሬትንምንባርን ኣሰፋፍራን ሰሓባይን ተብሃጋይን እዩ። ምችውን ልሙዕን ሓመድ ምህላዉ ንብዙሓት ተብሃጊ ይኸውን። ንኣብነት ደልታ ሩባ ናይል ምርኣይ ይከኣል። ደጉዓን ከበሳን፣ ቅናት ምድሪ | መፀገማይን እምባታት ከምኡ'ውን ጎቦታት ዝበዝሖ ከባቢ ንምንባር ኣፀጋሚ'ዩ። ንኣብነት ኣብ እምባ ሂማላያስ ምንባር መፀገማይ እዩ። መታሕት፣ ቅናት ምድሪ፣ምድረበዳን በረኻን … |
| ቀረብ ማይን ፅሩይማይን | ቀረብ ፅሩይ ዝስተይ ማይ ንምንባርን ኣሰፋፍራን ወሳናይ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘተባብዕ'ዩ። ሓፊስ ማይ ኣብዘለዎ ምንባር ከቢድ'ዩ። ቀጢን ማይ ኣብዘለዎ ተጠላቢ'ዩ።. | ሕፅረት ቀረብ ማይ ዘለዎ፣ ቀረብ ማይ ስሩዕን ብቐፃልነት ዘይርከቦን፣ ወይድማ ዝተበከለን ፅሩይ ዘይኮነ ማይ ዘለዎ ወዘተ ንፅገናን ፅርየትን መፀገማይ ስለዝኾነ ንምንባር ኣይምረፅን፡፡ |
| ጠባይ ኣየርን ከባቢ ኣየርን | ማእኸላይን ምችው ጠባይ ኣየር ዘለዎ ከባቢ ንምንባር ሰሓባይን ተብሃግን'ዩ፡፡ ደረቕ፣ ሃሩርን ዕብዑብ ጠባይ ኣየር ንጥዕና ምችው ኣይኮነን፡፡ ደጉዓ፣ በረኸትን ከበሳታት ቦታታትን… | መፀገማይ፣ ደረቕ፣ ዕብዑብ ጠባይ ኣየር ንምንባር መፀገማይ ስለዝኾነ ነበርቲ ኣይስሕብን፡፡ መታሕት፣ ምድረበዳን፣ ሃሩርን |
| ሓምላዊ ቆፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ ሓምልታት፣ ፍረምረ፣ እፅዋትን ኣግራብን | ማእኸላይ ጠባይ ኣየርን ምችውነት ዘለዎም ከባብታት ንቆፅለዋይ ተኽልታትን ፍረምረን ብቐሊሉ ዝጥዕም ስለዝኾነ ዝሰማማዕ'ዩ፡ ፡ ተኽልታት፣ ፍረምረ፣ ሓምልታት ከምኡ'ውን ኣግራባት ዝቦቕልዎም ከባብታት ንምንባር ምችው'ዮም፡፡ | ቆፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ ሓምልታት፣ ፍረምረ፣ ኣታኽልትታትን ኣግራብን ዘየቡቅል ከባብን ዘይርከቡሉ ቦታታትን ንምንባር ብዙሕ ሰብ ይፍንፍኖን ይፀልኦን ጥራሕ ዘይኮነስ ከቢድ'ውን እዩ፡ ፡ |
| ዓይነታት ሓመድን ልሙዕነት መሬትን | ልሙዕ ሓመድ ዘለዎ መሬት፣ ዋልካን ዝተፃረየ ሓመድ ደልታ ሩባ ዘለዎ ከባቢ፣ ዝተደኹዐ ሓመድ ዘለዎ ወዘተ ንልምዓት ሕርሻ ምችው ዝኾነ ብዙሕ ሰብ ክነብረሉ ዝዕድም ተብሃጊ እዩ፡፡ ንኣብነት ደልታ ሩባ ናይል፡፡ ምህርቲ ልምዓት ሕርሻ ዝሕፈሰሉ ማለት'ዩ፡፡ | ረቂቅ መሬት፣ ምህርታውነት ዘየተባብዕ ሓመድ፣ ዝተጎድኣን ዝተበከለን ሓመድን መሬት ብዙሕ ውፅኢት ልምዓት ሕርሻ ዝሕፈሰሉ ስለዘይኮነ ብዙሕ ህዝቢ ክነብረሉ ዝዕድም ኣይኮነን፡፡ በረኻ ሳሕል ዘሎ ሓመድን መሬትን ንኣብነት ሰብ ንኽነብረሉ ዝዕድም ኣይኮነን፡፡ |
| ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን፣ ባልዕ ዘራእቲ ዝኾኑ ኣንበጣን ባርኖስን | ሕማም ሰብን ባልእ ኣዝርእትን ከም ንኣብነት ሕማማት ቆላ ዝኾኑ ዓሶ፣ ሓንጎል ዓሶ፣ ፍሉ፣ ወራር ኣንበጣን በርኖስን ንምክልኻል ዘኽእል ፋይናንሳውን ገንዘባውን ከምኡ'ውን ማቴሪያላውን ዓቕሚ ዘለዋ ሃገር ንምንባር ዝሐሸ ኩነታት ስለዘለወን የብህጋ'የን፡፡ | ኣብ ኢኳቶሪያልን ትሮፒካልን ዝርከቡ ሃገራት ምስ ሕማማትን ወራር ኣምበጣን ባርኖስን ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ሕማማትን ባልእ ኣዝርእትን ስለዘለዉ ህዝቢ ንኽነብረሎም መፀገምቲ'ዮም፡፡ ዓሶን ብልሃርዝያን ቀተልቲ ዝኾኑሎም ከባብታት ምንባር ኣይዕድምን፡፡ |

… ዝቐፀለ …

| ወሰንቲ ባእታታት | ብዙሕ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ | ውሑድ ህዝቢ ንክህልዉ ምኽንያት ዝኾኑ |
|---|---|---|
| ቁጠባውን ኢኮኖሚያውን ኩነታት | ጥዕና ዘለዎ ሃዋህው ኢኮኖሚ ምህላዉ፣ ኢንዱስትሪታት ምህላወን፣ ቴክኖሎጂ ምግፍሑ፣ መርበብ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ምዝርግሑ፣ ትካላት ትምህርትን ጥዕናን ምህላዎም፣ ንምሉእ ህዝቢ ዝሽከም መሓውር ቁጠባን ኢኮኖሚን ምህላዉ ወዘተ ህዝቢ ንኽነብረሎም ብገፊሑ ይዕድም። | ዘይማዕበለ ኢኮኖሚን ድሑር መሰረተ ልምዓት ኢንቨስትመንት ኣብዝለዎ ብዙሕ ሕዝቢ ክነብር ኣይዕድምን፡፡ ንመነባብሮ ህዝቢ ዝሽከም ኢኮኖሚ ዘይብላ ሃገር (ከተማ) ብዙሕ ህዝቢ ክነብረላ ኣይኽእልን። ንኣብነት ሞዛምቢክ። ሰፊሕ መሬት ውሑድ ህዝቢ። |
| ፀጋታትን ሃፍቲ ተፈጥሮን | ፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድናትን ዘለዋ ሃገር ክንድዝድለይ ህዝባ ክትቅልብ ስለትኽእል ንምንባር ብዙሕ ህዝቢ ይዕድም'ዩ፡፡ ንኣብነት ነዳዲ ዘለወን፣ ፀሊም ፈሓም ዘለወን፣ ወርቅን ብርን ዘለወን፣ ስኒ ሓርማዝ ዘለወን፣ ሃፍቲ እንስሳን ኣግራብን ዘለወን ብምሉኦን ክምድላየን ክንድዝድለይ በዝሒ ህዝቢ ክነብረለን ይዕድማ ማለት'ዩ። እንግሊዝ ዘለዋ ሃፍቲ ፀሊም ፈሓም … | መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪካ ፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮ የብለንን ወይድማ ዘለወን ብዝግባእ ዓቕሚ ብቴክኖሎጂ እናተሓገዙ ፋይናንሳዊ ዓቕሞም ኣየዕበይሉን፡፡ ንኣብነት ሞዛምቢክ፡፡ |

ስለዚ ንዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ወሰንቲ ዝኾኑ ቐልፊ ባእታታት ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ'ዮም ነይሮም፡፡

1. ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየርን
2. ኣቀማምጣ ገፀ ምድርን
3. ፀቕጢ ህዝቢ (ፃዕቂ ህዝቢ)
4. ቀረብ ማይን ፅሩይማይን
5. ዓይነታት ሓመድን ልሙዕነት መሬትን
6. እፅዋት፣ ሓምላዊ ቖፅላመፅሊ፣ ቀወምቲ ተኽልታት፣ ኣሕምልቲ፣ ፍረምረ፣ ኣግራብን
7. ሕማማት ቆላን ትርፒካልን
8. ባልዕ ዘራእቲ ዝኾኑ ኣንበጣን በርኖስን
9. ኩነታት ፖለቲካ
10. ኩነታት ኢኮኖሚ
11. ርክባትን ዝምድናታትን ህዝብታት
12. ፀጋታትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ካልኦትን ይርከብዎም።

ስለዚ ቀንዲ ምኽንያታት ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ኣብ ሃገራት ዓለም ኣብ ክልተ ባእታታት መቒልካ ክርኣይ ይከኣል'ዩ፡፡ እዚኦም ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ዝበሃሉ'ዮም።

1. **ተፈጥሮኣዊ ባእታታት፣** እዚኦም ከም ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየር፣ ክሊማ፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ እምባታት፣ ግድምታት፣ ደጉዓ፣ ከበሳ፣ ብራኸ፣ መታሕት፣ ቆላ፣ ሃሩር፣ ምድረበዳነት፣ ሳዕሪ መሬት፣ ልምዑነት መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባብያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርከቦ፣ ኣግራባትን ተኽልታትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ተፈጥሮኣዊ ባእታታት ዝሓወሰ'ዩ።
2. **ሰብ ስራሕ ባእታታት፣** እዚኦም ኣብ ላዕሊ ንዝተሓበሩ ተፈጥሮኣዊ ንዘይኮኑ ባእታታት ዝምልከት'ዩ፡፡ ፖለቲካዊ ኩነታት፣ ማእኸል ምምሕዳር፣ ኩነታት ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን፣ ማሕበራዊ መሰረተ ልምዓት፣ ስርዓት ምንቅስቓስ ህዝቢ ዝመሳሰሉ ዝጥቀሱ ቀንዲ ሰብኣዊ ባእታት ዝርግሐ ህዝቢ ዝበሃሉ'ዮም፡፡

ስለዚ ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ ዝርከበሎም ከባብታት ኣብ ደጉዓታትን ከበሳን እዩ። ከበሳታትን ደጉዓታትን ንምንባርን መነባብሮን ኣዝዩ ምቹው ዝኾነ ጠባይ ኣየር ኣለዎም። ንልምዓት ሕርሻን ዘራእትን ከምኡ'ውን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳት ምቹው ዝኾነ ዛሕሊ ዘለዎ ዝሰማማዕ ኩነታት (ባእታታት) ኣየር ዝርከበሉ'ዩ። ዛሕሊ፣ እኹል መጠን ዝናብን ንመነባብሮ ምቹውን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ካብዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓሶ፣ ትኩሳት፣ ዓሶ ሓንጎል፣ ሕማም ድቃስ፣ ኢንፉሉዌንዛ ወዘተ ካብዝመሳሰሉ ሕማማት ነፃ እዩ። ስለዚ ኣብ ደጉዓታትን ብራኸታትን ኢትዮጵያ፣ ኣብ ከባብታት ዓበይቲ ሃይቅታት፣ ደጉዓታትን ብራኸታትን ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲን ኬንያን ብዙሕ ፀቕጥን ፃዕቕን ህዝቢ ይርከብዎም። ብተፃራሪ ድማ ኣብ ቆላን መታሕትን ቦታታት ኣፍሪካ ኣዝዩ ሓያል ሙቐትን ሃሩርን፣ ደረቕ ጠባይ ኣየር ስለዘሎ ዝተፈላለዩ ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ይርከቡ። ስለዚ ኣብከምዚ ዝመሳሰሉ ቆላ፣ መታሕትን ደረቕ ጠባይ ኣብዘለዎም ከባብታትን ውሑድ በዝሒ ህዝቢ ይርከብ።

ይኹን ደኣ'ምበር ከምዚ ዓይነት ሓያል ፀቕጢ ኣየር ዘለዎም ደረቕ ጠባይ ኣየር እናሃለዎም ቆላን መታሕትን ከባቢ ኾይኖም'ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ሃፍታም ከባብታት ሩባታትን ውቅያኖሳትን ዝርከቡ ብምልኦም ብዙሕ ህዝቢ እዩ ዝነብረሎም። ንኣብነት ጂቡቲ፣ ዓሰም፣ ሞምባሳ፣ በርበራ፣ ዳሬሰላም ወዘተ ፃዕቒ በዝሒ ህዝቢ ዘለወን እየን፡፡ ኣብ ከባቢ ዓበይቲ ሃይቅታት'ውን ዝለዓለ በዝሕን ፀቕጥን ህዝቢ ኣለዎም። ንኣብነት ኣብ ዓበይቲ ሃይቃት ዝርከቡለን ከባብታት ምርኣይ ይከኣል። ኣብ ሃገርና ሃይቅ ጣና ዝርከበሉ ባህርዳርን ሃይቅ ሃዋሳ ዝርከበሉ ከተማ ሃዋሳ ምርኣይ ዝከኣል እንትኸውን ኣብ ከባቢ ሃይቅ ቪክቶሪያን ካልኦትን ዘሎ በዝሕን ፀቕጥን ህዝቢ'ውን ዝለዓለ'ዩ። ከባብታት ዓበይቲ ሃይቃት ምብራቕ ኣፍሪካ እንተሪእና ዋላ'ውን ኣብ

መላእ ኣፍሪካ እቲ ብጣዕሚ ዝለዓለ ፀ'ቐጥን ፃዕ'ቕን ህዝቢ ዝርከበሎም እዮም። ቆላን መታሕትን ም'ኳኑ እንተዓንቀፎም ህዝቢ ብበዝሒ ይነብረሉ'ውን እዮም።

## ዕዮ ጉጅለ



1. ኣብ ላዕሊ ዝተመልከቱ ሰለስተ ሰደቓታት መሰረት ብምግባርን ኣብ ክልተ ጉጅለ ተመቒልኩምን ብዛዕባ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ዝርግሐ ህዝብን ዓለም ብዝምልከት ተመያየጡ:: ተኻትዑ:: ምስ ኩነታት ሃገርና'ውን ኣገናዝብዎ::
2. ኣብ ጣብያ'ኹም፣ ወረዳ'ኹምን / ከተማ'ኹምን ትግራይን ከምኡ'ውን ብደረጃ ሃገር ዝተርአየ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ዝርግሐን ብዝምልከት ተመያየጡ::
3. ሰደቓ ም'ኽንያት ዝርግሐ ፅዑ'ቕን ስሑውን ህዝቢ ዓለም መሰረት ብምግባር እቶም ዝተመልከቱ ወሰንቲ ባእታታት ብከመይ ኣገባብ ብዙሕ ህዝቢ ወይድማ ውሑድ (ስሑው) ህዝቢ ንክህልው ም'ኽንያት ከምዝኾኑ ተመያየጡ:: መልሲ ናብ ክፍሊ ብፅሑፍ ኣቕርቡ::

## 1.7.2 መነባብሮ ህዝብታት ኣፍሪካ

ተምሃሮ ኣብ 6ይ 'ኽፍሊ ብዛዕባ ኣፈላላይ ባህሊ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ብዝምልከት ተማሂርኩም ነይርኩም:: እንታይ ትዝክሩ? ንትዝክርዎ መሰረት ገይርኩም ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ግለፁ:: መነባበሮ ህዝብታት 'ኸ እንታይ ማለት'ዩ? እምበኣርከስ ኣሰፋፍራ ማለት ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኦም ንምክያድ ተኣኪቦም ነናይባዕሎም መንበሪ ሰሪሖም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣግባብ ዝግለፀሉ ኣምር (ኩነታት) እዩ:: ኣሰፋፍራ ምስ መነባብሮን መነባብሮ ድማ ምስ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ'ዮም::

ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ እንትነብሩ መንበሪኦም ሰሪሖም ስሕው ኢሎም ንርኢ ወይድማ ፅዕ'ቕ ኣብዝበለ ኩነታት መንበሪኦም ሰሪሖም እንትነብሩ ንዕዘብ። ህዝቢ ኣብ ከባቢ መንበሪኦም ካብ ጉ'ጂ፣ ግድግዳ ቀላሚጦስ፣ ህድሞ፣ መንደ'ቕ ወይድማ ዘመናዊ ህንፃ ሰሪሖም ብሓባር እንትነብሩ ንዕዘብ። ከከም ኩነታት ጠባይ ኣየር ድማ ምስሓውን ምፅዓ'ቕን ወይድማ መንበሪ ዝስርሑሎም ባእታታት ይፈላለዩ'ዮም። ኣሰፋፈራ ህዝቢ ምስ ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ከባቢ፣ ስነ መሬታዊ ኣቀማምጣ፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ባህልን መነባብሮን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ትካላት ምህላዎም ወዘተ ዝመሳሰሉ ጉዳያት ዝውስንዎ ስርዓት'ዩ። ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ እንትርኣይ ብም'ኽንያት ጠለብ፣ ደጉዓን ቆላን፣ ብራኸን መታሕትን፣ ኢንዱስትሪያላውን ሕርሻውን ምዕባለ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት'ውን ኣብ ግምት ብምእታው ኣፈላላይ ይግበር'ዩ። ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝቢ ኣፍሪካ ኣብ ኣርባዕተ መልክዕ ሰሊዕኻ ምርኣይ ይከኣል'ዩ።

1. ገጠርን ከተማን ኢ.ልካ ብተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ምርኣይ ይከኣል
2. ከበሳን (ደጉዓን) መታሕትን (ቆላን) ኢ.ልካ ውን ብኣቀማምጣ ይርኣይ
3. ኣብ ገምገም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ቃላያትን ሩባታትን ዝርኣይ መነባብሮ
4. ኢንዱስትሪያላውን ልምዓት ሕርሻን ማእኸል ዝገበሩ መነባብሮ ምርኣይ ይከኣል።

ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝቢ፤ ከበሳን መታሕትን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮ፤ ኣብ ገምገም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ሃይቅታትን ሩባታትን ምስ መነባብሮ ውሽጢ ሃገር፤ ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ኢንዱስትሪያላውን ልምዓት ሕርሻን ማእኸል ዝገበሩ መነባብሮ ብጣዕሚ ይፈላለይ'ዩ፡፡ ኣብ ገጠር ዝርኣይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ድማ ምስ ውልቀ ትሕዝቶ መሬት ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ ስሕው ዝበለን ዝተረሓሓቐን'ዩ፡፡ መነባብሮ ህዝቢ ድማ ስድራ ዝናበሩሉ መሰረት ኢኮኖሚን ፍልፍል እቶትን፣ ብደረጃ ስድራ ዝህልው ሃፍተ-ገነትን ንከይዲ ዕለታዊ ህይወት ፍልፍል ዝኾነ ፀጋታትን ዝምልከት'ዩ፡፡ መነባብሮ ምስ ዕለታዊ ዓቕሚ ምግቢ፣ ንቕልዑ ዝግበር ክንክንን ሓለዋ ጥዕናን፣ ፋይናንሳውን ኢኮኖሚያውን ዓቕሚ ወዘተ ዝምልከት'ዩ። ንኣብነት መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ እዩ።



ስእሊ 1.11 ብግመል ዝካየድ መነባብሮ ማሕረስ

ስለዚ ልምዓት ሕርሻን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳትን ኣብ ኣፍሪካ ብፍሉይ ልምድ ዝኾነ መሰረት መነባብሮ መብዛሕትኡ ክፋል ህዝቢ'ዩ። ንኣብነት ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ሃፍቲ ልምዓት ሕርሻ ኣብ ምፍራይን ምስዳድን ምህርቲ ዓሳ፣ ካካኦ፣ ኦቾሎኒ፣ ተኽሊ ዘይቲ ፓልም፣ ካሳቫ፣ ዘራእቲ ምግብን ካልኦት ፍረምረን ይርከቡ፡፡ ኣብ ሃገርና ምርባሕን ሰደድን ሃፍቲ እንስሳን ልምዓት ቡንን ሰሊጥን ከምኡ'ውን ጡጥን ዝፍለጥ እንትኸውን ንምግብነት ዝውዕሉ ኣዝርእቲ'ውን ይርከቡ።

ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ሃይቅታትን ሩባታትን ዝነብሩ ህዝብታት ኣፍሪካ መነባብሮኦም ብዝለዓለ ኣብ ምዝፋፍ ዓሳ ዝተመሰረተ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ደሴታት ዳህላክ ዝነብሩ፣ ኣብ ከተማ ምፅዋዕ ዝነብሩ (ኤርትራ)፣ ኣብ ከተማ ሞምባሳ (ኬንያ) ዝነብሩ፣ ኣብ ዙሪያ ሃይቅ ቪክቶሪያ፣ ኣብ ከባቢ ሃጓፍ ሽንጥሮ ሃገርና ኣብ ዙሪያ ቃላይ ዝዋይን ሃዋሳን ከምኡ'ውን ኣብ ዙሪያ ቃላይ ጣና ዝርከቡ ህዝብታት ብምዝፋፍ ዓሳ'ዮም ዝናበሩ፡፡ እዚኦም ምዝፋፍ ዓሳ ንባዕሎም ጥራሕ ዝጥቀሙሉ ዘይኮነስ ብመሸጣ'ውን ተወሳኺ እቶት ይረኽቡሉ ነይሮም፡፡ መነባብረኦም ኣብ ምዝፋፍ ዓሳ ዝተመስረተ ነይሩ።

ተምሃሮ ካብዝስዕብ ሰደቓ ኣብ ከተማን ገጠርን ዝነብሩ ህዝብታት ዘለዎም መነባብሮ ክህልዎም ዝኽእል ተመሳሳላይነትን ኣፈላላይን ርአዩ።

| ገጠራት ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት | ከተማታት ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት |
|---|---|
| • ኣብ ገጠር ዘለዉ መንበሪ ገዛውቲ ብጣዕሚ ዝተረሓሓቑ'ዮም፡፡<br>• ኣብ ሕርሻን ምርባሕ ከፍትን ዝተመስረተ መነባብሮ ኣሎ፡፡<br>• መንበሪ ገዛውቲ ካብ ዕንጨይትን እምንን ዝተሰርሑ'ዮም፡፡<br>• ጎረባብቲ ብጣዕሚ ኣብ ዝተረሓሓቑ ቦታታት እናነበሩ ግና በብመዓልቱ ይጠያየቑ'ዮም፡፡<br>• ሰብን ናውትን ንምጉዕዓዝ አዕዱግን ካልኦት እንስሳታትን ይጥቀሙ፡፡ | • መንበሪ ገዛውትን ህንፃታትን ተቐራሪቦም ብፃዕቒ'ዮም ተሰሪሖም ዝርከቡ፡፡<br>• ነበርቲ ኣብ ኣብያተ ዕዮ፣ ፋብሪካታት፣ ሹቓትን ውልቀን መንግስታውን ትካላት እናሰርሑ ብዝረኽብዎም እቶታት መነባብረኦም ይመርሑ፡፡<br>• መብዛሕትኦም መንበሪ ገዛውቲ ካብ ብሎኬትን አእማንን ዝተሰርሑ'ዮም፡፡<br>• ጎረባብቲ ብጣዕሚ ተቐራሪቦም ብፃዕቒ ዝነብሩ እንተኾነ'ውን ኣይጠያየቑን፡፡ ኣይፋለጡን፡፡<br>• ነበርቲ ንመጓዓዝያ ብሽክለታ፣ ሞተር ብሽክለታ፣ ታክሲ፣ መኪና ይጥቀሙ። |

ብተመሳሳሊ መልክዑ ካብዝስዕብ ሰደቓ ኣብ ደጉዓን ከበሳን ገጠራት ዝነብሩ ህዝብታት ብሓደ መልክዑ ኣብ መታሕትን ቆላን ገጠራት ዝነብሩ ህዝብታት ድማ ብኻሊእ መልክዑ ዘለዎም መነባብሮኦም ርአዩ፡

| ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ) ብዝምልከት | ነበርቲ መታሕት (ቆላ) ብዝምልከት |
|---|---|
| መብዛሕትኡ ግዘ ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ)<br>• ስገም፣ስርናይን ጣፍን የምርቱ<br>• ዛሕሊ ኣብዘለዎ ከባብታት ደጉዓ ይነብሩ<br>• ቀላሚጠስ፣ ፅሕድን ዓርቃይን ይተኽሉ<br>• ኣባጊዕ የጥርዩ፣ የራብሑ<br>• ካብ ጣፍ፣ ስርናይን ስገምን እንጀራን ሕምባሻን ይስንክቱ፣ ይምገቡ<br>• ፀባ ካብ ላሕሚ ይጥቀሙ<br>• ዛሕልን ቁርን ካብዘለዎ ጠባይ ኣየር ንባዕሎም ንክከላኸሉ ካብ ጡጥ ዝተሰርሑ ክዳውንቲ (ከም ሻማ፣ ብሉኮ፣ ጋቢ፣ ኩታ፣ ኮበርታ ዝመሳሰሉ) ይኸደኑ | መብዛሕትኡ ግዘ ነበርቲ መታሕት (ቆላ)<br>• ዕፉን (ምሽላ ባሕሪ)፣ ዳጉሻን ምሻላን የምርቱ<br>• ሓሩርን ሙቐትን ኣብዘለዎ ከባቢ ኣየር ይነብሩ<br>• ሽባኻ፣ ሳግላ፣ ሰራውን ኣካሺያን ይተኽሉ<br>• ኣግማልን ኣጣልን የጥርዩ፣ የራብሑ<br>• ካብ ዕፉን (ምሻላ ባሕሪ)ን ምሽላን እንጀራን ሕምባሻን (ቅጫ) ይስንክቱ፣ ይምገቡ<br>• ፀባ ካብ ኣጣልን ኣግማልን ይጥቀሙ<br>• ንነብሶም ካብ ሙቐትን ሃሩርን ጠባይ ኣየር ንምክልኻል ቅልል ዝበሉን ፎኪስትን ክዳውንቲ ይኸደኑ |

እሞ ተምሃሮ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ ህዝቢ ብዝምልከት ተረዲእኹም ዶ? መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ከምዝከኣል ከ ተረዲእኹም ዶ? ንምዝኽኻር ዝስዕቡ'ዮም፤

1. **ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት፤** ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን ኣፈላላይ ንምፍጣር መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ንኣብነት ኣቀማምጣ መሬት፣ ሃፍትታት ተፈጥሮ ውሽጢ መሬትን ልዕሊ መሬትን፣ ጠባይ ኣየር፣ ቀረብ ማይ፣ ልምዑነት መሬት፣ ግድሚ መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ወዘተ ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም፡፡

2. **ሰብ ስራሕ ባእታታት፤** ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ሰብ ስራሕ ዝኾኑ'ውን ኣለዉ'ዮም፡፡ ሰብ ባዕሉ ዝፈጥሮም ኩነታት መንቀሊ ምኽንያታት ተገይሮም ይውሰዱ'ዮም፡፡ ብምኽንያት ደቂ ሰባት ዝውሰዱ ስጉምትታት፡፡

እምበኣርከስ ተምሃሮ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ተመቒልኩም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።
ጉጅለ ፩፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣሰፋፍራታት ናይዝርከቡ ህዝቢ ቀንዲ መሰረት መነባብረኦም ዝኾኑ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ምስ ነባሪ ኣየር፣ ሃፍቲ ተፈጥሮን መስመራት መጓዓዝያን ኣዛሚድኩም ተመያየጡ።

ጉጅለ ፬፤ ኣብ ደጉዓታትን ከበሳን ይኹን ኣብ ቆላታትን መታሕትን ዝህልዉ ንጥፈታት ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ ህዝቢ ብዝምልከት ተመያየጡ።
ጉጅለ ፫፤ ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ሃይቃትን ሩባታትን ዝርከቡ ህዝቢ ብዝምልከት ምስ ምግፋፍ ዓሳ ዝተኣሳሰረ መነባብረኦም ግለፁ።
ጉጅለ ፬፤ ኣብ ምርባሕ ከፍትን ልምዓት ሕርሻን መሰረት ዝገበረ መነባብሮ ገጠራት ዝምልከት ግለፁ፡፡
ጉጅለ ፭፤ ኣብ ቁልፊ መስመራት ሃዲድ ባቡር ዝርከቡ ህዝብታት ከምኡ'ውን ኩናትን ቅልውላውን ኣብዘለዉዎ ከባብታት ዝህልው መነባብሮ ግለፁ።

## 1.7.3 ኣብ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ፅዕንቶ ዘሕደሩ ባእታታት

ተምሃሮ ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ሓደ ኣህጉር፣ ሃገር፣ ክልል ... ወዘተ ዝፀልዉን ፅዕንቶ ዘሕደሩን ባእታታት ብዙሓት እዮም፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ይጥቀሱ፤

1. ምኽታምነት
2. ምንቅስቓስን ስደትን (ፍልሰት) ህዝቢ
3. ምስ ኩነታት ፀጥታትን ድሕንነትን ዝዛመዱ ሳዕቤናት ኩናትን ቅልውላውን
4. ምዕባለ መስመራት መጓዓዝያ መኻይንን ሓዲድ ባቡርን
5. ምዕባለ ፋብሪካታት፣ ኢንዱስትሪን ልምዓት ቴክኖሎጂን
6. ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ኢንቨስትመንት ልምዓት ሕርሻ

ስለዚ ምስ ምንቅስቓስ ህዝብን ቕልጡፍ ዕብየት ህዝብን ተኣሳሲሩ ዝመፅእ ዝተፈላለዩ ከተማታት ምጥያሽ ሓደ ተርእዮ'ዩ፡፡ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ስሉጥ ምዕባለ ከተማታትን ምኽታምን ልሙድ ተርእዮ ነይሩ፡፡ መንቀሊ ምኽንያት'ዚ ተርእዮ በዝሒ ህዝቢ፣ ኣሰፋፈራን ምንቅስቓስ ህዝብን እዩ፡፡ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብምንቅስቓስ ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማን ካብ ከተማ ናብ ገጠርን ዝፍለጣ'የን፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝርአይ ተርእዮ ምኽታምነት ዝግለፅ ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምንቅስቓሶምን ምፍላሶምን ዝፍጠሩ'ዮም፡፡ እዚ ምንቅስቓስ ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምኽንያት ድልየት ትምህርቲ፣ ዕድል ስራሕ፣ ሓዱሽ ኣገባብ መነባብሮን ንግዳዊ ስራሕትን'ዩ፡፡



ስእሊ 1.12 መርኣያ ምዕቡል መሰረተ ልምዓት ከተማታት




ስእሊ 1.13 ትሕዝቶ ምዕባለ ከተማታት ሃገራት ኣፍሪካን መነባብሮ ዝምስረተሉ ባይታን

ይኹን ደኣ'ምበር ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ዓለም ካብዘለዋ ሃገራት ብደረጃ ምኽታምነት ኣብ ትሑት ብርኪ ይርከባ፡፡ ብመሰረት መረዳእታ 2009 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማታት ኣፍሪካ ዝነብሩ ነበርቲ ዳርጋ ናብ 38% ዝፅጋዕ ጥራሕ'ዩ፡፡ ዋላ'ውን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እንትወሲድና ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ዝተሓተን ድሑር ዝኾነን ምኽታምነት ዝርአየለን እየን፡፡ ዳርጋ ናብ 22% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር፡፡ ነዚ መሰረት ገይርና ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት እንተሪእና ዋላ'ኳ ብዙሓት ሓደሽቲ ከተማታት ዝማዕበላ እንተሃለዋ ናብ 16.08% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ ኣብ ከተማታት ዝነብር፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ ክልልና ትግራይ እንተወሲድና ድማ ዋላ'ኳ ብዙሓት ሓደሽቲ ከተማታት ዝማዕበላ እንተሃለዋ ናብ 19.55% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር፡፡

ስለዚ ምስ ምንቅስቓስን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ተኣሳሲሩ እንትርአይ ምኽታምነት ብግልፂ ዝርአይ እንተኾነ'ውን ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝቢ ግና ብመጠንን ብበዝሕን

ብዙሕ ለውጢ ዘለዎ ኣይኮነን፡፡ ምኽታምነት እንትበሃል ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባብያዊ ሓለዋን ፅርየት ምስ ፅባቐ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ሰለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፆ'ዩ፡፡ እዚ ኩነታት ንመነባብሮ ምፍልላይ መንቀሊ ምኽንያት ይኸውን'ሎ ማለት'ዩ፡፡






ስእሊ 1.14 ስራሕቲ ንግዲ'ውን ኣብ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ኣዎንታዊ ፅልዋ ኣለዎ

ስእሊ 1.15 መስመር ሃዲድ ባቡር ኣብ መነባብሮን ዕብየትን ህዝቢ ከተማ ኣዎንታዊ ፅልዋ ኣለዎ

ካብ ገጠር ስደት!
ንምንታይ?



ተምሃሮ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ካብዘለዉ ስእልታት እንታይ ትርድኡ? ቐልጡፍን ስሉጥን ልምዓትን ዕብየትን ከተማታት (ምኽታምነት) ዝመፅእ ብምኽንያት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር ምንቅስቓስን ፍሰትን ህዝቢ እዩ። ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ናብ ከተማታት ንክፈልስ (ክስደድ) ዝደፋፍእዎ ነገራት ኣለዉ፡፡ ኣብ ከተማታት ድማ ካብ ገጠር ብዙሕ ህዝቢ ንክፈልስ (ንክስደድ) ዝስሕቡ ነገራት ኣለዉ። እዞም ዝደፍኡን ዝስሕቡን ባእታታት ብዙሓት እዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ገጠር ንዘለዉ ሰባት ናብ ከተማ ንክስደዱን ክፈልሱን ዝደፍእዎም ኩነታት እንተሪኢና ከም ስእነት ስራሕ፣ ሕፅረት ተሓራሳይ መሬት፣ ሕፅረት ንእንስሳት ዘቤት ዝኸውን ጋህዒ መሬት (መግሃጫ)፣ ምጉሕጓሕን ብርሰትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ከባብያዊ ኩነታትን፣ እኹል ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘይምህላዉ ናብራ ገጠር መሰልቸዊ ብምዃኑ ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከቡ። ብምኽንያት'ዚ ድማ ትሑት እቶት፣ ትሑት ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ፣ በዝሒ ነባራይ ህዝቢ፣ ሕፅረት ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን፣ ሕፅረት ቀረብ ማይ ዝጥቀሱ'ዮም።



ተምሃሮ ንኣለኻ ስራሕን ዝሓሸ መነባብሮን እንትብሃል ናብ በብከባቢኡ ዝርከባ ከተማታት፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ናይሮቢን ደቡብ ኣፍሪካን፣ አዕራብ ሃገራት (ስዑድ ዓረቢያ፣ የመን፣ ኩዌት፣ ዱባይ፣ ሕቡራት ዓረብ ኢሜሬት፣ ሶርያን ካልኦትን ሃገራት) ዝስደዱን ዝፈልሱን ወገናት ብዝምልከት ንምንታይ ነዚ ኣጋጣሚ ከምዝመርፅዎን ኣብመወዳእታ ድማ ሳዕቤናቶምን ብዝምልከት ምስ መምህርኩም ተመያየጡ፡፡



ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ሰሓብቲ ሓይሊሰብ ካብ ገጠራት እንትንርእይ ድማ ጠለብ ጉልበት ስራሕ፣ ዕድል ስራሕ፣ ንግዲ፣ ዝሓሸ ቀረብ ናውትን ማሕበራዊ ግልጋሎትን፣

ዝለዓለን ዝተረጋገአን እቶት፣ ዝሓሸ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮን፣ መሐደስን መዘናግዕታትን፣ ስሉጥ ቴክኖሎጂ መራኸቢ፣ ፅቡቕ ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን፣ ዝሐሸ ቀረብ ማይ ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ፋብሪካታትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም፡፡ ብዙሓት ከተማታት ኣብ ምምዕባል እንትርአይ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ቅድሚት ይስርዓ ግና ደረጃ ምኽታምነት እንትርአይ ግና ድሕሪት ዝተረፋ'የን፡፡ ብዝኾነ ቕልጡፍ ዕብየት ከተማታትን ምኽታምነትን ኣብ ምልዋጥን ምምሕያሽን ኣግባብ መነባብሮ ህዝቢ ይኹን ከባብያዊ ህይወት መነባብሮ ህዝቢ ዓብዪ ተራ ኣለዎ፡፡ ምስ ምክታምነት ዝርአይ ምትሕውዋስ ባህልን ልምድታትን ስለዝህልው ኣብ ከይዲ ለውጢ ይምዕብል'ዩ፡፡ ምኽታምነት ለውጥን ምዕባለን ባህሊ የስዕብ'ዩ፡፡ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈልሱ ሰባት ኣብ ከተማ ብዘሎ ባህሊ ይፅለዉ'ዮም፡፡ ኣብ ከተማ ዝነብር ሕብረተሰብ ምስ ካብ ገጠር ዝመፁ ብባህልን ልምድን ብቐሊሉ ዝተሓዋወስ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ከተማ ዝነብር ሕብረተሰብ ዘማዕብሎ ባህሊ ስልጡን'ዩ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈልሱ ሰባት ኩሉ ነገር ምቹው ዝኾነሎም ዶ ይመስለኩም? ኣሰፋፍራን ምንቅስቓስን ህዝቢ ምስ መነባብሮን ከባብያዊ ህይወት ኣገናዚብኩም ዶ ትፈልጡ? ስሉጥ ምዕባለ ከተማታትን ምኽታምነትን ካብ ገጠር ናብ ከተማ ንዝፈልሱ (ንዝስደዱ) ሰባት እንታይ ዓይነት ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ ከምዝኽእል ምስ መሓዙትኩም ተመያየጡ፡፡ ዝርዝር ነጥብታት ኣብ ወረቐት ፅሓፉ፡፡




ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ወይድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማ እንትትግበር ሰባት ካብ ዝነበሩሉን ዝለመድዎን መንበሪ ገዝኦም

ሪሕቖም'ዮም ዝኸዱ፡፡ ስለዚ ካብ መንበሪ ገዛ ሪሕቕኻ ምንባር እንታይ ሳዕቤን ክህልዎ ከምዝኽእል ተመያየጡሉ። ምኽታምነት'ውን ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ክህልዎ ዝኽእል ሳዕቤን ግለፁ። ነዚኣን ሕቶታት ብዝምልከት ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ሓቲትኩም ዝርዝር መብርሂ ፅሓፉ።

ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈለሱን ዝተሰደዱን ሰባት ኩሎም ፅቡቕ ኣይገጥሞምን፡፡ ዝተወሰኑ ሰባት ዝተደላደለን ምችውን ዝኾነ መንበሪ ገዛ፣ ንፁህ ዝስተይ ማይ፣ ፅቡቕ ክፍሊት ዘለዎ ስራሕ ኣብ ምርካብ ይፅገሙ፡፡ ስለዚ ምችው ዝኾነ ኩነታትን ስራሕን መንበሪን ብምስኣን ይሳቐዩ፡፡ ብምኽንያት ኣብ ገጠር ዝለመድዎን ዝዓበይሉን ባህሊ ኣግባብ መነባብሮ ምስ ኣብ ከተማ ዝርከብ ባህሊ ስርዓት መነባብሮ ስለዝጓነፅ'ውን ይሳቐዩ፡፡ ብምኽንያት ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምፍላሶምን ምስዳዶምን ድማ ኣብ ከተማታት ዝህልው ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ግልጋሎት መጓዓዝያ፣ ቀረብ ማይን መንበሪ ኣባይትን ብዝምልከት ሕፀረትን ምፅባብን የጋጥም'ዩ፡፡ ብካሊእ መልክዑ ድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝመፁ ስዱዳት ፅቡቕ ዕድል ዝገጥሞም ኣለዉ፡፡ ብጣዕሚ ፅቡቕ መጠን ገንዘብ ዝረኽቡን ፅቡቕ ምችው መነባብሮን ዝመስረቱን'ውን ብዙሓት ኣለዉ፡፡ ስለዚ ምኽታምነትን ልምዓት ከተማታትን ኣዝዩ ዝነኣድን ዝሕፈስን ፀጋታት ሃፍቲ ከምዘለዎም ኹሉ ብተፃራሪኡ ድማ መስካሕከሓይ ዝኾነ ድኽነት'ውን ዘለዎም እዮም፡፡ እዚኦም ክልተ ተፃረርትን ተፃበእትን ተርእዮታት ዝፋረቑለን ብምኳነን ከተማታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ'ውን ካብዚ ሓቂ'ዚ ዝተፈለየ ተርእዮ ኣይህልወንን፡፡

ስለዚ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ እንትንርእይ ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ፣ ኩነታት ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ምንቅስቓስን ፍሰትን ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ቕልጡፍ ዕብየት ህዝብን ሳዕቤናቱን፣ ሳዕቤናት ምኽታምነት ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ብዝምልከት ብዝርዝር ተገሊፁ እዩ፡፡ ተምሃሮ፣ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ክልስ ሓሳባትን ጭቡጥ ተርእዮታትን ተረዲኢኩም ዶ?

## ዕዮ ጉጅለ



1. መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ዝኾኑ ክልተ ባእታታት ብዝርዝር ተመያየጡሎም፡፡
2. ኣርባዕተ ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ ብዝርዝር ተመያየጡሎም፡፡ ተኻትዑሎም፡፡
3. ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ዝፀልዉን ኣሉታዊ ይኹን ኣዎንታዊ ፅዕንቶ ዘሕድሩን ባእታታት ብዝርዝር ተመያየጡሎም፡፡ ተኻትዑሎም፡፡
4. ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ወረዳኹም ተመያየጡሎም፡፡

# መጠቓለሊ

ኣፍሪካ 53 ሃገራት ዘለዉዋ ክፍለዓለም'ያ። ቅርፂ ኣፍሪካ ኣብ ሰሜናዊ ክፋሉ ኣዝዩ ሰፊሕን ክብብ ዝበለ ቅርፂ ዘለዎን እንትኸውን ኣብ ደቡባዊ ክፋሉ ድማ ብምኽንያት ደቡባዊ ውቅያኖሳት ኣትላንቲክን ህንድን ፅብብ ዝበለን ሽሊሕን እዩ። መርከቦ ሃገራት ብክልተ መልክዑ'ዩ ዝግለፅ። ኣንፃራውን ፍፁማውን መርከቦ ተባሂሎም ይፍለጡ።ኣንፃራዊ ኣቀማምጣ ሓደ ቦታ ንምምልካት ዘድልየና ቀንዲ ነገር ሰሜን፣ ደቡብ፣ ምዕራብን ምብራቕን ዝሕብር መሳርሒ ጥራሕ እዩ፡፡ ፍፁማዊ መርከቦ ኣብ ካርታ ዝተሰመሩ ሓሳባዊ መስመራት ቃስታን ሞሮን መበገሲ ገይርካ ዝገልፅ እዩ። ስለዚ መርከቦ ኣፍሪካ ብኣንፃራውን ፍፁማውን ሜላታት ምግላፅ ይከኣል'ዩ። ኣብ ሉል ወይድማ ካርታ ዘለዉ ዓንዳዊ ወይድማ ንትኹል ገፆም ዝተሓንፀፁ ሕንፃታት 'ሕንፃፀት ቃስታ' ዝበሃሉ እንትኾኑ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ዝተሰመሩ ጎናዊ ሕንፃፃት ድማ 'ሕንፃፀት ሞሮ' እዮም።

ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ኣርባዕተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ፡፡ እዚኦም ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት፣ ኒሎ ሰሃራዊ (ኣባይ ሰሃራዊ) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት፣ ኒጀር ኮንጎ (ኒጀር ኮርዶፋንያን) ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ኮይሳን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ዝበሃሉ'ዮም። ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ካብዘለዉ ብዙሓት ቋንቋታት ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለዉዎም ቀዳማይ ዓረብኛ እንትኸውን ኣብ ሰሜን፣ ምዕራብን ማእኸላይን ኣፍሪካ ኣብዘለዉ ሃገራት ዝርከቡ ህዝብታት ዝጥቀሙሉ`ዩ፡፡ ቋንቋ ስዋሂሊ ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ከምኡ`ውን ማእኸላይ ኣፍሪካ ዝርከቡ ልዕሊ 50 ሚሊዮን ህዝቢ ዝዛረብዎ እዩ። ቋንቋ ሃውሳ ድማ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካን ናይጀሪያን ከባቢ ዝርከቡ 25 ሚሊዮን ህዝቢ ይዛረብዎ`ዮም። ቋንቋ ፉልፉልዴ ኣብ ሃገራት ሴኔጋል፣ ካሜሩንን ቻድን ዝዝረብ እዩ። ቋንቋ ዮሩቤ ድማ ኣብ ናይጀሪያን ቤኒን ዝዝረብ`ዩ። ብተመሳሳሊ ኢግቦ ዝበሃል ቋንቋ ብዙሓት ተዛረብቲ ኣለውዎ። ኣብ ሃገርና ድማ ቋንቋ ኦሮሚፋ (ኦሮምኛ) ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን ልዕሊ 24 ሚሊዮን ህዝቢ ዝዛረብዎ`ዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ድማ ኣርባዕተ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። እዚኦም`ውን ዝስዕቡ`ዮም፤

- ኩሻዊ (ኩሺቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ኣብዚኦም ዝምደቡ ኦሮምኛ፣ ዓፋርኛ፣ ሶማልኛ፣ ቤጃ፣ ሳሆ፣ ሲዳምኛ፣ ሃድይኛ፣ ከምባትኛ፣ ጌዴኦ፣ ኮንሶ፣ ኣገውኛ ወዘተ ይርከቡ።
- ሴማዊ (ሴሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ኣብዚኦም ዝምደቡዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ትግረ፣ ኣምሓርኛ፣ ጉራግኛ፣ ኣርጎብኛ፣ ጋፋትኛ፣ ሃረሪኛ፣ ኮፕቲክ፣ ግእዝ፤ሂብሪው ወዘተ ይርከቡ።
- ኦማዊ (ኦሚቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ኣብዚኦም ዝምደቡጋሙ፣ ጎፋ፣ ከፊቾ፣ ኩሎ፣ ኮንታ፣ ከፊኛ፣ ጃንጀሮ፣ ዶርዜ፣ ወላይትኛ፣ ማጂ፣ የም፣ ጊሚራ፣ ኣሪ፣ ሻኩ ወዘተ ይርከቡ።

- ኒሎ ሰሃራዊ (ኒሎቲክ) ቤተሰብ ቋንቋታት፤ ኣብዚኦም ዝምደቡ ኩናማ፣ ጉሙዝ፣ በርታ፣ ኮማ፣ መዠንግር፣ ኣኝዋክ፣ ኑወር ወዘተ ይርከቡ።

እዚኦም ኣብ ኣፍሮ ኤሽያቲክን ኒሎ ሰሃራን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ`ዮም።

ጥንታውያን ሰባት ብሃደንን ብምእራይ ፍራምረን ቐፃላመፃልን ኣብዝናበሩሉ እዋን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ኣይቕመጡን ነይሮም፡፡ ኩሉ ግዘ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይዘዋወሩ ነይሮም፡፡ ሕርሻ ምስጀመሩ ግና ኣብዝተወሰነ ቦታ ሰፊሮም መነባብሮኦም ብቀዋምነት ምምራሕ ጀሚሮም። ብዚ`ውን ቁሸታት ክምስረታ ጀሚረን። እዘን ቁሸታት ድሕሪ ግዘ ናብ ከተማታት ማዕቢለን። ምምስራት ከተማታት ንምዕባለ ካልኦት ስልጣነታት መንገዲ ፀሪገን። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ማለት ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ። ስልጣነ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩ ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበለ ዝመፀ ኣገባብ መነባብሮ ደቂ ሰብ`ዩ። ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ምምዕባል መንግስታት፣ ንግድን እደ ጥበብን፣ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ስነ ኽርፃ ኽርፂ፣ ሕርሻን ኣብ ደርብታት ምምቃል ሕብረተሰብን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምስ መነባብሮ ከተማ ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ስልጣነ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ዝማዕበለ ፅሑፍ፣ ኣብ ፅኑዕ ውዳበ ዝተመስረተ መንግስቲ፣ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ሓፂን መፂንን፣ ስርፀት ስነ ጥበብ ኽርፃ ኽርፅን፣ ኣብ ተግባር ዝውዓለ ሳይንስን ሒሳብን፣ ምትእትታው ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ ይጥቀሱ።

ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ኀሊሁ ክረአ ዝጀመረ ኣብ ከባቢ 3500 ዓመተ ዓለም እዩ፡፡ ኣብ ዓለም ጥንታዊ ስልጣነ ንፈለማ ዝማዕበለሉ ከባቢ ኣብ ሽንጥሮ ሜሶፖታሚያ እንተኸውን ቐፂሉ ድማ ኣብ ግብፂ ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ'ዩ ማዕቢሉ ነይሩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ስልጣነ ብቐፃልነት እናማዕበለ ዝመፀ ታሪኻዊ ተርእዩ እዩ። ብምኽኑ`ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ እንተኸውን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕን ምብራቕ ኣፍሪካን ጥንታዊ ስልጣነታት ዝማዕበሉሎም ግና ግብፂ፣ ኑብያ፣ ሜሮዌ፣ ኩሽ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ስለዚ ሕዚ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ብፍላይ ኣብ ግብፅን ካርቴጅን ጥንታዊ ስልጣነታት ማዕቢሎም ነይሮም። ኣብ ግብፂ ካብ 3100 ዓ.ዓ ጀሚሩ ጥንታዊ ስልጣነታት እናማዕበሉ ከምዝመፁ ይፍለጥ።

ግብፂ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ትርከብ ሃገር እያ፡፡ ንውሓት ቁመታ ናብ 550 ማይል ዝፅጋዕ ኾይኑ ካብ ሩባ ናይል (ኣባይ) ናብ ፀጋም ኣንፈት 15 ማይል ከምኡ'ውን ናብ የማን ኣንፈት 15 ማይል ስፍሓት ዘለዋ'ያ። ግዝኣት ጥንታዊት ግብፂ ካብ ገማግም ባሕሪ ሜዲቴራንያን ጀሚሩ ክሳብ ሰሜናዊ ሱዳን ዝሸፈነ

ኾይኑ ንሩባ ናይል (ኣባይ) ዝተኸተለ'ዩ ነይሩ፡፡ ሄሮዱቶስ "ኣቦ ታሪክ" እናተብሃለ ዝፍለጥ ግሪካዊ ኣብዝፀሓፎ መፅሓፍ "ግብፂ ውህብቶ ፀጋ ሩባ ናይል (ኣባይ) እያ" እንትብል ገሊፁ፡፡ ስለዚ ኣብ ኣፍሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ዝማዕበለሎም ከባብታት ንሸንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ዝርከብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካን ምብራቓዊ ኣፍሪካን ማእኸል ዝገበረ'ዩ ነይሩ። ካብዚኦም እቲ ሓደ ኣብ 3100 ዓመት ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ንሸንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ግብፂ ማዕቢሉ ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ይርከብ። ሩባ ናይል መሰረት ህይወት ግብፃውያን እዩ፡ ስልጣነ ጥንታዊት ግብፂ ኣዝዩ ማዕቢሉ ኣብዝነበረሉ እዋን ነገስታት ግብፂ ወተሃደራዊ ወፍርታት ብምክያድ ግዝኣቶም ናብ ደቡብን ናብ ምዕራባዊ እስያን ኣግፊሖም ነይሮም። ነዚ ገፊሕ ግዝኣቶም ዝቆፃፀሩሉ ፅኑዕ መሓውር ምምሕዳር መንግስቲ'ውን ዘርጊሖም ነይሮም።

ካርቴጅ ኣብ ሰሜን ኣፍሪካ ኣብ ናይሎሚ ቱኒዝያ ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ባሕሪ ሜዲቴራንያን ተፀጊዓ ዝነበረት ጥንታዊት ስልጥንቲ መንግስቲ'ያ ነይራ፡፡ ስልጣኔ ጥንታዊት ካርቴጅ ዝመስረትዎ ፎኒሽያንስ ዝበሃሉ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ፍልስጤምን ኣብ ናይሎሚ ሶሪያን ሊባኖስን ዝነበሩ'ዮም። ፎኒሽያውያን ኣብ ምብራቓዊ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ውሩያት ባሕረኛታትን ነጋዶን'ዮም ነይሮም።ካርቴጅ ብጣዕሚ ዝሐሸ መዕረፊ ጉዕዞ ጥንታዊ መራኽብን ጀልባታትን'ያ ነይራ። ስለዝኾነ ድማ ንወደብ ካርቴጅ ዝመስረቱን ዘማዕበልዋን "ፎኒሽያን" ዝበሃሉ ብባሕሪ ንግዲ ብምክያድ ፍሉጣት'ዮም ነይሮም፡፡ ጥንታዊት ካርቴጅ ዝለዓለ ሃፍታን እቶታን ካብ ንግዲ እያ ትረክብ ነይራ፡፡ ፎኒሽያውያን ይገዝእዋ ዝነበሩን ዝመስረቱዋን ካርቴጅ ኣብ ከባቢ 600 ዓ.ዓ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ምዕራባዊ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ሓያል መንግስቲ (ግዝኣት) ኾይና። ካርቴጅ ካብ 800 ክሳብ 500 ዓ.ዓ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ናብ ዝለዓለ ብርኪ በፂሓትሉ ዝነበረትን ብፍላይ ድማ ንግዲ መርበብ ትራንስ-ሰሃራን ማዕቢሉ ዝነበረሉ እዋን'ዩ፡፡ ካርቴጅ ብግዚኣ ናብ ዝለዓለ መንግስታዊ ብርኪ በፂሓ ሓያልን ውርይትን ኣብዝነበረትሉ እዋን ብዙሓት ከባብታት ኣብትሕቲ ግዝኣታ ኣትየን ነይረን።

ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ተመቃቒላ ዝነበረትሉ እዋን'ዩ። ኣውሮፓውያን ናብ ኣፍሪካ ብፍላይ ካብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ጀሚሮም ተፈጥሯውን ሰብኣውን ሃፍታን ጥሪታን ንምቱሕጓሕ ምምልላስ ጀሚሮም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ግና ከም እኒ እንግሊዝ፣ ፖርቱጋል፣ ስፔይን፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመንን ጣልያንን ዝመሳሰላ ሃገራት ንኣፍሪካ ተመቃቒሎም ይገዝእዋ ነይሮም። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ንደሓር ዘሎ እዋን ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝወደቐትሉ እዩ ነይሩ። ካብ 1960ታት ንደሓር ድማ ሃገራት ኣፍሪካ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ነፃ ይወፁሉ ዝነበረ እዋን እዩ። ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓ ዘይወደቓ ሃገርና ኢትዮጵያን ላይበሪያ ትበሃል ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ትርከብን ጥራሕ እየን።

ዘመነ መንግስቲ ጥንታዊት ኣኽሱም ብወደብ ኣዱሊስ ብቐይሕ ባሕሪ ዝካየድ ብጣዕሚ ዝተጠናኸረ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ምስ ሃገራት እስያን ኣውሮፓን ከምኡ'ውን ግብፅን ኑቢያን ነይሩ'ዩ። ወደባት ዘይላን ኣዱሊስን ፍሉጣት በርታት ንግዲ ነዊሕ ርሕቐት ኮይነን ንሃገርና ብዙሕ ከምዘገልገላ ዝፍለጥ'ዩ፡፡ ኣብ እዋን ማእኸላይ ዘመን ኢትዮጵያ ካብ ደቡባውን ደቡባዊ ምዕራብ ክፋል ሃገርና ናብ ምብራቕ ወደብ ዘይላን ናብ ሰሜን ጎንደር ኣቢሉ ናብ ሱዳንን ወደብ ምፅዋዕን ዝበፅሕ ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ነይሩ'ዩ። ስለዚ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ካብ ወፃኢ ሃገራት ናብ ውሽጢ ሃገርን ከምኡ'ውን ካብ ውሽጢ ሃገር ምህርትታት ናብ ወፃኢ ሃገራት ዝለኣኽሉ ስርዓት ልውውጥ ንግዲ ዝነበረ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር'ውን ካብ ደቡብ ናብ ሰሜንን ምብራቕን ኣንፈት ይካየድ ዝነበረ መስመር ንግዲ ዝጠቓልል እዩ። መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ንሃገርን ዝተወሰኑ ከባብታትን ምስ ሃገራት ወፃኢ ዝራኸብን ዘተኣሳስርን ዝምድና ዝፈጥር'ዩ። ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ንኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ወፃኢ ዘተኣሳሰረን የራኽብ'ውን ዝነበረ'ዩ። ብምኳኑ'ውን ኣብ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ሓያል ንሕንሕን ምጉያይን ዝተርአየሉም እዋናት ብዙሓት ነይሮም። ነዊሕ መስመር ንግዲ ፍልፍል እቶት'ውን ብምንባሩ ብምኽንያት ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ካብ ወፃኢ ዘመናዊ ኣፅዋር ውግእ ብምምፃእ ወተሃደራዊ ዓቕሞም ዘሐይሉ መንግስታትን ነገስታትን ነይሮም'ዮም።

## ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ፍፁማዊ መርከቦ | መርከቦ ሓደ ቦታ ብመንፅር መስመራት ቃስታን ሞሮን። |
| 2 | ኬፕ ቦን | ስሜናዊ ጫፍ ክፍለዓለም ኣፍሪካ። |
| 3 | ኬፕ ኣጉልሃስ | ደቡባዊ ጫፍ ክፍለዓለም ኣፍሪካ። |
| 4 | ኬፕ ጓርዳፋይ | ምብራቓዊ ጫፍ ክፍለዓለም ኣፍሪካ። |
| 5 | ኬፕ ቨርደ | ምዕራባዊ ጫፍ ክፍለዓለም ኣፍሪካ። |
| 6 | ቅናት ምድሪ | ኤኳቶር፣ መስመር ዜሮ ዲግሪ ሞሮ። |
| 7 | ሕንፃፃት ሞሮ | ኣብ ካርታ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ዝተሰመሩን ካብ ዜሮ ክሳብ 90 ዲግሪ ዝበፅሑን ሕንፃፃት። |
| 8 | ሕንፃፃት ቃስታ | ኣብ ካርታ ካብ ሰሜን ንደቡብ ዝተሰመሩን ካብ ዜሮ ክሳብ 180 ዲግሪ ዝበፅሑን። |
| 9 | ቀዳማይ ሜሪድያን | ፕራይም ሜሪድያን፣ ግሪንዊች ሜሪድያን፣ ዜሮ ዲግሪ ቃስታ። |

| | | |
|---|---|---|
| 10 | ቤተሰብ ቋንቋታት | ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዝህልዎም ምትእስሳርን ዝምድናን ኣብ ሓደ ጉጅለ እንትምደቡ'ዮም፡፡ ንኣብነት ሴማዊ፣ ኩሻዊ፣ ኦሞቲክን ዝመሳሰሉ ቋንቋታት ቤተሰብ ኣፍሮ ኤሽያቲክ እዮም፡፡ |
| 11 | ጥንታዊ ስልጣነ | ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ፡፡ |
| 12 | ግብጺ | ኣብ ሰሜናዊ ኣፍሪካ ተፋሰስ ሽንጥሮ ሩባ ናይል እትርከብ ሃገርን ሄሮዱቶስ 'ህያብ (ፀጋ) ሩባ ናይል' እንትብል ዝገለፃ'ያ፡፡ |
| 13 | ሩባ ናይል | ካብ ቃላይ ቪክቶርያን ቃላይ ጣናን ዝብገሱ ክልተ ሩባታት ኣብ ከተማ ካርቱም ተራኺቦም ሓደ ምስኮኑ ብግብጺ ገይሩ ናብ ባሕሪ ሜዲተራንያን ዝኣትው ነዊሕ ርሕቐት ዝጓዓዝ ሩባ እዩ፡፡ |
| 14 | ታሕታይ ግብጺ | ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ሩባ ናይል ዝርከብ ግዝኣት ጥንታዊት ግብጺ እዩ ነይሩ፡፡ |
| 15 | ላዕላይ ግብጺ | ካብ ማእኸል ግብጺ ንኣንፈት ደቡብ ናብ ሱዳን ዘሎ ከባቢ ዝነበረ ግዝኣት ጥንታዊት ግብጺ እዩ ነይሩ፡፡ |
| 16 | ንጉስ ሜነስ | ፈላማይ ፈርኦን ግብፃውያን ዝነበረ እንትኸውን ኣብ ከባቢ 3100 ዓ.ዓ ንላዕለዋይን ታሕተዋይን ግዝኣታት ግብጺ ናብ ሓደ ዝሓወሰን ግብፃውያን ከም ኣብ ምድሪ ዘሎ ፈጣሪኦም ገይሮም ዝኣመኑሉን ነይሩ፡፡ |
| 18 | ማምፊስ | ካብ 3100 - 2200 ዓ.ዓ ዝነበሩ ፎርኦናት ጥንታዊት ግብጺ ማእከል ንግስንኦም ገይሮም ይጥቀሙላ ዝነበረት ከተማ'ያ፡፡ |
| 19 | ዓብዪ ሲፊኒክስ | ሰውነቱ ኣንበሳ፣ ገፁ ንሰብ ዝመስል ኣብ ጥንታዊት ግብጺ ዝነበረ ምስሊ። |
| 20 | ቴበስ | ኣብ ማእከላይ ዘበን ጥንታዊት ግብጺ ካብ 2200 - 1730 ዓ.ም ማእከል ንግስና ዝነበረትን ኣብ ደቡባዊ ክፋል ግብጺ ትርከብን ከተማ'ያ። |
| 21 | ፎርኦን / ፎርኦናት | ነገስታት ጥንታዊ ግብጺ ዝነበሮም መፍለዪ ማእርግ። |
| 22 | ፒራሚድ/ ፒራሚዳት | ኣብ እግሪ ባይታ ሰፊሕ ኾይኖም ናብ ላዕሊ ብስሉስ ኩርናዕ ቅርጺ እናፀበቡ ዝተሰርሑን ካብ እምኒ ተፀሪቦም ጠጠው ዝበሉ ኣብዚ ሎሚ እዋን ካብቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ "ሸውዓተ ብጣዕሚ ዘደንቑ ሓድግታት ጥንታዊ ዓለም" ውሽጢ ሓደ ኾይኖም ተመዝጊቦም ዘለዉ'ዮም፡፡ |
| 23 | ሂይሮግራፊክስ | ጥንታዊ ግብፃውያን ይጥቀሙሉ ዝነበሩ ጥበብ ኣፀሓሕፋን ስእላዊ ፊደላትን፡፡ |

| | | |
|---|---|---|
| 24 | ተፈጥሯዊ ባእታታት | ከም ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየር፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ እምባታት፣ ግድምታት፣ ደጉዓ፣ ከበሳ፣ ብራኽ፣ መታሕት፣ ቆላ፣ ሃሩር፣ ምድረበዳነት፣ ሳዕሪ መሬት፣ ልምዑነት መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባብያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርከቦ፣ ኣግራባትን ተኽልታትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ዝሓወሰ'ዩ፡፡ |
| 25 | ሰብኣዊ ባእታታት | ማእኸል ምምሕዳር፣ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን፣ ማሕበራዊ መሰረተ ልምዓት ወዘተ ዝመሳሰሉ'ዮም። |
| 26 | ፍልሰት ህዝቢ | ብተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ዝነበሩሉ ትውልዲ ዓዶም ናብ ካሊእ ካባቢ ምስዳድን ምንቅስቓስን እዩ፡፡ |
| 27 | በዝሒ ህዝቢ | ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖፂሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለፂ'ዩ። |
| 28 | ምኽታምነት | ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባብያዊ ሓለዋን ፅርየት ምስ ፅባቐ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ሰለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፅ'ዩ። |
| 29 | ኣሰፋፍራ ህዝቢ | ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኦም ንምክያድ ተኣኪቦም ነናይባዕሎም መንበሪ ሰሪሖም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣግባብ ዝግለፀሉ ኣምርን ክልስ ሓሳብን'ዩ። |
| 30 | ከበሳ | ኣብ ዝለዓለ ብራኽ ከባብታት ደጉዓ ዝርከብ |
| 31 | መታሕት | ኣብ ዝተሓተ ብራኽ ከባብታት ቆላ ዝርከብ |
| 32 | ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ | ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታን ከባብታትን ከተማን ገጠርን፣ ደጉዓን ከበሳን መታሕትን ቆላን፣ ውሽጢ ሃገርን ገማግም ባሕርታትን ወዘተ ዘሎ በዝሒ ህዝብን ስርዓት ኣዘረጋግሐኦም ዘመልክት'ዩ። |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣንቢብኩም ምስተረዳእኹም እቲ ኣበሃህላ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኑ ድማ "ሓሶት" ብዝብል ቃል መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ጥንታውያን ሰባት ብሃደንን ብምእራይ ቆፅላመፅልን ኣብዝናበሩሉ እዋን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ይቕመጡ ነይሮም፡፡
2. ጥንታዊ ግብፃውያን ብመሰረት ምንቅስቓስ ፀሓይ፣ ወርሕን ከዋኽብትን ከምኡ'ውን ውሕጅ ሩባ ናይል ዘካየድዎ መፅናዕቲ 365¼ መዓልትታት ዘለዎ ቀለንተን ኣዳልዮም ነይሮም፡፡
3. ኣብ እዋን ንግዲ ባርያ መብዛሕትኦም ፀለምቲ ኣፍሪካውያን ናብ ብሪቴይን ኣሜሪካን ሽፓኝ ኣሜሪካ'ዮም ተሸይጦም ይኸዱ ነይሮም፡፡
4. መሓመድ ዓሊ ዝተብሃለ መራሒ ሰራዊት ግብፂ ብ1821 ዓ.ም.ፈ ንሱልታኔት ፉንጅ ወሪርዋ ነይሩ፡፡
5. ዚምባብዌ፣ ማላዊን ዛምብያን ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ብቕደም ሰዓብ ደቡብ ሮደሺያ፣ ኒያሳላንድን ሰሜን ሮደሽያን ተባሂለን ይፍለጣ ነይረን፡፡
6. ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝለዓለ መጠን ምውላድ እኖታት እንትህልው ኣብዘይማዕበላ ሃገራት ድማ ትሑት መጠን ምውላድ እኖታት ኣሎ፡፡
7. ሕዚ ዘለዉ መረዳእታታት ዝሕብርዎ መጠን ውልደት ካብ መጠን ሞት ዝለዓለ እዩ፡፡
8. መነባብሮ ህዝቢ ማለት ስድራ ዝነበሩሉ ኢኮኖሚን ፍልፍል እቶትን፣ ብደረጃ ስድራ ዝህልው ሃፍተ-ገነትን ንከይዲ ዕለታዊ ህይወት ፍልፍል ዝኾኑ ፀጋታትን ዝምልከት'ዩ፡፡
9. ከም ነባሪ ኣየር፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ ደጉዓን ከበሳን፣ መታሕትን ቆላን፣ ቀረብ ማይ፣ ኣግራባት፣ ምድረበዳነት፣ ልምዑነት መሬትን ከወሕን ዝመሳሰሉ ንዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ዝውስኑ ተፈጥሮኣዊ ባእታታት'ዮም፡፡
10. ኣብ ከተማታት፣ ገማግም ባሕርታትን ጥቓ ዓበይቲ ሩባታትን ስሕው ህዝቢ ዝርከብ እንትኸውን ኣብ ገጠራት ድማ ብጣዕሚ ፅዑቕ'ዩ፡፡
11. ብመሰረት ኣሰፋፍራ ገጠርን ከተማን ህዝቢ ኣፈላላይ መነባብሮ እንትህልው ደጉዓ - ከበሳን መታሕትን - ቆላን ብዝብል ዘሎ ኣሰፋፍራ ግና ኣፈላላይ መነባብሮ የለን፡፡
12. ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ማለት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታን ከባብታትን ከተማን ገጠርን፣ ደጉዓን ከበሳን መታሕትን ቆላን ውሽጢ ሃገርን ገማግም ባሕርታትን ወዘተ ዘሎ በዝሒ ህዝብን ስርዓት ኣዘረጋግሐኦምን ዘመልክት'ዩ፡፡

13. ፃዕቺ (ፀቕጢ) ህዝቢ ዝበሃል ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜትር ውሽጢ ዝህልዉ በዝሒ ሰባት ተፀብዪቡ ንረኽቦ ውፅኢት እዩ፡፡
14. ኣብ ከተማ ዝነበር ህዝቢ እንትርአይ ኣብ ኣፍሪካ 38%፣ ምብራቕ ኣፍሪካ 22%፣ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ 16.08% ከምኡ'ውን ኣብ ትግራይ 19.55% እዩ፡፡
15. ስእነት ስራሕ፣ ሕፅረት ተሓራሳይ መሬትን ምጉሕጓሕ ሃፍቲ ተፈጥሮን ዝመሳሰሉ ኣብ ገጠር ዝርከቡ ሰሓብቲ ሓይሊሰብ እዮም፡፡

## ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕን ትኽክለኛን መልሲ ሃቡ፡፡


1. ጥንታዊት መንግስቲ ማሊ ተዳኺማ ንኽትወድቕ ዝኸኣለትሉ ምኽንያታት ጥቐሱ?
2. ኣብ ማእኸላይ ዘመን ኢትዮጵያ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ንኽጠናኸርን ተደላይነቱ ዝለዓለ ንክኸውን ካብዝገበሩ ታሪካዊ ምኽንያታት ውሽጢ ሰለስተ ጥቐሱ፡፡
3. በርታት ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ክልተ ወደባት ጥቐሱ፡፡
4. ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ካብ ኢትዮጵያ ናብ ወፃኢ ሰደድ ይለኣኸለን ዝነበራ ክልተ መስመር ነዊሕ ርሕቐት ንግዲ ብዝተማልአ መልክዑ ጥቐሱ፡፡
5. ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ካብ ኢትዮጵያ ናብ ወፃኢ ይስደዱ ዝነበሩ ምህርቲ ዘርዝሩ፡፡
6. ንምንታይ'ዩ ካብ መበል 17 ክሳብ 19 ክፍለዘናት ኣብ ኣብ ነዊሕ ርሕቐት መስመር ንግዲ ተዋፊሮም ዝነበሩ ነጋዶ ሙስሊም ዝነበሩ?
7. ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝነበሩን ብቐይሕ ባሕሪ ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ተዋፊሮም ዝነበሩ ሙስሊም ነጋዶ መን ተባሂሎም ይፍለጡ ነይሮም?
8. ስነ ህዝቢ ዝህበና ሳይንሳዊ መረዳእታ እንተወሓደ ሓሙሽተ ግለፁ፡፡
9. ንዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ወሰንቲ ዝኾኑ ቑልፊ ባእታታት ዝበሃለሉ 10 ግለፁ፡፡
10. ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ሓደ ሃገር ዝፀልዉን ፅዕንቶ ዘሕድሩን ባእታታት እንተወሓደ ሓሙሽተ ግለፁ፡፡

ሐ. ኣብ ትሕቲ “ሀ” ንዘለዉ ሓሳባት ምስ ኣብ ትሕቲ “ለ” ዘለዉ ኣዛምዱ።

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ኣቦ ታሪክ | ሀ. ርእሰ ከተማ ማሊ |
| 2. ውህብቶ ፀጋ ሩባ ናይል | ለ. ቱኒዝያን ኣልጀርያን |
| 3. መቓብር ፎርኦናት ግብፂ | ሐ. ሶሪያን ሊባኖስን |
| 4. ሂይሮግሎፊክስ | መ. ሂሮዱቶስ |
| 5. ዚምባብዌ | ሰ. ግብፂ |
| 6. ንዓመታት ዝዕቀብ ሬሳ | ረ. ፒራሚድ |
| 7. ካርቴጅ ዝነበረትሉ ከባቢ | ሸ. በርበራውያን ዓሌት |
| 8. ፎኖኒሽያን ዝነበሩሉ ከባቢ | ቀ. ብዘይጭቃ መንደቕ እምኒ |
| 9. ዓሌት በርበር ዝነበሩሉ | በ. ሰሜናዊ ቱኒዝያ |
| 10. ቲምቡክቱ | ተ. ስእላዊ ፅሑፍ ግብፃውያን |
| 11. ኣማራ ዱንቃስ | ቸ. መሚይ |
| 12. ቱዋረግ | ነ. መንግስቲ ፉንጅ |
| 13. ጀበርቲ | ኘ. ነጋድራስ |
| 14. ኣፍካላ | ከ. ኣሞሌ ጨውን ማርያትሬዛን |
| 15. ጃላባ | ወ. ኣብ ጎንደር ዝነበሩ ሙስሊም ነጋዶ |
| 16. መለዋወጢ ንግዲ | ደ. ሙስሊም ነጋዶ ደቡብ ምዕራብ |
| 17. ሓለቓ ስራሕቲ ንግድ | ጀ. ኢትዮጵያ |
| | ገ. ሱዳናውያን ነጋዶ |

# ምዕራፍ ክልተ

# ኣወቓቕራ ምድሪ



## ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም፡-

- ካርታ ትነድፉ፡፡
- መስመራት ሞሮን ቃስታን ተበርሁን ትጥቀሙን፡፡
- ቑፀላታት ምድርን ላዕለዋይ ኣካላት መሬትን ትገልፁ፡፡
- ኘሌታት (Plates) ምድሪ ከም ዝንቀሳቐሱን መንቀሊ ርእደ ምድሪ ከምዝኾኑን ተረድኡ፡፡
- ኣፈጣጥራ፣ ዓይነታትን ቁጠባዊ ረብሓን ከውሕታት ተለልዩ፡፡

## ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት የማዕብሉን ይውንኑን፡፡

- እንታይነት ካርታ ይገልፁ፡፡
- ረብሓታት ካርታ ይገልፁ፡፡
- ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢሎም ሓበሬታታት ህዳግ ካርታ የመልክቱ፡፡
- ቑፀላታት ምድሪ ይገልፁ፡፡
- ላዕለዋይ ኣካል መሬት ዝተፈጠረሉ ቐንዲ ማተርያላት የርእዩ፡፡
- ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ ይፈልዩ፡፡
- ቑጠባዊ ረብሓ ከውሕታት የብርሁ፡፡
- ኣብ ኢትዮጵያ ከውሕታት ዘለዎም ቑጠባዊ ረብሓ የረጋግፁ፡፡

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ካልኣይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣብ ኣወቓቕራ ምድሪ ዝምልከት እንትኸውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ኣርእስታት ዝሓዘ'ዩ። ትሕዝቶ ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ብቐንዱ ኣብ ክልተ ዝተፈፈላለዩ ጉዳያት ዝተወደበ'ዩ። ፈላማይ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ ኣብ ኣወቓቕራ ምድርና ዝተመስረተ ኾይኑ ብመንፅር ቐፀላታት ምድርን ከምኡ'ውን ብመንፅር ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ኸውሕታት ሰፊሕ ግንዛበ እተሕድሩሉ'ዩ። ኣብዚ እትመሃርዎ ካልእ ትሕዝቶ ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ድማ ብዛዕባ ምንባብ ካርታ'ዩ። ኣብዚ ዝበለፀ ጠመተ ተዋሂብዎ ዘሎ ነቲ ኣቐዲምኩም ብዛዕባ እንታይነትን ረብሓታትን ካርታ ዝተመሃርኩምዎ ብዝበለፀ ዘጠናኽር'ዩ። ምስዙይ ድማ ንድፌ-ካርታ ኣፍሪካ ስኢልኩምን ህዳግ-ካርታ ተጠቒምኩምን ሓበሬታታት ኣብ ካርታ ናይ ምቕማጥ ክእለት እተማዕብልሉን ምዕራፍ እዩ። ምእንታን ብቐሊሉ ክትመሃሩን ክተፅንዑን ዝሕግዙ ካርታታት፣ ስእልታት፣ ንጥፈታትን መልመድታትን ብርክት ኢሎም ኣትዮም'ዮም።

## 2.1 ሓበሬታ ካብ ካርታ ኣሊሽካ ምርካብን ምጥቃምን

ተምሃሮ ካርታ እንታይ እዩ? ካርታ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? ንስኻትኩም ከ ንምንታይ ትጥቀምሉ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ካርታ ወካሊ ስእሊ እዩ። ካርታ ምሉእ ወይድማ ክፋል ኣካል ምድሪ ኣብ ወረቐት ዝውክል እዩ። ካርታ ነዚ ዘርእይ ኣብ ኣየር ኮይንካ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ከምዝርአ ጌሩ እዩ። ካርታ ምሉእ ይኹን ክፋል ምድሪ እንተርእይ ኩልግዘ ኣዝዩ ኣንኢሱ እዩ። ካርታ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ነገራት ንዝተወሰኑ መሪፁ ብቐሊል መንገዲ ዘርእይ እዩ። ካርታ ናይ ዝኾነ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ወካሊ ስእሊ እዩ። ካርታ ብወከልቲ ምልክታት፣ ምስልታትን ሕብርታትን እዩ ሓበሬታታት ዘቐምጥ። ተምሃሮ ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣብ ካርታ እንጥቀመሎም ልሙዳት ምልክታት፣ ምስልታትን ሕብርታትን ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ካርታ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ይስራሕ፡፡ ጥንታውያን ሰባት ካርታ ኣብ ሑፃ ዘለዎ መሬት ብኣእዳዎምን በትርን ተጠቒሞም ብሕንፃፃት ይስእሉ ኔሮም። ንድፌ ካርታ ብተምሃሮ ብእርሳስ ኣብ ወረቐት ይስኣል እዩ።

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ በብኽልተ ተጎጂልኩም ዕብይ ኣብ ዝበለ ወረቐት ንድፌ ካርታ ጣብያኹም ስኣሉ። ኣብቲ ካርታ መርክቦ ቐንዲ ቐንዲ ተፈጥሮኣውን ሰብ-ስራሕን ቦታታት ድማ ኣብ ትኽክለኛ ቦትኦም ኣስፍሩ?
ዘመናዊ ካርታታት ድማ ብዝተፈላለዩ ሕብርታት ኣጊያም ተሓቲሞም ይወፁ እዮም፡፡ ተምሃሮ እስቲ ሓደ ቐሊል ንድፊ ካርታ ቤት ትምህርትኹም ስኣሉ? ኣብቲ ካርታ መምሂሪ ክፍልታት፣ ሜዳ ኩዕሶ፣ ሽቓቕ ወዘተ ኣብ ቦትኦም ስኣሉዎም።

# ረብሓታት ካርታ

ተምሃሮ ካርታ ንምንታይ ይጠቅም? ሰባት ካርታ ኣልሾም ዝርእዩ እንታይ ንኽረኽቡ ወይድማ እንታይ ንኽፈልጡ እዮም? ንስኻትኩም ከ መዓስ መዓስ ካርታ ትጥቀሙ? ንምንታይ ካርታ ትጥቀሙ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጥሉ?

ካርታ ኣዝዩ ብዙሕ ረብሓታት ኣለውዎ፡፡ ካብ ካርታ በብእዋኑ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዝእልሹን ዝረኽቡን እውን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም፡፡ ተምሃሮ፣ መምህራን፣ መንግስታት፣ ዝተፈላለዩ ትካላት፣ መሃንዲሳት፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ መራሕቲ ኣውሮፕላንን መራኽብን፣ ወዘተ ካብ እቶም ተጠቀምቲ ካርታ እቶም ውሑዳት እዮም፡፡ ተምሃሮ እስቲ ካልኦት ተጠቀምቲ ካርታ ዘርዝሩ? ብሓፈሻ እንትርእ ኩሎም ረብሓታት ካርታ ኣብ ኣርባዕተ መሰረታዊ ረብሓታት ጠቕሊልካ ምርኣይ ይካኣል እዩ፡፡ ንስቶም ድማ ካርታ፡-

- ሀ መርክቦ ንምርካብ ይጠቅም።
- ለ ኣንፈት ንምፍላጥ ይጠቅም።
- ሐ ርሕቐት ንምርካብ ይጠቅም።
- መ ስፍሓት ንምርካብ ይጠቅም።

## ሀ መርክቦ

ካብቶም ረብሓታት ካርታ መርክቦ እቲ ቐንዲ እዩ። ኣብ ዓለም ዝርከብ ዝኾነ ተፈጥሮኣዊ ይኹን ሰብ ስራሕ ቦታ ኣበይ ከምዝርከብ ክንፈልጥ እንተደሊና ካብ ካርታ ንረኽቦ። ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ትምህርትኹም መርክቦ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ተማሂርኩም ኔርኩም። ከምኡ`ውን መርክቦ ብኽልተ መንገድታት ከምዝግለፅ ተማሂርኩም ኢኹም። ትዝክሩዎ ዶ? እስቲ ተመያየጥሉ? ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም፣ ወረዳኹም፣ ክልልኩም፣ ሃገርኩም ይኹን ኣብ ዓለም ዝርከቡ ቐንድን ዓበይትን ቦታታት ኣብ ካርታ ተመልኪትኩም ትረኽቡዎም ኢኹም። ትኽክለኛ መርክቦኦም ብቐሊሉ ካብ ካርታ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እስቲ እዞም ዝስዕቡ ዝተፈላለዩ ካርታታት ተጠቒምኩም ኣበይ ከምዝርከቡ ኣነፅሩ? ኣውስትራልያ፣ ባሕሪ ሜዲተራንያን፣ ቻይና፣ ዋሺንግተን፣ ለንደን፣ መቐለ፣ ሩባ ኒጀር፣ ሞቓዲሾ።

## ዕዮ ጉጅለ



**ተምሃሮ፣ እስቲ ኩሉኹም ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ተመደቡ፡፡ ብምቕፃል ነፍስወከፍ ጉጅለ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ዕዮታት-ጉጅለ ብዝግባእ ሰሪሑ ንኹሎም ኻልኦት ጉጅለታት ብሓባር መብርሂ ይሃብ።**

### ጉጅለ ሓደን  ኣርባዕተን ነንበይኖም ብምዃን

ካርታ ወረዳኹም ተጠቒምኩም ናይዞም ዝስዕቡ መርከቦ ኣብ ካርታ ኣመላኽቱ? ብተወሳኺ እውን ናይ ሕድሕድ ኣንፃራዊ መርከቦ ግለፁ?

- ርእሰ ከተማ ወረዳኹም፣
- ቀንዲ መንገድታት ዕርግያ፣
- በረኽቲ ቦታታት ወይ እምባታት ወረዳኹም፣
- ቀንዲ ሩባታትን ወይ ቃላይን ወረዳኹም፣
- ዘለዉ ኣብያተ ክርስትያናትን መስጊዳትን፣
- ዝርገሐ መዓድናት ወረዳኹም፣ (ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝርከብ ቤት ዕሕፈት ማይን ማዕድንን ብምእላሽ)
- ፅዑቕ በዝሒ ህዝቢ ዝርከቡሎም ኸባብታት ወረዳኹም፣
- ዝርገሐ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ብርኪ ወረዳኹም፡፡

### ጉጅለ ክልተን ሰለስተን ነንበይኖም በብጉጅለኦም

ካርታ ክልል ትግራይ ተጠቒምኩም ናይዞም ዝስዕቡ መርከቦታት ኣብ ካርታ ኣርእዩ? ብምቕፃል ናይ ሕድሕድ ኣንፃራዊ መርከቦ ግለፁ?

- ከተማታት መቐለ፣ ዓዲግራት፣ ኣኽሱም፣ እንዳስላሰ፣ ሑመራ፣ ማይጨው፣ ባድመ፡፡
- እምባ ዕበት፣
- ሩባ ተከዘ፣
- ቃላይ ሓሸንገ፣
- ዶብ ትግራይ-ሱዳን
- ዶብ ትግራይ - ኤርትራ
- ዶብ ትግራይ ኣምሓራ
- መንገዲ መቐለ - ሑመራ
- መንገዲ መቐለ - ኣዲስ ኣበባ
- ዝመረፅኩምዎም ዓሰርተ ወረዳታት ትግራይ፣

ጉጅለ ሓደን ኣርባዕተን በብጉጅለኹም ብምዃን

ካርታ ኢትዮጵያ ተጠቒምኩም ናይዞም ዝስዕቡ መርከቦታት ኣብ ካርታ ኣመላኽቱ። ቐፂልኩም ድማ ኣንፃራዊ መርከቦ ሕድሕዲኦም ግለፁ፡፡

- ርእሰ ከተማ ኢትዮጵያ
- እምባ ራስ ዳሽን ምስ ብራኽኡ
- ቃላይ ጣና
- ሩባ ኣባይ
- ዶብ ኢትዮ - ሱዳን
- ሩባ ዋቢ ሸበሌ
- ኮባር ሲንክ /ዳሉል/
- ሃገፍ ሸንጥሮ ኢትዮጵያ
- ዝለዓለ ፃዕቒ ህዝቢ ዘለዎም ኸባብታት
- መታሕት ኦጋዴን
- ክልል ትግራይ

## ለ መረዳእታታት ሕዳግ ካርታ

ተምሃሮ ሕዳግ ካርታ እንታይ እዩ? ኣብ ካርታ ብኸመይ ይቕመጥ? እንታይ ከ ረብሓ ኣለዎ? እስቲ ካርታ ተጠቒምኩም ሕዳግ ካርታ ኣለልዩ? ብምቕፃል ኣብዚ ምይይጥ ኣካይዱ? ተምሃሮ ኣብ 6ይ ክፍሊ ትምህርትኹም ብዛዕባ ቁልፊ ካርታ ከምዝተመሃርኩም ትዝክሩ ዶ?

ቁልፊ ካርታ እቶም ኣብ ሓደ ካርታ ዘለዉ ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን እንታይ ከምዝውክሉ ዝሕብር መግለፂ እዩ፡፡ ቁልፊ ካርታ ሓደ ካብ መረዳእታታት ሕዳግ ካርታ እዩ፡፡

ተምሃሮ ካርታ ብዙሕ ረብሓ ከምዘለዎ ተገንዚብኩም ኣለኹም፡፡ ይኹን እምበር ኩሎም ካብ ካርታ እንረኽቦም ሓበሬታታት ብትኽክል ክንግንዘቦም እንኽእል ሕዳግ ካርታ እንተሃልይዎም ጥራሕ እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ እውን ካብ ካርታ ሓበሬታ ክርክብ እንተኾይኑ ሕዳግ ካርታ እንትጥቀም ጥራሕ እዩ፡፡

ተምሃሮ፣ ኣብ ዝሓለፉ ክፍለ ጊዜያት ብኣርባዕተ ተጎጂልኩም ዝሰራሕኹምዎ ንጥፈታት ካርታ ከመይ ናይሮም? ሕዳግ ካርታ ተጠቒምኩምዶ? ንኣብነት ዝተጠቀምኩምሎም ካርታታት ናይ ወረዳኹም፣ ክልልኩም፣ ሃገርኩም ወይ ክፍለ ዓለምኩም ምዃኑ ብኸመይ ፈሊጥኩምዎ? ኣብ ሕዳግ ካርታ ዝርከቡ መግለፅታት ነቲ ካርታ ብዝግባእ ክንርደኦን ክንጥቀመሉን ይሕግዙና፡፡ መግለፅታት ሕዳግ ካርታ ኣብ ጎንታት እቲ ካርታ እዮም ዝርከቡ፡፡ ብፅሑፍ፣ ብሕንፃፅ፣ ብቕርፂ፣ ብሕብርን ብካልኦት ምልክታትን ድማ ዝተፈላለዩ መግለፅታት ይሕብሩ፡፡ ብሓፈሻ እንትረአ ኣብ ሓደ ካርታ ዝርከቡ መረዳእታታት ህዳግ ካርታ ኣርባዕተ እዮም፡፡ ንሳቶም ድማ፤

1. ርእሲ ካርታ
2. ኣንፈት ካርታ
3. መፍትሕ ካርታን
4. ዕለት ሕትመት ካርታን እዮም፡፡

ተምሃሮ እስኪ ነዚኣቶም ድማ ሓደ ብሓዳ ንርኣዮም፥

1. ርእሲ ካርታ፡ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ላዕለዋይ ወይ ታሕተዋይ ጫፍ እቲ ካርታ ዝፅሓፍ እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ካርታ ኽጥቀም እንተኾይኑ ንቕድም ርእሲ ካርታ ክርእይ ኣለዎ፡፡ ርእሲ ካርታ እቲ እንጥቀመሉ ካርታ ናይ ኣየናይ ቦታ ከምዝኾነን እንታይን ዘርእይ ከምዝኾነ ዝሕብረና እዩ፡፡ ንኣብነት ርእሲ ካርታ ብምርኣይ ጥራይ ኢና ሓደ ካርታ ናይ ትግራይ ድዩ ናይ ኬንያ ወይድማ ናይ ካልእ ምዃኑ ክንፈልጦ ንኽእል፡፡ ከምኡ`ውን ዝርገሐ እፀዋት ድዩ ወይስ ዝርግሐ ህዝቢ ዘርእይ ምዃኑን ዘይምዃኑን እንፈልጦ፡፡ ርእሲ ካርታ እቲ ካርታ ፖለቲካዊ፣ ፊዚካዊ፣ ቑጠባዊ ወይ ካልእ ዓይነት ካርታ ምዃኑ ዝገልፅ እዩ፡፡ ብዛዕባ ኣብ ሓደ ቦታ ዝርከቡ እምባታት፣ ሩባታት፣ ወቅያኖሳት፣ መታሕትን ዝመሳሰሉን ክንፈልጥ እንተደሊና ገፀ መሬት ዝብል ርእሲ ዘለዎ ካርታ ንእልሽ፡፡ ብዛዕባ ደብ ሃገራትን ክልላትን፣ ዓበይቲ ከተማታትን ዕርግያትን ዝመሳሰሉን ክንፈልጥ እንተደሊና ድማ ፖለቲካዊ ካርታ ዝብል ርእሲ ዘለዎ ካርታ ኣሊሽና ንርዳእ፡፡




ካርታ 2.1  ፖለቲካዊ ካርታ ኢትዮጵያ

2. **አንፈት ካርታ፡-** ተምሃሮ እስቲ ዝኾነ ካርታ ሪኢኹም ሕዳግ ካርታ ተመልከቱ? ምልክት ጨረር ወይድማ ቀስቲ ኣሎ ዶ? እዙይ ምልክት እዚ ጨረር ወይድማ ምልክት ኣንፈት ዝሕብር እዩ፡፡ እቲ ጨረር ዘመላኽት ሰሜናዊ ኣንፈት ናይቲ ቦታ በበይ ከምዝኾነ ዘመላኽት እዩ፡፡
ተምሃሮ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ላዕለዋይ ወረቐት ካርታ ኣንፈት ሰሜን እዩ ዘርእይ፡፡ በዙይ መሰረት ድማ ደቡባዊ፣ ምዕራባውን ምብራቓውን ኣንፈት እቲ ካርታ ብቐሊሉ ነለልዮ፡፡ ተምሃሮ ኣንፈት - ሓባሪ ምልክት ዘይብሉ ካርታ እንተጋጥመኩም ኣንፈታት ከመይ ክትፈልጡ ትኽእሉ?

3. *መፍትሕ ካርታ፡-* ተምሃሮ እስቲ ኣብ ካርታ መፍትሕ ወይድማ ቁልፊ ዝብል ኣለልዩ? እንታይ ዘርእይ እዩ? መፍትሕ ካርታ ሓደ ካብ መረዳእታት ሕዳግ ካርታ እዩ፡፡ ኣብ ካርታ ዘለዉ ሕንፃፃት፣ ምልክታት፣ ምስልታትን ሕብርታትን እንታይ ከምዝውክሉ ዝሕብረልና መፍትሕ ካርታ እዩ፡፡ ተምሃሮ እስቲ ካብ መፍትሕ ካርታ እዞም ዝስዕቡ ብምንታይ ዓይነት ሕብሪ፣ ምስሊ ወይ ምልክት ከምዝተወከሉ ዘርዝሩ?

- ማያዊ ኣካላት?
- ብራኸ እምባታት?
- መታሕት?
- ብረኽቲ ቦታታት?
- ዶባት /ወሰናት/?
- ኸተማታት?

4. *ዕለት፤* ተምሃሮ ዓለምና ብብግዚኡ እናተለዋወጠት እትኸይድ እያ ዘራ። ስለዙይ ካርታ እዋኑ ዝሓለወ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ቅድሚ ዕስራ ዓመት ዝተስኣለ ካርታ ክልላት ሃገርና ወይ ካርታ ሃገራት ዓለም ሕዚ ትክክለኛ ሓበሬታ ክህብ ኣይኽእልን፡፡ ኣብቲ እዋንድማ ዝነበሩ ሃገራት ወይ ክልላት ሃገርና ሕዚ ካይህልዉ ይኽእሉ፡፡ ኣብቲ እዋን ዘይነበሩ ሃገራት፣ መንገድታት፣ ቦታታት መኣድን ወዘተ ሕዚ ክህልው ይኽእሉ፡፡ ካርታታት ብብእዋኑ ክኸለሱን ክመሓየሹን ኣለዎም፡፡ ስለዚህ ተምሃሮ ካብ ካርታ ሓበሬታ ክትእልሹ እንተለኹም ኩሉ ጊዜ ሕዳግ ካርታ ረኣዩ፡፡ እቲ ካርታ መዓስ ከምዝተሰኣለ ኣነፅሩ፡፡ በዙይ መሰረት ድማ ትኽክለኛን እዋናውን ሓበሬታ ርኸቡ፡፡



## ንጥፈት

ተምሃሮ ኣብ ደፍተርኩም ንድፌ ካርታ ኣፍሪካ ሰኣሉ፡፡ ኣብቲ ካርታ ኣርባዕቲኦም መረዳእታት ሕዳግ - ካርታ ተጠቒምኩም ነዞም ዝስዕቡ ኣርእዩ፡፡ ብዝተኽኣለኩም መጠን እቶም ልሙዳት ምልክታት፣ ምስልታትን ሕብርታትን ተጠቐሙ፡፡

- መርከቦ ዓሰርተ ዝመረፅኩምወን ሃገራት ኣፍሪካ፣
- ርእሰ ከተማታት እተን ዓሰርተ ዝመረፅኩምወን ሃገራት ኣፍሪካ፣
- ቅናት ምድሪ፣
- ምድረበዳታት ሰሃራን ካላሃሪን፣
- ኣርባዕተ ቀንዲ ቃላያት ምብራቕ ኣፍሪካ፣
- ኣርባዕተ ቀንዲ ሩባታት ኣፍሪካ፣
- መርከቦን ብራኸን እምባ ኪሊማንጃሮ፣
- ሰለስተ ፓርክታት ሃገራት ኣፍሪካ፣
- ውቅያኖሳት ህንድን ኣትላንቲክን፡፡

## 2.2 ቀፀላታት ምድሪ

ተምሃሮ ኣብ 6ይ ክፍሊ ትምህርትኹም ብዛዕባ ደጋዊ ፅፍፃፉት ከባቢ ኣየር ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? እቲ ንምድሪ ከም ኮበርታ ሸፊኑዋ ዘሎ ከባቢ ኣየር ኣብ ኣርባዕተ ፅፍፃፉት ከምዝምቀል ተማሂርኩም ኔርኩም፡፡ እስቲ ነዞም ኣርባዕተ ፅፍፃፉት ከባቢ ኣየር ዘርዝሩ? ተምሃሮ፣ ሕዚ ድማ ብዛዕባ ኣወቓቕራ ምድሪ ክትመሃሩ ኢኹም? ምድሪ ብብዙሓት ፅፍፃፉት ዝተዋቐረት እያ፡፡ ምድሪ ብፅፍፃፉት ዝተዋቐረት ምኻና ንምግንዛብ እዚ ዝስዕብ ንጥፈት ብጉጅለ ስርሑ?




## ንጥፈት

ተምሃሮ ዝበሰለ እንቁላሊሕ ናብ ክፍሊ ሒዝኩም ምፁ፡፡ ብሓባር ኮይንኩም ድማ ቀስ ብቀስ ቅረፍዎ። ክንደይ ፅፍፃፉት ኣለዊኹም? እስቲ ተመያየጥሉ። ልክዕ ከምቲ ዝበሰለ እንቁላሊሕ ቕርፂ ምድሪ እውን ካብቲ ላዕላዋይ ክፋል ጀሚርና ንውሽጢ እንትንርኢ ብብዙሓት ፅፍፃፉት ዝተሸፈነ እዩ።

ኣወቓቕራ ምድሪ ብሓፈሻ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ቐፀላታት ይምቀል፡፡ ንሳቶም ድማ

1. ላዕለዋይ ኣካል መሬት
2. ማእኸላይ ኣካል መሬት
3. ኣስኳል መሬት ይበሃሉ፡፡




ስእሊ 2.1 ቐፀላታት ምድሪ

1. **ላዕለዋይ ኣካል መሬት:-** እዚ ቐፀላ ልክዕ ከምቲ ቕራፍ እንቁላሊሕ ላዕላዋይ ኣካል ምድሪ እዩ፡፡ ብትሕዝትኡ እውን ጥንክር ዝበለ ቐፀላ እዩ፡፡ ካብ 5 ኪሎ ሜትር ክሳብ 70 ኪሎ ሜትር ዕምቀት ኣለዎ፡፡ እዚ ካብ ኩሎም ቐፀላታት እቲ ብዕምቀቱ ዝነኣሰ ቅርፊት ምድሪ እዩ፡፡ ተምሃሮ፣ ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ኣካል መሬት እንታይ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎም ከውሕታት ዘለዉ ይመስለኩም? ከውሕታት ክፍለ ዓለማትን ውቅያኖሳትን ኣብ ውሽጢ እዙይ ቐፀላ እዮም ዝርከቡ፡፡ እቲ ቐጢን ክፋል ላዕለዋይ ኣካል መሬት ውቅያኖሳት ዝሓዘ እንትኾን ማእኸላይ ርጉዱ 5 ኪ/ሜትር እዩ፡፡ ዕምቀት ዘለዎ ድማ ክፍለ ዓለማት ዝሓዘ ኮይኑ ካብ 15 ክሳብ 75 ኪ/ሜ ይበፅሕ፡፡ ቐንዲ ትሕዝቶ ከውሕታት ላዕለዋይ ኣካል መሬት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ምምዳብ ይከኣል እዩ፡፡ ንሳቶም ድማ

ሀ/ ሲኣል ለ/ ሲማ እዮም

ሀ **ሲኣል:-** እዚ መብዛሕትኡ ኣብ ክፍለ ዓላማት ዝርከብ ከውሒ ኾይኑ ማኣድናዊ ትሕዝቶኡ ድማ ብሲልካን ኣሉሙንየምን ዝተመልአ እዩ፡፡ ነዚ እዩ ድማ ሲኣል ተባሂሉ ዝፅዋዕ፡፡ ብተወሳኺ ድማ ከም ሓፂን፣ ማግነዝየም፣ ሶድየምን ካልኦትን ዝሓዙ ከውሕታት ኣለውዎ እዮም።

ለ **ሲማ:-** እዙይ ኣብ ትሕቲ ውቅያኖሳት ዘለዉ ኸውሕታት ዝሓዘ እዩ። ቐንዲ ትሕዝቶ ናይዚይ ላዕለዋይ ኣካል መሬት ሲልካ ዝተበሃለ ማዕድንን ማግነዝየምን እዩ፡፡ በዙይ ምኽንያት ድማ ሲማ /ሲልካን ማግኒዝየምን/ ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡

2. **ማእኸላይ ኣካል መሬት:-** ተምሃሮ ካብቶም ሰለስተ ቐፀላታት እንቁላሊሕ እቲ ዝረጎዳ ኣየንኡ እዩ? ካብ ቐፀላታት ምድሪ እቲ ዝረጎዳ ቀፀላ ማእኸላይ

ምድሪ እዩ። ቐፀላ ማእኸላይ ምድሪ ማንትል ተባሂሉ እውን ይፅዋዕ እዩ። ቐፀላ ማእኸላይ ምድሪ ካብ ቕርፊት ምድሪ ቐፂሉ ዝርከብ እዩ። ዕምቆት ማእኸላይ ምድሪ ክሳብ 2,890 ኪሎሜትር ዝበፅሕ እዩ። ማእኸላይ ምድሪ ካብ ኩሎም ቐፀላታት እቲ ዝሰፍሐ፣ ዝለዓለ ክብደትን ትሕዝቶን ዘለዎ እዩ። ኣብዙይ ኣዝዩ ልዑል ረስኒ ዝምዝገበሉ ኮይኑ ክሳብ 3,700 ዲግሪ ሴልሽየስ ይበፅሕ። ማንትል ብቐንዱ ደረቕ እኳ እንተኾነ ብምኽንያት ልዑል ረስኒ ዝመኸኸ ሓፊስ ከውሒ ከምዘለዎ ይግመት። ማእኸላይ ምድሪ /ከውሒ/ ካብቶም ካልኦት ዝፍለየሉ ኬሚካዊ ትሕዝቶ ኣለዎ። እዚ ኬሚካዊ ትሕዝቶ ከውሕታት ማእኸላይ ምድሪ ድማ ፔርዮዳይት ይበሃል፡፡ ትሕዝቶ ናይቲ ላዕለዋይ ክፋሉ ግና ብሓፂን፣ ማግኒዝየምን ሲልከትን ዝተመልአ እዩ።

3. ኣስኳል መሬት፡- ካብ ማእኸላይ ምድሪ ቐፂሉ ንውሽጢ ናብ ሕምበርቲ ምድሪ ዝዘለቐ ቐፀላ ምድሪ ኣስኳል እዩ፡፡ ሬድየስ ኣስኳል 3,500 ኪሎ ሜትር እዩ፡፡ ካብ ሓፈሻዊ ክብደት ምድርና እዙይ ቐፀላ ኣስታት 30% ዝሓዘ እዩ፡፡ ካብ ማንትል ቐፂሉ ብኻልኣይ ደረጃ ይስራዕ፡፡ መጠን ረስኒ ኣስኳል ካብ 4,000$^{0}$ ሴልሽየስ ክሳብ 5,000$^{0}$ ሴልሽየስ ይበፅሕ፡፡ ቐንዲ ትሕዝቶ ኣስኳል ምድሪ ብሽም ሓፂንን ኒኬልን ዝመሰሉ ከበደቲ ባእታታት ዝተመልአ እዩ፡፡ እዞም ማእድናት ብመልክዕ ዝመከኸ ፈሳስን ደረቕን ኮይኖም ይርከቡ፡፡

## መልመዲ 2.1

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ካብ ረብሓታት ካርታ ሰለስተ ዘርዝሩ?
2. መርክቦ ዝግለፀሎም ክልተ መንገድታት እንታይ እዮም?
3. ቁልፊ ካርታ እንታይ እዩ?
4. ካብ መረዳእታታት ህዳግ ካርታ ነቶም ሰለስተ ዘርዝሩ?
5. ኣወቓቕራ ምድሪ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ቐፀላታት ይምቀል። ዘርዝርዎም?

## 2.3 ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሒ

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ከውሕታት ኣለዉ ዶ? ኩሎም ሓደ ዓይነት ድዮም ወይስ ይፈላለዩ እዮም? ኣብ ምንታይ እዩ እቲ ፍልልዮም? ብስሩኽ ከውሕታት ብኸመይ ዝፍጠሩ ይመስልኹም? እስቲ ምስ መምህርኩም ብሓባር ተመያየጡሎም?

ተምሃሮ ኣብ ምድርና ዝተፈላለዩ ኸውሕታት ኣለዉ እዮም። ኣብ መንጎኦም ብዙሕ ዘመሳስልዎምን ዘፈላልይዎምን ነገራት ኣለዉ። ከውሕታት ብቐንዱ ዝፈላለዩሉ ድማ ኣብ ጥንካረኦም፣ ክብደቶም፣ ሕብሮም፣ ባህርያቶምን ትሕዝቶ ምንፅብራቆምን /ክሪስታል/ እዩ።

**ንኣብነት** ከውሒ ፀሊም እምኒ ሕብሩ ፀሊም ጥንካሪኡ ድማ ልዑል እዩ። ብኣንፃሩ ድማ ኖራ ሕብሩ ፅዕድው ኢሉ ፎኪስን ብቐሊሉ ዝስበርን ከውሒ እዩ። ገለገለ ከውሕታት ከም ጨውን ግራናይትን ክሪስታሎም ብቐሊሉ ዘንፀባርቕ እንትኾን ገለገለ ከም ኖራን እምነበረድን ዝመሳሰሉ ድማ ክራስታሎም ብቐሊሉ ኣይርኣይን። ኣብ መንጎ ከውሕታት ከምዚ ይ ዓይነት ኣፈላላይ ክህሉ ዝኽኣለ ከይዲ ኣፈጣጥረኦም ዝተፈላለየ ብምኳኑ'ዩ።

**ተምሃሮ ከውሕታት ከመይ ይፍጠሩ?** ከይዲ ኣፈጣጥረኦም ኸ እንታይ ይመስል? ከውሒ ዝበሃል ብተፈጥሮ ኣብ ምድሪ ዝርከብ፣ ደረቕን ካብ ሓደ ወይድማ ብዙሓት ማእድናትን ዝተሰርሐን እዩ፡፡ ማእድናት ድማ ካብ ባእታታት ማለት ካብ ኦክሲጅን፣ ሳልፈር፣ ካልሽየም፣ ካርቦን ወዘተ ዝፍጠሩ እዮም።

## ዓይነታት ከውሒ

ኩሎም ከውሕታት ብመሰረት ዝፍጠርሉ መንገድን ከይድን ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ዓይነታት ይምቀሉ፡፡ ንሳቶም ድማ

ሀ እሳተ ጎመራዊ ለ ዘፍታዊ ከውሒ ሐ ልዉጥ ከውሒ እዮም

ሀ. **ከውሒ እሳተ ጎመራዊ :-** እዚ ይ ዓይነት ከውሒ ሽሙ ከምዝሕብሮ ኣብ ውሽጣዊ ቐፀላታት ምድሪ ብዝፍጠር ኣዝዩ ልዑል እሳተ ጎመራዊ ረስኒ ዝፍጠር እዩ። ብኣዝዩ ልዑል ረስኒ ምኽንያት ዝመኸኸ ከውሒ ማግማ ይበሃል። ማግማ ኣብ ውሽጢ እናሃለወ ወይ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቅርፊት ምድሪ ወጺኡ ምስ ዘሓለ ላቫ ይበሃል። እቲ ዝሒሉ ዝደረቐ ላቫ ድማ ኸውሒ ይኸውን። በዚ ይ መንገዲ ዝፍጠር ከውሒ ድማ ከውሒ እሳተ ጎመራ ይባሃል። ባዛልት /ፀሊም እምኒ/፣ ግራናይት፣ ጋብሮ ካብ ዓይነታት እሳተ ጎመራዊ ኸውሒ እቶም ቐንድታት እዮም።



ስእሊ 2.2 እሳተ ጎመራዊ ከውሒ

**ለ. ዘፍታዊ ከውሒ:-** “ተምሃሮ ኸይዱ ኸይዱ ዘፍ ኢሉ ዓሪፉ” ዝበሃል ኣዘራርባ እንታይ የመላኽተኩም? ዘፍታዊ ኸውሒ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ተጓዒዙ ኣብ ሓደ ዘፍ ኢሉ ዝተኣከበ ከውሒታት ዘመላኽት እዩ። ዘፍታዊ ከውሕታት ዝበሃሉ በዞም ዝስዕቡ ሰለስተ መንገድታት ኣቢሎም ዝፍጠሩ ደቀቕቲ ከውሕታት እዮም:-

1. ብፍግረ መሬት ተሳባቢሮም ካብ ዝደቐቑ ከውሒታት ይፍጠሩ፡፡
2. ካብ ብሃፋ ዝተነነ ማይ ቓላይ ወይ ማይ ባሕሪ ዝተረፉ ደረቕ ኣካላት ይፍጠሩ፡፡
3. ካብ ሞይቶም በስቢሶም ዝደረቑ እንስሳትን እፅዋትን ይፍጠሩ፡፡

በዞም ሰለስተ መንገድታት ዝፍጠሩ ከውሒታት ንሚልዮናት ዓመታት እናተኣከቡ፣ ኣብ ርእሲ-ርእሲ እናተፀቐጡ ምስ ፀንሑ ቐስ ብቐስ ዘፍታዊ ከውሒ ኮይኖም ይፍጠሩ፡፡ ፈሓም፣ ኖራ፣ ፀፀር፣ ሑፃ፣ ካብ መሬት ዝርከብ ጨው ወዘተ. ቐንዲ ኣብነታት ዘፍታዊ ከውሒ እዮም። ተምሃሮ ከውሕታት ተሳባቢሮም ንኸደቁን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ንኽጓዓዙን ዝገብሩ ሓይልታት ኣለው ዶ? እስቲ ኣብነታት ሃቡ፡፡



ስእሊ 2.3 ዘፍታዊ ከውሒ




## ንጥፈት

ተምሃሮ ሓይልታት ፍግረ - መሬት ንኽትግንዘቡ ነዚ ዝስዕብ ፈተነ ብጉጅለ ኾይንኩም ብምስራሕ ንኽፍሊ ኣቕርቡ፡፡ ኣቐዲምኩም ሽሓነ፣ ማይ ብጥርሙዝ፣ ሻምብቆ ወይ ንኡሽቶይ ናይ ጎማ ቱቦ፣ ቑፂን ወዘተ ኣዳልዉ። ደቀቕቲ ሑፃታትን ኣናእሽተ ከውሕታትን ዝሓዘ ሓደ ሽሓነ ኣዳልዉ። ነቲ ሽሓነ ብሓደ ጎኑ ክብ ንኽብል ኣብ እምኒ ኣቐምጥዎ። ዘንበል ክብል ግበሩዎ። ነቲ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል እቲ ሽሓነ ዝተኣከበ ሑፃን እምንን ናብቲ ታሕተዋይ ክፋል ናይቲ ሽሓነ ንኽእከብ ክልተ ወይድማ ሰለስተ ሓይልታት ወይድማ መንገድታት ምሂዝኩም ኣጓዕዝዎ። ካብዚ እንታይ ተዓዚብኩም?

ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ከውሕታት ተሳባቢሮም፣ ደቒቖም፣ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ተጓዒዞምን ኣብ ሓደ ቦታ ዘፍ ኢሎም ንኽእከቡን ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ሓይልታት ኣለዉ እዮም። ካብዞም ሓይልታት ፍግረ መሬት ንኣብነት ንፋስ፣ ወሓዚ ማይ፣ ግራቪቲ፣ ዝናብ፣ በረድ ካብቶም ቐንድታት እዮም።

**ሐ. ልዉጥ ከውሒ፡- ተምሃሮ ልዉጥ እንታይ ማለት እዩ? ለዉጥ ከውሒ ኸ እንታይ ዓይነት እዩ?** ልዉጥ ከውሒታት ዝፍጠሩ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ከውሒ ብምኽንያት ኣዝዩ ልዑል ረስንን ፀቕጥን ዝነበሮም ቅርፂ፣ መልክዕ፣ ትሕዝቶን ባህርያትን ቐይሮም ናብ ዝተፈለየ ዓይነት ከውሒ እንትልወጡ እዮም።



ስእሊ 2.4 ዓይነታት ልዉጥ ከውሒ

እቲ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ዝልወጥ ከውሒ እሳተ ጎመራዊ ከውሒ፣ ወይ ዘፍታዊ ከውሒ ክኾን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኖራ ዘፍታዊ ከውሒ እዩ። ከይኑ ግና ንነዊሕ እዋን ንኣዝዩ ልዑል ሙቐትን ፀቕጥን እንትቃላዕ ናብ ልዉጥ ከወሒ ዝኾነ እምነበረድ ይልውጥ። ፀፀር፣ ሑፃ፣ ወይ ሓሸዋ ዘፍታዊ ኸውሒ እዩ። ኾይኑ ግና

ንልዑል ረስንን (ሙቐትን) ፀቕጥን እንትቃላዕ ናብ ኳርትዛይት ዝበሃል ዓይነት ልዉጥ ከውሒ ይልወጥ። ስለዙይ ተምሃሮ፣ ኣብ ውሽጢ መሬት ዘለዉ ዘፍታዊ ወይ እሳተ ጎመራዊ ከውሕታት እናተቐበሩ፣ ኣናተፀቐጡን ንልዑል ሙቐት እናተቓልዑን እንትኸዱ ናብ ልዉጥ ከውሒ ይልወጡ እዮም። ከምኡ እውን ሓደ ዓይነት ኸውሒ ናብቲ ካልእ ዓይነት ከውሒ ዝልወጠሉ **ዑደት-ኸውሒ** ኣሎ እዩ። ንኣብነት ብዝተፈላለዩ ሓይልታት ሙቐት መኺኾም ዝዘሓሉ **እሳተ ጎመራዊ** ኸውሕታት ብምኽንያት ሓይልታት ፍግረ መሬት ተሰባቢሮም፣ ተጓዒዞም ኣብ ሓደ ሜዳ ወይ ማያዊ ኣካል እንትእከቡ **ዘፍታዊ ከውሒ** ይኾኑ። ከምኡ እውን ዘፍታዊ ኸውሒታት ንሓያል ሙቐትን ፀቕጥን እንትቓልዑ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ናብ **ልዉጥ ከውሒ** ይልወጡ። ብኸምዙይ ዓይነት መንገዲ ድማ ዑደት ከውሕታት ይቕፅል።

## ቑጠባዊ ረብሓ ከውሕታት

**ተምሃሮ ኣብ ኸባቢኹም ዘለዉ ኸውሕታት ንምንታይ ረብሓ ይውዕሉ? እስቲ፣ ብሓፈሻ ከውሕታት ዘለዎም ቑጠባዊ ረብሓ ዘርዝሩ?**

ተምሃሮ ኩሎም ከውሕታት ካብ መኣድናት ከምዝተሰርሑ ኣብዙይ ምዕራፍ ተምሂርኩምዎ ኢኹም፡፡ ገለገለ ከውሕታት ካብ ሓደ ዓይነት መዓድን ጥራይ ዝተሰርሑ እንትኾኑ ገለገሊኦም ድማ ብዝተፈላለዩ መዓድናት ዝሃፍተሙ እዮም፡፡ ዝተፈላለዩ መዓድናት ዝተፈላለዩ ቑጠባዊ ረብሓታት ይህቡ፡፡ ኮይኑ ግና ኩሎም ከውሕታት ረብሓ ዘለዎም ኣይኮኑን፡፡ እቶም ብዝለዓለ መጠንን ዓይነትን መኣድናት ዘለዎውም ኸውሕታት ጥራይ እዮም ተደለይቲ፡፡ ተምሃሮ ልዑል መጠን ወርቂ፣ ጥርቀለም፣ ሓፂን፣ ነዳዲ፣ ኣሉሚንየም ዘለውም ኸውሒታት ተኺዒቶም ወፂኦም ንምንታይ ቑጠባዊ ረብሓታት ከምዝውዕሉ እስቲ ዘርዚርኩም ተመያየጡሎም፡፡ ተምሃሮ፣ ቐፂሉ ቐሪቡ ዘሎ ሰደቓ ብውነ ተመልኪትኩም ገለገለ ዓይነታት ከውሕታት ዓይነቶምን ዝህብዎ ረብሓን እንታይ ከምዝኾነ ተገንዘቡ? ቐፂልኩም ንጥረኣቑሑ ኢንዱስትሪ፣ ንህንፃታት መስርሒ፣ ንጌፅ፣ ንምግብነት ካብ ዝውዕሉ መዓድናት ከውሒ ሓደ ሓደ ኣብነት ዘርዝሩ?




### ንጥፈት

ተምሃሮ ካብ ከባቢኹም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ከውሕታት ኣኪብኩም ብምምፃእን ብዝግባእ ብምርኣይን ምስ መምህርኩም ብምምይያጥ ኣብ ምንታይ ከምዝመሳሰሉን ኣብ ምንታይ ከምዝፈላለዩን ኣነፃፅሩ። ብምቕፃል ድማ እሳተ ጎመራዊ ወይድማ ዘፍታዊ ወይድማ ልዉጥ ከውሒ ብምባል ኣብ ሰለስተ መድብዎም።

| ተ.ቑ | ከውሒ መዓድን | ዓይነት ከውሒ | ቁጠባዊ ረብሕኡ |
|---|---|---|---|
| 1 | ግራናይት | እሳተ ጎመራዊ | ንዓበይቲ ህንፃታት መስርሕን መግለኽዕን |
| 2 | እምኒ ሐፃ | ዘፍታዊ ከውሒ | መስርሒ ህንፃ |
| 3 | እምኒ ኖራ | ዘፍታዊ ከውሒ | ንናይ ህንፃታት ኮንክሪት |
| 4 | ወርቂ፣ ኣልማዝ | ልውጥ ኸውሒ | ንጌፅ |
| 5 | ኳርትዛይት | ልውጥ ከውሒ | ንኮምፒዩር |
| 6 | ፈሓም፣ ነዳዲ፣ ጋዝ | ዘፍታዊ ከውሒ | ንኤነርጂ /ሓይሊ/ |
| 7 | ጂፕሰየም /ጀሶ ንቖክ ዝመስል/ | ዘፍታዊ ከውሒ | ንሕክምና መሰበርቲ ዓፅሚ፣ ንሞዴላት መስርሒ |
| 8 | እምነበረድ | ልውጥ ከውሓ | ንህንፃ |
| 9 | ስሚንቶ /ላይምስቶን/ | ዘፍታዊ ከውሒ | ንኮንስትራክሽን |

ሰደቓ 2.1 ቁጠባዊ ረብሓን ዓይነትን ከውሕታት




ካርታ 2.2 ዓይነታት ከውሒ ኢትዮጵያ

### ቑጠባዊ ረብሓ ክውሕታት ኣብ ኣፍሪካ

ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ሰለስቲኦም ዓይነታት ኽውሕታት ዝርከቡ ኣዝዮም ብዛሓት ዓይነታት መኣድናት ኣለዉ እዮም፡፡ ኮይኑ ግና ክንድቲ ዝድለ ኣብ ቁጠባዊ ረብሓ ዝወዓሉ ኣይኮኑን፡፡ ናይዚ ምኽንያት ድማ፦

- ሕፅረት ገንዘብ (ካፒታል)
- ዝተመሃረ ሓይሊ ሰብ ብብዝሒ ዘይምህላው
- መዓድን ዝርከቡሉ ቦታን ምፍላጥን መፅናዕትን ምርምርን ንምክያድን ነዊሕን ኣድካምን ስለዝኾውን
- ዝተማልአ ትሕተ-ቅርፂ (መንገዲ፣ መራኸቢ ወዘተ) ዘይምህላው እዮም።

ይኹን እምበር ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ እዞም ዝስዕቡ ማእድናት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ስራሕ እናወዓሉ እዮም፡፡ ንጥረ ኣቕሑ ኢንዱስትሪ ዝውዕሉ፣ ንሓይሊ ኤሌክትሪክ ዝወዕሉ፣ ንመሰርሕ ህንፃታትን መንገድታትን ዝውዕሉ፣ ወፃኢ ሽርፌ ንምምፃእ ንሰደድ ዝውዕሉ፣ ንገይፂ፣ ንምግብነትን ዝመሳሰሉን ዓብይ ቑጠባዊ ረብሓ ካብ ዝህቡ መኣድናት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፡፡

- ✓ ወርቂ ኣብ ክልል ኦሮሚያን ቤንሻንጉልን
- ✓ ጥርቀለም ኣብ ክልል ሃረሬ
- ✓ ፈሓም ኣብ ክልል ኣምሓራ
- ✓ ነዳዲ ዘይትን ጋዝ ተፈጥሮን ኣብ ክልል ሶማሌ /ኦጋዴን/
- ✓ ጨው ኣብ ክልል ትግራይን ዓፋርን
- ✓ ፕላቲንየም ኣብ ክልል ኦሮሚያ /ወለጋ/
- ✓ እምነ ሑፃ፣ እምነበረድ ኣብ ክልል ትግራይን ካልኦትን ወዘተ

ተምሃሮ ክውሕታት ኣብ ቁጠባ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘለዎም ረብሓ ኣረጋጊፅኩምዶ? እስቲ ተመያየጥሉ፡፡

# መጠቓለሊ

ካርታ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣውን ሰብ ሰራሕን ነገራት ንዝተወሰኑ ተመሪፁ ብወከልቲ ምልክታት ሓበሬታ ዘቐምጥ እዩ። ካብ ረብሓታት ካርታ መርከቦ ንምርካብ፣ ኣንፈት ንምፍላጥ፣ ርሕቐት ንምዕቃን፣ ስፍሓት ንምርካብ እቶም ቀንድታት እዮም። ኩሎም እዞም ረብሓታት ዝርከቡ ግና እቲ ካርታ ህዳግ ካርታ እንተሃልይዎ ጥራሕ እዩ። ኣብ ህዳግ ካርታ ዝርከቡ መግለፅታት ብመዳያት ዕሑፍ፣ ሕንፃፅ፣ ቕርፂ፣ ሕብርን ካልኦት ምልክታትን እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ካርታ ዝርከቡ መተዳእታታት ህዳግ ካርታ ብውሕዱ ርእሲ ካርታ፣ ኣንፈት ካርታ፣ ምፍትሕ ካርታን ዕለተ-ሕትመት ካርታን ክህልውዎ ይግባእ።

ምድሪ ብብዙሓት ቐፀላታት-ምድሪ ዝተዋቐረት እያ። ብሓፈሻ እንትራእዩ ሰለስተ ቀፀላታት-ምድሪ ኣለዉ። ንሳቶም ድማ ላዕለዋይ ኣካል መሬት፣ ማእከላይ ኣካል መሬትን ኣስኳል መሬትን ይበሃሉ። ላዕለዋይ ኣካል መሬት ብትሕዝትኡ ጥንክር ዝበለ፣ ካብ 5 ክሳብ 70 ኪሎሜትር ዕምቀት ዘለዎን ቐንዲ ትሕዝቶ ከውሕታቱ ሲኣልን ሲማን ዝኾነ እዩ። ማእለላይ ኣካል መሬት ት ዝረጎደ፣ ዕምቆቱ ክሳብ 2890 ኪሎሜትር ዝበፅሕ፣ ልዑል ረስኒ ዘለዎ፣ዝመኽከ ኸውሒ ዝርከቦ፣ከሚካዊ ትሕዝቶ ኸውሕታቱ ፔሮዳይት ዝኾነን ላዕለዋይ ትሕዝትኡ ግና ብሓፂን፣ ማግነዝየምን ሲለካን ዝተመልአ እዩ። ኣስኳል መሬት ንውሽጢ ናብ ሕምብርቲ ምድሪ ዝዘለቐ ቐፀላ ምድሪ እዩ።

ከውሒ ዝበሃል ብተፈጥሮ ኣብ ምደሪ ዝርከብ፣ ደረቕን ካብ ሓደ ወይ ብዙሓት መኣድናት ዝተሰርሐን እዩ። ማእድናት ድማ ካብ ኦክሲጂን፣ ሳልፈር፣ ካልሽየም፣ ካርቦንን ዝመሳሰሉን ባእታታት ይፍጠሩ። ኩሎም ከውሕታት ብመሰረት ዝፍጠርሉ መንገድን ከይድታትን ኣብ ሰለስተ ይምቀሉ። ንሳቶም ድማ ከውሒ እሳተ ጎመራ፣ ዘፍታዊ ከውሒ፣ ልዉጥ ከውሒ ይበሃሉ። ቁጠባዊ ረብሓ ከውሕታት ብቐንዱ ካብ ማእድናቱ ዝርከብ እዩ። ልዑል መጠን ወርቂ፣ ጥርቀለም፣ ሓፂን፣ ነዳዲ ዘይቲ፣ ኣሉሚነየም፣ ዩራንየም ወዘተ ዘለዎም ከውሕታት ንዝተፈላለዩ ረብሓታት ወድሰብ ይውዕሉ።

# ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ቁልፊ ካርታ | መፍትሕ ካርታ፤ ኣብ ካርታ ዘለዉ ሕብርታተን ምስልታትን እንታይ ከምዘመላኽቱ ወይ ከምዝውክሉ ዝገልፅ ሓበሬታ ካርታ። |
| 2 | ህዳግ ካርታ | ኩሎም ኣብ ካርታ ዘለዉ (ቁልፊ ካርታ ሓዊሱ) ሓበሬታታት ዝገልፅን ኣብ ጎኒ ካርታ ዝርከብን መብርሂ። |
| 3 | ኣንፈት ካርታ | ኣብ ካርታ ኣንፈት ሰሜን ዝሕብር ቀስቲ ወይ ጨረር። |
| 4 | ቅርፊት ምድሪ | ላዕለዋይ ቐፀላ (ፅፍፃፍ) ምድሪ |
| 5 | ሲኣል | ብማእድናት ሲልካን ኣሉሚንየምን ዝተመልአ ኸውሒ። |
| 6 | ሲማ | ብማእድናት ሲልካን ማግነዝየምን ዝተመልአ ኸውሒ። |
| 7 | ኣስኳል ምድሪ | ኣብ ውሽጢ (ሕምብርቲ) ምድሪ ዝርከብ ቐፀላ (ፅፍፃፍ) ምድሪ። |
| 8 | ማግማ | ኣብ ውሽጢ ምድሪ ዝርከብ ብኣዝዩ ልዑልረስኒ ዝመኸኸ ከውሒ። |
| 9 | ላቫ | ናብ ልዐሊ ምድሪ ወፂኡ ዝዘሓለ ማግማ። |
| 10 | ዘፍታዊ ከውሒ | ብፍግረመሬት ተኳዒዞምን ተሰባቢሮምን ኣብ ሓደ ቦታ ዝተኣከቡ ደቀቕቲ ከውሕታት። |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓቂ ወይድማ ሓሶት ብምባል መልሱ፡፡**

1. ካርታ ምሉእ ወይ ክፋል ኣካል ምድሪ ዘርእይ ኣብ ኣየር ኮይንካ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ከምዝረአ ጌሩ እዩ፡፡
2. ስፍሓት ሓደ ካርታ ምስቲ ስፍሓት ዝውክሎ ክፋል ምድሪ ማዕረ እዩ፡፡
3. መፍትሕ ካርታ ሓደ ካብ መረዳእታታት ህዳግ ካርታ እዩ፡፡
4. ላዕለዋይ ኽፋል ማእኸላይ ምድሪ ብሓፂን፣ ማግነዥየምን ሲልከትን ዝተመልአ እዩ፡፡
5. መጠን ረስኒ ኣስኳል ምድሪ ልዕሊ 4,000 ዲግሪ ሴልሽስ እዩ፡፡

6. ኸውሕታት ካብ ሓደ ወይ ብዙሓት መዓድናት ዝተሰርሑ እዮም፡፡
7. ላቫ ምስ ዘሓለ ማግማ ይበሃል፡፡

## ለ. ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ

1. ካርታ ናይ ዝኾነ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ወኪሉ ዘርእይ ብምንታይ እዩ?
   ሀ. ምልክታት ለ. ምስልታት ሐ. ሕብርታት መ. ኩሉ መልሲ እዩ
2. "ፖለቲካዊ ካርታ ኣፍሪካ" ዝብል ኣብ ሓደ ካርታ እንተሃልዩ እንታይ ዝገልፅ እዩ?
   ሀ. ርእሲ-ካርታ ለ. ኣንፈት ካርታ
   ሐ. ርሕቐት ካርታ መ. መጠን ካርታ
3. ካብ 5 ኪሎ ሜትር ክሳብ 70 ኪሎ ሜትር ዕምቀት ዘለዎ ቐፀላ ምድሪ መን እዩ?
   ሀ. ኣስኳል መሬት ለ. ማእኸላይ መሬት
   ሐ. ላዕላዋይ ኣካል መሬት መ. ሀን ለን
4. ኸውሕታት ካብ ነንሕድሕዶም ዝፈላለዩ ብምንታይ እዩ?
   ሀ. ብትሕዝቶ ምንፅብራቆም /ክሪስታል/ ለ. ብሕብሮም
   ሐ. ብጥንካረኦም መ. ኩሉ መልሲ እዩ፡፡
5. ካብዞም ዝስዕቡ ባህርያት ኸውሕታት እቲ ትኽክለኛ ዘይኮነ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ. ፀሊም እምኒ ጥንካረኡ ልዑል እዩ፡፡
   ለ. ኖራ ጥንኩርን ከቢድን እዩ
   ሐ. ግራናይት ክሪስታሎም ብቐሊሉ ዘንፀባርቕ ኣይኮነን፡፡
   መ. ኩሉ መልሲ እዩ፡፡
6. ዘፍታዊ ከውሕታት ከመይ ይፍጠሩ?
   ሀ. ብፍግረ-መሬት ተሰባቢሮም ካብ ዝደቐቑ ከውሕታት፡፡
   ለ. ካብ ብሃፋ ዝተነነ ማይ-ባሕሪ ዝተረፉ ደረቕ ኣካላት፡፡
   ሐ. ካብ ሞይቶም በሰቢሶም ዝደረቑ እንስሳትን እፀዋትን፡፡
   መ. ኩሉ መልሲ እዩ፡፡
7. ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ዘፍታዊ ከውሒ ኣይኮነን፡፡
   ሀ. ሑፃ ለ. እምነበረድ ሐ. ጨው መ. ፈሓም
8. ብምኽንያት ኣዝዩ ልዑል ሙቐትን ልዑል ፀቕጥን ዘፍጠር ዓይነታት ከውሒ እንታይ ይበሃሉ?
   ሀ. ልውጥ ኸውሒ ለ. ዘፍታዊ ኸውሒ
   ሐ. እሳተ ጎመራዊ ኸውሒ መ. ዑደት ከውሒ
9. ቑጠባዊ ረብሓ ግራናይት እንታይ እዩ? /ንምንታይ ይጠቕመና/?
   ሀ. ንኮምፒዩተር ለ. ንጌፅን ገንዘብን
   ሐ. ንህንፃታት መ. ንነዳዲ

10. ኣብ ኢትዮጵያ ብንፁር ነዳዲ ዘይትን ጋዝ ተፈጥሮን ዝርከበሉ ክልል ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ሱማል ለ. ኦሮሚያ ሐ. ኣምሓራ መ. ትግራይ

## ሐ. ኣብዞም ስዒቦም ቐሪቦም ዘለዉ ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ መልሲ ብምፅሓፍ ምልኡዎም።

1. ኣብ ካርታ ዝርከብን ርእሲ ካርታ፣ ኣንፈት ካርታ፣ መፍትሕ ካርታን ዕለተ ሕትመት ካርታን ዝገልፅ ሓበሬታ ዝሓዘ________________ይበሃል፡፡
2. ሰለስተ ቐፀላታት ምድሪ ዝበሃሉ __________፣______ን______ ን እዮም፡፡
3. ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ትሕዝቶ ከውሕታት ቅርፊት ምድሪ ________________ ______________ን ______________________________ን እዮም፡፡
4. ካብ ቀፀላታት ምድሪ እቲ ዝሰፍሐን ዝረጎደን ቐፀላ _______ እዩ፡፡
5. ከውሕታት በመሰረት ዝፍጠርሉ መንገድን ከይድን ኣብ ሰለስተ ይምቀሉ፡፡ ንሳቶም ድማ __________፣____________ ን ____________ን እዮም፡፡
6. ብኣዝዩ ልዑል መጠን ረስኒ እሳተ ጎመራዊ ዝመኸኸ ኸውሒ ________________ ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡
7. ካብ ዓይነታት እሳተ ጎመራዊ ኸውሒ _____ን __________ን ክልተ ኣብነታት እዮም፡፡
8. ኸውሕታት ናብ ዘተፈላለዩ ቦታታት ካብ ዘጓዓዕዙ ሓይልታት ፍግረ-መሬት ን ____ __________ን ክልተ ኣብነታት እዮም፡፡
9. ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ ስሚንቶ መሰቦ _______ዓይነት ከውሒ እዩ፡፡
10. ኣርባዕተ ቐንዲ ረብሓታት ካርታ

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ስርዓተ ምህዳርን ፈተናታቱን



## ውፅኢታት እዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፡-

- ዝርገሐ፣ ረብሓን ፅዕንቶ ዘሕድሩ ቐንዲ ምኽንያታትን ኣብ እፀዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣፍሪካ ትፈልጡ፡፡
- ቀረብን ስግኣታትን ሃፍቲ ዝስተ ማይ ትፈልጡ፡፡
- ሜላታት ኣተዓቓቕባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ትግንዘቡ፡፡

## ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ እዮም፡-

ተምሃሮ ነዙይ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ይውንኑ

- እፀዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ የለልዩን ተመልክቱን፡፡
- ቀንዲ እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ ይፈልዩን ምስ ከባቢኦም ከመይ ከም ዝዛመዱን ትገልፁን፡፡
- ተኽልታትን እንስሳትን ኣካል ስርዓተ-ምህዳር ከምዝኾኑ ትግንዘቡ /ትፈልጡ/፡፡
- እንስሳት መንበሪኦም እንተወዲሙ ንሳቶም እውን ከምዝበርሱ ተረጋግፁ፡፡
- ደቂ ሰባት ኣብ እንስሳት ዘሕድርዎም ፅዕንቶታት ትገልፁ፡፡
- ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክንከላኸሎ ከምእንኽእል ትግንዘቡ፡፡
- ኣብ ደቂ ሰባትን ማይን ዘሎ ዝምድና ተብርሁ፡፡
- ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ቐረብን ሕፅረትን ዝሰተ ማይ ኣፈሪካ ትገልፁ፡፡
- ስግኣታት ሃፍትታት ሓመድ ኣፍሪካ ተለልዩ፡፡
- መንቀልታት ብኽለት ከተማታት ትትንትኑ፡፡
- ዕቀባ እፀዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ ተዛምዱ፡፡
- ብኽለት ኣየርን ማይን ከመይ ምቁፅፃር ከምዝከኣል ትገልፁ፡፡
- ኣብ ሓለዋ ፅሬት ማይ ንምስታፍ ድልየት ተርእዩ፡፡

# መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ሳልሳይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣብ ስርዓተ ምህዳርን ፈተናታቱን ዝምልከት እንትኸውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ኣርእስታት ዝሓዘ'ዩ፡፡ እዚ ምዕራፍ ማእኸሉ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ገይሩ ብዛዕባ እንታይነትን ፈተናታትን ስርዓተ ምህዳር እትመሃሩሉ'ዩ። ኣብዚ ትምህርቲ ስርዓተ ምህዳር ድማ ዝበለፀ ጠመተ ተዋሂብዎ ዘሎ ንእፀዋት ተፈጥሮ፤ እንስሳት ዘገዳም፤ ማይ፤ ሓመድን ኣየርን'ዩ። ምስዚ ተተሓሒዙ ድማ ነዞም ኣካላት ስርዓተ ምህዳር ዝኾኑ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝበፅሖም ዘሎ ፅዕንቶታት፤ ምጥፋእ ብዝሃ-ህይወታውያን፤ መንቀልት ብኽለት ማይን ሓመድን፤ ንምዕቃብ ሃፍትታተ ተፈጥሮ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታትን ዝመሳሰሉን ዝሓወሰ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብዛዕባ እቲ ኣብ ስርዓተ ምህዳር ጠሚቱ ዝንቀሳቐስ ፕሮግራም ከባቢ ውድብ ሕቡራት መንግስታት (UNEP) ዝምልከት ሓደ ትሕዝቶ ቐሪቡ'ሎ። ምእንታን ብቐሊሉ ክትመሃሩን ክተፅንዑን ዝሕግዙ ካርታታት፣ ስእልታት፣ ንጥፈታትን መልመድታትን ብርክት ኢሎም ኣትዮም'ዮም፡፡

ስርዓተ ምህዳር፡- ተምሃሮ ስርዓተ ምህዳር እንታይ ማለት እዩ? ሃፍታት ተፈጥሮ ዝበሃሉ እንታይ እዮም? እስቲ ዘርዝርዎም? ኣብ ሞንጎ እቶም ኣብ ሓደ ከባቢ ዝርከቡ ከም ሓመድ፣ ኣየር፣ ማይ፣ እንስሳት፣ እፅዋት፣ ብርሃን ፀሓይ፣ ደቂ ሰባትን ካልኦት ዘሎ ምትእስሳርን ርክብን ስርዓተ ምህዳር ይበሃል፡፡

ተምሃሮ ቐፂልኩም ካብዞም ሂወት ዘለዎምን ሂወት ዘይብሎምን ኣካል ስርዓተ ምህዳር ዝኾኑን ብዛዕባ እቶም ዝተወሰኑ ክትመሃሩ ኢኹም፡፡

## 3.1 እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን፡-

ተምሃሮ ኣብ 6ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከቡ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳ ዘገዳምን ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ እንታይ ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይርከቡ? እስቲ ተመያየጥሉ?

### 3.1.1 እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣፍሪካ

ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ እፅዋት ተፈጥሮ ካብ ካልኦት ተኽልታት ዝፈልዮም እንታይ እዩ? እንስሳት ዘገዳም ዝበሃሉኸ እንታይ ዓይነት እንስሳት እዮም? ኣብ ከበቢኹም እንታይ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣለዉ? እፀዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን እንታይ ረብሓ ኣለዎም? እስቲ ብጉጅለ ኾይንኩም ተመያይጥሎም፡፡ ንኽፍሊ ድማ ኣቕርቡ፡፡

**ሀ. ዝርግሐ፡-** ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ዝተፈላለዩ እፅዋት ተፈጥሮ ኣለዉ፡፡ ኣብዞም እፅዋት ተፈጥሮ ዝነብሩ ዝተፈላለዩ እንስሳት ዘገዳም እውን ኣለዉ እዮም፡፡ ገለገሊኦም ኣብ ኣፍሪካ ጥራይ ዝርከቡ እንስሳት እዮም፡፡ ተምሃሮ እስቲ ኣብ ካልእ ሃገር ዘይርከቡ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ጥራይ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ዘርዝሩ?
ብሓፈሻ እንትረአ ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ ኣብ ሸውዓተ ዓይነታት ይምደቡ፡፡ ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

1. **እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቅናት ምድሪ፡-** እፅዋት ክሊ ቕናት ምድሪ ሸሞም ከምዝሕብሮ ኣብ ኣፍሪካ ኣብ ዙርያ ቅናት ምድሪ ዝርከብ እዮም፡፡ ብፍላይ ድማ ካብ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ንኣንፈት ምዕራብ ዘሎን ገማግም ምዕራብ ኣፍሪካን የጠቓልል፡፡ እዚ ከባቢ ዓመት ምሉእ ዝናብ ስለዝረክብን ልዑል መጠን ረስኒ ስለዘለዎን ንእፅዋት ምችው እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ድማ ብኣዝዮም ረጎድትን ነዋሕትን ኣግራብን ልዑል ፃዕቒ ብዘለዎ ዱርን ዝተሸፈነ እዩ፡፡ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቕናት ምድሪ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ኣብ ኣእዋም ተንጠልጢሎም ካብ ጨንፈር ናብ ጨንፈር ዝዘሉን ዝሸሉኽለኹን እዮም፡፡ ከም ህበይ፣ ወዓግ፣ ኣዕዋፍ፣ ተመንን ዝመሰሳሉን እዮም ቐንዲ እንስሳት እዚ ኸባቢ፡፡ ተመሃሮ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቕናት ምድሪ ከም ሓርማዝ፣ ዓጋዘን፣ ኣድጊ በረኻን ዝመሰሳሉን ዓበይቲ እንስሳት ዘገዳም ኣይርከቡን እዮም፡፡ ንምንታይ እዮም ኣብዙይ ዘይነብሩ? እስቲ ተመያየጥሉ?

2. **እፀዋት ተፈጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ሃሩር፡-** እዙይ ዓይነት እፅዋት ኣብ ዙርያ እፅዋት ክሊ ቕናት ምድሪ ዝርከብ ዝሰፍሐ ክፋል ኣፍሪካ ዝሸፈነ እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ብሳዕሪ ዝተሸፈነ እዩ፡፡ ዝሓሸ ዝናብ ኣብ ዝዘንበሉ ኣብ ዙርያ ክሊቕናት ምድርን ኣብ ገማግም ሩባታትን ኣዝዮም ነዋሕቲ ሳዕርታትን ከም ሰራውን ጫዓን ዝመሰሳሉ ኣግራባትን ይቦቕሉ፡፡ እዚ ድማ ትሮፒካዊ ሳቫና ይበሃል፡፡

ኣብ ዙርያ እዙይ ትሮፒካዊ ሳቫና ዝርከብ ሳዕሪ ምድሪ ግና ድርቕ ዝበለ ስለዝኾነ ሓፀርትን ደረቕን ሳዕርታት ዝቦቕለሉ እዩ፡፡ ተምሃሮ እስቲ መርከቦ ናይዞም እፅዋት ኣብ ካርታ 3.1 ኣለልዩ፡፡


ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ዓበይቲ /ገዘፍቲ/ እዮም፡፡ ከም ሓርማዝ፣ ዓጋዘን፣ ኣድጊ በረኻ፣ ዘራፍ፣ ኣንበሳ፣ ተኹላ ዝርከብሉ እዩ፡፡ እዙይ ስርዓት ምህዳር ንስጋ ይኹን ንተኽሊ ተመገብቲ ምችው መንበሪ እዩ። እዞም ገዘፍቲ እንስሳት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንምዝውዋር ዘኽእሎም ምችውን ሰፊሕን ቦታ-ሳዕሪ ስለዘለዎም ብበዝሒ ዝነብሩሉ እዩ፡፡



ስእሊ 3.1 እፅዋት ተፈ ጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ሃሩር /ሳቫና/

3. **እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ማእኸላይ ረስኒ፡-** እዙይ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ዓይነት እፅዋት እዩ፡፡ ካብ እፀዋት ተፈጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ሃሩር ዝፈልዮ ትሕት ዝበለ መጠን ረሰኒ ስለዘለዎ እዩ፡፡ ሳዕሪ ናይዙይ ክሊ ቑልጢፉ ስለዘይደርቕን ማእኸላይ ረስኒ ስለዘለዎን ንመንበሪ እንስሳት ዘገዳም ምቹው እዩ፡፡
4. **እፅዋት ተፈጥሮ በረኸቲ ቦታታት፡-** ተምሃሮ እስቲ ፊዚካዊ ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም ኣብ ከባቢ ምብራቕን ማእኸላይን ኣፍሪካ ዘለዉ በረኸቲ ቦታታት ኣነፅሩ? ኣብዞም በረኸቲ ቦታታት ዝርከቡ እፅዋት ብምኽንያት ኣፈላላይ ብራኸን መጠን ረስንን ዝተፈላለዩ እዮም፡፡ ኣብቲ ዝለዓለ ብራኽ ሓደ እምባ ዝበቕሉ እፅዋት ተፈጥሮን ዓይነታት እንስሳ ዘገዳምን ዝተፈላለዩ እዮም፡፡ ኣብ ጫፍ እምባታት ኣዝዩ ዝሑል መጠን ረስኒ ዘለዎን ገለገሊኡ ብበረድ ዝተሸፈነን ስለዝኾነን እፅዋት ይኹን ንእንስሳት ምችው ኣይኮነን፡፡ ኣብዚ ከባቢ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣግራብ ሳዕርታትን ኣርቃይን ስለዝበቕሉ መንበሪ ዝተፈላለዩ እናእሽተይን ዓበይትን እንስሳት ዘገዳም እዩ፡፡
5. **እፀዋት ተፈጥሮ ምድረበዳ፡-** እዙይ ዓይነት ምድረበዳ ኣብ ሰሜን ኣፍሪካ ኣብ ምድረበዳ ሰሃራ ካብ ገማግም ቐይሕ ባሕሪ ክሳብ ገማግም ሰሜን ኣትላንቲክ ውቕያኖስ ዝተዘርገሐ እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኣፍሪካ ገማግም ደቡባዊ ኣትላንቲክ ውቕያኖስ ኣብ ምድረ በዳ ካላሃሪ ይርከብ፡፡ እዙይ ከባቢ ኣዝዩ ትሑት መጠን ዝናብን ልዑል መጠን ረስንን ስለዘለዎ ንእፅዋት፣ ንመንበሪ እንስሳት ይኹን ንደቅሰባት ምችው ኣይኮነን፡፡ ኮይኑ ግና ድርቕን ሓያል ረስንን ክፃወሩ ዝኽእሉ ከም ቑልቋልን ካልኦት ዓሻኽ እፅዋትን ሓልሓሊፎም ይበቕሉ እዮም፡፡ ዝርገሐ እንስሳት ዘገዳም እውን ከምቲ እፅዋት ኣዝዩ ስሑው እዩ፡፡ ከም ጠበቕ፣ ተመን፣ ኣንጭዋን ሓልሓሊፎም ድማ ቡኻርያን ጥራሕ እዮም ኣብዚ ዝርከቡ፡፡

6. **ኣግራብ ማእኸላይ ረስኒ፡-** እዚ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ገማግም ውቕያኖስ ህንዲ ዝርከብ ብኣግራብ ዝተሸፈነ እዩ፡፡ እቶም ኣግራብ ኣብ ሓጋይ ቆፅሎም ዘርግፉ እዮም፡፡ እዙይ ከባቢ ዝተፈላለዩ ኣዕዋፋትን ማእኸላዎት እንስሳት ዘገዳምን ዝርከቡሉ እዩ፡፡
7. **እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ሜዲተራንያን፡-** እዚ ኣብ ደቡባዊ ጫፍን ኣብ ጫፍ ሰሜን ምዕራብ ኣፍሪካን ዝርክብ እፅዋት እዩ፡፡ እዚ ከባቢ ብቑጥቋጥ፣ ኣውሊዕ በረኻ፣ሓፀርቲ ኣእዋምን ዝተሸፈነ ኮይኑ መንበሪ ዝተፈላለዩ ኣዕዋፍ፣ ቡኻርያ፣ ተኹላን እዩ፡፡




ካርታ 3.1 ዝርግሐ እፀዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ

## ዕዮ ጉጅለ



1. ተምሃሮ ካርታ 3.1 ኣብ ደፍተርኩም ስኣሉ፡፡ ተመያየጡሉ፡፡ ብጉጅለ ኾይንኩም መፍትሕ ካርታ ዓይነቶም ትኽክለኛ ዓይነታት እፅዋት ኣለሊኹም ትኽክለኛ ስም ዓይነት እፅዋት ጥቐሱ፡፡



ስእሊ 3.2 ካብ እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ

2. ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይንኩም እዞም ሸውዓተ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮን ዝተፈላለዩ ዓይነታት እንስሳ ዘገዳምን ምስቲ ኣብ ከባቢ'ኹም ይኹን ኣብ ሃገርኩም ዘሎ ከመይ ከም ዝዛመድ ተመያይጥኩም ኣቕርቡ፡፡



ስእሊ 3.3 ዜብራ



ስእሊ 3.4 ካብ እንስሳት ዘገዳም ኣፍሪካ - ዘራፍ

## 3.1.2 ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን፥

**ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹምን ሃገርኩምን ዘለዉ እፀዋት ተፈጥሮ ንምንታይ ይጠቕሙ? እንስሳት ዘገዳምከ እንታይ ረብሓ ኣለዎም? እስቲ ተመያየጥሉ?**

ብሓፈሻ እንትረኣዩ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳን ዘገዳም ዝህብዎ ረብሓ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጉዳያት ምጥቕላል ይካኣል እዩ፡፡ ዝህብዎም ረብሓ ቑጠባውን መንፈሳውን /ባህላውን/ እዮም፡፡

### ቁጠባዊ ረብሓ እፅዋትን እንስሳ ዘገዳምን፥

- እፀዋትን እንስሳትን ንውድሰብን እንስሳትን ብምግብነት የገልግሉ፡፡ ንኣብነት ንምግብነት ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ ተክልታት፣ ፍረ-ምረ፣ መዓር፣ ቡን፣ ቕመማ ቕመም፣ ሳዕሪ ወዘተካብ እፅዋትን እንስሳትን ይርከቡ።
- እፅዋት ካብ ፍግረ-መሬት ይከላኸሉ ብተወሳኺ እውን ልሙዕነት ሓመድ ይውስኹ በዙይ ኣቢሎም ድማ ምህርቲ ሕርሻ ክስስን ይገብሩ፡፡
- እፅዋት ንመስርሒ ገዛ፣ ኢንዱስትሪታት ጥረ ኣቕሓ፣ ንናውቲ ገዛን ንነዳድን ይውዕሉ፡፡
- ካብ ዝፍረዮ ዓይነታት መድሓኒት እቶም 25% ካብ እፅዋት ዝዳለዉ እዮም፡፡
- እፅዋት ፍልፍል ኦክሲጅን፣ ዝናብ ሰሓብትን ከባቢ ኣየር ዘመሓይሹን እዮም፡፡
- ፍልፍል እቶት ቱሪዝም እዮም፡፡

### መንፈሳዊ /ባህላዊ/ ረብሓ እፅዋትን እንስሳ ዘገዳምን፥

- ደቂ ሰባት እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ብምርኣይን ብምድናቕን ኣዝዩ ዝለዓለ መንፈሳዊ ደስታ ይረኽቡ፡፡ በዙይ ምኽንያት ድማ ቁጠባ ሃገር ዘማዕብል ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ይስፋሕፋሕ፡፡
- ዝተፈላለዩ እፀዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ከም ሓደ ዓብይ ቤተ ፈተነ / ላብራቶሪ/ ኾይኖም ንዝተፈላለዩ ሳይንሳዊ መፅናዕትታትን ምርምርን ይውዕሉ፡፡

## 3.1.3 ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ፅዕንቶ ዘሕድሩ ቐንዲ ምኽንያታት

ተምሃሮ ኣብ 6ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ምዕራፍ ሰለስተ ብዛዕባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? እስቲ ንዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳ ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ዝፀልዉ ቐንዲ ምኽንያታት እናዘከርኩም ተመያየጥሉ?

እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ካብ እዋን ናብ እዋን እናነከዩን እናበረሱን

እዮም፡፡ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዕፅንቶ ዘሕድሩ ምኽንያታት ብዙሓት እዮም፡፡ እቶም ቐንድታት ግና ብዓብይኡ ወዲ ሰብ ባዕሉን ከምኡ´ውን ተፈጥሮኣዊ ኩነታትን እዮም፡፡ ብሕልፊ እቲ ብደቂ ሰባት ዝበፅሕ ጉድኣት ኣዝዩ ዝለዓለን ዝተሓሳሰብን እዩ፡፡ ተምሃሮ፣ ኣብ 6ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ምዕራፍ ኣርባዕተ ብዛዕባ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘብፀሖ ጉድኣትን ተማሂርኩም ኔርኩም፡፡ እስቲ ሓፂር ምይይጥ ኣካይዱ፡፡

ኣብ ዓለምና ብሕልፊ ድማ ኣብ ክፍለ ዓለምና ኣፍሪካ ኣዝዩ ቕልጡፍ ዕቤት በዝሒ ህዝቢ ኣሎ እዩ፡፡ እዙይ በብእዋኑ እናዓበየ ዝመፀ በዝሒ እቲ ህዝቢ ዕለታዊ መነባብሮኡ ንኽማሓይሽ ኣብ ዝገብሮ ምንቅስቓሳት ኣብ ልዕሊ ሃፍትታት ተፈጥሮ ሰፋ ዘይብል ብርሰትን ጉድኣትን ከብፅሕ ኣገዲድዎ እዩ፡፡ ኣብ ዓለምና ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዘርኢ እፀዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ካብ ገፀ-ምድሪ ጨሪሶም ዝጠፍኡን እናተመናመኑ ዘለዉን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም፡፡ ንኣብነት ቕድሚ ኣርባዓ ዓመታት ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ሃገርና ኢትዮጵያ እቲ 35% ብደንን ኣእዋምን /ዱር/ ዝተሸፈነ እዩ ኔሩ፡፡ ደቂ ሰባት ብዘብፅሕዎ ጉድኣት ግና ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣስታት 3% ጥራይ እዩ ብደኒ /ዱር/ ተሸፊኑ ዘሎ፡፡ ደቂ ሳባት ንመሰርሒ መንበሪ ገዛ፣ መንገድታት፣ ንህንፀት ከተማታት፣ ንሕርሻ፣ ንኢንዱስትሪ ወዘተ እናበሉ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮ ከቢድ ጉድኣት ክበፅሕ እናገበሩ እዮም፡፡ እፅዋት ተፈጥሮ ድማ መንበሪ ዝተፈላለዩ እንስሳት ዘገዳም ስለዝኾኑ ንሳቶም እንትበርሱ እንስሳት ዘገዳም እውን እናጠፍኡን እናተመናመኑን ይርከቡ ኣለዉ፡፡

ደቂሰባት ኣብ ርእሲ እቲ መነብሮኦም ንምምሕየሽ ኢሎም ዘብፅሕዎ ዕንወት ብተወሳኺ ብሰንኪ ትሑት ግንዛበን ግዲ ብዘይምግባርን ዘብፅሕዎ ጥፍኣት እውን ከቢድ እዩ። ንኣብነት ልሙዕ ሓመድ እናተባሕጎገ እንትኸድ ዕቀባ ሓመድ ዘይምክያድ፣ ኣብ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን መርዛም ጓሓፍ ብምድርባይን ብዘይምግዳስ ብሚልዮናት በርሚል ዝቑፀር ነዳዲ ዘይቲ ኣብ ውቅያኖስን ባሕርን ክፈስስ ብምግባርን ናይ ብዙሓት ዓይነታት ዘርኢ ዓሳን ካልኦት እንስሳት ማያዊ ኣካላትን ክጠፍኡን ክመናመኑን ጌሮም እዮም። ደቂ ሰባት ካልእ መማረፂ ነዳዲ ኣብ ክንዲ ምጥቓም ብምኽንያት ድኽነት ነተን ዘለዋ እፅዋት ተፈጥሮ እናብረሱ ይነብሩ ኣለዉ። ተመሃሮ፣ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዕፅንቶ ዘሕድሩ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት እንታይ እዮም? እስቲ ተመያየጡሎም? ኣውሎንፋስ ኣብ ልዕሊ ኣግራባትን ካልኦት እፅዋትን ከምኡ እውን ኣብ ልዕሊ እንስሳት ዓብይ ጉድኣት የብፅሕ እዩ። ብምኽንያት ምውሳኽ መጠን ረስኒን ምልውዋጥ ነባሪ ኣየርን ዓለምና ኣብ ከባብታት ዋልታ ዝርከብ በረድ እናመኸኸ ናብ ማይ ይልወጥ ኣሎ። በብእዋኑ ድርቂ ክኸሰትን ምድረበዳ ክስፍሕፉሕን ይገብር ኣሎ። እዙይ ድማ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን እናሰፍሑን ንመሬት ገማግም ባሕሪ እናዕለቕለቑን ይርከቡ። ካልእ ጉዳኣት ዘብፅሕ ሓይሊ ተፈጥሮ እቲ በብግዚኡ ዝፍጠር ውሕጅ

ኣብ ልዕሊ ሓመድ፣ እፅዋትን እንስሳትን ዘብፀሖ ዓብይ ብርሰት እዩ። ብተፈጥሮ ዝለዓል ባርዕ ሓዊ ኣብ ሓፂር እዋን ስለዘይጠፍእ ንኣዝዩ ሰፊሕ ቦታ የብርስ እዩ።

ስለዚ ተምሃሮ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምኽንያታት ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን በብእዋኑ ጉድኣትን ብርሰትን ይበፅሕ እዩ።



ስእሊ 3.5 ፅዕንቶ ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ

## ምጥፋእ በዝሓ - ሂወታውያን

ተምሃሮ በዝሓ ሂወታውያን እንታይ ዝገልፅ እዩ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጥሉ? በዝሃ ሂወታውያን ኩሎም ሂወት ዘለዎም ደቀቕቲ ነፍሳት፣ ማያውን ምድራውን እንስሳትን እፅዋትን ዘጠቓልል ኮይኑ ምስ መንበሪ ኸባቢኦምን ዘለዎም ርክብ እውን ዝሓወሰ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣዝዩ ከቢድ ምጥፋእ በዝሃ ህይወታውያን እናተኸሰተ ስለዝኾነ ዓለምና ኣብ ኣዝዩ ኸቢድ ሓደጋ ወዲቓ ትርከብ።፡ ናይዚዩ ሓደጋ ቐንዲ መግለፂ ድማ እቲ በብእዋኑ ኣብ ዓለምና ዝኸሰት ዘሎ ምዝባዕ ነባሪ ኣየር እዩ። ሳይንሳዊ መፅናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ኣብ ዓለምና በብዓመቱ ኣስታት 27,000 ዘርእታት በዝሃ ሂወታውያን እናጠፍኡ እዮም።ናይዚዩ ጥፍኣት ቐንዲ ምኽንያት ድማ ኣብ ልዕሊ ሰርዓት - ምህዳር ዝበፅሕ ፈተናታትን ዕንወትን እዩ። ብሕልፊ ኣብ እቶም ቐንዲ መንበሪ በዝሃ-ሂወታውያን ዝኾኑ እፅዋት ተፈጥሮ፣ ባሕርታትን ውቕያኖሳትን ዝበፅሕ ብርሰትን ብኽለትን ቐንዲ ምኽንያት እዩ። ኣብዚዩ ድማ ብዋናነት ተሓታቲ ወዲ-ሰብ እዩ። ተምሃሮ ነዞም ሓዳጋታት ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክንከላኸሎም ንኽእልዶ? ደቂ-ሰባት

### እንታይ ኽገብሩ ይኽእሉ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ነባሪ ኣየር ዓለምና እናተዛብዐ እዩ:: ብምኽንያት ምዝባዕ ነባሪ ኣየር መጠን ረስኒ ይወስኽ ኣሎ:: ኦዞን እናተሸንቀረ እዩ:: ድርቂ በብእዋኑ እናተኸሰተ እዩ:: ምድረበዳ እናሰፍሐ እዩ:: ናይዚይ ኩሉ ሓደጋታት መልዐሊ ደቂ ሰባት እዮም:: ስለዚይ ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ደቂ ሰባት ባዕላቶም ክከላኸልዎ ይኽእሉ እዮም ማለት እዩ:: ውልቀ ሰባት፣ ህዝብታትን መንግስታትን ግንዛቤኦም ኣማዕቢሎም ብሕብረት እንተተንቃሰቒሶም ሓደጋ ምዝባዕ ኣየር ምንካይ ይክኣል እዩ:: ንኣብነት ንምዝባዕ ነባሪ ኣየር ቐንዲ ምኽንያታት ካብ ዝኾኑ ሓደ ምሸንቋር ኦዞን እዩ:: ኦዞን ዝተባሃለ ጋዝ ኦክሲጂን ኣብ ከባቢ ኣየር ዝርከብ ቀፀላ እዩ:: ኦዛን ካብ ፀሓይ ዝመፅእ ኣልትራቫዮሌት ዝተባሃለ ሓያል ጨረር ናብ ዓለምና ንኸይበፅሕ ዝከላኸልን ዓፊኑ ዝሕዝን እዩ:: ኮይኑ ግና ካብ ፋብሪካታት፣ ካብ ተሽከርከርቲ፣ ካብ ባርዕ ሓዊ እፅዋት ተፈጥሮን ካልኦትን ብዝወፅእ ካርቦንዳይኦክሳይድ እቲ ኦዞን ይጉዳእ ኣሎ:: በዚይ ድማ ኦዞን እናሰሓወን እናተሸንቀረን እዩ:: በዚይ ምኽንያት ድማ መጠን ረስኒ ዓለምና ይውስኽ ኣሎ::

ምኽንያት ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ድማ ይኸውን ኣሎ:: ስለዚይ ተምሃሮ ደቂ ሰባት ካብ ከምዚይ ዓይነታት ኣዕነውቲ ተግባራትን ጥፍኣታትን እንተተዓቂቦም ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ምክልኻል ይካኣል እዩ:: ዝሐሸትን ንመፃኢ ወለዶ ምችዊ ዝኾነትን ዓለም ክንገብራ ንኽእል ኢና። ንፍኻትኩም እውን ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክንከላኸሎ ከምእንኽእል ተገንዚብኩም እጃምኩም ኸተወፍዩን ዜግነታዊ ግዴታኹም ክትፍፅሙን ይግባእ።

## መልመዲ 3.1

**ሀ ንሕድሕድ ሕቶ ካብ ዝቐረቡ መማረፂ መልስታት እቲ ትኽክል ዝኾነ ምረፁ።**

1. ካብ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ብኣንፈት ምዕራብ ዝርከብ ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ እፅዋት በረኽቲ ቦታታት — ለ እፅዋት ክሊ ቅናት ምድሪ
   ሐ እፅዋት ክኣ ምድረበዳ — መ እፅዋት ክሊ ሜዲተራንያን
2. ብኣዝዮም ረጎድትን ነዋሕትን ኣግራብን ዝለዓለ ፃዕቒ ብዘለዎ ዱርን ዝተሸፈነ እፅዋት ተፈጥሮ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ እፅዋት ኣግራብን ሳዕርን ማእኸላይ ረስኒ — ለ እፅዋት ክሊ ሜዲተራንያን
   ሐ እፅዋት ክሊ መሬት ሳዕሪ — መ እፅዋት ክሊ ቅናት ምድሪ
3. ካብ ኣፍሪካ ዝለዓለ ስፍሓት ዝሓዘ እፅዋት ተፈጥሮ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ እፅዋት ክሊ ቅናት ምድሪ — ለ እፅዋት ክሊ ሜዲተራንያን
   ሐ እፅዋት ክሊ መሬት ሳዕሪ ሃሩር — መ እፅዋት ክሊ በረኽቲ ቦታታት
4. ኣብ ሰሃራን ካላሃርን ዝርከብ ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ እፅዋት ክሊ ምድረበዳ — ለ እፅዋት ክሊ ቅናት ምድሪ
   ሐ እፅዋት ክሊ ሜዲተራንያን — መ እፅዋት ክሊ በረኽቲ ቦታታት

5. ብምኽንያት ምውሳኽ መጠን ረስኒንን ምልውዋጥ ነባሪ ኣየርን ዓለምና ዝኸሰት ዘሎ ተርይእዮ  ኣየንኡ እዩ?
   ሀ  በረድ ከባብታት ዋልታ እናመኸኸ እዩ
   ለ  ባሕርታትን ውቅያኖሳትን እናሰፍሑን ንመሬት ገማግም ባሕርታትን ውቅያኖሳትን እናዕለቕለቑ እዮም
   ሐ  ምድረበዳታት  እነሰፍሑ እዮም
   መ  መኩሉ መልሲ'ዩ።

ለ  ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ 'ሓቒ'፣ ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ 'ሓሶት' ብምባል መልሱ።

1. ኣብ ክሊ እፅዋት ተፈጥሮ  ቅናት ምድሪ ከም ሓርማዝን ዓጋዘንን ዝመሰሉ ዓበይቲ እንስሳት ዘገዳም ይርከቡን እዮም።
2. ምድረበዳ ኣዝዩ ሓያል ረስንን ልዑል መጠን ዝናብን ዘለዎ እዩ።
3. ኣብ ኣፍሪካ ኣግራብ  ክሊማእኽላይ ረስኒ  ዝርከብ እብ  ገማግም ቀይሕ ባሕርን ውቅያኖስ ኣትላንቲክን እዩ።
4. እፅዋት ክሊ ሜዲተራንያን ኣብ ደቡባዊ ጫፍን ሰሜናዊ ጫፍን ክፍለዓለም ኣፍሪካ ይርከብ።
5. ሓደጋ ምጥፋእ በዝሃ ህይወታውያን ሓደ ካብ ሳዕቤናት ምዝባዕ ነባሪ ኣየር እዩ።

## 3.2 ማይ፣ ሓመድን ኣየርን

ተምሃሮ ሃፍቲ ተፈጥሮ እንታይ ማለት እዩ? ተፈጥሮ ንደቂ ሰባትን እንስሳትን ካብ ዝዓደለቶም ሃፍትታት ማይ፣ ኣየርን ሓመድን እቶም ቀንድታት እዮም። ደቂሰባት ነዞም ሃፍትታቱ ካብ ሓደጋ ሓልዩንተኸናኺኑንክዕቅቦም ናይ ግድን'ዩ።

### 3.2.1 ማይ፡-



**ንጥፈት**

ተምሃሮ ማይ ካበይ ይርከብ? እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ? ማይ እንታይ ፀገማት ኣለውዎ? መንቀልታት ፀገም ዝስተ ማይ  እንታይ እዮም? እስቲ ተመያየጥሎም?

#### ሀ ረብሓ ማይ ንሂወት

**ዕዮ ጉጅለ**



ተምሃሮ "ማይ-ሂወት እዩ" ክባሃል ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? እንታይ ንማለት እዩ? ማይ ንህይወት ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ? ኣብ ደቂ ሰባትን ማይን እንታይ ዓይነት ዝምድና ኣሎ ትብሉ? እስቲ ኣብ ጉጅለኹም ተመያይጥኩም ናይ ምይይጥኩም ፅሟቕ ንክፍሊ ኣቕርቡ? ማይ ንደቂ ሰባት ዝህቦ ረብሓ ብዙሕ እዩ፡፡ ተምሃሮ ማይ እንተይሰተኹም እንተነውሐ ንክንደይ ግዜ ክትፅንሑ ትኽእሉ? ብድሕሪኡ'ኸ

ማይ እንተዘይረኺብኩም ኣብ መጨረሻ እንታይ ትኾኑ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጥሉ? ብሓፈሻ ደቂ ሰባት ማይ ንመስተ፣ ንዝተፈላለዩ ግልጋሎታት ዘቤት ይጠቅም። ከምኡ'ውን ንፍርያት ኢንዱስትሪ፣ ሕርሻ፣ መዓድን ወዘተ ዓብይ ረብሓ ኣለዎ።

ብቐንዱ ግን ንሂወት ወዲሰብን ካልኦት ሂወታውያንን ዘለዎ ረብሓ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ወዲ ሰብ ማይ እንተይሰተየ ንዝተወሰኑ ሓፀርቲ መዓልትታት ወይ ሰዓታት ጥራይ እዩ ብሂወት ክፀንሕ ዝኽእል፡፡ ካልኦት ሂወት ዘለዎም ነገራት እውን ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶኦም ካብ 60% ክሳብ 70% ማይ እዩ፡፡ ማይ ንህይወት ደቂ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ቐንዲ ረብሓታት ኣለውዎ፡-

- ብምግብነት እንበልየምን እንሰትዮምን ክሓቁ ይገብር፡፡
- ዝሓቐቑ ምግብታት ምስ ሰውነትና ንኽወሃሃዱ የኻዓዕዝ፡፡
- ካብቶም ዝበላዕናዮምን ዝሰተናዮምን ምግብታት ንህይወት ወዲሰብ ኣብ ሞት ዘብፅሕ መጠን ረስኒ ከይፍጠር መጠን ረስኒ ሰውነትና ይቆፃፀር፡፡
- ከም ጨው፣ ፕሮቲን፣ ካርቦ ሃይድሬትን ዝመሳሰሉን ኬሚካላት ኣብ ሰውነትና ሓቚቖም ንኽሰባበሩን ብቐሊሉ ምስ ደምና ንኽወሃሃዱን ይገብር፡፡
- ቐንዲ ትሕዝቶ ደም ወዲ ሰብ ማይ እዩ፡፡

ስለዚ ተምሃሮ ኣብ መንጎ ማይን ደቂ ሰባትን ዘሎ ዝምድና ናይ ሞትን ህይወትን ጉዳይ እዩ፡፡ ወዲሰብ ጥዕንኡ ሓልዩ ብህይወት ንኽቕፅል ኣብ መዓልቲ ብውሕዱ ኣስታት ሓሙሽተ ብርጭቆ ማይ ክሰቲ ኣለዎ፡፡ ካብ ሰውነቱ ብመልክዕ ረሃፅ፣ ፍታን፣ ሽንትን ካልኦትን ዝወፅእ ማይ እንትውስኽ ክትካእ ስለዘለዎ መጠን ዝስተ ማይ እውን ክውስኽ ኣለዎ፡፡

## ለ መንቀልታት ፀገም ዝስተ ማይ

ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርትኹም፣ መንበሪ ገዛኹምን ከባቢኹምን እኹል ዝስተ ማይ ኣሎዶ? ወይስ ፀገም ኣሎ እዩ? ፀገም እንተሃልዩ መንቀሊ እቲ ፀገም/ ፀገማት/ እንታይ እዩ? እስቲ ተመያየጥሉ? ዓለምና ብማያዊ ኣካላት ዝተመልአት እያ፡፡ 70% ዓለምና ብማያዊ ኣካላት ዝተሸፈነ እዩ፡፡ ኣፍሪካ ብዓበይቲ ውቕያኖሳትን ባሕርታትን ዝተኸበበት፣ ብዙሓት ሩባታትን ቃላያትን ዘወንነት ክፍለዓለም እያ፡፡ ኾይኑ ግና ኣብ ክፍለዓለምና ኣፍሪካ ኣዝዩ ዓብይ ሕፅረት ቀርብ ዝስተ ማይ ኣሎ፡፡ እዚ ከመይ ክኸውን ክኢሉ? እስቲ ተመያየጥሉ? ካብቲ ዓለምና ሒዛቶ ዘላ ኣዝዩ ዓብይ ሃፍቲ ማይ እቲ ልዕሊ 97% ትሕዝቶ ጨው ስለዘለዎ ንወድሰብ ይኹን ንተኽልታት ዝጠቅም ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ብቐንዱ እንትርኦ ፅሩይ ዝስተማይ ትሕቲ 3% እዩ፡፡ እዚይ ድማ ነቲ በብእዋኑ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ መጠን በዝሒ ህዝቢ ዓለምና ብፍላይ ድማ ህዝቢ ኣፍሪካ ዘርዊ ኣይኮነን፡፡ ተምሃሮ ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ቐረብ ዝስተ ማይ ምስቲ ድሌት ህዝቢ ዝመጣጠን ኣይኮነን፡፡ ፀገም ዘለዎ እዩ፡፡ ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ፀገም ቀረብ ዝስተ ማይ

ብቐንዱ ሕፅረት ዝስተ ማይ ምህላዉ እዩ፡፡ ከምኡ´ውን ብኽለት ዝስተ ማይ ካልእ ዓብይ ፀገም እዩ፡፡

ካብ መንቀልታት ሕፅረት ዝስተ ማይ ድማ እቶም ቐንዲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡

- **ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፡-** ብዝተፈላለየ መንገድታት ኣቢሉ ይኹን እምበር ቀንዲ ፍልፍል ዝስተ ማይ እቲ ብዝናብ ዝርከብ እዩ፡፡ ዝናብ ምስ ዘነበ ናብ ትሕቲ መሬት ብምስራፅ ይኹን ብሩባታትን ቃላያትን ከምኡ እውን ብኻልኦት መንገድታትን ኣቢሉ እዩ ንተክልታትን ንወድ ሰብን ዝጠቅም፡፡ ኮይኑ ግና በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ በብ 25 ዓመታት ብዕፅፊ እናዓበየ እንትኸይድ ቐረብ ዝስተ ማይ ግን ብኡ መጠን ኣይዓብን፡፡ ዝናብ በቲ ዑደት ማይ ዝተወሰነ ስለዝኾነ በዝሒ ህዝቢ እንትውስኽ መጠን ዝናብ እናወሰኸ ኣይኸድን፡፡ በዙይ ድማ እቲ በብእዋኑ እናበዝሐ ዝኸይድ ዘሎ ህዝቢ ኣፍሪካ ነቲ ዘሎ መጠን ሃፍቲ ማይ ብተዓፃፃፊ ክውስኽ ኣይኽእልን፡፡ ነቲ ዘሎ እዩ ኽጥቀም፡፡ በዙይ ድማ ወዲ ሰብ ዘድልዮ መጠን ዝስተ ማይ እናተኻፈለ ክኸይድ ስለዘለዎ ሕፅረት ማይ የጋጥም ኣሎ፡፡ ሕዚ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ናብ ሓደ ቢልዮን እናተፀገዐ እዩ፡፡ ቀረብ ማይ ግን ኣይወሰኸን፡፡ ኣብ ሰፊሕ ቦታታት ኣፍሪካ ብሕልፊ ኣብ ከባብታት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን በብእዋኑ ዝኸሰት ድርቅን ዋሕዲ ዝናብን እውን ካልእ ቀንዲ መንቀሊ ዘይምጥዕዓም በዝሒ ህዝብን ቀረብ ዝስተማይን እዩ፡፡
- **ጉድለት ፅሬት ዝስተማይ፡-** እዙይ ብዝበለፀ ጎሊሁ ዝረአ ኣብተን ዓበይትን ኣናእሽትን ከተማታት ኣፍሪካ እዩ፡፡ ምስ ምዕባለ ከተማታትን ፋብሪካታትን ሓቢሩ ዝክሰት ዓብይ ፀገም ብኽለት ማይ እዩ፡፡

ተምሃሮ ብኽለት ማይ እንታይ ማለት እዩ? ከመይ ከ ይፍጠር? ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ዝስተ ማይ ዝተበከለ ድዩ? ከመይ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ፋብሪካታት ዝተፈላለዩ ፍርያት እንትፍርዩ ካብኣቶም ዝወፅእ መርዛም ቕመማ ቕመምን /ኬሚካላትን/ ጓሓፍን ናብ ከርሰ ምድሪ፣ ሩባታት፣ ቃላያትን ካልእን ብምእታው ብክለት ዝስተ ማይ የስዕብ እዩ፡፡ ከምኡ እውን ምስ ምኽታም ከተማታት ዝረአ ፀገም ብኽለት ማይ ኣሎ እዩ፡፡ ካብ መንበሪ ገዛውትን ዝተፈላለዩ ትካላትን ዝወፅእ ርስሓት፣ ጓሓፍን መርዝን ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ማይ ብምእታው ዝስተ ማይ ንብኽለት የቃልዕ፡፡ ኣብ ኣፍሪካ እቲ ኣብ ህፃናትን ዓበይቲ ሰባትን በብእዋኑ ዝበፅሕ ሕማም ተቕማጥ፣ ኮሌራ፣ ታፎይድን ካልእን ቐንዲ መበገሲኡ ብኽለት ወይ ዘይፅሩይ ዝስተማይ እዩ፡፡ በብዓመቱ ምስ ተቕማጥን ምስኡ ብዝተተሓሓዘ ሕማማትን ዝሞቱ በዝሒ ሰባት ብሕልፊ ህፃናት ኣዝዩ ልዑል እዩ፡፡ ስለዚ ተምሃሮ፣ ዝስተ ማይ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከይብከል ብወገንኩም እንታይ ኣስተዋፅኦ ክትገብሩ ኣለኩም?

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይንኩም ነቲ ኣብ 6ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ምዕራፍ ሰለስተ ዝተመሃርኩምዎ ሜላታት ዕቀባ ማይ፣ ምዕራይ ማይ፣ ምንካይ ብኽለታት ማይ፣ ፅሬት ምንጭታትን ዝምልከት ፅሑፍ ብምንባብን ዝፈልጡ ሰባት ብምሕታትን ተመያይጥኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ፡፡ ካብቶም ካልኦት ጉጅለታት ዝቐረቡ ሓሳባት ምስቲ ብጉጅለኹም ዝቐረበ ብምንፅፃር ድማ ዳግም ተመያየጥሉ?

### 3.2.2 ስግኣታት ሓመድ፡-

*ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ትምህርትኹም ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ሓመድ፣ እንታይነትን መጠንን ፍግረ-መሬት፣ ዕቀባ ሓመድን ዝመሳሰሉን ተማሂርኩም ኔርኩም፡፡ እስቲ ሓደ ሓደ ነጥብታት ብምዝካር ተመያየጥሉ፡፡*

ሓመድ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተኽልታትን ፍረታትን ንኽፈርዩን ቐፃልነቶም ንኽረጋገፅን ስለዝገብር ካብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ሓደ እዩ፡፡ ተኽልታት ንኽበቕሉ ብውሕዱን ብቐንዱን ኣየር፣ ማይን ብርሃን ፀሓይን የድልዮም እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ሓመድ እንተዘይሃልዩ እዚኣቶም በይኖም ተኽልታትን ፍረምረን ክበቕል ኣይገብሩን፡፡ እቲ ሓመድ እውን ልሙዕነት ዘለዎ ሓመድ ክኾን ኣለዎ፡፡ ሓመድ እዙይ ኩሉ ረብሓ እናሃለዎ ኣብ ኣፍሪካ ግና ንዝተፈላለዩ ስግኣታት እናተቃለዐ እዩ፡፡ ቐንዲ ስግኣት ሓመድ ፍግረ መሬት እዩ፡፡ ሓመድ ብሩባታት፣ ዝናብ፣ ንፋስን ካልኦትን እናተባሕጎገ እንትኸይድ ፍግረመሬት የስዕብ፡፡ ቐንዲ ምኽንያት እዞም ስግኣታት ሓመድ ድማ ወዲ ሰብ እዩ፡፡ ሓመድ ልሙዕነቱ ንኽንኪ፣ ንፍግረ መሬት ንኽቃላዕን ብዝተፈላለዩ መርዝታት ንኽብከልን ካብ ዝገብሩ ንጥፈታት ወዲ ሰብ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፡-

- *ብርሰት ኣግራብን እፅዋትን፡፡*
- *መሬት ብእንስሳት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ንመጋሃጫ ክውዕል ምግባር፡፡*
- *ዘይውሕሉል ኣገባብ ኣተሓራርሳ ምጥቓም፡፡*
- *ዝተፈላለዩ መርዛም ኬሚካላት፣ ፀረ-ባልዕን ጓሓፍን ካልኦትን ምጥቓም፡፡*
- *ንሓመድ ዝጎድኡ ፀረ-ዕቀባ ሓመድ ንጥፈታት ምክያድ፡፡*
- *ንምዕባለ ኽተማታት፣ መንገድታትን ዝመሳሰሉን ብዝብልን ብሸለልትነት ሓመድ ዝጎድኡ ንጥፈታት ምጥቓም፡፡*

ተምሃሮ ሃገርና ኢትዮጵያ ብፍግረ መሬት ሩባታት ኣብ ዓመት 20 ቢልዮን ኩንታል ሓመድ ከምእትስእን ትፈልጡዶ ? ኣብ ከባብታት ሸንጥሮ ሩባ ኣባይ ጥራይ ኣብ ዓመት ሓደ ሴንቲ ሜትር ቁመት ዘለዎ ሓመድ እናተባሕጎገ ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ ይኸይድ፡፡

### 3.2.3 መንቀልታት ብኽለት ኣየር ከተማታት

*ተምሃሮ ብኽለት ኣየር እንታይ ማለት እዩ? ከመይከ ይኽሰት? እስቲ ተመያየጥሉ፡፡*

ዝተበከለ ኣየር ዘተንፍሱ ደቂ ሰባትን እንስሳትን ንሂወቶም ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እዩ፡፡ ኣብ ገጠራት ኣፍሪካ ሰባት ዘተንፍስዎ ኣየር ፅሩይ እዩ፡፡ ኣብ ከም ኣዲስ ኣበባ፣ ካይሮ፣ ሌጎስ፣ ጆሃንስበርግን ካልኦት ከተማታትን ኣፍሪካ ዘሎ ኣየር ግና ንብኽለት ዝተቓለዐ እዩ፡፡ ብኽለት ኣየር ንኽባብን ንጥዕና ደቂ ሰባትን ዓብይ ጉድኣት ዘብፅሕ ተርእዮ እዩ፡፡ ብኽለት ኣየር ደቂ ሰባት ንሕማማት መተንፈሲ ኣካላት፣ ንካንሰር፣ ኣዝማ፣ ቲቢ ዝመሳሰሉን ሕማማት ዘቃልዕ እዩ፡፡



ስእሊ 3.6 ብኽለት ኣየር

*ተምሃሮ ኣብቲ መስኮቱን ማዕፆኡን ዝተዓፀወ መንበሪ ገዛ ዝነድድ ፈሓም ኣሎ ንበል፡፡ እዙይ ንቶም ኣብቲ ውሽጢ ገዛ ዘለዉ ሰባት እንታይ ጉድኣት የስዕብ? እስቲ ተመያየጥሉ?*

መንቀልታት ብክለት ኣየር ደቂ ሰባትን ተፈጥሮን እዮም፡፡ ብቐንዱ ግና ደቂ ሰባት እዮም፡፡ ካብዚኦም መንቀልታት ብክለት ኣየር ብሕልፊ ኣብ ከተማታት ካብ ዝረኣዩ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፡-

- ደቂ ሰባት ንዝተፈላለዩ ኢንዱስትርያዊ ፍርያት ዝውዕሉ ከም ፈሓም፣ ነዳዲ ዘይቲ፣ ተፈጥሮ ጋዝን ዝመሳሰሉን እንተቃፀሉ ኣየር ይብከል፡፡
- በብእዋኑ እናበዝሓ ካብ ዝኸዳ ዘለዋ መጓዓዝያታት መካይን፣ ኣውሮፕላን፣ ባቡር፣ መርከብ፣ ሞተራትን ዝመሳሰሉን ዝወፅእ ትኪ /ጭስ/ መንቀሊ ብኽለት ኣየር እዩ፡፡
- ካብዛም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ መንቀልታት ብኽለት ኣየር ዝወፅእ ኣየር ንኽብከል ዝገብሩ ኬሚካላትን ጋዛትን እቶም ቐንዲ ካርቦን ሞኖ ኦክሳይድ፣ ናይትሮጅን ኦክሳይድ፣ ሳልፈር ኦክሳይድን ዝመሳሰሉን እዮም፡፡

ተምሃሮ ኣብ ከተማታት ትግራይ በዝሒ እተን ቅድሚ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ዝነበራ ፋብሪካታት ኢንዱስትርን ተሸከርከርትን ምስቲ ናይ ሎሚ ዘሎ በዝሒ ከመይ ተነፃፅርዎ? ፃዕቂ ብኽለት ኣየርከ ከመይ ተነፃፅርዎ? ተመያየጥሉ?

ተምሃሮ ካብ መንቀልታት ብኽለት ኣየር ሓይልታት ተፈጥሮ እውን ይርከቡዎም እዮም፡፡ እሳተ ጎመራ እንትለዓል ሳልፈር ዳዮኦክሳይድን ሓመኩሽቲ እሳተ ጎመራን ዝተበሃሉ መርዛም ኬሚካላት ስለዝተፍእ ብኽለት ኣየር የስዕብ እዩ፡፡ ኾይኑ ግና እዙይ ብኽለት ኣየር ምስቲ ናይ ደቂ ሰባት እንትነፃፀር ኣዝዩ ትሑት እዩ፡፡

## መልመዲ 3.2

ሀ ንዝስዕቡ ሕድሕድ ሕቶ ካብ ዝቐረቡ መማረፂ መልስታት እቲ ትኽክል ዝኾነ ምረፁ።

1. ወድሰብ ጥዕንኡ ሓልዩ ብህይወት ንኽነብር ኣብ መዓልቲ ብውሕዱ ክንደይ ዝኣክል ማይ ክሰቲ ኣለዎ?
   ሀ ሓሙሽተ ብርጭቆ — ለ ሓደ ፊስቶ
   ሐ ሓደ ጥርሙዝ — መ ሓደ ማንካ
2. ካብቲ ዓለምና ሒዛቶ ዘላ ዓብዪ ሃፍቲ ማይ እቲ ብትሕዝትኡ ካብ ጨው ነፃ ዝኾነ ፅሩይ ማይ ክንደይ ሚእታዊ እዩ?
   ሀ 50% — ለ 30% — ሐ 10% — መ 3%
3. ከምዚ ሕዚ ዘለዎ እንተቐፂሉ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ብዕፅፊ ዝዓቢ ድሕሪ ክንደይ ዓመት እዩ?
   ሀ 100 — ለ 25 — ሐ 50 — መ 10
4. ኢትዮጵያ ኣብ ዓመት ብፍግረመሬት ሩባታት ክንደይ ኩንታል ሓመድ ትስእን?
   ሀ 1,000 — ለ ሓደ ሚልዮን — ሐ 20 ቢልዮን — መ 100
5. ካብዞም ዝስዕቡ ትኽክል ዝኾነ ኣየናይ እዩ?
   ሀ ብኽለት ኣየር ካብ ኣብ ገጠር ኣብ ከተማ ይገድድ (ይብእስ)።
   ለ ብኽለት ኣየር ኣብ ጥዕና ደቂ ሰባት እምበር ኣብ እንስሳት ጉድኣት ኣየብፅሕን።
   ሐ ኦክሲጅን ቀንዲ መበገሲ ብኽለት ኣየር ይ።
   መ ኩሉ መልሲ እዩ።

## 3.3 ንምዕቃብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝውሰዱ ስጉምትታት

**ተምሃሮ፣ ምዕቃብ ሃፍትታት ተፈጥሮ እንታይ ማለት እዩ?** ምዕቃብ ሃፍታት ተፈጥሮ ማለት ከም እፅዋት ተፈጥሮ፣ እንስሳት፣ መዓድናት፣ ሓመድ፣ ዝስተ ማይ፣ ኣየር፣ ነዳዲ /ፈሓም፣ ፔትሮልየም/ ዝመሳሰሉ ሃፍትታት ተፈጥሮ ከይበርሱ፣ ተሓንኩኾም ከይነፅፉን ከይብከሉን ውሕሉል ብዝኾነ መንገዲ ምጥቃምን ቐፃላይነቶም ምርግጋፅን ማለት እዩ፡፡

ሃፍትታት ተፈጥሮ ምዕቃብ ማለት ንቐፃላይ ወለዶ ሓሲብካ ክንክን ምግባር ማለት እዩ፡፡ ንሓደ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝግበር ዕቀባ ነቲ ኻልእ እውን ክዕቅብ ይኽእል እዩ፡፡ ንኣብነት እፅዋት ተፈጥሮ ብዝግባእ እንተተዓቂቦም መንበሪኦም ስለዝኾነ ንእንስሳት ዘገዳም እውን ምዕቃብ ማለት እዩ፡፡ ማይን ሓመድን እንተተዓቂቦም እፅዋት ይዕቀቡ። እፅዋት እንተተዓቂቦም ማይ ከርሰ-ምድሪ ይዕቀብ። ተምሃሮ ብኣንፃሩ ድማ ሓደ ሃፍቲ ተፈጥሮ እንተበርስ እቶም ካልኦትውን ስለዝበርሱ ንስኻትኩም´ውን ነዚዩ ተገንዚብኩም ካብ ብርሰት ክትዕቀቡ ይግባእ።

### ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይንኩም ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮ ከመይ ክዛመድ ከምዝኽእል ተመያየጡ? ንኣብነት ምስ ዕቀባ ሓመድ ከመይ ከምዝዛመድ ብዝርዝር ተመያይጥኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ?

**ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ**፡- እፅዋት ተፈጥሮ ብዝግባእ እንተተሓልዮምን ተዓቂቦምን ንደቂ ሰባት ዝህብዎም ቁጠባዊ፣ ከባብያውን ማሕበራውን ረብሓታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። እፅዋት እንተተዓቂቦምን ውሕሉል ብዝኾነ መንገዲ እንተተጠቒምናሎምን ኣዝዮም ጠቓምቲ ሃፍትታት ተፈጥሮ እዮም። ንኣብነት ንዕለታዊ መነባብሮና ዝኾኑ ነገራት ንሰርሓሎም፣ ፍግረ መሬት ይንከ፣ ሓዳጋታት ውሕጅ ይቕንስ፣ ንፁህ ኣየር ነተንፍስ፣ ፅሩይ ማይ ንሰቲ፣ ድርቂ ኣይኸሰትን፣ እንስሳት ዘገዳም ኣይጠፍኡን፣ ሙቐት ዓለም ኣይውስኽን... ወዘተ ብሓፈሻ በዝሃ ህይወታውያን ካብ ምጥፋእ ይድሕኑ። ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ምስ ዕቀባ ካልኦት ብዙሓት ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝተተሓዘ እዩ። ስለዚ እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ብዝግባእ ብምትግባር እፅዋት ተፈጥሮ ምዕቃብ ይግባኣና።

- ብዛዕባ ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን ካልኦት ሃፍትታት ተፈጥሮን ዝምልከት ንኹሎም ኣባላት ሕብረተሰብ ተግባራዊ ኣስተምህሮ ምሃብ፡፡
- ኣእዋም ፈፂምካ ዘይምቑራፅ፡፡ ኣድላይ እንተኾይኑ ድማ ዝነቐፁን ዝኣረጉን ጥራሕ ምቑራፅ ከምኡውን መተካእታ ምትካል ፡፡
- ብብእዋኑ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ዝሳተፈሉ ፈልስታት ምትካል፣ ምኽንኻንን ምክትታልን፡፡

- ኀቦታትን ፀድፍታትን ብዝተፈላለዩ እፅዋት ክሸፈኑ ምግባር፡፡
- ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ባርዕ ሓዊ ንኸይላዓል ምክልኻል፡፡ እንተተላዒሉ ድማ ኣብ ሓፂር እዋን ዝጠፍኣሉ መንገዲ ዘመቻቸው ሓይሊ መጥፍእ - ሓዊ ምድላው፡፡
- ኣእዋም ብዘይ ኣግባብ ንኸይጭፍጨፉ፣ ንኸይቃፀሉን ንኸይበርሱን ዝከላኸል ፅኑዕ ሕግን ፓሊሲን ኣውፂእኻ ምትግባር፡፡
- ግቡእ ምሕዳራ እፅዋት ተፈጥሮ ዘርጊሕኻ ምንቅስቓስ፡፡
- ኣግራብ ብምብራስ ዝግበር ምስፍሕፋሕ ቦታታት ሕርሻ ምውጋድ፡፡ ኣብ ክንድኡ ዘለዉ ቦታታት ሕርሻ ምህርቶም ዝተዓፃፀፈሉ ዘመናዊ መንገዲ ምእላሽ፡፡
- ኩሎም ኣባላት ሕብረተሰብ ብዓቕሞምን ብትሑት ዋጋን ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ሓይሊ ኤለክትሪክ ካብ ፀሓይን ንፋስን ምትእትታው፡፡ በዙይ ኣቢሎም ድማ ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮን ብኽለት ኣየርን ይከላኸሉ፡፡
- እንስሳት ዘገዳም ዝዕቀብሎም ፓርክታት ብብዝሒ ብምጥያሽ ሰፋሕቲ ቦታታት ብእፅዋት ክሸፈኑን ክዕቀቡን ምግባር፡፡
- መጋሃጫታት ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ብእንስሳት ኸይገሃፁ ዘድሊ ቑፅፀርን ክትትልን ምግባር፡፡

## ምቁፅፃር ብኽለት ኣየር

ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ትምህርትኹም ብኽለት ኣየር እንታይ ማለት ከምዝኾነ ዝተመሃርኩምዎ ትዝክሩዶ? ዝተፈላለዩ ኀዳእቲ ኬሚካላትን ጋዛትን ናብ ኣየር ተሓዊሶም ኣብ ልዕሊ ኽባቢናን ጥዕና ደቂ ሰባትን ጉድኣት እንተብፅሑ ብኽለት ኣየር ይበሃል፡፡

### ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይንኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ዛዕባታት ተመያየጡ፡፡ ኣየር ከመይ ይብከል? ቐንዲ ፍልፍላት ብክለት ኣየር እንመን እዮም? ከመይ ከ ምቁፅፃር ይከኣል? ኣብዚኦም ምስ ተመያየጥኩም እቶም ቐንዲ ነጥብታት ምይይጥኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ? ብሓፈሻ እንትርአ ብኽለት ኣየር ምቑፅፃር ዝክኣል ብክልተ መንገድታት እዩ፡፡ እቲ ሓደ ኣየር ዝብክሉ ኬሚካላት ዝንክይሉ መንገዲ ምፍጣር እዩ፡፡ እቲ ኻልኣይ ድማ እቶም ኣየር ዝብክሉ ኬሚካላት ዝቆፃፀሩን ብዝተወሰነ መልክዑ እውን እንተኾነ ከፃርዩ /ፌልተር/ ብዝኽእሉን መሳርሕታት ምጥቓም እዩ፡፡ እዞም ክልተ መንገድታት ኣብ ክሽነታት ከምኡውን ኣብ መውፅኢ ትኪ ፋብሪካታትን መኻይንን ብምትካል ብኽለት ኣየር ዝቆፃፀሩ እዮም፡፡ ኩሎም ዓይነታት መጓዓዝያ ብዝተኻእለ መጠን ኣየር ዘይብክሉ ሓይልታት ብምጥቓም ብኽለት ኣየር ዓለምና ምቁፅፃር ይካኣል እዩ፡፡ ንኣብነት ዝተወሰኑ ፋብሪካታት መኻይን ኣብ ክንዲ በቲ በካሊ ኣየር ዝኾነ ነዳዲ /ቤንዚን፣ ናፍታ/ ዝጥቀማ ብሓይሊ

ኤሌክትሪክ ዝሸክርከሩ መኻይን እናፍረዩ እዮም። እዙይ ብኽለት ኣየር ኣብ ምቁፅፃር ዓብዩ ግደ ኣለዎ እዩ። ብሕልፊ ኣብ ከተማታትን ዝማዕበላ ሃገራትን ዘሎ ሕብረተሰብ ኣብ ክንዲ ብናይ ውልቂ መኪና ዝመላለስ ብህዝባዊ መጓዓዝያታት እንትጥቀም ኣብ ምቁፅፃር ብኽለት ኣየር ዓብይ ኣስተዋፅኦ ይገብር ኣሎ ማለት እዩ። መንግስቲ ብክለት ኣየር ንምቁፅፃር ዘኽእሉ ሕግታትን ደምብታትን ብምውፃእን ብምትግባርን ካብ ዝኾነ ዓይነት ትካል ዝወፅእ ብኽለት ኣየር ዘስዕቡ ኬሚካላት በብእዋኑ ብምዕቃን ዘድሊ ስጉምቲ ክውሰድ ይግባእ። ንኣብነት ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ብ1986 ኣብ ጀርመን ዝወፀ ሕጊ፣ ንመጓዓዝያ ዝውዕል ነዳዲ ዘይቲ /ፔትሮልየም/ ካብቲ ግራፋይት ዝበሃል ኬሚካል ነፃ ዝኾነ ጥራይ ኣብ መሸጣን ኣብ ጥቅምን ክውዕል ከምዘለዎ ተደንጊጉ እዩ። እዙይ ድማ ብኽለት ኣየር ብመጠኑ ክንኪ ዝገብር እዩ።

## ምቁፅፃር ብኽለት ማይ

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ንስኻትኩምን ሕብረተሰብ ከባቢኹምን ብኽለት ማይ ከመይ ትቆፃፀርዎ? ዝፈልጡ ሰባት ሓቲትኩም ብፅሑፍ ንኽፍሊ ኣቕርቡ? ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትኹም “ማይ ሂወት እዩ” ክም ዝበሃል ተማሂርኩም ኔርኩም። ኣብ ሩባ፣ ባሕሪ፣ ቓላይ፣ ውቅያኖስ፣ ዒላን ካልኦት ማያዊ ኣካላትን ንህይወታውያን ጎዳእቲ ዝኾኑ ነገራት ምስ ዝኣትውዎ ብኽለት ማይ ይኽሰት። ማይ ብጎዳእቲ ነገራት ተበኪሉ ኣብ ህይወት ደቂ ሰባትን ኩሎም ዓይነታት እንስሳትን ሞትን ጉድኣትን ንኸየብፅሕ ዘድሊ ምክልኻልን ክንክንን ክንገብር ኣለና። እዞም ዝስዕቡ ብኽለት ማይ ከመይ ምቁፅፃር ከምዝካኣል ዝሕብሩ እዮም።

- ካብ ፋብሪካታት ዝወፅእ ርስሓት፣ ኬሚካል፣ ጎሓፍ ወዘተ ናብ ዝኾነ ዓይነት ማያዊ ኣካል ከይኣቱ ምክልኻል።
- ብዝተኻእለ መጠን ዝተበከለ ማይ ዘፃርያ ትካላትን ፋብሪካታትን ምጥያሽ።
- ሰባት ብክሎሪን፣ ብውሃኣጋር፣ ብፊልተርን /መፃረይ/ ዝመሳሰሉን ዝፀረየ ማይ ጥራይ ክሰትዩ ምግባር።
- ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ፍልፍል ማይን ማያዊ ኣካላትን ብጥንቃቐ ኽጥቀምን ዘድሊ ክንክን ማይ ክገብርን ምውዳብ።
- ኣብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ማይ ንመጓዓዝያ ካብ ዝውዕሉ መርከባትን ጀልባታትን ዝወፁ ነገራት ኣለው። ብዝተኻኣለ መጠን ካብዚኦም ዝወፅእ ዝኾነ ዓይነት ጋዝ፣ ናፍታ፣ ቤንዚን፣ ጎሓፍን ኬሚካላትን ናብ ማይ ኸይኣቱ ጥንቃቐ ምግባር። እንትኣትዩ ድማ ኣብ ህይወታውያን ጉድኣት እንትይበፅሐ ቐልጢፍካ ናይ ምዕራይ ተግባራት ምክያድ።

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ንስኹም ቤተሰብኩምን ከምኡ´ውን ሕብረተሰብኩም ኣብ መዓልቲ ብበዝሒ ማይ ትጥቀሙ ኢኹም፡፡ ኣብ ሓለዋ ፅሬት ማይ ከባቢኹም ከመይ ክትሳተፉ ትኽእሉ? ድሌትን ተበግሶን ኣለኩም ዶ? እስቲ ብውልቂ፣ ብማሕበር ወይድማ ብጉጅለ ተወዲብኩም ምስ ሕብረተሰብኩም እንታይ ክትገብሩ ከምእትኽእሉ ዝርዝር ተግባራት ንኽፍሊ ኣቕርቡ?

### ፕሮግራም ከባቢ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን (UNEP) ሰብኣዊ ግቡኣትናን

ተምሃሮ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ኣካላት ከምዘለውዎ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትኹም ተማሂርኩም ኔርኩም ትዝክሩ ዶ? ካብቶም ብዙሓት ኣካላት ሓደ ዝኾነ ፕሮግራም ከባቢ ውድብ ሕቡራት መንግስታት እዩ፡፡ እዚ ውድብ ብ1972 /ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ/ ዝተመስረተን ኹለን ሃገራት ዓለም ኣብ ጉዳያት ኽባቢና ሓቢረን ንኽሰርሓ ዘተሓባብርን ኣካል እዩ፡፡ እዙይ ፕሮግራም ኩሎም መንግስታት ዓለም ደቂ ሰባት ንዝነብሩላ ዓለምና ካብ ዝኾነ ጎዳኢ ነገር ንክሕልዉዋ ግቡኦም ምኳኑ ተገንዚቦም ንኽሰርሑ ዘተሓባብር እዩ፡፡ ብሕልፊ ንዘይማዕበላ ሃገራት ቐጻምነትን ዝለዓለ ትኹረትን ዝህብ ኣካል እዩ፡፡ እዙይ ፕሮግራም ኣብ መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም፣ ብኽለት ኣየርን ማይን፣ ብርሰት ኽባብን ሃፍቲ ተፈጥሮን፣ ድሕንነት ደቂ ሰባትን ዝመሰሳሉን ጉዳያት ኽባቢ ዓለምና ዝከታተል እዩ፡፡ ካብ ዕማማቱ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፡-

- ኣብ ትሕቲ ኤርዝዎች /ሓለዋ ዓለም/ ዝብል ፕሮግራሙ በብእዋኑ ኣብ ኽባቢ ዓለምና ክትትል፣ መፅናዕትን ሓለዋን ይገብር፡፡
- ኣንፈታት ኣካይዳ ሃገራት እናተኸታተለ ትንተና ከባቢ የካይድ፡፡
- ሃገራት ንኽባቢ ተፈጥሮ ኣብ ግምት ዘእተዉ ፖሊሲታትን ሕግታትን ኣውፂአን ንኽተግብራ የተሓባብር፡፡
- ንሓለዋ ኽባቢ ዘይማዕበላ ሃገራት ቐዳምነት ሂቦም ዘጠናኽሩን ዘማዕቡሉን ፕሮጀክትታት ተሓንፂዖም ክንቀሳቐሱ ይሕግዝ፡፡
- ኣብ ምሽንቋር ኦዞን፣ ነባሪ ኣየር ዓለም፣ ብክለት ኣየርን ማይን፣ ኩነታት መጓዓዝያ፣ ኣተኣላልያ ጓሓፍን ርስሓትን፣ ኩነታት ማያዊ ኣካላት፣ ፍግረ መሬት፣ ዕቀባ ሓመድን ኣግራብን፣ ኽባብታት ከተማታት፣ ጥዕና፣ ጉዳያት በዝሒ ህዝቢ፣ ሕግታት ከባቢ፣ ትምህርትን ዝመሳሰሉን ፕሮጀክትታት መስሪቱ ይንቀሳቐስ።

ተምሃሮ እዙይ ፕሮግራም ነታ እንነብረላ ዓለምና ካብቲ ኣብ ልዕሊኣ ዘንፀላሉ ዘሎ ኽቢድ ሓደጋ ንኽትድሕንን ደቂ ሰባት ኣብ ምችው ኽባቢ ዓለም ንኽነብሩን ዝሰርሕ እዩ። እዙይ ፕሮግራም መሰል ደቂ ሰባት ንኽሕሎ ኩለን ሃገራት ብሕልፊ ድማ እተን ቐንዲ መበገሲ ምውዓይ ዓለምና ዝኾና ዝማዕበላ ሃገራት ሰብኣዊ ግቡኣተን ንኽዋፅኣ ዝገብር እዩ። ተምሃሮ፣ ንስኻትኩም ከ ነዚ ፕሮግራም ደጊፍኩም ትንቀሳቐሱ ዶ?

# መጠቓለሊ

ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ሓደ ከባቢ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሃፍትታት ተፈጥሮን ደቂ ሰባትን ሓዊሱ ዘሎ ርክብን ምትእስሳርን ስርዓተ-ምህዳር ይበሃል።ንኣብነት ብ መንጎ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ጥንኩር ርክብ ኣሎ። ፅዋት ተፈጥሮ ቐንዲ መንበሪ እንስሳት ዘገዳም እዮም። ኣብ ፍሪካ ጥቕልል ቢልካ እንትረዩ 7 ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኣለዉ። ንሳቶም ድማ እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቕናት ምድሪ፣ በረኻ ቦታታት፣ መሬት ሳዕሪ ሃሩር ምድረበዳ ትሮፒካዊ ሳቫና  ኣግራብን ሳዕርን ማእኸላይ ረስኒ ይበሃሉ።

ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮ ኣብ ክልተ ምጥቕላል ይከኣል እዩ። ንሳቶም ድማ ቁጠባውን መንፈሳውን (ባህላውን) ረብሓታት እዮም። ከምኡውን እንስሳት ዘገዳም ቱሪስታት ኣብ ምስሓብን መንፈሳዊ ደስታ ኣብ ምንጋስን በዙይ ኣቢሎም ድማ ብዙሕ ገንዘብ ክርከብ ኣብ ምግባርብ ዓብዩ ረብሓ ይህቡ። እንስሳት ዘገዳም ንዝተፈላለዩ መፅናዕትታን ሳይንሳዊ ምርምራትን ይውዕሉ። ኮይኑ ግና እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ብምኽንያት እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝበፅሕ ፅዕንቶ ካብ እዋን ናብ እዋን እናነከዩን እናበረሱን እዮም። እቶም ቀንዲ ፅዕንቶታት ተፈጥሮኣዊ ኩነታትን ብቐንዱ ድማ ደቂ-ሰባትን እዮም። በብእዋኑ እናወሰኸ ዝመፅእ ዘሎ ዕቤት ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ሰፍ ዘይብል ብርሰትን ጉድኣትን ክበፅሕ ጌሩ እዩ።እዙይ ድማ ምጥፋእ በዝሃ-ህይወታውያን እናስዐበ እዩ። ናይዙይ መግለፂ ድማ እቲ በብእዋኑ ኣብ ዓለምና ዝኸሰት ዘሎ ምዝባዕ ነባሪ ኣየር እዩ። መጠን ረስኒ ዓለምና እነወሰኸ፣ ኦዞን እናተሸንቆረ፣ ድርቂ እናተኸሰተን ምድረበዳ እናሰፍሐን ይኸይድ ስለዘሎ ዓለምና ኣብ ዓብዩ ሓደጋ ወዲቓ ትርከብ ኣላ። ካብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ማይ፣ ሓመድን ኣየርን ቀንዲ ፀጋታት ደቂ ሰባት እዮም። ማይ ንመስተን ምግብን፣ ንግልጋሎት ዘቤት፣ ንፍርያት ሕርሻ፣ ኢንዱስትርን መዓድንን ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ኮይኑ ግና ፀገማት ማይ ብዙሓት እዮም። ካብ መንቀልታት ፀገም ዝስተ ማይ ሕፅረት ማይ፣ ብኸለት ማይን ተሑት ፅሬት ማይነትም ቀንደታት እእዮም። ሐመድ ዝተፈላለዩ ተኽልታት፣ ፍረታትን ዓይነታት እኽልን ንኸፈርየን ቐፃልነቶም ንኽረጋገፅን ዝገብር ይ። ኮይኑ ግና ሓመድ ንዝተፈላለዩ ስግኣታት እናተቓለዐ እዩ። ካብ ስግኣታት ሓመድ እቲ ቐንዲ ፍግረ-መሬት እዩ። ሓመድ ብሩባታት፣ ዝናብ፣ ንፋስን ካልኦትን እናተባሕጎገ እንትኸድ ፍግረ-መሬት የስዕብ።

ኣየር ንህይወት ወድሰብ ዝለዓለ ረብሓ ዝህብ ሃፍቲ ተፈጥሮ እዩ። ኮይኑ ግና ብኸለት ኣየር ኣዝዩ ሓደገኛ ስግኣት ኮይኑ ኣሎ። መንቀልታት ብኸለት ኣየር ተፈጥሮን ብቐንዱ ድማ ደቂ - ሰባትን እዮም። ሃፍታት ተፈጥሮ ንምዕቃብ እፅዋት ተፈጥሮ፣ እንስሳት፣ መዓድናት፣ ሓመድ፣ ማይ፣ ኣየርን ዝመሳሰሉን ንኸይበርሱን ተሐንኩኾም ንኸይነፅፉን ንኸይብከሉን ብጠንቃቐ ክንሕዞም ይግባእ። ሃፍትታት ተፈጥሮ ምዕቃብ ማለት ንቐፃላይ ወለዶውን ሓሲብካ ክንክን ምግባር ማለት እዩ።

# ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ስርዓት ምህዳር | ኣብ ሞንጎ ኩሎም ሃፍትታት ተፈጥሮ ሓደ ከባቢ ዘሎ ምትእስሳርን ርክብን። |
| 2 | መሬት ሳዕሪ ሃሩር | ኣብ ዙርያ ክሊ ቕናት ምድሪ ዝርከብ መብዛሕትኡ ብሳዕሪ ዝተሸፈነ ልዑል መጠን ረስኒ ዘለዎ መሬት። |
| 3 | ትሮፒካዊ ሳቫና | ዝሓሸ ዝናብ ዝረክብ መሬት ሳዕሪ ሃሩር። |
| 4 | ፔትሮልየም | ነዳዲ ዘይቲ። |
| 5 | በዝሃ-ህይወታውያን | ኩሎም ህይወት ዘለዎም ምድራውን ማያውን እንስሳትን ተኽልታትን። |
| 6 | ኦዞን | ካብ ፀሓይ ዝመፅእ ኣልተራቫዮሌት ዝተበሃለ ሓደገኛን ሓያልን ጨረረ ናብ ዓለምና ንኸይኣቱ ዝከላኸል ጋዝ ከባቢ ኣየር። |
| 7 | መጋሃጫ | እንስሳት በብዕለቱ ሳዕሪ ዝግህፅሉ ቦታ። |
| 8 | ብኽልት ኣየር | ጎዳእቲ ጋዛትን ኬሚካላትን ናብ ኣየር እንትሕወሱ። |
| 9 | ብኽልት ማይ | ጎዳእቲ ጋዛት፣ ኬሚካላትን ርስሓትን ናብ ማይ እንትሕወሱ። |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

ሀ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ 'ሓቂ' ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ 'ሓሶት' ብምባል መልሱ።

1. ስርዓት ምህዳር ህይወት ዘለዎም ነገራት ጥራይ ዘጠቓልል እዩ።
2. እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ቕናት ምድሪ ዓመት ምሉእ ዝናብ ይረክብ።
3. ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳም ንፅዕንቶ ካብ ዘሕድሩ እቲ ቐንዲ ወዲ ሰብ እዩ።
4. ምሽንቋር ኦዞን ሓደ ምኽንያት ምውዓይ ዓለም እዩ።
5. ካብ ስግኣታት ሓመድ እቲ ቐንዲ ብኽለት ኣየር እዩ።

ለ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብ ዝተወሃቡ መማረፅታት ነቲ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ።

1. ካብ ገማግም ሰሜናዊ ኣትላንቲክ ውቅያኖስ ከባቢ ምዕራብ ኣፍሪካ ክሳብ ምዕራባዊ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተዘርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ኣፍሪካ መን እዩ?
   ሀ. እፅዋት ተፈጥሮ በረኻቲ ቦታታት
   ለ. እፅዋት ተፈጥሮ ክሊቕናት ምድሪ
   ሐ. እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ሳዕሪ ምድሪ
   መ. እፅዋት ተፈጥሮ ኣግራብ ማእኸላይ ረስኒ
2. ቁልቋልን ዓሻክን እፅዋት ጥራይ ዝበቕለሉ ክሊ እፅዋት ተፈጥሮ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ. ኣግራብ ማእኸላይ ረስኒ ለ. በረኻቲ ቦታታት
   ሐ. ሜዲተራንያን መ. ምድሪ በዳ
3. ካብ ፀሓይ ናብ ዓለምና ዝመፅእ ሓደገኛ ጨረር ኣልትራቫዮለት ዝከላኸል ኣየንኡ እዩ?
   ሀ. ካርቦን ዳይኦክሳይድ ለ. ካርቦን ሞኖኦክሳይድ
   ሐ. ናይትሮጂን መ. ኦዞን
4. ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ዓለምና ክንደይ ዝኣክል እዩ ብማይ ዝተሸፈነ?
   ሀ. 70% ለ. 95% ሐ. 35% መ. 10%
5. ካብቲ ዓለምና ሒዛቶ ዘላ ሃፍቲ ማይ ክንደይ ሚእታዊ እዩ? ጨውነት ዘለዎ ማይ?
   ሀ. 58% ለ. 32% ሐ. 97% መ. 13%

ሐ ኣብ ትሕቲ "ሀ" ዘለዉ ምስቶም ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለው ብምዝማድ ትኽክለኛ ፊደሎም ፀሓፉ፡፡

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ___1. እፅዋት ተፈጥሮ ምድረበዳ | ሀ. ንምንቅስቓስ ስለ ዘይምቾዎም ከም ሓርማዝ ኣድጊ በረኻ፣ ዓጋዘን ዘይርከቡሉ፡፡ |
| ___2. እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ ሳዕሪ ምድሪ | ለ. ካብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ምዕራብ ኣፍሪካ ገማግም ሰሜን ኣትላንቲክ ዝተዘርገሐ፡፡ |
| ___3. እፅዋት ተፈጥሮ ክሊ መሬት ሳዕሪ ማእኸላይ ረስኒ | ሐ. ኣብ ደቡብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ብኣግራብ ዝተሸፈነ |
| ___4. እፅዋት ክሊ ቕናት ምድሪ | መ. ብቐንዱ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከብ፡፡ |
| ___5. እፅዋት ተፈጥሮ ኣግራብ ማእኸላይ ረስኒ | ሰ. ምንም ዘይበቕሎ ብበረድ ጥራይ ዝተሸፈነ፡፡ |
| ___6. እፅዋት ክሊ ሜዲተራንያን | ሸ. ኣብ ዙርያ ክሊ ቕናት ምድሪ ዝርከብ፡፡ |
| ___7. እፅዋት ተፈጥሮ በረኽቲ ቦታታት | ረ. ኣብ ደቡብዊ ጫፍን ሰሜን ምዕራብ ጫፍን ኣፍሪካ ይርከብ |
| | በ. ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ሳዕሪ፡፡ |

መ ሓጺር መልሱ ሃቡ

1. ስርዓት - ምህዳር እንታይ ዘጠቓለለ እዩ?
2. ኣብ መንጎ እፅዋት ተፈጥሮ ኽሊ ቕናት ምድርን እፅዋት ምድረበዳን ኣፍሪካ ዘሎ ቐንዲ ኣፈላላይ ግለፁ፡፡
3. ካብ ረብሓታት እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣርባዕተ ግለፁ፡፡
4. በዝሃ-ህይወታውያን እንታይ ዝገልፅ እዩ?

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ውራይ ህዝቢ



## ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፤

- ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ኣፍሪካ ዘለዎ ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ትትንትኑ፡፡
- ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ትትንትኑ፣ ተረድኡ፡፡
- ቀንዲ ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገራት ኣፍሪካ ትትንትኑ፡፡
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ትገልፁ፡፡
- መሰል ህፃናትን ምስ ምግሃስ መሰል ህፃናትን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ተብርሁ፡፡
- ትሕዝቶ ስምምዕነት ውደብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ መሰላት ህፃናት ተለልዩ፡፡
- ኣብ ከባቢኦም ዝፍፀሙ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ትትንትኑ፡፡
- ሳዕቤን ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ ተረድኡ፡፡
- ሕፅረት (ስእነት) ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ ዘስዕብዎ ፅልዋታት ትዝርዝሩ፡፡
- ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅቡቕን ሕማቕን ምምሕዳር ኣመልኪቶም ፀብፃብ ተቕርቡ፡፡
- ጂኦግራፊያዊ ሽፋንን ዕላማታትን ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ተለልዩ፡፡
- ሃገራት ምሕዝነትን ኣጋርነትን ዞባዊ ቀጠናታት ተነፅሩ፡፡
- ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካን ኣባል ሃገራትን ይፀርሑ፣ ተለልዩ፡፡
- ዕላማታት ኣጋርነት ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ትግንዘቡ፡፡
- ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ምቕያሩን ትገልፁ፡፡

## ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ትውንኑ፤

- ምስፍሕፋሕን ፅዕንቶን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ትትንትኑ፡፡
- ቀንዲ ሳዕቤናት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ተብርሁ፡፡
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ፅዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሓፂር ፀብፃብ ትፅሕፉ፡፡
- ምኽንያታት ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ ተብርሁ፡፡
- ኣብነታት ፅቡቕን ሕማቕን ኣሰራረሓታት ምምሕዳር ከባቢኦም ሓፂር ፀብፃብ ተዳልዉ፡፡

- ንመሰል ህፃናት ዝድግፉ ሰነድ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ተለልዩ፡፡
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ምግሃስ መሰል ህፃናት ትነቕፉ፡፡
- ንዓርሶም ካብ ምግሃስ መሰል ህፃናት ከመይ ከምዝከላኸሉ ተብርሁ፡፡
- ወዲንነት እንታይ ከምዝኾነ ትገልፁ፡፡
- ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ትፀርሑ፡፡
- ኣባል ሃገራት እቶም ውድባት ተለልዩ፡፡
- ሽቶታት ከባብያዊ ውድባት ኣፍሪካ ትግንዘቡ፡፡
- ኣመሰራርታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ትገልፁ፡፡
- ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ምቕያሩ ትገልፁ፣ተረድኡ፡፡

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ እዩ ዝድህስስ፡፡ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት ክትመያየጡን እናሓተትኩም ክትመሃሩን ትፅቢት ይግበር፡፡ ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ ኣዐርዩ ዝጠቕሞም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ፡፡ ስለዚ ሕድሕዲኡ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቅኩም ክትርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ፡፡ ስለዚ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ትምሃርዎም ኣርእስትታት ብዛዕባ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ክህልዉ'ዮም፡፡ ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ብዋናነት ጠመተ ዝተገበረሎም ቀንዲ ኣርእስትታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡ፣

- ምስፍሕፋሕን ሳዕቤናትን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብፍላይ ኣብ ኣፍሪካ
- ፅዕንቶ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብፍላይ ኣብ ኣፍሪካ
- ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣
- መሰል ህፃናትን ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን፣
- ቃልሲ ኣንፃር ምግሃስ መሰላት ህፃናት እንታይ መልክዕ ክህልዎ ከምዝኽእል፣
- ሕፅረት (ስእነት) ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ብኣብነት ይድግፉ
- ኣብ መወዳእታ ምስ ምሕዝነትን ኣጋርነትን ሃገራት ኣፍሪካ ብዝምልከት ዝርዝር ኣርእስትታት ተዳልዮም'ለዉ፡፡

## 4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት

ተምሃሮ ኣብ 5ይን 6ይን ክፍልታት ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ጥዕናውን ማሕበራውን ፀገም ከምዝኾነ ተማሂርኩም

ነይርኩም። ኣብ ትሕቲ'ዚ ንኡስ ኣርእስቲ ድማ ክልተ ኣገደስቲ ዛዕባታትን ጉዳያትን ህዝቢ ዝምልከቱ ክትመሃሩ ኢኹም። እቲ ቀዳማይ ብዛዕባ ምስፍሕፋሕን ፅልዋን (ፅዕንቶ) ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ዝምልከት እንትኸውን እቲ ካልኣይ ድማ ብዛዕባ ሳዕቤንን ውፅኢትን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዝምልከት እዩ። ስለዚ ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይንኩም ነዚ ዝስዕብ ዕዮ/ንጥፈታት ስርሑ።

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ኣብ 5ይን - 6ይን ክፍልታት ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብዝተምሃርኩምዎ ትዝክርዎ ጥቐሱ፡፡ ድሕሪ'ዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኣመልኪቱ ኣብ ገፅ 134 - 136 ዝተገለፀ ኣብ ቤተ መፅሓፍ ቤት ትምህርትኹም ኸይድኩም እስኪ ኣንብቡ፡፡ ጠመተ ዝተገበረሎም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂታት (ሜላታት) ኣፈፃፅማ ብዝምልከት ኣብዚ ትልሚ ዝተፅሓፈ ተመያየጡሉ፡፡ ነዚ ፅሑፍ'ዚ ትልሚ መሰረት ብምግባር ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከብ ትካል ጣብያ ጥዕና ከይድኩም መብርሂ ኣምፅኡ፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንስሉጥን ቅልጡፍን ዕብየት ሃገር ከምኡ'ውን ድኽነት ንምንካይ ንዝግበር ፃዕሪ ዝፈታተንን ዓንቃፊ'ዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት ንምንታይ'ዩ? መልስኹም ብፅሑፍ ተዳልዩ ናብ ክፍሊ ብምቕራብ ተመያየጡሉ፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ማሕበራውን ጥዕናውን ፀገም'ዩ ንዝብል ኣበሃህላ ተመያየጡሉ፡፡

## 4.1.1 ምስፍሕፋሕ፣ ዝርግሐን ሳዕቤናትን (ፅልዋን) ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ

**ሀ. ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤** ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ገዲፉ ዝኸይድ ከም ለበዳ እናተመሓላለፈ ዝርከብ ሕማም'ዩ፡፡ እዚ ድማ ዘስዕቦ ፀገም ብሃገር፣ ክልል፣ ከባብን ስድራን መቒልካ ዝርኣይ ይኸውን፡፡ ኣብዚ እቲ ብስድራ ዘጋጥምን ናይ ማሕበራዊ ፀገም ተገይሩ ዝውሰድን ንኣብነት ቁፅሪ ዝኽታማት ምዕባይን ህፃናት ብሰንኪ ወለዶም ምስኣን ዘምፅእዎ ሕማም ኣብ ሓደጋ ዝሳጥሑሉ ኩነታትን ኣሎ፡፡ ስለዚ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ በዝሒ ዝኽታማትን ብሰንኩ ድማ ጠወርቲ ብምስኣን ናብረኦም ኣብ ጎደና ንኽገብሩ ዝግደዱ ብርክት ዝበሉ ህፃናት ክህልዉ ምኽኣሎም እዩ፡፡

ኣብ ሃገርናን ክልልናን ዘሎ በዝሒ ዕያል ናይ ሓደ ስድራ ብማእኸላይ ካብ 4 ክሳብ 6 ከምዝኾነ መረዳእታታት ይሕብሩ፡፡ በዚ መሰረት እቶም ወለዲ እንትሞቱ ነቶም ዕያል ዝእብድ ወይድማ ዝሽናሽን ሰብ ክሰኣን ይኽእል`ዩ፡፡ እዚ ድማ ብጭቡጥ ኣብ ሃገርና እናተረእየ ይርከብ፡፡ በዚ ድማ በዝሒ ዝኽታማት ካብ ዘለዉወን ሃገራት ደቡብ

ኣፍሪካን ህንድን ቀዲላ ኣብ ሳልሳይ ብርኪ ትርከብ፡፡ እዚ ማለት ብሰንኪ እቲ ፀገም ናብረኦም ናብ ጎደና ዝገበሩ ህፃናት ኣብ ከተማታት ብበዝሒ እናተርአዩ እዮም፡፡ ብሰንኪ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝረአዩ ጎደና ተመሓደርቲ ኣብ ሂወቶም ዘጋጥምዎም ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት ዝተደራረቡ ማሕለኻታት ከምዝፈጥሩሎም ይእመን፡፡ ካብዚኦም እቶም ኣብ ጎደና ዝሓድሩ ወገናት ዝረአዩ ጠንቂ ዝበሃሉ ጉዳያት ዝስዕቡ'ዮም፡፡

- ትምህርቶም ብምቁራፅ መፃኢ ግዚኦም ዝፀልመተ ክኸውን ይገብሮም፡፡
- ኣብ ጎደና እንትሓድሩ ንሕማም ዝተቓልዑ ስለዝኾኑ ንጥዕንኦም ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይገብሮም፡፡
- ዝተፈላለዩ መዐወንታት ይላመዱን ከምኡ'ውን ነዚኦም ኣብ ምዝርጋሕ ይዋፈሩ፡፡
- ካብቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ዝተገለሉ ስለዝኾኑ ዝተፈላለዩ ገበናት ይፍፅሙን በዚ ኣቢሉ ሂወቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንክሕልፉ ይግደዱ፡፡
- ጎደና ተመሓደርቲ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ተገዲደን ክድፈራ፣ ንሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ክቃለዓን ከምኡ'ውን ናብረአን ነብሰን ሸይጠን ብዝሙት ክመሓደራ ይግደዳ ዝመሳሰሉ ፀገማት የጋጥሙ እዮም፡፡

ለ. ምስፍሕፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ኣብዚ እዋን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከም ለበዳ እናተጋፍሐ ኣብ ህዝብና ዘብፅሖ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ፀገም ከቢድ እዩ፡፡ እዚ ስለዝኾነ ድማ እታ ሃገር ክተምፅኦ ዝድለይ ለውጥን ምዕባለን ብኣሉታ እናፀለዎ ይርከብ፡፡ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ከምዝሕብርዎ ኣብ 2010 ዓ.ም.ፈ ዝተገመተ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ 2.8% እንትኾን ኣብ ትግራይ 3.6% እዩ፡፡ እዚ ሽፋን ኣብ ከተማ ብጣዕሚ በዝሒ ዘለዎ ኾይኑ እዚ ማለት ኣብ ኣዲስ ኣበባ 30.2% ኣብ ትግራይ 13.2% ከምዝበፅሐ ይግመት፡፡ ብኻሊእ ገፅ ኣብ ገጠር'ውን ብደረጃ ሃገርን ክልልናን እንትርአይ ተመሳሳሊ 1.4% በፂሑ ኣሎ፡፡ እዚ ሕማም ከም ባርዕ ንኽጋፋሕ ምኽንያት ዝኾኑ ጉዳያት ምፍላጡ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ካብዚ ንታሕቲ እቶም ቁልፊ ዝበሃሉ እዚኦም እዮም፡፡ እዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ኣብ ኣፍሪካ'ውን ተመሳሳልነት ከምዘለዎ ይሕበር፡፡

1. ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኣብቲ ሕማም ዝነበረ ኣረዳድኣን ኣተሓሳስባን ዝተጋገየ ብምንባሩ'ዩ፡፡ እዚ ድማ ብእግዚኣብሄር ዝተውሃበ መቕፃዕቲ ተገይሩ ዝውሰድን'ምበር መበገሲ ዘለዎ ሕማም ከምዝኾነ ዝነበረ ግንዛበ ብጣዕሚ ትሑት ምንባሩ፡፡

2. ኣብዚ እዋን ዘሎ ካብ ሓደ ንሓደ ወፃኢ ዝፍፀም ያታዊ ርክብ ኣብቲ መንእሰይ ከም ስልጣነ ምውሳድ ነዚ ሕማም ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ክዛመት ገይርዎ'ዩ፡፡ ብተመሳሳሊ ምስ መስተን ስኽራን ብምዝማድ ምሸት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ የለን ብዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ መናእሰይ ጌጋ ምፍፃም ከምዝነበረ፡፡

3. ኣብ ሃገርናን ክልልናን ዘሎ ድኽነት ዝወለዶ ፀገም ምኽንያት ደቂ ኣንስትዮ ትምህርተን ብምቁራፅን ካብ ገጠር ዝሐሸ ናብራ ብምሕሳብ ናብ ከተማ ብምምፃእ ነብሰን ሸይጠን ንኽሓድራ (ብዝሙትነት ክመሓደራ) ስለዝግደዳ ነቲ ሕማም ይቃልዓን በዚ ድማ ንኻልኦት'ውን መተሓላለፍቲ ይኾና፡፡

4. ኣብ ገጠር ይኹን ከተማ ዘሎ ዝርግሐ ኣፈፃፅማ ጎዳእቲ ልምድታት ብፍላይ እቶም ነዚ ተግባር ዝፍፅሙ ሰባት ዝጥቀሙሉ መሳርሒ ፅሬት ስለዘይብሉን ብባህርዩ ምስ ደም ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ እቲ ሕማም ብቐሊሉ ክመሓላለፍ ኪኢሉ'ዩ፡፡ እዚ ድማ ኣቐዲሙ እቲ መተሓላለፊ መንገዲ ያታዊ ርክብ ጥራሕ ተወሲዱ ይረአ ስለዝነበረ በዚ መንገዲ ንኽጋፋሕ ምኽንያት ክኸውን ከምዝኽኣለ ይእመን፡፡

5. ኣብ ፈለማ እቲ ሕማም ኣብ ኩሎም ኣመራርሓ ኣካላት ዝነበረ ድኹም ምትእስሳርን ተዋዲድካ ምስራሕን ከምኡ'ውን እዚ ጉዳይ ናይ ጥዕና ቢሮ ሓላፍነት ጥራሕ ተገይሩ ይውሰድ ብምንባሩ ቀፃልነት ብዘለዎ መንገዲ ንምስራሕ ኣይተኽኣለን ነይሩ፡፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዘ ግና እዚ ጉዳይ ሓደጋ ምዃኑ ብምፍላጥ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘለዉ ኣመራርሓን መራሕቲ ሃይማኖትን ብቐራፅነት ስለዝተሳተፉ ውፅኢቱ ፅቡቕ ክኸውን ከምዝኽኣለ ዝፍለጥ ምዃኑ፡፡

6. ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ዝተየርአየሉ እዋን ዝነበረ ሽፋንን ፅሬትን ግልጋሎት ጥዕና ኣብ ትሑት ብርኪ ስለዝነበረ ዓርስኻ ንምፍላጥ፣ ግልጋሎት ምኽሪ ንምርካብ፣ መናውሒ ዕድመ መድሓኒት ንምርካብ፣ ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል እቲ ሕማም ንኸይመሓላለፍ ዝነበረ ክትትል ኣብ ዝተወሰነ ከባቢ ጥራሕ ዝውሃብ ከምዝኾነን ኣብ ካልኦት እዚ ዕድል ዘይምንባሩ ዝብሉ ነጥብታት ነቲ ሕማም ቐልጢፉ ክዛመት ከምዝገበሮ መፅናዕትታትን ዳህሳሳትን ይሕብሩ፡፡

**ሐ. ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ፣** ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ማሕለኻ ሰብኣውን ኢኮኖሚያውን ምዕባለ ከምዝኾነ ይፍለጥ፡፡ ኣብዛ ኣህጉር 20 ሚኢታዊ ዝነበረ ሞት ብሰንኪ እዚ ሕማም ከምዝኾነ ባንኪ ዓለም ኣብ 2006 ዓ.ም.ፈ ሓቢሩ ነይሩ፡፡ ኣብ 2007 ዓ.ም.ፈ ኣብ ኣፍሪካ 22.5% ዝኾኑ ዜጋታት ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከምዝነብሩ ይግለፅ፡፡ እዚ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝኸፍአ ፀገም ከምዝኣብፅሖለንን ብፍላይ ኣብ ክሊ ዕድመ 15 - 24 ንዘለዋ ድማ ዘለዎን ዝነበሮን በሰላ ዝዓበየ ከምዝገብሮ ይእመን፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ምስፍሕፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከምኡ'ውን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ስድራ፣ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝፈጥሮ ዕልዋ ኣብነታት ኢትዮጵያን ኣፍሪካን እናሓበርኩም ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡ ተኻትዑ፡፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ

ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኣመልኪቱ ኣብ ገፅ 134 - 136 ዝተገለፀ ምስዚ ትምህርትኹም ከመይ ከምዝተኣሳሰር ተመያየጡ፡፡

| ሃገራት | ዝርከባሉ ከባቢ | ሽፋን ብ% |
|---|---|---|
| ቦትስዋና | ደቡብ ኣፍሪካ | 24.1 |
| ሌሶቶ | ደቡብ ኣፍሪካ | 23.2 |
| ማላዊ | ደቡብ ምብራቕ ኣፍሪካ | 14.1 |
| ሞዛምቢክ | ደቡብ ምብራቕ ኣፍሪካ | 16.1 |
| ናሚቢያ | ደቡብ ኣፍሪካ | 19.6 |
| ደቡብ ኣፍሪካ | ደቡብ ኣፍሪካ | 18.8 |
| ስዋዚላንድ | ደቡብ ኣፍሪካ | 33.4 |
| ዛምቢያ | ደቡብ ምብራቕ ኣፍሪካ | 17.0 |
| ዝምባብዌ | ደቡብ ምብራቕ ኣፍሪካ | 20.1 |
| ኢትዮጵያ | ምብራቕ ኣፍሪካ | 3.5 |

ፍልፍል ባንኪ ዓለም፣ 2006 ዓ.ም.ፈ

ሰደቓ 4.1 ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ 15 -24 ዕድመ ክሊ ኣብ ኣፍሪካ

ኣብ ኣፍሪካ እቲ ሽፋን ናይዚ ሕማም ብበዝሒ ዝረአየለን ሃገራት ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ዝርከባ /sub Saharan Africa/ እየን፡፡ ካብ 15 - 24 ዕድመ ክልል ዝዓበየ ሽፋን ዘለወን ሃገራት ንምንፅፃር ከምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ፡፡

መ. ዘጋጥሙ ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤ ኣብ ላዕሊ ብዛዕባ ኩነታት ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ንምርኣይ ተፈቲኑ'ዩ፡፡ ቀፂልና ድማ ብሰንኪ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ንኢትዮጵያ'ውን ሓዊሱ ዝፈጠሮ ፅልዋን ዘሕደሮ በሰላን ካብዚ ንታሕቲ ሓፂር መብርሂ ይቐርብ፡፡

1. ኣብ ስድራ ዝፈጥሮ ፅልዋ፤ ኣብ ኣፍሪካ እቶም ስድራ ብኤድስ ካብ ምሕማም ጀሚሩ ዘሎ ግዘ ኣብ ሓደጋ ዝወድቁሉ ባይታ ሰፊሕ'ዩ፡፡ እቶም ወለዲ ኣብ ዓራት ምውዓል ካብ ዝጀመሩሉ እዋን ብዝተፈላለየ ወፃኢ ስለዝሓትትን እቶም እቶት ዘለዎም ኣካላት ብሰንኪ ሕማም ምስራሕ ጠጠው ስለዘብሉ ንቑልብ፣ ሕክምናን ካልኦት ወፃእን ስለዘይርከብ እቲ ስድራ ናይ ምብትታን ሓደጋ ይገጥሞ እዩ፡፡ ብሰንኪ'ዚ ድማ ቆልዑ ትምህርቶም ንኸቛርፁ ይግደዱን ናብ ጎደና ይወፁን፡፡ ስለዝኾነ ኣብቲ ሕማም ዘሎ ምግላልን ምፅያፍን ኣዝማዶም ይኹኑ ጎራባብቲ ስለዝርሕቑዎም እቲ ጉድኣት ቅልጡፍ ይገብሮ፡፡ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢ እቲ ብኤድስ ዝሓመመ እንትመውት ንስነ ስርዓት ቀብሪ ዝውዕል ገንዘብ ተለቂሖም ስለዘካይዱ ካሊእ ፅዕንቶ ኣብቶም ዝተርፉ ስድራ ክፀዓኖም ይገብር፡፡

2. **ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝፈጥሮ ፅልዋ፤** እዚ ሕማም ኣብ ሞንጎ ሕሙምን ስድራን ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ርክብን ንኽፈርስ ምኽንያት እናኾነ ከምዝርከብን ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝነበረ ታሪካዊ ዝምድና ንኽፈርስ ዝለዓለ ባይታ እናፈጠረ ከመፅእ ክኢሉ'ዩ፡፡ ኣብ ካልኦት ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘጋጥሙ ፀገማት ዝስዕቡ እዮም፡፡
   - ኣብ ጥዕና ግልጋሎት ዝለዓለ ፀቕጢ ብምፍጣሩ ብሰንኩ ዝበዝሐ ናይ ሆስፒታል መደቀሲ፤ መድሓኒት፣ ሰብ ሙያ ጥዕና ወዘተ ኣብዚ ስራሕ ክፅመዱን ንካልኦት ሕማማት ፀቕጢ ምፍጣሩ
   - በዚ ሕማም ዝተጎድኡ በዝሒ ዘለዎም መማህራን ስለዘጋጥሙ ካብ ምሕማሞም ጀሚሩ ስካብ ዝሞቱ ነቶም ዘምህርዎም ተምሃሮ ምቁራፅ ክፍለ ጊዜ ስለዝፈጥር ኣብ ክእለት ተምሃሮ ኣሉታ ይፈጥር፡፡
   - ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘይተሓሰበ ምብራስ ስድራ ስለዘጋጥም በቶም መራሕቲ ስድራ ዝጥወሩ ዝነበሩ ህፃውንትን ሽማግለታትን ስለዝብተኑ ንማሕበራዊ ፀገም ዝተሳጠሐ'ዩ፡፡ ኣብዚ ብስፍሓት ዝረአዩ ከም ጎደና ምሕዳርን ምስዚ ዝተኣሳሰረ ስርቅን ካልኦት ገበናትን፣ ልመና፣ ብዝሙት ምምሕዳርን ክሰፍሕ ኪኢሉ ኣሎ፡፡
   - ብሰንኪ በዝሒ ዘለዎ ሞት መብዛሕትኡ ሰብ ኣብ ቀብሪ ጊዜኦም ከሕልፉ ይግደዱን በዚ ድማ ኣብ ዕድራት ዘሎ ርክብ ሓርፋፍ ክገብሮን ምስልቻው ክፈጥርን ምኽንያት እናኾነ ከምዝመፀ ንምፍላጥ ይከኣል፡፡

3. **ኣብ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ዝፈጥሮ ፅልዋ፤** ኣብዚ ዘሎ ፀገም ምስ መፍረዪ ሓይሊ ምብራስን ተጀሚሮም ዝነበሩ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ክተዓናቐፉ ምግባሩ እዩ፡፡ ብፍላይ እቶም በዚ ሕማም ዝሞቱ መናእሰይን ምሁራትን ምኳኖም ዝፈጥሮ ፅልዋ ዝለዓለ ክኸውን ይገብሮ፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ እዋን ሕማም በቶም ሕሙማት እቲ ቫይረስ ብሰንኪ ዘጋጥሞም ፀገም ዝረኽብዎ እቶት ንቑጠባ ዝውዕል ስለዘይከውን ናይዚ ድምር ኣብታ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ኣሉታ ዝፈጥር'ዩ፡፡ ብተወሳኺ እቲ ስድራ ነዊሕ እዋን ብዝእምት መንገዲ ናብራ ንምምራሕ ኣይከኣልን፡፡

እሞ ተምሃሮ ምግፋሕን ዝርግሐን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ እንታይ ከምዝመስልን ዘስዕቦም ዓበይቲ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት ብዝምልከት እኹል ግንዛበ ረኺብኩም ዶ? ነዚ ዝተምሃርክምዎ ትምህርቲ ማእኸል ገይርኩም ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ትካላት ጥዕና ብምኽያድ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ፈትኑ፡፡ ኩነታት ምግፋሕን ሳዕቤናትን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝምልከት ኣብ ከባቢኹም ካብዝርከብ ትካል ጥዕና መረዳእታ ኣክቡ፡፡ ተመያየጡሉ፡፡

➲ ተምሃሮ ብዛዕባ ምስፍሕፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካን ከምኡ'ውን ሳዕቤናት (ፅዕንቶ) ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ዝምልከቱ ክልተ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ዝኾኑ መመያየጢ ዛዕባታት መሰረት ብምግባር ንመሰረታዊ ማሕበረ - ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ውራያት ህዝቢ ብዕሙቐት ንምፍታሽ ወሳናይ ተራ ኣለዎም፡፡ ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት ብዝምልከት ጠመተ ዘድልዮም ዓበይቲ ጉዳያት ኣለዉ፡፡

## መመያየጢ ጉጅለ



1. ኣብዚ ንኡስ ርእሲ እንታይ ተማሂርኩም? እንታይ ከ ተረዲእኹም?
2. ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝምልከት ብዝርዝር ግለፁ፡፡
3. ንቤት ፅሕፈት መናእሰይን ማሕበራውን ጉዳያት ብምሕታት ፀገማትን ጠንቅን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስ ኣብ ጎደና ዝሓድሩ ወገናት ኣገናዝቡ?
4. ብሕማማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝበፅሑ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ፀገማት እንታይ እዮም?
5. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻልን ምቁፅፃርን እንታይ ክግበር ኣለዎ?
6. ኣብ ከባቢኹም ብሰንኪ እዚ ሕማም ናብ ፀገም ዝኣተዉ ስድራ ብኣብነት ግለፁ፡፡
7. ብሰንኪ ጎዳእቲ ልምድታት ዝመሓላለፍ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻል ኣብቶም ነዚ ስራሕ ዘካይዱ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
8. ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከም ባርዕ ለበዳ ንኽጋፋሕ ምኽንያት ዝኾኑ ኣብነታት ጥቐሱ፡፡
9. ምግፋሕን ዝርግሐን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ትግራይን ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ከተማታትን እንታይ ከምዝመስል ግለፁ።
10. ምግፋሕን ዝርግሐን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ እንታይ ከምዝመስል ኣብርሁ፡፡
11. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝፈጥሮ ፅልዋን ዘሕድሮ በሰላን ብዝምልከት ብዝርዝር ግለፁ።
12. ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ጥዕናውን ማሕበራውን ፀገም እዩ እንትበሃል እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣረድኡ።

## 4.1.2 ሳዕቤንን ፅዕንቶን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ብዛዕባ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሳዕቤናቱን ዝምልከት ኣብ 5ይን 6ይን ክፍልታት ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? እንታይ ከምዝተምሃርኩም እናዘከርኩም ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኣፍሪካን ብኣብነት እናደገፍኩም ኣብርሁ፡፡ ንቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ መበገሲ ምኽንያታት እንታይ'ዮም? ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከመይ ክንቆፃፀሮ ንኽእል? ምስ ልምዓትን ዕብየትን ሃገር ከመይ ይተኣሳሰር?

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 139 ብዛዕባ ስነ ህዝብን ልምዓትን ተገሊፁ ዘሎ ናብ ቤት መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኻድ ኣንብቡ፡፡ ክተንብቡ እንተለኹም ድማ ኣብ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ስነ ህዝብን ልምዓትን ዝብሉ ዛዕባታት እናተመያየጥኩም ኣንብቡ፡፡ ነዚ ዕሑፍ ምስ ትምህርትኹም ኣተኣሳስርዎ'ሞ መምህርኩም'ውን ክሕግዙኹም ሕተትዎም፡፡ ዝበፃሕኹምዎ ምርድዳእ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ፡፡

ኣብ ሃንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን በዝሒ ህዝብን ተመጣጣንን ተመጋጋብን ምዕባለ ክርኢይ ኣለዎ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርን ምምጥጣን ሃፍትን እንታይ ማለት'ዩ? ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ብርሰት ከባቢ፣ ብርሰት ደን፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህዒ፣ ፍግረ መሬትን ውሕስና ምግብን፣ ድኽነትን ስእነት ስራሕን ብዝምልከት ዘለዎ ፅልዋ ብዝርዝር ግለፁ፡፡ በዝሒ ዕያል ኣብ ልዕሊ ስድራ ዝህልዎ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፅልዋታት ዘርዝሩ፡፡

በዝሒ ህዝቢ ዓለም ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብሓያል ናህሪ እናወሰኸ ይመፅእ'ሎ፡፡ እዚ ሓያል ናህሪ ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ ከምዝቕፀል ሰብ ሞያ ይትንብዩ። ሓያል ናህሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ኣብዚ ሕዚ እዋን ናብ 6 ቢሊዮን በፂሑ'ዩ። ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ሓደ ቢሊዮን ንኽበፅሕ ብጣዕሚ ብዙሕ ዓመታት ወሲዱሉ። ብድሕሪ'ዚ ድማ ሓደ ቢሊዮን ዝኣክል ህዝቢ ንምብፃሕ ዝወሰደ በዝሒ ዓመት ካብዚ ንታሕቲ ተሓቢሩ'ሎ፤

- ካብ ሓደ ቢሊዮን ናብ ክልተ ቢሊዮን ንክበፅሕ ግና 123 ዓመታት ዝወሰደ እንትኸውን ካብ ክልተ ቢሊዮን ናብ ሰለስተ ቢሊዮን ንምብፃሕ ድማ ሰላሳን ሰለስተ ዓመታት እዩ ወዲኡ፡፡
- ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለም ካብ ሰለስተ ቢሊዮን ናብ ኣርባዕተ ቢሊዮን ንክበፅሕ ድማ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመታት ዝወሰደ እንትኸውን ካብ ኣርባዕተ ቢሊዮን ናብ ሓሙሽተ ቢሊዮን ንምብፃሕ ግን ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ጥራሕ ወዲኡ፡፡
- ስለዚ ካብ ሓሙሽተ ቢሊዮን ናብ ሽዱሽተ ቢሊዮን ንምብፃሕ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት'ዩ ወዲኡ፡፡

ብመሰረት'ዚ ሕዚ ይርኣይ ዘሎ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና እንትንርእይ ድሕሪ 15 ዓመታት በዝሒ ህዝቢ ዓለም 7.83 ቢሊዮን ክበፅሕ'ዩ፡፡ ኣብ ናህሪ በዝሒ ዕብየት ህዝቢ ኣድላይ ዘበለ ቁፅፅርን ክትትልን እንተተገይሩ ግና እቲ ናህሪ በዝሒ ዕብየት ህዝቢ ናብ 7.11 ቢሊዮን ትሕት ክብል ይኽእል፡፡ ስለዚ ብደረጃ ዓለም

ኣድላይን ብቑዕን ስራሕቲ ስነ ህዝቢ እንተተሰሪሑ ዳርጋ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ እናተቀራረበ ክመፅእ ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ንቑጥብ ኣለና ማለት'ዩ። ስራሕቲ ስነ ህዝቢ ብኣግባቡ እንተዘይተሰሪሑ ግን ክንዲ ሕዚ ዘሎ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ይውስኽ። እቲ ዝዓበየ እጃም ምንሃር በዝሒ ህዝቢ ዓለም ዝሕዛ ብማሕበረ ኢኮኖሚኣን ድሑራት ዝኾና ሃገራት'የን።

ንኣህጉርና ኣፍሪካ እንተሪኢና ብ1996 ዓ.ም.ፈ ከባቢ 748.1 ሚሊዮን ዝነበረ በዝሒ ህዝባ ኣብ 1998 ዓ.ም.ፈ ናብ 778.5 ሚሊዮን ደይቡ'ዩ። እዚ ማለት ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት 30.4 ሚሊዮን ህዝቢ ወሲኹ ማለት'ዩ። በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ብ1987 ዓ.ም 56.7 ሚሊዮን ዝነበረ እንትኸውን ኣብ 2001 ዓ.ም ድማ ናብ 82.7 ሚሊዮን በፂሑ'ሎ። ኣብ 2009 ዓ.ም.ፈ በዝሒህዝቢ ኣፍሪካ ናብ 800 ሚሊዮን ዝበፅሐ እንትኸውን ንዝመፅእ 2025 ድሕሪ 15 ዓመት ድማ እዚ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ናብ 1453.9 ሚሊዮን ክድይብ እዩ። ስለዚ ዓቕን ዘይብሉ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ምውሳኽ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት እቲ ዝዓዘዘ እጃም እንትሕዛ ኣህጉር ኣፍሪካ'ውን ካብኣተን ሓንቲ እያ። ኣብዝሓፈ ሓደ ሚኢቲ ዓመት ዝነበረ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ብዝምልከት ኣብዝቕፅል ሰደቓ ተመልኪቱ'ዩ።

ተምሃሮ ሳዕቤናት ናህሪ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ተመያየጡ። ብመሰረት'ዚ ሰደቓ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ኣብ ሕሉፍ ሓደ ሚኢቲ ዓመታት ተመያየጡ።

በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ኢትዮጵያ ብኸምዚ መልክዑ እናዓበየ ብምምፅኡ ኣብ መነባብሮን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዓርሱ ዝኸኣለ ፅልዋ እናፈጠረ ይርከብ። ኣብዚ ዝርኣዩ ኣሉታት ምስ ምምጥጣን ሃፍቲ፣ ስእነት ስራሕን ድኽነትን ዝተዛመዱን ምስ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብቐጥታ ርክብ ዘለዎምን እዮም።

| ዓ.ም.ፈ | በዝሒ ህዝቢ ብሚልዮን | ዕብየት ብሚኢታዊ |
|---|---|---|
| 1900 | 11.75 | - |
| 1910 | 12.1 | 0.4 |
| 1920 | 12.9 | 0.8 |
| 1930 | 14.36 | 1.2 |
| 1940 | 16.2 | 1.5 |
| 1950 | 19.2 | 2.0 |
| 1960 | 23.5 | 2.2 |
| 1970 | 29.5 | 2.3 |
| 1984 | 42.6 | 2.9 |
| 1994 | 52.8 | 3.2 |
| 2007 | 73.5 | 2.7 |

ሰደቓ 4.2 ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘመላኽት

### ሀ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምምጥጣን ሃፍቲ፣

ብመዳይ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ምምጥጣን ሃፍትን ብዝምልከት ዘሎ ርክብ ምስ ክእለትን ምዕቛርን ሕብረተሰብ ኣብ ካፒታል ምምስራት ይኹን ምውሕላል ዝፃወቶ ግደ ዝዓበየ እዩ፡፡ ናይ ምዕቛር ክእለት ውሕስና ዝረጋገፅ ብመሰረት እቶት ምልዓልን ምትሓትን ኾይኑ ኣብ ሞንጎ ንሓፂር ግዘን ንመፃኢ ምሕሳብን ከምኡ‘ውን ኣብ መፍረያይነትን ተጠቃማይነትን ዘሎ ኣፈላላይ ገይሩ ዝረጋገፅ ይኸውን፡፡ ምህርትን እቶትን እንተማዕቢሉ እሞ ኣብ ስድራ ዘሎ ተጠቃማይ እንተውሒዱ ምዕቛር ይጠናኸር፡፡ እንተዘይኮነ እቲ ምህርቲ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ እንተዘይኮይኑ ወይድማ ካብ ንዕለታዊ መነባብሮ ምጥቃም ሓሊፉ ንሓዋሩ ክኸውን ኢልካ ምዕቛር ኣይሕሰብን፡፡

ኣብ ክሊ ዕድመን ኢኮኖሚያዊ ትሕዝቶን ዘሎ ርክብ ኣብ ውልቀ ህይወት ብእቶት ይኹን ብምዕቛር ይፈላለይ‘ዩ፡፡ ንኣብነት ምዕቛር ብዑደት ስድራ እንተሪእና ዓብዪ ዝኾነ ትምህርቲ ንረክብ፡፡ ብቀዳምነት ሰብዓይን ሰበይትን ሓዳር ምስገበሩ እቲ እቶት ይኹን ተጠቃምነት ሚዛናዊ ስለዝኾን ናይ ምዕቛር ክእለቶም ዝሓሸ ይኸውን፡፡ ፅንሕ ኢሎም ዕያል እንተብዚሖም እቲ ዝተረኸበ እቶት ንብዙሕ ስለዝከፋፈል ክእለት ምዕቛር ጠፊኡ ናብራ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ክኸውን ይግደድ፡፡ እዙይ ተሞክሮ ኣብ 85 ሚኢታዊ ዝኾነ ሂወት ገባር ዝለዓለ እዩ። ገባርና ኣብ ልዕሊ ትሑት መሳርሒ /ሕርሻ ምጥቃሙ/ ተዛሚዱ ዕያል እናብዝሐ እንተኸይዱ እቲ እቶት ኣይኮነን ዶ ክቕይር ዓመታዊ ቀለቡ እኳ ብኣብዝሓ ኣይሸፈንን። ነዙይ ድማ ብፍላይ ኣብ ትግራይና ኣስታት 45 ሚኢታዊ ዝኸውን ህዝብና ኣብ ክሊ ድኽነት ንኽርከብ ከም ሓደ ምኽንያት ተገይሩ ይውሰድ፡፡

ስለዚ ምዕቛር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስ ዲሞክራሲያዊ ፀባያት ሓንቲ ሃገር ማለት በዝሒ ዕያል፣ ቅርፂ፣ ተዋፅኦን ዕድመን እዩ ዝውሰን፡፡ በዝሒ ህዝቢ ብሓፈሻ ምስ ምህርቲ ዕብየትን ጠለብን ዝተተሓሓዘ እዩ፡፡ ነዙይ ንምርዋይ እንተኾነ ማዕረ ብማዕረ እንተዘይኮነ ነፍሲ ወከፍ እቶት ዘማዕብል ኢኮኖሚ ዕብየት ንክነብር ናይ ግድን ይኸውን። ከምዙይ ኣካይዳ እንተተኸይዱ ብመጠኑ ናይ ምዕቛር መጠን ክውስኽ ይኽእል። እንተዘይኮይኑ ግና ኣብታ ሃገር ዘይተመጣጠነ ዕብየት ይገጥም፡፡ ብመንፅር‘ዚ ኩልግዘ ኣሉታዊ ርክብ እዩ ዘለዎ፡፡ ትሑት ዕብየት በዝሒ ዕያል ዝለዓለ መጠን ምዕቛር ስድራ ይህልው። ብሰንኩ ድማ ኣብቶም ዝለዓለ ምዕቛር ዘለዎምን ዘይብሎምን ናብራ ኣፈላላይ ከምዝረአን ይእመን። ብተመሳሳሊ በዝሒ ዕያል ዘለዎ ስድራ ኣብ ድኽነት ዝርከብን ዘይተምሃረን ስድራ ዝረአ ስለዝኾነ እቲ መነባብሮ ዝኸፍአ ይገብሮ። ነዚ ኣመልኪቱ ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ። ሃፍታም ስድራ ንደቆም ዘውርስዎ ሃፍቲ እናሓሰቡ ስለዝወልዱ ውሑዳት ዕያል ክህልዎ ይመርፅ፣ እቲ ኣብ ድኽነት ዝርከብ ስድራ ካብ ደቆም ክወርሱ ስለዝሓስቡ በዝሒ ዘለዎ ዕያል ክህልዎም ይመርፁ ይበሃል፡፡ እዚ ኣበሃህላ ድማ ንዘይምምጥጣን ምኽንያት ማለት’ዩ።

ለ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ድኽነትን ስእነት ስራሕን ዘለዎ ፅልዋ፤

ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ቅልጡፍ እንተኾይኑ እታ ሃገር ዘለዋ ሃፍቲ ኣብ ዝርግሐ ማሕበራዊ ግልጋሎት ስለዝውዕል ዝህሉ ምውህላል ካፒታል ስለዝውሕድ ኢንቨስትመንት ኣብ ምግፋሕ ይውሕድ'ዩ፡፡ ብተወሳኺ ኣብታ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ብሰንኪ በዝሒ ዕያል ኣብ ድኽነት ስለዝጥሕል ዘለዎ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ትሑት ስለዝኸውን ኢንቨስትመንት ንኽይጋፋሕ ዕንቅፋት ይኸውን፡፡ ብመሰረት'ዚ ኢንቨስትመንት ትሑት እንተኾይኑ ዝፈጥሮ ዕድል ስራሕ ብተመሳሳሊ ትሑት ይኸውን፡፡ ብኻሊእ ገፅ ብሰንኪ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ገጠር ዘጋጥም ሕፅረት መሬትን ካልኦት ጉዳያትን ናብ ከተማ ዝግበር ፍልሰት ተዛሚዱ ኣብ ከተማታት ስራሕ ስእነት ንኽጋፋሕ ይኽእል፡፡

ብተመሳሳሊ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ዘይተመጣጠነ በዝሒ ህዝቢ እንትህሉ ካብቶም ድኽነት መንቀሊ ጉዳያት ሓደ ከምዝኸውን ይእመን፡፡ ነዚ መበገሲ ዝኸውን ምስ ሃገርና ጭቡጥ ኩነታት እንትረአ እዚ ብግልፂ ዝረኣን ኣብቲ ብሃገር ብርኪ ንድኽነት መበገሲ ዝኾኑ ነጥብታት እንትፍለዩ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒህዝቢ ሓዲኡ ከምዝኾነ በቲ እዋን ተገሊፁ'ዩ፡፡ ኣብዚ ጠመተ ዝውሃቦ ኣብ ድኽነት ዘሎ ስድራን ካብ ኣቦ ብዝርከብ እቶት ጥራሕ ዝመሓደር ስድራ ዕያል እንትበዝሕ ካብቶም ድኽነት ዘጋፍሑ ምኽንያታት ክከውን ይኽእል፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገርና መጠን ፅግዕተኛ 49% ምኻኑ እዚ ማለት ድማ 100 ሰራሕተኛታት ንኻልኦት 99 ፅግዕተኛታት ብተወሳኺ ዝጥውሩ ምኻኖም እንትረአ ካሊእ ሓላፍነት ስለዝድረብ ኣብቲ ስድራ ምውህላል ካፒታል ኣይህሉን፡፡ ብዝኾነ ኣጋጣሚ እቲ መራሒ ስድራ እንተሞይቱ እቶም ፅግዕተኛታት ኣካላት ስድራ ናብ ድኽነትን ፀገምን ክወድቑ ከምዝኽእሉ ንምፍላጥ ይከኣል፡፡

ሐ. መጠንን ፀቕጢ ህዝቢ፤ ፀቕጢ ህዝቢ ማለት ኣብ ሃገር ወይድማ ክልል ዝርከብ ህዝቢ ንጠቕላላ ሽፋን መሬት እንትምቀል ኮይኑ ብትርብዒት ኪሎ ሜትር ወይድማ ማይል ዝግለፅ'ዩ፡፡ ንኣብነት ኣብዚ ቐረባ እዋን ዘሎ መጠን ፀቕጢ ህዝቢ ብደረጃ ኣህጉራት ነዚ ዝስዕብ ይመስል፡፡

- ⇒ ሰሜን ኣሜሪካ----- 32 ሰብ ብትርብዒት ማይል
- ⇒ ደቡብ ኣሜሪካ----- 73 ሰብ ብትርብዒት ማይል
- ⇒ ኣውሮፓ -------- 134 ሰብ ብትርብዒት ማይል
- ⇒ እስያ------------ 203 ሰብ ብትርብዒት ማይል
- ⇒ ኣፍሪካ------------ 65 ሰብ ብትርብዒት ማይል
- ⇒ ኣውስትራልያ----- 6.4 ሰብ ብትርብዒት ማይል

ብደረጃ ሃገራት እንትርአ ድማ እቲ ዝለዓለ ፀቕጢ ዘለዋ ባንግላዲሽ 2200 ሰብ ብትርብዒት ማይል እንትኸውን ዝሰሓወ ዝበሃል ድማ ካናዳ 9.27 ሰብ ብትርብዒት ማይልን ሞንጎልያ 4.3 ሰብ ብትርብዒት ማይል እየን፡፡ እዚ ድማ 90% ዝኸውን ህዝቢ ኣብ 10% መሬት ዓለም ከምዝነብር ይሕብር፡፡

ስለዚ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ወሳናይ ዝኾውን ንማህበራዊ፣ መሰረተ ልምዓት ግልጋሎት ንምርካብ'ዩ፡፡ ንኣብነት ከተማታት እቲ ህዝቢ ብሓደ ሰለዝእከብ ብመጠኑ እቶም ዝደልዮም ግልጋሎት ይርከብ፡፡ እቲ ህዝቢ ተበታቲኑ እንድሕር ዝሰፍር ኮይኑ ብዙሕ ኢንቨስትመንት ሰለዝጠልብን ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ሰለዝኾውን ግልጋሎት ንኪይርከብ ይክእል፡፡ በዚ ምክንያት ድማ ከተማታት ዝሓሸን ገጠራትና ግና ብጣዕሚ ዘፀግምን ግልጋሎት ዘለዎን'ዩ፡፡ ካብዚ.ይ ተደሪኽና ኣሰፋፍራን እንተተመሓይሹ ማለት ኣብ ገጠር ካብ ምብትታን ተኣካኪብካ ምንባር እንተተለማሚዱ ዝሓሸ ኢንቨስትመንት ናይ ምርካብ ዕዱል ይሰፍሕን ፅቡቕ ማሕበራዊ ግልጋሎት ንምርካብ ከምዝከኣልን ይእመን፡፡ ተምሃሮ ብዛዕባ በዝሒ ህዝቢ ምስ ምምጥጣን ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘለዎ ዝምድና ተረዲኡኹም ዶ? በዝሒ ህዝቢ ምስ ድኽነት ዘለዎ ምትእስሳርን ሳዕቤንን ከመይ ትገልፅዎ? ፀቕጢ ህዝቢ ከመይ ከምዝግለፅ ክተብርሁ ዶ ትኽእሉ?

1. ብደረጃ ዓለም፣ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ዝተመዝገበ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ካብ መፅሓፍ ተምሃራይ 5ይን 6ይን ክፍሊ ወሲድካ ብዝርዝር ኣረድእ፡፡
2. ቕልጡፍ በዝሒ ህዝቢ ዘስዕብዎ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ሃፍቲ ተፈጥሯውን ፅልዋታትን ሳዕቤናትን ብዝርዝር ኣረድእ፡፡
3. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምምጥጣን ሃፍቲ ሃገር ዘለዎ ፅልዋን ሳዕቤንን ተንትን፡፡
4. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ድኽነትን ስእነት ስራሕን ዘለዎ ፅልዋን ሳዕቤንን ኣረድእ፡፡
5. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ መጠንን ፀቕጥን ዘለዎ ፅልዋን ሳዕቤንን ግለፅ፡፡

## 4.2 መሰላትን ደሕንነትን ህፃናት - ክፍፀሙ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን



### ንጥፈት

ተምሃሮ ኣብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ዝተምሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? ግለፅዎም፡፡ ኣብ ቤት ትምህርትኹም መሰላት ህፃናት ይግለፁ ዶ? ይኽበሩ ዶ? ምስ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ዝተዛመዱ ትፈልጥዎም ተጓንፎታት እንተልዮም ግለፁ፡፡ እዞም ዝገለፅኩምዎም መሰላት ህፃናት እንትግሃሱ እንታይ ትገብሩ? ነዚ ጉዳይ ዝምልከቶም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ውድባት ከ ኣለዉ ዶ? ወለድኹም ከ መሰላት ህፃናት የኽብሩ ድዮም? ኣብ ጎረቤትኩም ከ ኸመይ ትዕዘቡ? ትሕቲ ዕድመ መርዓ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ቀዳማይን ካልኣይ ብርኪ ንመሰል ህፃናት ዝፃባእ ተግባር ወለዲ ምኳኑ ትፈልጡ ዶ? ኣብ ቤት ትምህርትኹም ፓርላማ ህፃናት ኣሎ ዶ? እንታይ ይሰርሕ? ነዞም ሕቶታት ምስ መምህርኩም ኾይንኩም ተመያየጡ፡፡

## ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 36 ዝተፅሓፉ መሰላት ህፃናትን ድሕንነትን

፩. ዝኾነ ሕፃን ካብዚ ንታሕቲ ዝስዕቡ መሰላት ኣለውዎ፤

ሀ. ብህይወት ምንባር

ለ. ክብሪ፣ ስምን ዜግነትን ምርካብ

ሐ. ንወለዱ ወይድማ ብሕጊ ከዕብይዎ መሰል ዘለዎም ሰባት ክፈልጥን ናታቶም ምሉእ ክንክንን ሕብሐባን ምርካብ

መ. ጉልበቱ ብዘይኣግባብ ካብዝብዝብዝዎ ልምድታት ክሕለው፤ ኣብ ልዕሊ ትምህርቱ፣ ጥዕንኡን ድሕንነቱን ፀገም ዘብፅሑ ስራሕቲ ንክሰርሕ ዘይምግዳድን ወይድማ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ስራሕቲ ኣገዲድካ ካብ ምስራሑ (ክሰርሕ ካብምግባር) ምሕላው

ሰ. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ወይድማ ኣብ ትካላት መዕበዩ ህፃናት ውሽጢ ብኣካላዊ ኩነታት ወይድማ ብጭካነን ኢ-ሰብኣውን ዝኾነ መንገዲ ዝፍፀሙ መቕፃዕትታት ነፃ ክኾውን ምግባር

፪. ንህፃናት ዝምልከቱ ስጉምትታት እንትውሰዱ ኣብ ትካላት መንግስታዊ ወይድማ ዘይመንግስታዊ፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ ሰበሰልጣን ምምሕዳር ወይድማ ብትካላት መውፀኢ ሕጊ ወዘተ ጉዳይ ደሕንነት ህፃናት ኣብ ቅድሚት ዝስራዕን ዓብዪ ጠመተ ዝወሃቦን ጉዳይ እዩ፡፡

፫. መናእሰይ ወዲኒ፣ ኣብ ቤት ህንፀት ወይድማ ትካላት እግሪ ምትካል ዝርከቡ፣ ብመንግስቲ ወይድማ ትካላት መዕበዩ ወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ወዘተ ዝርከቡ ህፃናትን መናእሰይን ካብ ዓበይቲ ተፈልዮም ብፍሉይ ኩነታት ክተሓዙ ይግባእ፡፡

፬. ካብ ሓዳር ወፃኢ ዝውለዱ ህፃናት ምስ ብሓዳር ዝተወለዱ ህፃናት ማዕረ መሰል ኣለዎም፡፡

፭. መንግስቲ ንወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ህፃናትን መናእሰይን ፍሉይ ሓለዋ ይገብረሎም፡፡ ብጉዲፈቻ (ምስ መዕበይቲ) ዝዓብይሉ ስርዓት ዘመቻቹውን ዘስፋሕፍሑን ከምኡ'ውን ደሕንነቶምን ትምህርቶምን ዘሰጉሙሉ ትካላት ክምስረቱ የበረታትዕ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 132 - 133 ብዛዕባ ስርዓተ ፆታን ጉዳይ ህፃናትን ኣመልኪቱ ተገሊፁ ዘሎ ትልሚ ናብ ቤት መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኻድ ኣንብቡ፡፡ ኣብዚ ብዛዕባ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት፣ ዕላማታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂታት (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ብዝምልከት ዝተፅሓፈ ተመያየጡሎም፡፡ ነዚኦም ድማ ምስዚ ዝተምሃርክምዎን ትመሃርዎ ዘለኹምን እናገናዘብኩም ተመያየጡ፡፡ ህፃናት ድጋፍን

ክንክንን (ሓለዋን) ዝግበረሎም ባይታ ምፍጣርን ህፃናት ካብ ልምዓትን ዕብየትን ሃገር ተጠቀምቲ ክኾኑ ምግባርን እንትበሃል ከ እንታይ ማለት'ዩ፡፡ ውዳበታት ህፃናት እንታይ ረብሓ ኣለዎም? ንህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሑ ጉዳያት ንምክልኻል እንታይ ተግባራት ክፍፀሙ ኣለዎም? ነዚኦም መሰረት ብምግባር ተመያየጡ፣ ተኻትዑ'ውን፡፡

ሀ. ውዳበታት ህፃናት፤ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝለዓለ ቦታን ጠመተን ዝውሃቦ ጉዳይን ትካልን ኾይኑ በዚ መዳይ ዝተወደቡ ሃገራት ውፅኢታዊ ስራሕ እናመዝገቡ ይርከቡ፡፡ እዚ ውዳበ ኣብ ስርዓት ዲሞክራሲ ዝኸተላ ሃገራት ብሃገር፣ ክልልን ከባብን ተጣይሹ ይርከብ፡፡ ንህፃናት ፓርላማ ምስረታ ቀንዲ ምኽንያት ዝኾነ ብዓለምለኸ ብርኪ ዝተዳለወን ሃገርና'ውን ዝተቐበለቶ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት እዩ፡፡ ነዚ መሰረት ብምግባር ቅድም ክብል ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ ኣብ መስመር ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝርከባ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት ተቐባልነቱ እናዓበየ መፂኡ እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና'ውን ውዳበ ፓርላማ ህፃናት ተጣይሹ'ዩ፡፡ ተምሃሮ፣ ኣብ ቤት ትምህርትኹም ፓርላማ ህፃናት ኣሎ ዶ? እንታይ ዕላማ ኣለዎ?

ለ. ዕላማታት ውዳበታት ህፃናት፤ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ብምጉልባት ህፃናት ኣብ ህንፀት ዲሞክራሲ ተረኦም ክፃወቱን በዚ ባህሊ ክዓብዩን ንምግባር ኾይኑ እዚ ማለት ድማ ዝስዕብ ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ንምፍፃም ይከኣል፡፡

1. ሓሳቦም ነፃን ግልፅን ኮይኖም ብምቕራብ ዓርሰ እምነትን ተገዳስነትን ከኅልበቱ ንምግባር፤
2. ኣብ ስራሕቲ ህዝቢ ንምስታፍን ካብዚ ከይዲ ልምድን ትምህርትን ንኽጥርዩ ምቹው ባይታ ንምፍጣር፤
3. ህፃናት ኣብዛ ሃገር ዘሎ ስሉጥን ቅልጡፍን ልምዓት ብኣግባቡ ክፈልጡን ኣካል ናይቲ ማሕበራዊ ለውጢ ንምግባር፤
4. በብደረጅኡ ዘለዉ ኣመራርሓ ኣካላት ብፍላይን እቲ ሕብረተሰብ ድማ ብሓፈሻን ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ግንዛበ ከዕብዩን ህፃናት ኣብቲ ሕብረተሰብ ተሰማዕነት ክህልዎም ንምግባር፤
5. ሓለዋ ህፃናት /CHILD PROTECTION/ ንምስላጥን ህፃናት ካብ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ተሳትፎ ምግላል ንምውጋድ ዓሊሙ ዝሰርሕ ትካል'ዩ፡፡

ሐ. መትከላት ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት፤ ኣብቲ ዝተዳለወ ደንቢ በብደረጅኡ ዝጣየሽ ፓርላማ ህፃናት ዝስዕቡ ዓለምለኻዊ ሃገራውን ክልላውን መትከላት ብምሓዝ ከምዝኾነ ተነፂሩ እዩ፡፡

1. ኣብ ሕገ-መንግስቲ ሃገርናን ክልልናን ዝተቐመጡ ድንጋገታትን ዓለምለኸ ኮንቬንሽን ህፃናት ዝተውሃቦም መሰላት ንኽፈልጡን በዚ ኣገባብ ዝተውሃቦም ዕማም ምፍፃም፣

2. ኣብ መሰሎም ኣመልኪቱ ነፃን ግልፅን ኾይኖም ሓሰቦም ንኽቕርቡን ህፃናት ንዝጥምቱ ጉዳያት መሰል ተሳትፎኦም ምጉልባት፣
3. ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ በደላትን ፀገማትን ብሓባር ንምፍታሕ ዘኽእል ኣሰራርሓን ኣገባብን ምፍጣር፣
4. ህፃናት ዝምልከቱ ጉዳያት ካብ ትልሚ ጀሚሩ ክሳብ መደባት ኣፈፃፅማ ስርዓት ተሓታትነትን ግልፅነትን ብምጉልባት ድምፆም ክስምዑ ምግባር፣
5. ህፃናት ከባቢኦምን ባህሎምን ዘድንቑን ዝሕብሕቡን ዜጋታት ኾይኖም ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓን ባህልን ከጎልብቱ ዘኽእል ዓቕምን ክእለትን ምዕባይ፣
6. ህፃናት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ፓርላማ ክፈልጡን ነዚ መሰረት ገይሮም ክፍፅሙ ከምኡ'ውን ዝተውሃቦም ሓላፍነት ምስ ትምህርቶም ኣጠዓዒሞም ክሰርሑ ምግባር ዝብሉ እዮም፡፡

**መ. ኣንፈት ኣፈፃፅማ ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት፤** ኣብ ሓለዋ መሰላት ህፃናት ዘሎ ስፍሓት፣ ዕምቆት፣ ባህርይ፣ ምትእስሳር፣ እዋናውነት ወዘተ ጠመተን ኣፍልጦን ብምሃብ ንምስራሕ ምቹው ባይታ ንምፍጣርን ነቲ ፃዕሪ ዋዒ ንኽህልዎ ዝለዓለ ግደ ከምዘለዎ ይእመን፡፡

- ኣብ ሓለዋ መሰል ህፃናት ብዝተማልአ መንገዲ ንምፍፃም መንግስቲ ዘለዎ ተበግሶ ብሙሉእነት ውፅኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ተግባራዊ ንክኾውን ንመንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ይሕብርን ይከታተልን፤
- ኣብ ኣተሓሳስባ፣ እምነታት፣ ልምድታት፣ ተግባራትን ባህርይ ናይቲ ሕብረተሰብ ነቶም ጎዳእቲ ብምቕላዕን ነቶም መሰል ህፃናት ዘጎልብቱ ብምግዋሕ በብደረጅኡ ምቕላስ፤
- ኣብ ሓለዋ መሰል ህፃናት ኣመልኪቱ ሰፋሕትን ግልፅን መድረኻትን ፎረማትን ምክያድን ኣብዚ ህፃናት ናፃን ግልፅን ኮይኖም ሓሳቦም ከቕርቡን ክሳተፉን ምግባር፤
- መሰል ህፃናት ዘጠናኽሩ ሕግታት ንኽወፁን እቶም ዝወፁ ሕግታት ኣብ ባይታ ዘለዎም ኣፈፃፅማ ምክትታልን ኣብዚ መዳይ ዝፍፀሙ ስራሕቲ ምስ ተሓታትነት ተዛሚዶም ይትግበሩ ምህላዎም ምግምጋም፤
- ኣብዚ መዳይ ንስድራ፤ ንሰብ ሙያ ጥዕና፣ ንመማህራን፣ ፖሊስ፣ ኣባላት ቤት ምኽሪ ወዘተ ስልጠና ብምሃብ ዓቕሞምን ክእለቶን ምዕባይ፤
- ህፃናት በብእዋኑ ሓበሬታ ክረኽቡን ኣብዚ መዳይ ብኽመይ ኣገባብ መሰል ህፃናት ክሕሎ ከምዝግባእ ፍልጠት ክረኽቡ ምግባር ሓሳብካ ብናፃ ምግላፅን ምስታፍን ክእለት ምጉልባት፤
- ኣብ ከይዲ ምንቅስቓስ ኣፈፃፅማ መሰል ህፃናት ዝተጠናኽረ መስርሕ ክትትል ምጥቃምን ዝተገበረ ምንቅስቓስ በብእዋኑ ፀብፃብ ምቕራብ፤
- በብደረጅኡ ምስ ዝርከባ ኣብያተ ምኽሪ ከምኡ'ውን ፓርላማ ተምሃሮ ተዋዲድካ ምስራሕን በብእዋኑ ሓበሬታ ልውውጥ ምክያድን ዝብሉ ኣንፈታት ብምሓዝ ስራሕቲ ይውግን፡፡

### ሰ. ንህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሖ ጉዳያት ንምክልኻል ዝስዕቡ ተግባራት ምፍፃም ይግባእ፤

1. **አስተምህሮ ምሃብ፤** ንህፃናት ብዝምጥን መንገዲ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ትምህርቲ ክረኽቡ ምግባር፡፡ ኣብዚ ዝውሃብ ትምህርቲ ዓቕምን ድልየት ኣብ ግምት ዘእተወን ብመዘናግዒ ዝተደገፈን ክኸውን ኣለዎ፡፡ ስለዚ ንህፃናት ዝመሓላለፉ ቁም ነገራት ዘየሰላችዉ፣ እናምሃሩ ዘዘናግዑ፣ ሕፅር ኢሎም ብዘይርሳዕ መንገዲ ክኸውንን ብዝተኻእለ መጠን ናይ ባህርን ኣተሓሳስባን ለውጢ ከምፅእ ምግባር፡፡ ነዚ ዘሳልጡ ድማ ሙሉእ ሓላፍነት ዝወስዱን ነዚ ስራሕ ንምፍፃም ዓቕምን ልምድን ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ፡፡
2. **ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ፕሮጀክታት ምህላው፤** እዚ ተግባር ናይ መንግስቲ ጥራሕ እንተይኮነስ ናይቲ ሕብረተሰብ ግቡእ ከምዝኾነ ዝፍለጥ'ዩ፡፡ ስለዚ እቲ ማሕበረሰብ ነዚ ጉዳይ ጠመተ ብምሃብ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት ክገብሩ ኣለዎም፡፡ ከምቲ ብባህልና ዝትግበር ሓደ ህፃን ናይ ሓደ ስድራ ውፅኢት እንተይኮነስ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ድማር ውፅኢት ስለዝኾነ ነዚ ሓቂ ንምትግባር ዘኽእል ህፃናት ካብ ሓደጋ ንምንጋፍ ዝዓለመ ስራሕ ክፍፅሙ ኣለዎም፡፡
3. **መራኸብቲ ሓፋሽ፤** ሚድያ ኣተሓሳስባ ህፃናትን ሕብረተሰብን ኣብ ምልዋጥ ኣዝዩ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎም፡፡ በዚ መሰረት መራኸብቲ ሓፋሽ ንህፃናት እናተዘናግዑ ትምህርቲ ዝሕልፉ ፕሮግራማት ኣብ ምድላው ክነጥፉ ይግባእ፡፡ ብኻሊእ ገፅ እቲ ሚድያ ተጠናኺሩ ስርሑ ብምፍፃም ካብ ባህሊ ወፃኢ ዝመሓላፉ ፊልም ይኹን ካልኦት ወራራት ብምምካት ንህፃናት ለዋጣይ ዝኾነ ስራሕ ክፍፅም ይግባእ፡፡
4. **ዘይመንግስታዊ ትካላት፤** ኣብ መሰልን ካልኦት ምስ ረብሓ ህፃናት ዝተዛመዱ ስራሕቲ ዝፍፅማ ዘይመንግስታዊ ትካላት ከምዘለዋ ይፍለጥ፡፡ እዚኣን ድማ በብግዚኡ ኣብ ዘሳልጥኦም ስራሕቲ ኣብ ከተማን ገጠርን ዘለዉ ህፃናት ካብ ሓደጋ ንምንጋፍ ዘኽእሉ ስራሕቲ ብትልሚ ዝተመስረተ ኣገባብ ክፍፅሙ ኣለዎም፡፡ እዘን ትካላት ምስቲ ዘለወን ዓለማዊ ተሞክሮ ምስ ሃገርና ጭቡጥ ኩነታት ብምዝማድን ምስ ካልኦት መንግስታዊ ኣካላት ሕብረተሰብን ተዋዲደን ውፅኢታዊ ስራሕ ክሰርሓ ትፅቢት ይግበር፡፡

ስለዚ ንህፃናት ዝምልከቱ ስራሕቲ ካብ ስድራ ጥራሕ እንተይኮነስ ግደን ሓላፍነትን ኩሎም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ህዝባውን ትካላት ከምዝኾነ ብምእማንን ጠመተ ብምግባር ተዋዲዶም ክሰርሑ ኣለዎም፡፡

ረ. ብህፃናት ክግበሩ (ክፍፀሙ) ዝግበኦም ጥንቃቐታት፤ ኣብ ሓደጋ ዘብፅሑ ጉዳያት ህፃናት ባዕሎም ብቐዳምነት ጠመተ ክህቡ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ነዚ ንምፍፃም ድማ ዝስዕቡ ቁም ነገራት ከም መትከል ክሪእዎም ይግባእ፡፡ እዚኦም ድማ፤

◊ ኣብ ህፃናት ሓደጋ ዘብፅሑ ልምድታት፣ ተግባራትን መሳርሒታት ፈልዮም ክፈልጡን ብኸመይ ኣገባብ ክኸላኸሉ ከምዘለዎም ክፈልጡ ዘግብር ምብርባርን ምልዕዓልን፣

◊ ነዞም ሓደጋታት ህፃናት ኣመልኪቱ ካብ ወለድን መማህራንን ዝውሃብ ምኽሪ ምቕባልን ምትግባርን የድሊ፡፡ ኣብዚ ወለዲ ይኹኑ መማህራን ካብ ሕሉፍ ተሞክሮን ልምድን ተበጊሶ ዝውሃብ ምኽሪ ስለዝኾነ ካብዚ ዝመፁ ሓሳባት ተቐቢልካ ሂወትካ ምምራሕ ዝህልዎ ረብሓ ውፅኢታዊ ስለዝኾነ ነዚ ጉዳይ ትኹረት ክህቡ ይግባእ፡፡

◊ ህፃናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ኣብ መንደር መሓዛ ክህልዎም ከምዝግባእ ዝፍለጥ'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ከይዲ ኣመራርፃ መሓዛ ፍሉይ ጠመተ ክውሃቦ ዝግባእን ዓቢዪ ውራይ ከምዝኾነ ይእመን፡፡ ስለዚ ህፃናት ዝመርፅዎ መሓዛ ካብ ዕውልና ናፃ ዝኾነ ንሓደጋ ካብ ዘቓልዑ ጉዳያት ናፃ ዝኾነን ክኸውን ኣለዎ፡፡ ብኻሊእ ገፅ እቲ መሓዛ ናብ ዘይኸውን ቦታ ወይ ናብ ሓደጋ ዘብፅሑ ተግባራት ክወስድዎም እንተለዉ ምንፃግን ዘይምቕባልን፡፡

◊ ህፃናት ዘለዉዎ ዕድመ ብትምህርቲ ዝነፍዑሉ እዋን ስለዝኾነ ነዚ ጉዳይ ሰጢሞም ክፅንዑ ኣለዎም፡፡ እዚ ንምትግባር ድማ ጊዜኦም ብኣግባቡ ክጥቀሙ ስለዘለዎምን መብዛሕትኡ ድማ ኣብ መፅናዕቲ ትምህርቶም ክነፍዑ ንምግባር ኩሉ ስራሕቶም ብትልሚ መሰረት ክፍፅሙ ይግባእ፡፡ ዝብሉ መሰረታውን ኣገደስትን ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው ዓርሶም ካብ ሓደጋታት ክኸላኸሉ ኣለዎም፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



**ምግሃስ መሰላት ህፃናት! ንምንታይ?**

1. ንመሰላት ህፃናት ዝድግፉ ሕግታት ግለፁ፡፡
2. ምግሃስ መሰላት ህፃናት እንታይ ማለት'ዩ? ብኣብነት ኣደጊፍኩም ኣረድኡ፡፡
3. ህፃናት መሰሎም ንዝጥሕሱ ጉዳያት ብኸመይ ክቃለሱ ይኽእሉ?
4. ኣብ ከባቢና ዘለዉ ህፃናት ንሓደጋ ዘብፅሑ ጉዳያት እንታይ እዮም? ነዚኦም ብኸመይ ምክልኻል ይከኣል?
5. ሕገ መንግስቲ ሃገርና ምስ ካልኦት ዓለምለኸ ኮንቬንሽን ዘለዎ ምውዳድን ኣፈላላይን ኣመልኪትኩም ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡
6. መሰላት ህፃናት ኣብ ምርግጋፅን ካብ ሓደጋ ምክልኻልን ካብ ማእኸናት መራኸብቲ ሓፋሽ እንታይ ትፅቢት ይግበር?
7. ዕላማታት ውዳበታት ህፃናት ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡
8. መትከላት ውዳበታት ሓለዋ ህፃናትን ኣንፈት ኣፈፃፅማን ግለፁ
9. ንህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሑ ጉዳያት ንምክልኻል ክፍፀሙ ዝግብኦም ተግባራት ብዝርዝር ግለፁ፡፡



## ንጥፈት

1. ብሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 36 ዘለዉ መሰላት ህፃናትን ደሕንነትን እንታይ ማለት ከምዝኾኑ ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡
2. ንህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሑ ጉዳያት ንምክልኻል ክፍፀሙ ዝግብኦም ተግባራት ብዝምልከት ተመያየጡ፡፡
3. ህፃናት ክፈልጥዎም ዝግብኡ ደንብታትን ሕግታትን ትራፊክ ብዝርዝር ተመያየጡ፡፡

# 4.3 ምርግጋፅ ስርዓት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካ

## ዕዮ ጉጅለ




- ሰናይ ምምሕዳር እንታይ ማለት ከምዝኾነ ተመያየጡ፡፡ ብዝርዝር ግለፁ፡፡
- ቀዊሉ ዝርከብ ስእሊ መግለፂ ባህርያትን መትከላትን ሰናይ ምምሕዳር መሰረት ገይርኩም ሕድሕዲኦም እንታይ ማለት ከምዝኾነ ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ሓቲትኩም መብርሂ ፀሓፉ፡፡ ዝፀሓፍኩምዎ ኣብ ክፍሊ ተመያየጡሉ፡፡
- ስእላዊ መግለፂ መትከላት ስነ ምምሕዳርን መግለፂ ባህርያቶምን መሰረት ብምግባር ኣብ ከባቢኹምን ምምሕዳር ጣቢያኹምን ዘሎ ስርዓት ምምሕዳርን ኣሰራርሓን ተመያየጡ፡፡ ናብ ምምሕዳር ጣብያ / ከባብያዊ ምምሕዳር ብምኻድ ብዛዕባ ብመሰረት መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ዘለዎም ኣሰራርሓ ሕተተዎም፡፡ ንመትከላት ሰናይ ምምሕዳርን መግለፅታቶምን ብኸመይ ኣገባብ ይፍፅምዎም ከምዝኾኑ ሓቲትኩም መልሲ ሒዝኩም ናብ ክፍሊ ምፁ፡፡ ንዘምፃእኹምዎ መልሲ ተመያየጡሉ፡፡

## 4.3.1 ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን

ተምሃሮ ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ሰናይ ምምሕዳርን ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ከምዝተምሃርኩም ትዝክሩ ዶ? መፅሓፍ ተምሃራይ 5ይ ክፍሊ እስኪ ርኣይዎ፡፡ ነዚ መሰረት ብምግባር ድማ ሰናይ ምምሕዳርን ዲሞክራሲን እንታይ ማለት ከምዝኾነ ግለፁ፡፡ እምበኣርከስ ዲሞክራሲ ማለት ካብ ህዝቢ፣ ንህዝብን ብህዝብን ዝጣየሽ መንግስቲ ኾይኑ ብኣብዝሓ ዜጋታት ንሓላፍነት ዘብቅዕ፣ ካብ ምግላል ኣናጊፉ ኣብ ኩሉ መንግስታዊ ዕማም ዘሳትፍ፣ ዓርሰ ምምሕዳር ኣኀልቢቱ ኩሉ ናይ ልምዓት ተጠቃሚ ዝገብር መስርሕ'ዩ፡፡ ሓንቲ ሃገር ዲሞክራሲያዊ ሰናይ ምምሕዳርን ኣሰራርሓን ኣብ ተግባር ኣውዒላ እንትበሃል ኣብ ላዕሊ ዘለዉ መግለፅታት ብምልኦም ኣብ ተግባር ክተውዕል ትፅቢት ዝግበረላ እንተኾነ'ውን እንተውሓደ ግና ነዞም ዝስዕቡ ብዝርዝር ምትግባርን ምርግጋፅን ግድን'ዩ ዝኸውን፡፡ እዚኦም ድማ ከምዝስዕብ ቐሪቦም'ለዉ፤

- ህዝቢ ብቐጥታ ዝተሳተፈሉ ነፃን ግልፅን መረፃ ብምክያድ ዝተጣየሸ መንግስቲ
- ውልቀ መላኺ ኣገዛዝኣ ዘወግድን ህዝብታት ከይዕብለሉ ጥንቃቐ ዝገብርን ስርዓት ምምሕዳር (ኣመሓድራ) ምትእትታው
- ዲሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ዝተረጋገፀሉ መስርሕ ምትእትታው፣
- ተሓታታይን ግልፅን ዝኾነ መንግስታዊ ኣሰራርሓ ምህላዉ
- ውሕሉል ዝኾነ ቅርሕንቲ ናይ ምእላይ ሜላን ኣገባብን ምጥቃም ዝመሳሰሉ ዝጥቀሱ'ዮም።




ስእሊ ፥ ስእላዊ መግለፂ መትከላት ስነ ምምሕዳርን መግለፂ ባህርያቶምን

## ዕዮ ጉጅለ



መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ካብ ገፅ 115 - 118ን 127 - 129ን ዝርከብ ብዛዕባ

- ጥንኩርን ድልዱልን ዓቕሚ ምፍፃም ስራሕ ዘለዎ መንግስታዊ መሓውር ምውዳብን ምፍጣርን፣
- ግልፅነት ክዓስልን ግዕዝይና (ብልሽውና) ካብ መንቀሊኡ ምቡርቃቕን ክጠፍእ ምግባርን፣
- ተሳትፎ ህዝቢ ምሕያልን ምልዕዓልን፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ማእኸል ዝገበሩ ኣሰራርሓታት ምትእትታው፣
- ውፅኢታዊ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን፣ ግልፅን ተሓታትን ዝኾነ ስርዓት ፋይናንስ መንግስቲ ምሕያል፣

- ምርግጋፅን ምዕሳልን (ምስፋን) ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከቱ እናንበብኩም ተመያየጡሎም፡፡
- ጠመተ ክግበረሎም ዝግብኡ ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከቱ ዛዕባታት ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኽያድ ኣንብቡ፡፡ ተመያየጡ፡፡ መልስኹም ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡
- ነዚ ዘምበብኩምዎ ድማ ምስ ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን መግለፂ ባህርያቶምን እናገናዘብኩም ተመያየጡ፡፡

ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ንምጉልባት ብዋናነት ትርጉም ዘለዎም ዲሞክራሲያዊ ትካላት ምጥያሽን ምጥንኻርን ኣገዳሲ እዩ፡፡ እዚኦም ድማ መንግስቲ ተሓታታይ ክኸውን ዝገብሩ፣ ነፃን ግልፅን መረፃ ዘካይዱ፣ ሕጊ ዘውፅኡ፣ ካብ ሕጊ ንላዕሊ ዝኸዱ ሰበ ስልጣን ስጉምቲ ዝወስዱ፣ ህዝቢ መሰሉ ዝተሓለወ ምኻኑ ዝከታተሉ፣ ፍትሒ ዝተረጋገፀ ምኻኑ ዝከታተሉን ዝፍትሹን ወዘተ ትካላት ክጣየሹ ምግባር ነዚ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ብዝበለፀ እናጎልበተን እናፀፈፈን ንምኻዱን እዚ መስርሕ ከም ባህሊ ክውሰድ ዝገብሩ ከምዝኾኑን ይእመን፡፡



**ንጥፈት**

ኣብነታት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣፍሪካን ኣብ ኢትዮጵያን ጥቐሱ፡፡ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ዘብፅሖ ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ግለፁ። ንኣብነት ግዕዝይና፣ ውፅኢት ኩናት ሕድሕድ፣ ወፍሪ ምረፁናን ቅልውላውን፣ ዘይፍትሓውነት፣ ተበላለፅን ክራይ ኣካብነትን ኣመልኪትኩም ተመያየጡ።

## ሀ. ተሓታትነትን ግልፅነትን

ተሓታትነትን ግልፅነትን ሓደ ካብቶም መሰረታዊ መትከላት ዴሞክራሲያዊ ምምሕዳር እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ተሓታትነትን ግልፅነትን ካብ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ክልስ ሓሳባትን ተፈልዩ ዝርአ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዋንነኦም ዘሎ ምትእስሳር ብንፁር ንምርኣይን ተሓታትነትን ግልፅነትን ዝብሉ ቅድሚ ምትንታንና ምምሕዳር ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብሓፂሩ ከምዚ ዝስዕብ ንመልከት፡፡ ምምሕዳር ብሰፊሑ እንተተረዲእናዮ መሓውራትን ስርዓትን መንግስቲ ካብ ህዝቢ ብዝረኸብዎ ውክልና መሰረት ናይቲ ሃገር ሃፍትታትን ፀጋታትን ነቲ ህዝቢ ብዝጠቅም መንገዲ ዘመሓዳሩሉ ፖለታካውን ኢኮኖሚያውን ስልጣን ምኻኑ ንርዳእ፡፡ እዚ ማለት ድማ መንግስታዊ ምምሕዳር ናይቲ ህዝቢ ሃፍትን ፀጋን ነቲ ህዝቢ ብዝጠቅም መንገዲ የመሓድር ምህላውን ዘይምህላውን ካብ ነረጋግፀሎም መሰራሕታት እቲ ሓደን ቀንድን ተሓታትነትን ግልፅነትን ምህላዉ እዩ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ምምሕዳር እንታይ ማለት'ዩ? ኣብ ከባቢ'ኹም ምምሕዳር ኣሎ ዶ? እንታይ ይሰርሕ? ምምሕዳር ህዝብን መንግስትን ድማ ግልፅነትን ተሓታትነትን ይጠልብ'ዩ? ንምንታይ? ተሓታትነት እንታይ ማለት'ዩ? ከመይ ከ ይግለፅ? ፋይናንሳዊ ተሓታትነት፣ ምምሕዳራዊ ተሓታትነትን ፖለቲካዊ ተሓታትነትን እንታይ ማለት'ዮም? ከመይ ይግለፁ? ብኣብነት ኣረድኡ፡፡ ግልፅነት ከ እንታይ ማለት'ዩ? ከመይ ይግለፅ? ኣብ ቤት ትምህርት'ኹምን ምምሕዳር ጣብያ'ኹምን ተሓታትነትን ግልፅነትን ከመይ ይትግበር? ተመያየጡሎም፡፡ ተ'ኻትዑሎም'ውን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 115 - 118ን 127 - 129ን ዘለዉ ፅሑፋት

- ውፅኢታዊ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን፣ ግልፅን ተሓታትን ዝኾነ ስርዓት ፋይናንስ መንግስቲ ምሕያል፣
- ምርግጋፅን ምፅሳልን (ምስፋን) ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከቱ እናንበብኩም ተመያየጡሎም። ተ'ኻትዑ። መልስ'ኹም ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

**ተሓታትነት፤** ኣብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ፍልፍል መንግስታዊ ስርዓት ብፍቓድ ህዝቢ'ዩ ዝፍፀም፡፡ ሕገ መንግስቲ ኣፅዲቑ ብመረፃ መንግስቲ መስሪቱ እቲ መንግስቲ ንክመርሖ ውክልና ዝሀቦ እቲ ኣብ ሓደ ጂኦግራፊያዊ ክልል ዝርከብ ዜጋ ስለዝኾነ እዚ ዜጋ ኣካይዳን ስራሕትን ናይ ምክትታልን ምሕታትን ደረት ዘይብሉ ምሉእ መሰል ኣለዎ፡፡ ንህዝቢ ተሓታታይ ምኳን ሰናይ ምምሕዳር ናይ ምህላዉ መሰረታዊ መግለፂ እዩ፡፡ ተሓታትነት እንተሎ ፍትሓውነት፣ ኣድሚፅካ ምምላስ ቅንዕናን፣ ኣብነታዊ ዝኾነ ኣመራርሓ ምሕላው የመልክት፡፡

ተሓታትነት እንትንብል ምስቲ ዝውሰን ጉዳይ ኣግባብነት ዘለዎም ትክክለኛን ኣቐዲሞም ዝተወሰኑ ዝርዝር ኣሰራርሓታትን ምህላዎም የመልክት፡፡ እዚ ማለት ንህዝቢ ዝትንከፍ ውሳነታት ዝወሃቡ ካብ ህዝቢ ስልጣን ዝተዋህቦ ኣካል ወይድማ ሰብ ጥራሕ ኾይኑ ስርዓት እቲ ኣወሃህባ ውሳነ'ውን በቲ ንህዝቢ ግልፂ ዝኾነ ኣቐዲሙ ብዝተሰርዐ ኣካይዳ ጥራሕ እዩ፡፡ እዚ እንተተማሊኡ ጥራሕ እዩ ዜጋታት ጉድለት ኣብዝህልወሉ እዋን ናይ ምሕታት መሰሎም ዝጥቀሙሉ፡፡ ብካልእ ወገን ተሓታትነት እንትበሃል ሰንሰለታዊ ዝኾነ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝወረደ ከምኡ'ውን ጎናዊ ዝኾነ ናይ ምቁፅፃር ስልቲ ምህላዉ የመልክት፡፡ እቲ ቀንዲ መእሰሪኡ ናይ ህዝቢ ሃፍትታትን ፀጋታትን ንከመሓድሩ ዝተወከሉ ኣካላት ብከመይ ተግባሩ ይፍፅም ምህላው ምርግጋፅ ይርከብዎም፡፡

- **ፋይናንሳዊ ተሓታትነት፤** ፋይናንሳዊ ተሓታትነት ምህላዉ ናይቲ ህዝቢ ሃፍቲ ዝኮነ ፋይናንስ እቲ ህዝቢ ቀዳምነት ንዝህቦ ጉዳይን ንህዝቢ ጥቕምን ምውዓሉ

ናይ ምርግጋፅ ጉዳይ እዩ፡፡ ፋይናንሳዊ ተሓታትነት ናይ ሕጊ መውፅኢ፣ ሕጊ ፈፃሚ፣ ሕጊ ተርጓሚ ኣካላት፣ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ፈፃሚ ዘለዉ መንግስታዊ መሓውራትን ርእሶም ክኢሎም ዝተጣየሹ ከም ቦርድ መረፃ፣ ኦዲተር ጀነራል ዝበሉ ቢሮታት ኣሰራርሓታት ዝምልከት እዩ፡፡

- *ምምሕዳራዊ ተሓታትነት፤* ስልጣን ንዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስትን ብኦም ኣቢሎም'ውን ንሰበስልጣን መንግስትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝውሃበሉ ምኽንያት ናይ ዜጋታት ድልየትን ጥቕምን ብዝበለፀን ፍትሓዊ ብዝኾነን መንገዲ ንምምላእ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ኣካላት መንግስትን እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሰባትን ካብ ናይ ውልቀ ድልየቶምን ሓሳባቶምን ምምላእ ተላቒቖም ነቲ ዝተጠቐሰ ዕላማ ንምፍፃም ዝተሰለፉ ምዃኖም ዘረጋግፅ ምምሕዳራዊ ተሓታትነት ክህሉ ይግባእ፡፡ እቲ ምምሕዳራዊ ተሓታትነት ኣብቲ ውሽጢ እቲ ዝምልከቶ ቢሮ ብዝርከብ ናይ ውሽጢ ምምሕዳር ወይድማ ብካልኦት ኣካላት መንግስቲ ዝፍፀም ምቁፅፃር ክኾውን ይኽእል እዩ፡፡ ንረብሓ ህዝቢ ዝተጣየሹ ሓደ ናይ መንግስቲ ቢሮ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ብምምሕድዳራዊ ሰንሰለት ዝተተሓሓዘ ክኾውን ይግባእ፡፡ እዚ ምምሕድዳራዊ ሰንሰለት ኣብ ዝተፈላለዩ ብርክታት ዘለዉ ሰራሕተኛታት ወይድማ ሓለፍቲ ነቶም ኣብ ልዕሊኦም ዘለዉ ሰራሕተኛታት ወይድማ ሓለፍቲ ተፀዋዕትን ስራሕ ወይድማ ውሳነ ትኽክል እንተዘይኮይኑ በቲ ምምሕዳራዊ ሰንሰለት ኣቢሉ ክእረም ንኽግበር ካብምኽኣሉ ብተወሳኺ ኣብቲ ጉዳይ ፍሉይ ጥቕሚ ዘለዎ ሰብ ብምሉእ ነቲ ጉዳይ ናብ ዝምልከቶ ሰብ ወይድማ ኮሚቴ ናይ ምውሳድ መሰል ከምዘለዎ የረጋግፅ፡፡

- *ፖለቲካዊ ተሓታትነት፤* ዝተፈላለዩ ናይ መንግስቲ ኣካላት ሰበስልጣን መንግስትን ፋይናንሳውን ምምሕድዳራውን ተሓታትነት ክህልዎም ከምዝግባእ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝተጠቐሰ ይኹን'ምበር እዚ በይኑ ግን እቲ ዝድለይ ውፅኢት ንኽምፅእ ኣይኽእልን፡፡ ስለዚ ሕገ መንግስቲ ኣፅዲቖም ሉኣላዊ ስልጣን መንግስቲ ብውክልና ዝህቡ እቶም ኣብ ሓደ ጂኦግራፍያዊ ክልል ዝርከቡ ዜጋታት'ዮም፡፡ ብምኳኑ'ውን ዜጋታት ውክልንኦም ካብ ምሃብ ጀሚሩ በብብርኩ ዝግለፅ ዝተፈላለዩ መግለፅታት ዘለዎም ናይ ፖለቲካ ስልጣን ኣለዎም፡፡ ኣብ ዲሞክራሳዊ ስርዓት እቲ ህዝቢ ነቲ ብመረፃ ዝወከሎ መንግስቲ እምነት ኣብዝስእነሉ ግዘ ካብ ስልጣን ናይ ምውራድ ፖለቲካዊ መሰልን ስልጣንን ኣለዎ፡፡ ስለዚ መንግስታዊ ሓላፍነት ዝሓዙ ሰባት ናይ ህዝቢ ድልየት ምፍፃም እንተዘይክኢሎምን ናይ ህዝቢ ተኣማንነት እንተዘይብሎምን ክልተ መማረፂ ጥራሕ ይህልዎም፡፡ እዚኣቶም ካብ ስልጣኖም ምውራድ ወይድማ ስልጣን ብጉልበት ንክቕፅል ምግባርን እዮም፡፡ እቲ ካልኣይ መማረፂ ሕጋዊ ዘይኮነ መንግስቲ ንክፍጠር ይገብር፡፡

**ግልፅነት፤** ናይ መንግስታዊ ትካላት፣ ሰበስልጣን መንግስትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ውሳነ ኣወሃህባ ከይዲ ነቶም ዝምልከቶም ሰባት ብዝርድኦም ብዝፈጥልዎን መንገዲ ዝካየድ እንተኾይኑ፣ ከምኡ'ውን ኣሰራርሓ መንግስታዊ ትካላት ብዝምልከት ንህዝቢ ብቐፅ ሓበሬታ ዝወሃብ እንተኾይኑ ግልፅነት ዘለዎ ምምሕዳራዊ ስርዓት'ሎ ማለት'ዩ፡፡ **ግልፅነት** ዘለዎ ምምሕዳር እንተሃልዩ ዜጋታት ብዛዕባ ኣሰራርሓን ውሳነታትን ኣካላት መንግስቲ እኩል ሓበሬታ ስለዝህልዎም ጉጉያት ወይድማ ዘይተስተኻኸሉ ውሳነታት ኣለው ኢሎም ኣብ ዝሓስቡሉ እዋን ሕቶኦም ንዝምልከቶ ኣካል ንኸቕርቡ ዝተመዓራረየ ባይታ ይህልዎም፡፡ እዚ ማለት ድማ ግልፅነት እንተሃልዩ ንዕኡ ተኸቲሉ ተሓታትነት ከምዝስዕብ ዘየካራክር ጉዳይ እዩ፡፡ ኣድላዪ፣ ኣግባብነት ዘለዎ ንምርድኡ ዘይኸብድን ክትተኣማመነሉ እትኽእለሉ ሓበሬታ ኣብቲ ኣድላዪ ዝኾነሉ እዋን ንኹሎም እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ሰባትን ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ዝርከቡ ሓላፍነት ዘለዎም ሰባትን እንተተመሓላሊፉ ወይድማ እንተተገሊፁ ግልፅነት ዘለዎ ምምሕዳር ኣሎ ክንብል ንኽእል፡፡ ብተወሳኺ'ውን ግልፅነት ዝዓሰሎ ስርዓት ጠቐምቲ ዝኾኑ ሓበሬታታት ብኣግባቡ ተሓልዮም ቀፃልነቶም ዝረጋገፀሉ ከይዲ ይህሉ፡፡

## ለ. ተሳትፎን ምብቃዕን ህዝቢ

### ዕዮ ጉጅለ



ተሳትፎን ምብቃዕን ህዝቢ እንትበሃል እንታይ ማለት ይመስለኩም? ኣብ መንግስታዊ ኣሰራርሓን ምምሕዳርን ተሳትፎ ህዝብን ፍትሓዊ ውሳነ ምሃብን እንተዘይተረጋጊፁ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክህልው ኣይኽእልን ይበሃል። ንምንታይ? ብዝርዝር ተመያየጡሎም፣ ተኻትዑሎምን። መልስኹም ብፅሑፍ ኣቕርቡ።

ኣብ መንግስታዊ ኣሰራርሓን ውሳነ ምሃብን ተሳትፎ ህዝቢ እንተዘይተረጋጊፁ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክህልው ኣይኽእልን እዩ። ኣብ ሓደ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ተሳትፎ ህዝቢ ብኸመይ ይረጋገፅ ንዝብል ሕቶ ዝተፈላለዩ ፀሓፍቲ ዝተፈላለዩ ሚላታት ይሕብሩ። ብክልስ ሓሳባት ደረጃ ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከምዘለዉ ንግንዘብ። እዚኣቶም ድማ ቀጥታ ዝኾነ ዲሞክራሲን ቀጥተኛ ዘይኮነ ናይ ውክልና ዲሞክራሲን እዮም፡፡ ቀጥታ ዝኾነ ዲሞክራሲ ኣብዘለውሉ ስርዓት ምሉእ ብምሉእ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ኣሎ ክበሃል ይኽእል፡፡ ምኽንያቱ ናይ ህዝቢ ሓባራዊ ውሳነታት ዝወሃቡ እቲ ህዝቢ ብቐጥታ ብዝገብሮ ተሳትፎ እዩ። ንኣብነት ህዝቢ ብሪፈረንደም ንሓደ ጉዳይ ብቐጥታ ክውስን ይኽእል። ይኹን እምበር ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ዕብየት ደረጃ ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ኣዝዩ ብዙሕን ዝተሓላለኸን ብምዃኑ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳይ ህዝቢ ብቐጥታ ክውሰን ይኽእል እዩ ኢልካ ንምሕሳብ ኣፀጋሚ እዩ። እዚ ንኽትግብር ምፍታንውን ስሉጥ ዝኾነ ምምሕዳር ንከይህሉ ዝገብርን ብዙሕ ወፃኢ ዝሓትትን እዩ። እዚ ማለት ግን ቀጥተኛ ዝኾነ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ሓድሓደ ጉዳይ ምትግባር ኣይከኣልን'ዩ ማለት ኣይኮነን፡፡

## ሐ. ምርግጋፅ ልዕልነት ሕጊ

### ዕዮ ጉጅለ



ልዕልነት ሕጊ እንታይ ማለት'ዩ? ልዕልነት ሕጊ ብከመይ ኣገባብ ይግለፅ? ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ዓንቀፅ 9 -12 ብከመይ ኣገባብ ገሊፅዎ ከምዘሎ ተመያየጡሉም፡፡ ተኻትዑሉም፡፡ መሰረታዊ መትከላት ሕገ መንግስቲ ከመይ ትርድእዎ? ኣብ ትግራይ ብፍላይ ድማ ኣብ ወረዳኹም / ከተማኹም ዘሎ ኩነታት ልዕልነት ሕጊ ፈትሹ፡፡ ኣብዚኦም ጉዳያት ተመያየጡ፡፡ ተኻትዑ፡፡ መልስኹም ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡

ልዕልነት ሕጊ ማለት ናይ መንግስቲ ስልጣን ኣግባብ ብዘለዎ ስርዓት ብዝተሓንፀፀ ብናይ ፅሑፍ ሕጊ ጥራሕ ክካየድ ምግባር ማለት እዩ፡፡ እዚ ትርጉም ናይ መንግስቲ ስልጣን ከምዝደለኻዮ ብዘይምንም ስርዓት ዝካየድ ከም ዘይኮነ ዝሕብር እዩ፡፡ ብተወሳኺ'ውን እዙይ ትርጉም ናይ መንግስቲ ስልጣን ብኣግባቡ ብሕጊ ተዘርዚሩ ክቕመጥ ከምዘለዎ ዘመላኽት እዩ፡፡ንኣብነት ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ዝተደንገገ ሕጊ እንተዘይተጥሒሱን ኣግባብ ብዘለወን ኣብያተ ፍርዲ እንተዘይተወሲኑዎ ኣብ ኣካሉ ይኹን ኣብ ንብረቱ ጉድኣት ኣይበፅሖን ዝብል መግለፂ ልዕልነት ሕጊ'ዩ፡፡ ኣብ ክልልና ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ'ውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ዓንቀፅ 17 ነቲ ኣብ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 9 ዝተሓንፀፀ ከምዘሎ ተቐቢልዎ'ዩ፡፡ እዙይ ትርጉም ዝኾነ ሰብ ካብ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ክሳብ ታሕተዋይ ሰራሕተኛ እንድሕር ሕጋዊ ዝኾነ ምኽንያት ዘይሃሊይዎ ነቲ ዝሰርሖ ስራሕ ተሓታቲ ምዃኑ ዘመላኽት እዩ፡፡ ተምሃሮ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምዕራፍ ክልተ ዝርከቡ መሰረታዊ መትከላት ሕገ መንግስቲ ዝብል ካብ ዓንቀፅ 8 - 12 ኣብዝቕፅል ገፅ ኣንብቡ፡፡

ኣብዚ ጠመተ ክግበረሉ ዝግባእ እቲ ሕጊ ካብዝፈቕደሉ ወፃኢ ዝሰርሐ በዓል ስልጣን ወይድማ ናይ ሓለቕኡ ትእዛዝ ካብቲ ሕጊ ዝእዝዞ ወፃኢ እናሃለወ ዝፈፀመ ታሕተዋይ ሰራሕተኛ ተሓታታይ ከምዝኾውን የመላኽት፡፡ ብኻልእ ወገን ትርጉም ኩሎም ነቲ ሕጊ ዘውፅኡ ኣካላትን ነቲ ሕጊ ዝፍፅሙ ኣካላትን ነቲ ሕጊ ክኽብርዎ ከምዘለዎም እዩ ዘቕምጥ፡፡

ልዕልነት ሕጊ ማለት ዝኾነ ዝፈፀሞም ነገር ሕጊ ብዝኣዘዞ መሰረት ምፍፃም ማለት እዩ። እምበኣርከስ ኣብዚ ልቢ ክንብል ዘለና ካብቲ ልዕል ክብል ዝተውሃበ ዝተፈላለየ ናይ ልዕልነት ሕጊ ትርጉም እውን ንግንዘቦ ልዕልነት ሕጊ ብዛዕባ ፍትሓውን ናይቲ ክኽበር ዘለዎ ሕጊ ምንም ዝብሎ ከምዘይብሉ'ዩ፡፡ ስለዚ ንሰብኣዊ መሰል ምንም ዓይነት ክብሪ ዘይብሎም መንግስትታት ምስ ልዕልነት ሕጊ ሓቢሮም ክነብሩ ከምዝኽእሉ ኢና ንርዳእ። ይኹን ደኣ'ምበር ልዕልነት ሕጊ መብዛሕትኡ ግዜ ንዲሞክራሲ ኣድላይ ቅድመ ኩነታት ከምዝኾነ እዩ ዝእመን።

### ዓንቀፅ ፱፤ ልዕልነት ሕገ መንግስቲ

1. ሕገ መንግስቲ ልዕሊ ኹሉ ሕጊ ሃገር እዩ። ካብ ኩሎም ሕግታት ሃገር ዝለዓለን ገዛእን ዝኾነ ሕጊ እዩ። ውሳነ ዝኾነ ይኹን ሕጊ፣ ባህላውን ልማዳውን ኣሰራርሓታት፣ ከምኡ'ውን መንግስታዊ ኣካል ወይድማ በዓል ስልጣን ምስዚ ሕገ መንግስቲ ሃገር ዝፃባእ እንተኾይኑ ተፈፃምነት (ተቐባልነት) ኣይህልዎን።
2. ዝኾነ ይኹን ዜጋ፣ ኣካላት መንግስቲ፣ ፖለቲካዊ ትካላት፣ ካልኦት ማሕበራት ከምኡ'ውን ሰበስልጣናት  ንሕገ መንግስቲ ከኽብሩን ክኽበር ክገብሩን፣ ንሕገ መንግስቲ ተገዛእቲ ክኾኑ ዝለዓለ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡
3. ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ካብዝተደንገገን ዝተወሰነን ወፃኢ ብዝኾነ ኣገባብ ስልጣን መንግስቲ ምሓዝ ዝተኸልከለ እዩ፡፡
4. ኢትዮጵያ ዘፅደቐቶም ዓለምለኸ ስምምዕነት ብምልኦም ኣካል ሕጊ'ዛ ሃገር እዮም፡፡

### ዓንቀፅ ፲፤ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት

1. ሰብኣዊ  መሰላትን ነፃነትን ካብ ወዲ ሰብ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት ዝፍልፍሉ ዘይጠሓሱ፣ ዘይድፈሩን ዘይገሃሱን እዮም፡፡
2. ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዜጋታትን ህዝብታትን ይኽበሩ'ዮም።

### ዓንቀፅ ፲፩፤ መንግስትን ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ ምኳኖም

1. መንግስትን ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ እዮም።
2. መንግስታዊ ሃይማኖት ኣይህልውን።
3. መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ኢዱ ኣየእትውን፡፡ ሃይማኖት'ውን ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ኢዱ ኣየእትውን፡፡

### ዓንቀፅ ፲፪፤ ኣሰራርሓን ተሓታትነትን መንግስቲ

1. ኣሰራርሓ መንግስቲ ንህዝቢ ግልፂ ብዝኾነ መንገዲ ክትግበርን ክፍፀምን ኣለዎ፡፡
2. ዝኾነ ይኹን ሓላፍን ተመራፃይ ህዝብን ሓላፍነቱ እንተጉድል ተሓታታይ ይኸውን፡፡
3. ህዝቢ ኣብዝመረፆም ተወከልቱ እምነት እንትስእን ካብዝተመረፁሉን ካብዝተመደቡሉን ሓላፍነት ከልዕሎም ይኽእል፡፡ ነዚ ዝርዝር ኣፈፃፀማ ብሕጊ ዝውሰን ይኸውን፡፡

**ልዕልነት ሕጊ ከማልኦም ዝግብኡ ነጥብታት፤** ከምቲ ልዕል ኢሉ ንምጥቃስ ዝተፈተነ ልዕልነት ሕጊ እንታይን እንታይን ትሕዝቶ ክህልዎ ከምዝኽእል ንፁር ዝኾነ ምርድዳእ እንተዘይሃለወ'ኳ ልዕልነት ሕጊ ኣሎ ንምባል እቲ ዝወፅእን ኩሉ ሰብ ክገብሮ ኣለዎ ዝበሃል ሕጊ እዞም ዝስዕቡ ባህርያት ክህልውዎ ይግባእ፡፡ ንሳቶም'ውን

- ብቐረባ ዝርከብ ማለት ኩሎም ሕግታት ንህዝቢ ብቐረባ ዝርከቡን ዝፍለጡን ክኾኑ ኣለዎም፡፡

- ብእርግፀኝነት፣ ሕግታት ኩሎም ብትርጉሞም ግልፂ ክኾኑ ኣለዎም፡፡
- ምትሕሓዝ ኣለዎም፣ ሕግታት ነንሕድሕዶም ዝደጋገፉ ዘይጋጨዉ ክኾኑ ኣለዎም፣ ምግጫው እንትበሃል'ውን መፍትሒ ክህልዎም ይግባእ፡፡
- ክፍፀም ዝኽእልን ኣብ ተግባር ክውዕል ዝኽእልን
- ኣጠቓላሊ ንውልቀ ሰባት ተባሂሉ እንተይኮነስ ብሓፈሻ ንኹሉ ከገልግል'ዩ ተባሂሉ ክቕረፅ ኣለዎ፡፡
- ተፈፃሚነት፣ ሕጊ ብዘይኣፈላላይ ኣብ ኩሉ ዝፍፀም ክኸውን ይግባእ፡፡

**ተራ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምኽባርን ምርግጋፅን ልዕልነት ሕጊ፣** ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሓንቲ ሀገር ንክህሉ ናይ ግድን ኣብታ ዓዲ ነፃነቱ ዝተሓለወን ታሓታታይን ዝኾነ ቤት ፍርዲ ክህሉ ኣለዎ፡፡ ነዚ'ውን'ዩ ኣብዚ ብርኪ ብዛዕባ ነፃነትን ተሓታታይነትን ኣብያተ ፍርዲ ኣልዒልና ንርኢ ዘለና፡፡

## ነፃነትን ተሓታታይነትን ኣብያተ ፍርዲ፣

### ዕዮ ጉጅለ



ዓንቀፅ 12 ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዛዕባ 'ኣሰራርሓን ተሓታትነትን መንግስቲ' እንታይ ይብል? ልዕልነት ሕጊ ከማልእዎም ዝግብኡ ነጥብታት እንታይ'ዮም? ተራ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምኽባርን ምርግጋፅን ልዕልነት ሕጊ እንታይ ይመስል? ኣብ ጣብያኹም ዝርከብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ከመይ ይሰርሕ? ኣብ ወረዳኹም / ከተማኹም ዝርከብ ቤት ፍርዲ ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅ ከመይ ይሰርሕ? ነፃነትን ተሓታታይነትን ኣብያተ ፍርዲ ከመይ ትርድእዎ? ብሕታዊ ነፃነት ዳያኑ እንታይ ማለት'ዩ? ከመይ ትርድእዎ? ነፃነት ኣብያተ ፍርዲ ብብሕታዊ ነፃነት ዳያኑ እንተዘይተሓጊዙ ነፃነት ኣብያተ ፍርዲ ዝተማልአ ኣይኸውንን እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ? ነዚ ኣበሃህላ ምስ ዳያኑ ኣብያተ ፍርዲ ወረዳ ወይድማ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ጣብያኹም ብምሕታት መልሲ ሒዝኩም ናብ ክፍሊ ክትመፁን ክትመያየጡሎምን ክትካትዑሎምን ይግባእ፡፡ ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅ ተሳትፎ ፈፀምቲ ኣካላት ከ እንታይ ክመስል ኣለዎ? ፈፀምቲ ኣካል ክኽተልዎ ዝግባእ ኣሰራርሓታት እናዘርዘርኩም ተመያየጡሎም፡፡ ኣብ ጣብያኹም ንዝርከቡ ፈፀምቲ ኣካል'ውን ሕተትዎም፡፡

ትርጉምን ትሕዝቶን ናይ ኣብያተ ፍርዲ ነፃነት ካብ ሃገር ናብ ሃገር ከከም ናይቲ መንግስቲ ዓይነትን ናይቲ ከባቢ ባህሊን ናይ ፖለቲካ ኩነታት ዝፈላለይ እዩ፡፡ ነፃነት ኣብያተ ፍርዲ መሰረት ዝገብር'ውን ናይ መንግስቲ መሓውር ናይ ስልጣን ክፍፍል እንትከውን እዚ ናይ ስልጣን ክፍፍል'ውን ከምቲ ቅድም ኢልና ዝረእናዮ ኣብዚ ሕዚ እዋን ፍፁም ብዝኾነ ስልጣን እንተይኮነስ ሓደ ናይ መንግስቲ መሓውር ነቲ ሓደ ብምቑፃር ኣቢሉ እዩ ዝግለፅ፡፡ ነፃነት ኣብያተ ፍርዲ ማለት ኣብያተ ፍርዲ ነቲ ዝተውሃበን መደብ ስራሕ ብመንነት ሰብ

ጉዳይ ወይድማ ዓይነት ጉዳይ ክይተደፍኡ ስራሕቲ ብሕጊ ጥራሕ ዝፍፀሙሉ ኩነታት ክፍጠር እንተሎ ማለት‘ዩ፡፡ ኣብያተ ፍርዲ ነፃ እንተዘይኮይኖም ግን ስራሕቶም ዝፍፅሙ ብድልየት ሓደ ወገን ተከራኻሪ ስለዝኾውን ነፃ እዮም ኢልካ ንምዝራብ ኣይከኣልን፡፡ ብሕልፊ ካብቶም ተኻተዕቲ ወገናት ሓደ መንግስቲ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ኣብያተ ፍርዲ ብዘይምንም ኣድልዎ ሕግን ናይቲ ጉዳይ ፍረ ነገርን ጥራሕ ሪኦም ትክክለኛ እዩ ዝብልዎ ውሳነ ንምሃብ ብጣዕሚ‘ዩ ዘፀግመሎም፡፡

ነፃነት ዳይነት ኣብዘየለሉ ኩነታት መሰላት ዜጋታት ብዝርዝር ምብዛሕ ወይድማ ሕገ መንግስቲ ብዝርዝር መሰላት ምጭንናቕ ዋጋ ዝህልዎ ጉዳይ ኣይኾውንን፡፡ ኮይኑ ግና ብዙሓት ጨቆንቲ ስርዓታት ዓንቀፃት ሕገ መንግስታቶም ብሰብኣዊ መሰላት ዝተመልኡ እንተኾነ‘ውን ብተግባር ግና መሰላት ዜጋታትን ክሕልዎ ኣይተርኣየን፡፡ እዙይ‘ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝተርኣየ‘ዩ፡፡ ስለዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ተሞክሮ ጨቆንቲ መንግስታታት ዘመሓላልፈልና መልእኽቲ እንተሃለወ መሰል ዜጋታት ኾነ ነፃነት ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ሕገ መንግስቲ ይኹን ብኻሊእ ሕጊ ምቕማጦም ጥራሕ ንተግባራዊነቶም ውሕስና ክኸውን ከምዘይኽእል‘ዩ፡፡

ነፃነት ኣብያተ ፍርዲ ክንብል እንተለና‘ውን ኣብ ውሽጡ ክልተ መሰረተ ሓሳባት ዝሓዘ‘ዩ፡፡ ብሓደ ወገን ኣካል ዳይነት ከም መሓውር መጠን ክህልዎ ዝኽእል ነፃነት ዘርኢ እንትኸውን በቲ ካሊእ ወገን ድማ ኣብዚ መሓውር ዳይነት ዝሰርሑ ዳያኑ ናይ ዳይነት ስራሕቶም ማለት እቲ ዝቐረበሎም ጉዳያት ብዘይ ፍርሓትን ስግኣትን ንሕጊ ጥራሕ መሰረት ገይሮም ክሰርሑ እንተለዉ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ብዛዕባ ነፃነት ዳይነት ክንዛረብ እንተለና ብዛዕባ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ነፃነታት ንዛረብ ማለት‘ዩ፡፡

**ብሕታዊ ነፃነት ዳያኑ፣** ኣብያተ ፍርዲ ብሙሉእ ነፃነት ስራሕተን ንክፍፅማ ናይ ፌደራል ይኩን ናይ ክልልና ዝተማሓየሸ ሕገ መንግስቲ ሪኢና ኢና፡፡ ይኩን እምበር ናይ ኣብያተ ፍርዲ ነፃነት ብናይ ዳያኑ ብሕታዊ ነፃነት እንተዘይተሓጊዙ ናይ ኣብያተ ፍርዲ ነፃነት ዝተማልአ ክከውን ኣይከእልን፡፡ ሰለዚ ናይ ኣብያተ ፍርዲ ትካላዊ ነፃነት ንምክባር ሕድ ሕድ ዳይና ስራሕቱ ብሙሉእ ነፃነት ክካይደሉ ዘክእሉ ኩነታት ክማልኡ ይግባእ፡፡ ናይ ዳይኑ ብሕታዊ ነፃነት ብዋናነት

- ሕድ ሕድ ዳይና ዝቐረበሉ ዝኾነ ጉዳይ ኣመልኪቱ ምንም ዓይነት ተፅእኖ ከይግበረሉ፣
- ብፍላይ ካብቲ ሕጊ ፈፃሚ ኣካል ሓደ ጉዳይ በዚይ ወይድማ ብካሊእ መልክዑ ክውስን ትእዛዝ ከይዋሃቦ ወይድማ ካብ ሕጊ ወፃኢ ውሳነ ንክህብ ዘገድድ ኩነታት ከይፍጠር፣
- በቲ ዝህቦ ውሳነ ምኽንያት ንመንግስቲ ሓዊሱ ካብ ዝኾነ ወገን ኣድላይ

ዘይኾነ ስጉምቲ ከይውሰዱ ምክልኻልን ብዘይምንም ፍርሓትን ስግኣትን መሊኡ ስርሖ ክሰርሕ ዝኽእልዎ ኩነታት ምግባር እዩ፡፡

**ተሳትፎ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ልዕልነት ሕጊ፤** ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሓንቲ ሃገር ንክህልው ብዝበለፀ ዓብዪ ተራ ክፃወት ይግባእ ተባሂሉ ተስፋ ዝግበሮ ኣካል መንግስቲ እቲ ሓደ ፈፃሚት ኣካል'ዩ፡፡ ምኽንያቱ'ውን እዚ ፈፃሚት ኣካል ናብ ስልጣን ዝደየበ ወይድማ ስልጣን ዝሓዞ ብናይ ህዝቢ ሰናይ ድልየትን ህዝቢ ንምግልጋል ደኣ'ምበር በቲ ዘለዎ ወታደራዊ ሓይሊ ኣይኮነን ተባሂሉ ስለዝእመን እዩ፡፡ ንዝመረፆ ህዝቢ ንምግልጋል እቲ ፈፃሚ ኣካል ዝሰርሖም ስራሕቲ ሕጊ ብዝእዝዞ ኣገባብ ክኸውን ይግባእ፡፡ ሕጊ ብዝእዝዞ ንምስራሕ ድማ ፈፃሚ ኣካል ነዞም ዝስዕቡ ኣሰራርሓታት ክኽተል ይግባእ፡፡

- **ግልፅነት፤** ፈፀምቲ ኣካላት ብዝተውሃቦም ስልጣን መሰረት ምስራሕን ሀብትን ኣገልግሎትን መንግስቲ ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ንዝምልከቶ ኹሉ ምክፍፋልን ምብፃሕን ኣለዎም፡፡ ዝህብዎ ዝኾነ ዓይነት ውሳነ ወይድማ ትእዛዝ'ውን ብግልፅን ሕጊ ወይድማ ከም ኩነታቱ ደንቢ ብዝእዝዞ መሰረት ጥራሕ ክፍፅሙ ኣለዎም፡፡ ብተወሳኺ'ውን ግልፅነት እንትበሃል እቶም ብዝወሃብ ውሳነ ወይድማ ትእዛዝ ዝጉድኡ ሰባት ብቐጥታ ብዛዕባ ከይዲ ውሳነ ትእዛዝን መረዳእታን ክረኽቡ ኣለዎም ማለት'ዩ፡፡
- **ተሓታትነት፤** ፈፀምቲ ኣካላት ንዝህብዎም ውሳነታትን ንዝሰርሕዎም ካልኦት ስራሕቲ ተሓተትቲ እዮም። ስለዚ ብምኽንያት'ዞም ውሳነታት ንዝቐርበሎም ግቡእ ዝኾነ ምፅራይ ንባዕሎም ድልዋት ምግባርን ኣብ ዝተደለይዎ እዋን ክርከቡ ይግባእ፡፡ እዞም ፈፀምቲ ኣካላት'ውን ብዝሰርሕሉ ቤት ፅሕፈት ብዝሽሞም ኣካል ብሕጊ መውፅኢ ኣካልን ብህዝብን ክግምገሙ፣ ክሕተቱ፣ ብዛዕባ ዝፈፀምዎ ስራሕቲ'ውን ፀብፃብ ኽቕርቡን ኣድላይ ዘበለ መብራህርሂ'ውን ክህቡ ይግባእ።
- **ኣድልዎ ዘይምፍፃም፤** ፈፀምቲ ኣካላት ኣድልዎ ብዘይብሉ ኩነታት ስራሕቶም ክካይዱ ይግባእ፡፡ ብቐለም፣ ብዓሌት፣ ብብሄር/ብብሄረሰብ፣ ብፆታ፣ ብቋንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ ኣመለኻኽታ ወይድማ ብካሊእ ቅዋም ወይድማ ኣግባብነት ብዘይብሉ ምኽንያት ፍሉይ ጠመተ ወይድማ ኣፈላላይ ከይገበሩ ብዝቐረበሎም ፍረ ጉዳይ ጥራሕ መሰረት ገይሮም ውሳነ ክህቡ ይግባእ።
- **ሕጊ ምኽባር፤** ፈፀምቲ ኣካላት ንሕገመንግስቲ ናይ ምኽባርን ንክኽበር ናይ ምግባር፣ ኣግባብነት ብዘለዎም ፖሊሲታት፣ ሕግታት፣ ደንብታት፣ መምርሕታትን ስልጣን ብዘለዎ ኣካል ብዝተሓላለፈ ትእዛዛት መሰረት ሓላፍነቶም ወይድማ ግቡኦም ክዋፅኡ ኣለዎም። ብተወሳኺ'ውን ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት

ዝፀደቑ ደንብታት ብሕገ መንግስቲ ዝተደንገጉ መሰላት ዘይፃብኡ ምዃኖም፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ሕግታት ምኽባሮም ከረጋግፁ ይግባእ፡፡

- **ኣስተምህሮ ሕጊ ምሃብ፤** ኣብ ሓንቲ ዓዲ ልዕልነት ሕጊ ንክሰፍን እቲ ፈፃሚ ኣካል ነቲ ዝመረፆምን ዝገልገሎን ህዝቢ ብዛዕባ ልዕልነት ሕግን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ መሰላት ህዝብን ግቡኣትን ደረጃ ብደረጃ በብዝጥዕሞ ኩነታት ኣስተምህሮ ክህብ ይግባእ፡፡ እዚ ኣስተምህሮ'ውን ፈፃሚ ኣካል ኣብ ከባቢኡ ምስ ዝርከቡ ነፃ ምስዝኾኑ ኮለጃት ሕግን ካልኦትን ብምትሕብባር ክገብሮ ይኽእል'ዩ፡፡

## 4.3.2 ንሰናይ ምምሕዳር ዝፃብኡ ጉዳያት

ተምሃሮ ብዛዕባ ሰናይ ምምሕዳርን ዲሞክራሲን እኹል ግንዛበ ረኺብኩምዶ? ግልፅነትን ተሓታታይነትን፣ ተሳትፎ ህዝብን ምብቃዕን፣ ምርግጋፅ ልዕልነት ሕጊ፣ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብ፣ ተኣማንነት ምርግጋፅን ሓባራዊ ምርድዳእን ዝብሉ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ብዝርዝር ተረዲእኹም ዶ? ሰናይ ምምሕዳር ኣንፃር ግዕዝይና ብትረት ምቅላስ ማለት ከምዝኾነ ኸ ትፈልጡ ዶ? ሰናይ ምምሕዳር ማዕረ መሰል ንኹሉ ምርግጋፅ ማለት ከምዝኾነ ኸ ትፈልጡ ዶ? ዝስዕብ መግለፂ ተኸታተሉ፡፡

### ዕዮ ጉጅለ



ግዕዝይና (ብልሽውና) እንታይ ማለት'ዩ? ነዚ ብኣብነት ኣደጊፍኩም ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ግዕዝይና ተባሂሎም ዝጥቀሱ እንታይ'ዮም? ግዕዝይና ኣብ ቤት ትምህርትኹም፣ ኣብ ምምሕዳር ጣብያኹም፣ ኣብ ምምሕዳር ወረዳን ክልልን ከ ኣሎ ዶ? ንወለድኹም ሓቲትኩም መልሲ ሒዝኩም ናብ ክፍሊ ክትመፁን ክትመያየጡሎምን ይግባእ፡፡ ሓደጋታት ግዕዝይና ብዝርዝር ጥቐሱ፡፡ ተኻትዑሎም፡፡

**ሀ. ግዕዝይናን (ብልሽውናን) ሳዕቤኑን፤** ዝተፈላለዩ ሰባትን ሃገራትን ንግዕዝይና (ብልሽውና) ብዝተፈላለየ መንገዲ ይትርጉምዎ። ሓደ ገዛኢ ዝኾነ ትርጉም ግዕዝይና ብዓለምለኸ ደረጃ የለን፡፡ እዚ ግዕዝይና ዝምልከት ናይ ሓባር ኣረዳድኣ የለን ማለት ኣይኮነን፡፡ መብዛሕትኦም ሰባትን ሃገራትን ዘረዳድኡሎም ነጥብታት ኣለዉ።እቲ ፍልልይ ዝመፅእ ኣብቲ ደረጃ ስፍሓት ትርጉም ግዕዝይና ጥራሕ እዩ። ግዕዝይና ተባሂሎም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ንኣብነት ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

- ✓ ጉቦ ወይድማ መማለዲ ምቕባል፣
- ✓ ብዝምድናን ካልኦት ውልቃዊ ርክባት (ዝምድናታት) ተደሪካ ምስራሕ፣
- ✓ ዘይግብኣካ ጥቕሚ (ረብሓ) ምርካብን ዘይግብኣካ ንብረት ምውሳድን
- ✓ ወግዓዊ ውሳነታት ብዘይግባእ ፀቕትታት ንምቕያርን ኣብቲ ኣወሃህባ ውሳነ

ተፅእኖ ክትገብር ምፍታንን
- ✓ ሓላፍነትካ ብግቡእ ዘይምፍፃምን ክትገብሮ ዝግብኣካ ነገር ከይገበርካ ምትራፍን ወዘተ
- ✓ ካብ ረብሓ ህዝቢ ውልቃዊ ረብሓ ኣቐዲምካ ምርኣይ (ምჭዳም)

ግዕዝይና ዘለዎ ኣሰራርሓ ንህዝቢ ዘይጠቅም ካብ ምኳን ሓሊፉ ዝስዕቡ ሓደጋታት ከም ኣብነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ'ዮም፤

- ➢ መንግስታዊ ትካላት ተሓታትነት ንከይህልወን
- ➢ ሰበስልጣን መንግስቲ ዝግብኦም ማሕበራዊ ቦታን ክብርን ንኸይህልዎም
- ➢ ህዝቢ ንመራሕቱ ንኸይኣመንን ቅንዕና ንኸጠፍእን
- ➢ ሞራል ህዝብን ስነ ምግባርን ንኸወድቕ
- ➢ ዜጋታት ንሓበራዊ ረብሓን ምዕባለን ንኸይሰርሑ
- ➢ ኣብ ዘይግብኦም ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታት ምንዳይ ከድህቡ
- ➢ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሰላምን ፀጥታን ንከይህሉ ምግባር ሳዕቤን ኣለዎ፡፡

ግዕዝይና እናተጋደደ እንተኸይዱ መንግስታዊ መሓውራት ናብ ውድቀትን ምልማስን ይኸዳ፡፡ ሰባት ብጉልበቶም ወይድማ ብጉልበት መንግስቲ ተጠቒሞም ጉዳዮም ብዝመረፅዎ መንገዲ ዝፍፀመሉ ብርኪ ይብፃሕ፡፡ ውክልና ህዝቢ ዝተዋህቦም ሰባት ነቲ ውክልና ብዝፃረር መንገዲ ኣብ ግዕዝይና እንተኣትዮምን ግዕዝይና ትካላዊ ኣሰራርሓ እናሓዘ እተኸይዱ ሰባት ኣብ መንግስታዊ ትካላት ዝነበሮም እምነት ክጠፍእን ዲሞክራሲ እናተሸርሸረ ክኸይድን ይገብር፡፡

ዲሞክራሲ ኣብዘይብሉ ስርዓት ሰባት ኣብ መንግስታዊ መሓውራት ብምኽንያት ግዕዝይና እምነት ክስእኑ እንተለዉ ዘለዎም መማረፂ ናብርኦም ዘማልእ ስርዓት ንኽመፅእ ተስፋ እናገበሩ ምፅባይ ወይድማ ዝተፈላለዩ ሕቡእን ዘይሕቡእን ምንቅስቃሳት ብምግባር ነቲ ዘሎ ስርዓት ምልዋጥ'ዩ፡፡ ኣብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት መንግስቲ ዜጋታት ምምራፅን ምውራድን መሰል ዘለዎም ስለዝኾኑ ብሰንኪ ግዕዝይና ኣብ መሓውራት መንግስቲ እምነት ኣይስእኑን፡፡

ግዕዝይና (ብልሽውና) ብባሕርይኡ ክኾኑ ዝግብኦም ነገራት ትዕቢት ብዝግበረሎም መንገዲ ንኽይፍፀሙ ይገብር፡፡ ኣብዚ ከይዲ እዚ እቶም ተዋሰእቲ ግዕዝይና ኣብ ካልእ ክሳራ ተመስሪቶም ክረኽብዎ ዘይግብኦም ጥቅሚ ይረኽቡ፡፡ እቶም ክኸስሩ ዝተገበሩን ዝግብኦም ነገር ዝተወሰዶምን ሰባት ካብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዘይፅበይዎ ተግባር ስለዝኾኖምን ነዚ ንምእራም ዓቕሚ ስለዝስእኑን ዓርሰ እምነትን ኣብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝነበሮም እምነትን ይስእኑ፡፡ ግዕዝይና ፖለቲካዊ ውሳነታት ዋጋ ኣልቦ ክኾኑ ይገብር፡፡ ስነ ምግባር ዜጋታት ክወድቕ ይገብር፡፡ መንግስታዊ መሓውራት ብቕዓት ንከይህልወንን ዝተዋደደ ገበን

ንኽሰፍሕን ብምግባር ንዜጋታት ተወሳኺ ዋጋ የኽፍሎም፡፡ ግዕዝይና እንትህልው ኩሉ ዜጋ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ይጉዳእ፡፡ ፖለቲካውን ዓሌታውን መልክዕ እናሓዘ ክኸይድ እንተሎ ሓድነት ህዝቢ ንክልሕልሕ ይገብር፡፡

ግዕዝይና ብዝተሓላለኸን ብምስጢራውን ኣሰራርሓ ዝካየድ ብምኳኑ ከምኡ'ውን ነቶም ተዋሳእቲ ዘይግብኦም ረብሓ ዘምፅእሎምን ኣሰራርሕኡ ረቂቕ ብምኳኑ ካብ ቁፅፅር ወፃኢ ስለዝኾነ ኣብ ሓፂር እዋን ብዙሓት ሰባት ንኽሳተፉሉ ዝገብር ሓደገኛ ተርእዮ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ግዕዝይና እናሰፍሐ ክኸይድ እንተሎ ዘሕፍርን ዘቕፅዕን ተግባር ምኳኑ ተሪፉ መሓውራዊ ኣወዳድባ እናረኸበ ዝኸይድን ኣብ መወዳእታ ድማ ቅኑዓት ዝነበሩ መዐቀንታትን ሕግታትን ዋጋ ዘይብሎም ይገብር፡፡ ስለዚ ግዕዝይና ሕግን ስርዓትን ዘጥፍእ፣ ዜጋታት ንምንባርን ንምስራሕን ውሕስነት ዘይብሎም ክኾኑ ዝገብር፣ ምሉእ ብምሉእ ስርዓት ኣልቦነት ክነግስ ዝገብር እዩ፡፡ ስለዝኾነ ምክልኻል ግዕዝይና ከም ተግባር ምክልኻል ሓደ ተራ ገበን ዝርአይ ዘይኮነስ ከም ምምላስ ዓብዪ ሕቶ ህልውና ዜጋታት እዩ፡፡

## ለ. ዓለምለኻውን ሃገራውን ባህርይ ግዕዝይና፤

### ዕዮ ጉጅለ



ውክልና ህዝቢ ዝተውሃቦም ሰባት ንዝተውሃቦም ሕድርን ሓላፍነትን ብዝፃረር መንገዲ ኣብ ግዕዝይና እንተኣትዮምን ግዕዝይና ትካላዊ ኣሰራርሓ እናሓዘ እንተኸይዱን ህዝቢ ኣብ መንግስታዊ ትካላት ዝነበሮም እምነት ክጠፍእን ዲሞክራሲ እናተሸርሸረ ክኸይድን ይገብር ንዝብል ኣበሃህላ ተመያየጡሉ፡፡ ከመይ'ዩ እዚ ክኸውን ዝኽእል? ኣብ ኣፍሪካ ግዕዝይና ኣዐርዩ ዝሰፍሐሉ ምኽንያት ንምንታይ'ዩ? ግዕዝይና ንምውጋድን ንምቁፅፃርን ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት እንታይ'ዮም? ተምሃሮ ንስኻትኩም ከ ብደረጃ ቤት ትምህርቲ፣ ጣብያ፣ ወረዳ፣ ክልልን ሃገርን ግዕዝይናን ብልሽውናን ንምቕላስን ንምውጋድን እንታይ ንኽትገብሩ'ዩ ትፅቢት ዝግበረልኩም? ብሓባር ተመያየጡ፡፡ ተኻትዑ፡፡ መልስኹም ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

ባህርያት ግዕዝይና እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኾይኖም ዓለምለኻዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ኣብ ኩሉ ክፍሊ ዓለም ኣብ ዝማዕበላን ዘይማዕበላን ሃገራት ዝርኣይ ተርእዮ'ዩ። ነገር ግን መጠን ምስፍሕፋሕ ግዕዝይና ብሓፈሻ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ኣብ ትሑት ደረጃ ከምዝርከብ ፀብፃብ ይሕብር። ነዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣዝዩ ዝማዕበለ ስርዓት ቁፅፅርን ዜግነታዊ ኣተሓሳስባን ምህላዉ ከምዝኾነ ይንገር። ብኣንፃሩ ድማ ኣብዘይማዕበላ ሃገራት መጠኑ ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት ኣፍሪካ'ውን መሓውራዊ ኣወዳድባ ናይ ምሓዝ ደረጃ ከምዝበፅሐ ፀብፃባት ይሕብሩ። ዋላኳ ባህርያት ግዕዝይና ተመሳሳሊ ይኹኑ'ምበር ገሊኦም ፀሓፍቲ ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ግዕዝይና ካብ ዝሰፍሐሉ ቀንዲ ምክንያት እቶም ኣብ ግዕዝይና ዝዋስኡ

ሰባት ፍሉይ ቤተሰባዊ፣ ዓሌታውን ውልቃውን ርክብ (ዝምድና) ስለዘለዎም እዩ። ከም ኣብነት ዘልዕልዎ'ውን ኣብ ብዙሕ ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ሓደ እዋን ሰለስተን ካብኡ ንላዕልን አሕዋት ወይድማ ናይ ቀረባ ቤተሰብ ላዕለዎት ሓላፍቲን ሹማምንትን መንግስቲ ኾይኖም ምርኣይ ዝተለመደ ጉዳይ ም'ኳኑ'ዩ። ብፍላይ ናብ ጉዳይ ሃገርና ክንምለስ እንተለና ዋላ'ኳ ከም ገሊኦም ሃገራት ኣፍሪካ ኣብዝለዓለ ብርኪ ኣይብፃሕ'በር ግዕዝይና ብገፌሑ ከምዝርአይ ዝተፈላለዩ ዘይመንግስታውን መንግስታውን ፀብፃባት ይሕብሩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ግዕዝይና ንምክልኻል ዝተዋደደ ስራሕ እንተዘይተሰሪሑ ቀሰ እንዳበለ ትካላዊ ኣወዳድባ ክሕዝ ከምዝኽእል ካብ ባሕርያት ግዕዝይና ተበጊስካ ምግማት ይካኣል።

**ሐ. ግዕዝይና ንምቁፅፃር ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት፤** ግዕዝይና ንምንፅፃር ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ብመጠኑ ክብደትን ሚስጥራውነትን ግዕዝይና ክምዘኑ ይግብኦም፡፡ እዞም ስጉምትታት ዘርዚርና ክንትንትኖም ዘይንኽእል ብዙሕ መልክዓት ዘለዎም እዮም፡፡ ብወሳናይ መልክዑ ግን ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ስጉምትታትን ክውሰዱ ይግብኦም፡፡ ህዝቢ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ብመረፃ ኣቢሉን ብካልኦት ፖለቲካዊ መሳርሕታት ክጥቀሙሉ እንተተገይሩን ግዕዝይና መሓውራዊ ኣወዳድባ ከይረኽበ ንምቁፅፃር ይከኣልዩ፡፡ ብተወሳኺ'ውን መንግስቲ ናይ ፖለቲካ ፍቓድ እንተርእዩ ምስቲ ዝወከሎ ህዝቢ ተዋዲዱ ግዕዝይና ንምቁፅፃር ዝተፈላለዩ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ስጉምትታትን ክወስድ ይኽእል'ዩ፡፡ ንኣብነት ዜጋታት ሓላፍነት ዜግነት ክስምዖም ብምግባር ፖለቲካውን ምምሕዳድራውን ስራሕቲ ንኽሰርሑ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡ ብተወሳኺ'ውን ኣብቶም ካልኦት ክፍልታት ዝተዘርዘሩ ሰናይ ምምሕዳር ንክህልዉ ፖለቲካን ምምሕዳራውን ውሳነታት ብምሉእ ልቢ ምውሳድን ምትግባርን ይግባእ፡፡ ኮሚሽን ፀረ ግዕዝይናን ዋና ኦዲተራትን ተግባሮም ብትግሓት ንኽፍፅሙ ምትብባዕን ኣድላይ ሓገዝ ክግበረሎም ምግባርን ይግባእ፡፡ ነዚ ተግባር ምፍፃም ቀዳማይ ሓላፍነት ዘለዎም ኣብ በብብርኩ ዝርከቡ ኣብያተ ምኽሪ እዮም።

ብኻልእ ወገን ድማ ምስቲ ህዝቢ ቀጥታ ርክብ ዘለዎምን ንህዝቢ ንምግልጋል ዝተጣየሹ ማእኸናት መራኽብቲ ሓፋሽን ሲቪላዊ ማሕበራትን ግዕዝይና ኣብ ምቅላዕን መፍትሒ ሓሳባት ኣብ ምቕራብን ክትካእ ዘይኽእል ግደ አለዎም፡፡ ምኽንያቱ እዞም ዝተጠቐሱ ትካላት ካብ መንግስቲ፣ ውልቀሰባትን ካልኦት ኣካላትን ነፃ ኾይኖም እንተተመስሪቶም ብባህርይኦም ኣብ ግዕዝይና ተዋሰእቲ ክኾኑ ስለዘይኽእሉን ምስቲ ህዝቢ ቀጥታዊ ርክብ ስለዘለዎምን ልዑል ተራ ክፃወቱ ይኽእሉ እዮም፡፡ ነገር ግን ማእኸናት መራኽብቲ ሓፋሽን ሲቪላዊ ማሕበራትን ተርኦም ንኽፃወቱ ፖለታካዊ ድጋፍን ሓለዋን ክግበረሎም ይግባእ፡፡ ብሓፈሻ ህዝብን መንግስትን ተዋዲዶም ብምሉእ ልቢ እንተሰሪሖም ግዕዝይና ክቆፃፀሩዎ ይኽእሉ እዮም፡፡ ልዕሊ'ኹሉ ግና ግዕዝይና ንኽጠፍእ ብዋናነት ሰናይ ምምሕዳርን ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ብተግባር ዘረጋገፀን ከረጋግፅ ዝኽእልን መንግስቲ የድልይ፡፡

## መ. ግዕዝይና ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ መንቀሊ ምኽንያት ሕድሕድ ውግእን ኲናትን

ኣብ ሓንቲ ሃገር ግዕዝይና እንተተጋፊሑ ብቐዳምነት ህዝቢ ኣብቲ መንግስትን ስርዓትን እምነት ስለዝስእንን ብሰንኪ'ዚ ድማ ናብ ዘየድልይ ኲናት ክኣትው ይኽእል። ነዚ ከም ኣብነት ዝጥቀስ ኣብ ዲሞክራቲክ ኮንጎን ጎረቤትና ሶማልያን ምርኣይ ይከኣል። ኣብ ኮንጎ ንልዕሊ 30 ዓመት መራሒ ዝነበሩ 'ሞቡቱ ሴሴኮ' ዝበሃሉ ኣብ እዋን መሪሕነቶም ብብሊዮን ዝኣክል ዶላር ኣብ ኣውሮፓ ይእክቡ ነይሮም። እታ ሃገር ምስ ብዙሕ ሃፍታ ኣብ ድኽነት ክትጥሕል ክኢላ እያ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ድሕሪ ምውጋድ እቲ መራሒ ዛጊድ ኣብ ሕድሕድ ኲናት እናተሓመሰት ትርከብ። ብተመሳሳሊ ኣብ ላይበሪያ መራሒ ዝነበረ 'ቻርለስ ቴለር' ኣብ ዓዱን ሴራሊዮንን ኣብ ስርቂ ኣልማዝ (ክቡር ማእድን) እናተዋፈረ ምፅንሑ ንውግእን ዘይምርግጋእን ምኽንያት እናኾነ ይርከብ።

ኣብ ጎረቤት ሃገርና ሶማልያ ዝነበረ 'ዚያድ ባሬ' ዝበሃል ኣምባገነን መራሒ ብግዕዝይና ዝተበላሸወ ስለዝነበረ ነዚ ኣመልኪቱ ኣብቲ ህዝቢ ተቐባልነት ስለዘይነበሮ ድሕሪ ምውጋድ እቲ መራሒ ዛጊድ ን20 ዓመት ዝኣክል ብዓሌት ንዝተመስረተ ኲናት መበገሲ ኾይኑ'ዩ። ስለዚ ኣብ ሓንቲ ሃገር ግዕዝይና እናተጋፍሐ እንተኸይዱ ናይ መወዳእታ ውፅኢት ኣብታ ሃገር ዘይምርግጋዕ ምፍጣር እዩ። ተምሃሮ ግዕዝይና እንታይ ማለት ከምዝኾነን ኣብ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን ልምዓትን ሃገር ዘለዎ ሳዕቤንን ብዝምልከት ተረዲእኹም ዶ? ግዕዝይና ንምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ዓንቃፋይ ምዃኑ ሽ ተገንዚብኩም ዶ? ስለዚ ግዕዝይና ተፃባኣይን ተጻሳሓይን ሰናይ ምምሕዳር እዩ።

## ዕዮ ጉጅለ



*መመያየጢ*

- ሰናይ ምምሕዳር እንታይ ማለት'ዩ? ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር መሰረት ብምግባር ግለፁ።
- ህፃናት ካብዚ ፅሑፍ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ወሲዶም?
- ኣብ ከባቢና ዘሎ ፀገም ሰናይ ምምሕዳር ብኸመይ ይግለፅ?
- ሰናይ ምምሕዳር ዝተጠናኸረ ክኸውን ካብ መናእሰይ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
- ኣብ ዓለምን ኣህጉርን በዝሒ መግለፂ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ተገይሮም ዝውሰዱ ከመይ ዝበሉ'ዮም?
- ግዕዝናን ብልሽውናን ዘለውዎም ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ሳዕቤናትን ዘስዕብዎ ቅልውላውን ኣረድኡ።
- ግዕዝይና ንኽጠፍእ ልዕሊ ኹሉ ብዋናነት ሰናይ ምምሕዳርን ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ብተግባር ዘረጋገፀን ከረጋግፅ ዝኽእልን መንግስቲ የድልይ። ኣብርሁ።

**መልመዲ 4.1**

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት ዝተምሃርክምዎ ቅኑዕን የዘማትእ ትኽክለኛን መልሲ ሃቡ፡፡

1. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝፈጥሮ ፅልዋን ዘሕድሮ በሰላን ምስ ሳዕቤናቱን ብምግንዛብ ብዝርዝር መልሲ ሃቡ። ግለፁ።
2. ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘርዝሩ፡፡
3. ብመሰረት ዓንቀፅ 36 ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ መሰላት ህፃናት ግለፁ።
4. ዕላማታትን መትከላትን ውዳበታት ህፃናት ብዝርዝር ኣረድኡ።
5. መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ዘርዝሩ።
6. ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 9 ብዛዕባ ልዕልነት ሕገ መንግስቲ ዝምልከት ዝተጠቐሱ ዘርዝሩ፣ ግለፁ።
7. ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 10 ብዛዕባ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዝምልከት ዝተጠቐሱ ዘርዝሩ፣ ግለፁ።
8. ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 12 ብዛዕባ ኣሰራርሓን ተሓታትነትን መንግስትን ዝምልከት ዝተጠቐሱ ዘርዝሩ፣ ግለፁ።
9. ፈፃሚ ኣካላት ስራሕ መንግስቲ ክኽተልዎም ዝግብእዎም ኣሰራረሓታት ዘርዝሩ።
10. ግዕዝይና ተባሂሎም ክጥቀሱ ካብዝኽእሉ እንተወሓደ ሓሙሽተ ኣብነታት ጥቐሱ።

## 4.4 መደባት ኣጋርነትን ሽርክና ዝተፈላለዩ ከባብያዊ ውዳበታት ኣህጉር ኣፍሪካ


### 1. ወድብ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ



ስእሊ 4.1 ኣርማ ወድብ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ)

እዚ ውድብ 16 ኣባል ሃገራት ምዕራብ ብምሓዝ 28 ግንቦት 1975 ዓ.ም.ፈ 'ስምምዕ ሌጎስ' ብዝብል ምርድዳእ ዝተጣየሸ'ዩ:: ኣብዚ እዋን ብሰንኪ ኣብተን ሃገራት ብዝተኻየደ ዕልዋ መንግስቲ /ኩዴታ/ ሰለስተ ሃገራት ሞሪታንያ፣ ጊኒን ኒጀርን ካብ ኣባልነት ተሰናቢተን:: ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘለዋ 16 ኣባላት ሃገራት ዝስዕባ'የን:: ስለዚ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣባላት ውድብ ኢኮኖሚያዊ ሕብረት ምዕራብ ኣፍሪካ፤

ቤኒን፣ ቡርኪና ፋሶ፣ ኬፕ ቨርዴ፣ ኮትዲቯር፣ ጋምቢያ፣ ጋና፣ ጊኒ፣ ጊኒ-ቢሳዎ፣ ላይቤርያ፣ ማሊ፣ ኒጀር፣ ናይጀርያ፣ ሴኔጋል፣ ማውሪታንያ፣ ሴራሊዮን ቶጎን እየን::




ካርታ 4.1 ኣባል ሃገራት ውድብ ኢኮኖሚያዊ ሕብረት ምዕራብ ኣፍሪካ


ውድብ ሕብረት ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ) ካብቶም ኣብ ኣፍሪካ ዝተጣየሹ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ከም ዓምድን ቁልፍን ዝረአይ ውድብ'ዩ:: ናይዚ ቑልፊ ዕማም ዝተዋደደን ዝተኣሳሰረን ኢኮኖሚያውን ፋይናንሳውን ምዕባለ ንምምፃእ ሰፋሕቲ ፃዕርታት እናካየደ ዝፀንሐ ኾይኑ ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ካብ ኢኮኖሚ ብምውፃእ ካልኦት ተግባራት እናፈፀመ ይርከብ::

ሀ. ሰላምን ምርግጋዕን ምፍጣር፤ ነዚ ዘጎልብቱ ስራሕቲ ማለት ኣባል ሃገራት ንዘይምግፋሕን ጎረቤት ሃገር ንዘይምውራርን ስምምዕ ብምፍርራም ነዚ ስጡም ክትትል ምግባር::

ለ. ኣብ 1991 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸ ቤት ፍርዲ ኣብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘጋጥም ምስሕሓብ ዶብ ንምፍታሕ ፃዕሪ እናገበረ'ዩ::

ሐ. ባህላውን ስፖርታውን ልውውጥ ምክያድ፤ ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ስፖርታዊ ውድድር ዘካይድ ምኻኑ

መ. ፋይናንሳዊ ትካላት ብምጥያሽ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር ከጎልብት ዝኽእል ሓበራዊ ዕዳጋ ክፈጥርን ንመፃኢ ድማ ሓባራዊ ሸርፊ ንምድላው ትልሚ ዘለዎ ምኻኑን። ንኣብነት ኢኮ ብዝብል ሽም ኣብ 2015 ቅርሺ ከዳልው ተሊሞ ይርከብን ካልኦት ፍሰት ካፒታል ዘጠናኽሩን ስራሕቲ እናተፈፀሙ ይርከቡን::



ካርታ 4.2 ኣባል ሃገራት ኢኮዋስን ሳድክን

ውድብ ሕብረት ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ) ኣብ ኣፍሪካ ካብዘለዉ ካልኦት ከባብያዊ ውዳበታት ወይድማ ሽርካታት ዝሐሸ ምዕባለ ዘለዎ እንትኾን ናብዚ ዘብፅሕዎ ጉዳያት ድማ ኣብ ዝስዕቡ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር ዘለዉ ንጥፈታት እዮም፡፡

- ኣብ ንሕንሕ ዝተመስረተ፣ ሕጋውን ዝተዋደደ ባይታ ዘቀላጥፍ ነፃ ዕዳጋ ብምትእትታው ስርዓት ዕዳጋ ኣብቲ ዞባ ካብቲ ዝነበሮ ብዝሐሸ ንምዝርጋሕ ምኽኣሉ
- ኣብቲ ዞባ ዝተወሃሃደ ፖሊሲ ማክሮ - ኢኮኖሚ ምህላዉን ነዚ ዘድሊ ኣብ ሓባር ምርድዳእ ዝተመስረተ መዐቀኒ ዝተዳለወን እናተተግበረ ከምዘሎን፤
- ናይ ሓባር ዕዳጋ ንምፍጣር ምኽኣሉ
- ኣብ ዝተወሰኑ ሴክተራት ማለት ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ባህሊ፣ ሕርሻን ካልኦትን ተግባራት ተሓባቢርካ ምስራሕ
- ኣብ ፋይናንስ ትካላት ብፍላይ ዝተርአየ ምውዳድ ዝብሉ ኮይኖም እዚኦም ድማ ብትካል ገንዘብ ዓለም ዝተገበረ መፅናዕቲ ዝተረጋገፀ ምዕባለ እናርአየ ዝመፀ ውዳበ ኮይኑ’ዩ፡፡

## 2. ልምዓታዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ (SADC)

ልምዓታዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ (ሳድክ) ኣድራሻኡ ኣብ ቦትስዋና ከተማ ጋቦሮኒ እንትኸውን 14 ኣባላት ዘለውዎ'ዩ:: እዚኦም ድማ ዝስዕቡ እዮም፤

ስእሊ 4.2 ኣርማ ልምዓታዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ

**ኣንጎላ፣ ቦትስዋና፣ ዲሞራክቲ ክ ሪፐብሊክ ኮንጎ፣ ሌሴቶ፣ ማላዊ፣ ሞሪሸየስ፣ ሞዛምቢክ፣ ናሚቢያ፣ ስዋዚላንድ፣ ታንዛንያ፣ ዛምብያ፣ ዚምባብዌ፣ ደቡብ ኣፍሪካ፣ ሲሸልስን እዮም::**




ካርታ 4.3 ልምዓታዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ

እዚ ውድብ ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚ ምትእስሳር፣ ፀጥታን ምክልኻልን፣ ፖለቲካውን ፀጥታ ተንከፍ ስራሕቲ ማእኸል ብምግባር ስራሕቲ እናፈፀመ'ዩ:: ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብሓበር ንምስራሕ ብምትላም ስምምዓት እናተኻየዱ እንትኸውን ኣብዚ እዋን ድማ ኣብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ውሕስና ምግብን ኣመልኪቶም ስራሕቶም የሳልጡ ኣለዉ:: ነዚ ዝኾነሉ መንገዲ መብዛሕትአን ሃገራት ብዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ካብ ዓለም ዝለዓለ ብምኳኑን በዝሒ ትሑዛት ናይቲ ሕማም ስለዘለወን ኣብዚ መዳይ ዝለዓለ ስራሕ ንምትግባር ተሰማሚያም እዮም:: ብተመሳሳሊ ብትራንስፖርትን ካልኦት መሰረተ ልምዓትን ንምትእስሳር ዘሎ ጅማሮ ዝንኣድ ከምዝኾነ መረዳእታታት ይሕብሩ::

ብተወሳኺ ኣብ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክ ኮንጎ ዘጋጠመ ጎንፂ ሕድሕድ ኣብ ምፍታሕን ናይ ዚምባብዌ ኩነታት ኣብ ምክትታልን ፅቡቕ ስራሕ እናፈፀሙ ይርከቡ:: ኣብዚ ውዳበ እታ ካብ ኣፍሪካ ብዝለዓለ ብርኪ ትርከብ ደቡብ ኣፍሪካ ናይዚኣን ኣባል ስለዝኾነት ዕዳጋ ኣብ ምፍጣርን ዝሓሸ ልውውጥ ንግዲ ንምፍፃም ምቹው ባይታ ስለዘለወን ነዚ ዕድል ንምጥቃም ፃዕሪ ክገብራ ከምዘለወን ይሕበር::

## 3. ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራ`ቕን ደቡብን ኣፍሪካ /ኮሜሳ/







ስእሊ 4.3 ኣርማ ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራ`ቕን ደቡብን ኣፍሪካ /ኮሜሳ/

ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራ`ቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ) ተባሂሉ ዝፍለጥ ውድብ ካብቶም ናይ ኣፍሪካ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ከም ዓምዲ ዝረአይ'ዩ:: እዚ ሓባራዊ ስምምዕ ዝተመስረተሉን ብፌርማ ን`ኽጣየሽ 5 ሕዳር 1993 ዓ.ም.ፈ ኣብ ካምፖላ - ኡጋንዳ `ኾይኑ ብሕጊ ዝፀደቐሉ ድማ ድሕሪ ሓደ ዓመት ብ8 ታሕሳስ 1994 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሊሎንግዌ - ማላዊ'ዩ:: እዚ ውድብ 21 ኣባላት ሃገራት እንትህልውዎ ዝርዝሮም ካብዚ ንታሕቲ ዝተሓበሩ እንት`ኸውን ንተወሳ`ኺ ሓበሬታ ድማ ኣብዝ`ቕፅል ገፅ ዘሎ ካርታ ምርኣይ ይከኣል:: ኣባል ሃገራት ሓባራዊ ዕዳጋ ምብራ`ቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ) ዝስዕቡ'ዮም፤

ኣንጎላ፣ ብሩንዲ፣ ኮሞሮስ፣ ዲሞክራሲ ሪፐብሊክ ኮንጎ፣ ጂቡቲ፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ፣ ማዳጋስካር፣ ማላዊ፣ ሞሪሽየስ፣ ናሚቢያ፣ ሩዋንዳ፣ ሲሸልስ፣ ሱዳን፣ ስዋዚላንድ፣ ታንዛንያ፣ ኡጋንዳ፣ ናሚቢያ፣ ዛምቢያን ዚምባብዌን እዮም::

"ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራ`ቕን ደቡብን ኣፍሪካ" (ኮሜሳ) ዝበሃል "መግረፂ ስምምዕ ሽፋን ንግዲ" (Preferential Trade Area) እናተብሃለ ይፅዋዕ ዝነበረን ቅድሚ 1981 ዓ.ም.ፈ ዝነበረን ውድብ ዝተከአን ብአስራርሓን ብሽፋንን ስፍሓት ብምሓዝ ኣብ ስራሕ ዝርከብ'ዩ:: ናይዚ ውድብ ዓበይቲ ተግባራት ብ1991 ዓ.ም.ፈ ብኣባል ሃገራት ተቐባልነት ዝረ`ኸቡ መትከላት ዝስዕቡ እዮም::

ሀ. ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ማዕርነትን ምትሕግጋዝን ምፍጣር፣
ለ. ኣባላት ሃገራት ኣብ ስምምዕ ዝተመስረተ ዓርሰ ምትእምማን ምፍጣር፣
ሐ. ምትሕብባርን ብተግባር ምስ ፖሊስን `ፕሮግራም ሃገራትን ምውዳድ፣
መ. ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ተርእዮታት ምስፍሕፋሕ ምውጋድን ዶብ ብምጥሓስ ወራር ዘይምክያድን፣
ረ. ኣብ ኣፍሪካ ቻርተር ዝተቐመጡ ናይ ህዝብታትን ሰብኣውን መሰላትን ኣፍልጦ ምሃብ፣ ምብርትታዕን ሓለዋ ምግባርን፣
ሰ. ኣብ ተሓታትነት፣ ተሳትፎ ህዝብን ፍትሓዊ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ዝተመስረተ

ልምዓት ምርግጋፅ፣

ሸ. ንልዕልነት ሕጊ ኣፍልጦን ክብርን ምሃብ፣


ቀ. ኣባል ሃገራት ሰናይ ምምሕዳር ንምስፋን ዝዓለመን ዲሞክሲያዊ ስርዓት ምህናፅ፣

በ. ሰናይ ጉርብትና ዝተጠናኸረሉ ኣብቲ ከባቢ ሰላምን ምርግጋፅን ንኸረጋገፅ ምፅዓር፣

ተ. ኣብቲ ዞባ ዝተፈጠረ ሰላምን ምርግጋፅን ብምፅቃብ ሰናይ ጉርብትና ምጥንኻር፣

ቸ. ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ንዝተፈጠረ ጎንፂ ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ምፍታሕን ነዚ ንምፍፃም ዘኽእል ሃዋህው ምምችቻው ዝብሉ'ዮም፡፡

ብሓፈሻ እዚ ውድብ ኩለመዳያዊ ልምዓት ኣብቲ ኸባቢ ንምምፃእ ዓሊሙ ዝንቀሳቀስ ውድብ'ዩ፡፡




ካርታ 4.4 ኣባል ሃገራት ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ

# 4. ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ሕብረት ኣፍሪካን




ካርታ 4.5 ኣርማ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካን ሕብረት ኣፍሪካን

ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ ዕለት 25 ግንቦት 1963 ዓ.ም.ፈ ኣብ ርእሰ ከተማ ኢትዮጵያ ዝኾነት ኣዲስ ኣበባ ተመስሪቱ፡፡ እዚ ውድብ ዝተፈላለዩ ዕላማታትን መትከላትን ነይሮምዎ፡፡ ብፍላይ እቲ ቐልፊ ዕማሙ ዝነበረ በቲ እዋን ኣብዝሓ ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ስለዝነበራ ካብዚ ተናጊፈን ነፃነተን ከረጋግፃ ምኽኣል ዝብል ነይሩ፡፡ ብተወሳኺ ካልኦት ዝስዕቡ ዕላማታት'ውን ነይሮምዎ፤

- ✓ ኣብ መንጎ ሃገራት ኣፍሪካ ሕብረት፣ ሓድነትን ሕውነትንን ምፍጣር፣
- ✓ መነባብሮ ህዝቢ ኣፍሪካ ንምምሕያሽ ስጡም ርክብን ፃዕርን ምግባር ፣
- ✓ ሉኣላውነት ሃገራት ምሕላዉ፣ ነፃነት ምርግጋፅን ንዶብ ሃገራት ክብሪ ምሃብን፤ ኣብ ጉዳይ ውሽጢ ሃገራት ጣልቃ ዘይምእታው፣
- ✓ ኩሎም ዓይነታት ባዕዳዊ መግዛእቲ ምቕላስን ክውገዱ ምግባርን
- ✓ ካብ ኣድማሳዊ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰል ዝፈልፈለ ቻርተር ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት ኣፍሪካ ምጥያሽ ፣
- ✓ ኣብ ኢኮኖሚያዊ ምትሕብባር፣ ትምህርትን ባህልን፣ ጥዕናን ዕርየት ቴክኒክን ሳይንስን ምክልኻልን ፀጥታ ዝምልከቱ ጉዳያት ተሓባቢርካ ምስራሕ ዝብሉ እዮም፡፡

ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ ካብዘሳለጦም ዝተወሰኑ ተግባራትን ናእዳ ዝረኸበሎምን ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

- ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት መብዛሕትአን ነፃ ዝኾናሉ ኩነታት ምምችቻውን ኣብ ኩሎም መድረኻት ብምግዋሕ ነቲ ዝነበረ ቓልሲ ብግልፂ ምድጋፍ፡፡
- ናይዚ ውድብ ምስረታ ኣፍሪካ ኣብ ዓለም ዝነበራ ግደ ጎሊሁ ክወፅእን ዝነበረ ዘይፍትሓውን ግጉይን ኣረዳድኣ ክመሓየሽ ከምዘለዎ ተሪርካ ምቕላስን በብቦትኡ ምግዋሕን፡፡
- ኣብ ዘርኣውነት ብፍላይ ንፀለምቲ ዝነበረ ምንእኣስ ክጠፍእን ኣብ ቀለም ዝተመስረተ ዘርኣዊ ኣፈላላይ ንምቅላስ እዚ ውድብ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣሩ፡፡

- ተሓባቢ.ርካ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖሊቲካውን ባህላውን ፀገማት ንምፍታሕን ዘሎ ድኽነት ንምንካይ ብሓባር ፃዕሪ ኣብ ምግባር ፅቡቕ ከምዝነበረ'ዩ፡፡



ስእሊ 4.4 ኣብ ምስረታ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ዝነበሩ ተሳተፍቲ መረሕቲ ሃገራት ኣፍሪካን ዘፅደቕዎም ኣርማታትን

እዚ ውድብ 53 ኣባል ሃገራት ዝነበርዎ ኾይኑ ብ2002 ዓ.ም.ፈ. ሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ተሰጋጊሩ'ዩ፡፡ ሕብረት ኣፍሪካ ኩሎም ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት ኣፍሪካ ዝወሰደ ኾይኑ ብኣወዳድባን ኣሰራርሓን ግና ደጊሙ ምትዕርራይ ክገብር ክኢሉ'ዩ፡፡ ኣብዚ ዝለዓለ ጠመተ ዝተውሃቦም ኣብ ሕሉፍ ዝነበሩ ፀገማት ንምምሕያሽ ዝዓለመ'ዩ፡፡ ኣብዚ ዘሎ ኣወዳድባ ዝስዕብ ይኸውን፡፡

- ✓ ኩሎም ኣባል ሃገራት ዝሳተፉሉን ዝለዓለ ውሳነ ዝመሓላለፈሉን ሓፈሻዊ ጉባኤ
- ✓ ካብ ሚኒስትራት ኣባል ሃገራት ዝተውፃዕኡ ኣባላት ዝተጣየሸ ተፀዋዕነቱ ንጉባኤ ዝኾነ ካውንስል ፈፃሚ ስራሕ ኣካል፡፡
- ✓ ብዋናነት መዓልታውን ስራሕቲ ውድብ ሃገራት ኣፍሪካን ዝመርሕ ዋና ፀሓፊ ይርከብ፡፡

- ✓ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዝፍፅሙ 7 ኮሚሽናት ሕድሕዲኦም ሰብሙያ ኣለዎም፡፡ ኣካላት ኣዶ/ኣቦ መናብርትን ምኽትልን ዝምራሕ'ዩ፡፡
- ✓ ካውንስል ሰላምን ፀጥታን፣
- ✓ ብውክልና ዝተጣየሸ ቀዋሚ ኮሚቴ ተፀዋዕነቱ ንካውንስል ፈፀምቲ ስራሕ ፀብፃብ ዘቕርብ ኣካል'ዩ፡፡
- ✓ ንህዝብታት ኣፍሪካ ዝውክል ኣብ ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓትን ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር ንምጉልባት ዝሰርሕ 'ፓርላማ ፓን ኣፍሪካ'
- ✓ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላዊ ካውንስል
- ✓ ቤት ፍርዲ፣
- ✓ ዝተፈላለዩ ቴክኒካዊ ኮሚቴታት ኣብ ሕርሻ፣ ንግዲ፣ መሰረተ ልምዓት፣ ሳይንስን ቴክኖሎጅን፣ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ ወዘተ ዝጥምቱ እዮም፡
- ✓ ፋይናንስ ትካላት /ኣፍሪካ ማእኸላይ ባንኪ፣ ኣፍሪካ ገንዘብ ፈንድ፣ ኣፍሪካ ኢንቨስትመንት ባንክ/ ዝብሉ ኣመዳድባ ብምሓዝ ስራሕቱ እናፈፀመ ይርከብ፡፡

ካብዚኦም ፍልይ ዝበለ እቶም 7 ኮምሽናት ቁልፊ ግደ ዘለዎም ዕለታዊ ናይ ምምሕዳር ስራሕቲ ዘካይዱ በቲ ዘዳለውዎ ትልሚ መሰረት ሰፋሕቲ መፅናዕቲ ብምግባር ናብ መራሕቲ ንውሳነ ዘቕርብ ትካል'ዩ፡፡ ዕላማታት ሕብረት ኣፍሪካ

1. ሓድነትን ሕውነትን ሃገራት ንምጉልባት፣
2. ምውህሃድ ፖለቲካዊ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ስርዓት ኣፍሪካ፣
3. ሰላምን ዝተረጋግአ ድሕንነት ሃገራት ኣፍሪካ የጠናኽር ዝብሉ ኣለዉዎ፡፡

እሞ ተምሃሮ፣ ብዛዕባ ውድብ ሕብረት ምዕራብ ኣፍሪካ፣ ደቡብ ኣፍሪካ ልምዓታዊ ማሕበረሰብ፣ ሓበራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ ከምኡ'ውን ውድብ ሕብረት ኣፍሪካን ሕብረት ኣፍሪካን ዝብሃሉ ኣህጉራዊ ውድባት ብዝምልከት እንታይ ዕላማ ሒዞም ከምተጣየሹን ከምዝሰርሑን ተረዲእኹም ዶ? እምበኣርከስ ንጥፈታት ውድብ ሕብረት ምዕራብ ኣፍሪካን (ኢኮዋስ) ልምዓታዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካን ብዝምልከት ኣሕፅር ኣቢልኩም ግለፁ፡፡ መትከላት ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ) ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ዕላማታት፣ ፍፃመታትን ኣወዳድባን ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ተመያየጡሉ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕብረት ኣፍሪካ ሒዝዎ ዘሎ ዕላማን ዝፍፅሞም መደባት ኣመልኪትኩም ተመያየጡ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ / ሕብረት ኣፍሪካ ኣብ ኢትዮጵያ ምኳኑ ንሃገርና እንታይ ረብሓ ኣለዎ? ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ ከመይ ኢሉ ከምእተመስረተን ከመይ ኢሉ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ከምተቐየረን ተመያየጡ፡፡

# መጠቓለሊ

እዚ ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ኣርባዕተ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን፣ ማሕበራዊ ፀገማት፣ ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰላት ህፃናትን ደሕንነትን፣ ዓለምለኻዊ ኣጋርነት መንግስታትን ውድባትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ርእስታት ዝሓዘ'ዩ፡፡ ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ደም ዝርከብ ቫይረስ እንትኸውን ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ ሰብ ተላባዳይን ተመሓላላፊይን'ዩ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብደም ጥራሕ ዝመሓላለፍ ዘይኮነስ ብዖታዊ ርክብ'ውን ካብቶም ቫይረስ ተሸከምቲ ዝኾኑ ሰባት ናብቶም ጥዑያት ሰባት ዝመሓላለፍ እዩ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ሓደ ናብ ካሊእ ዝመሓላለፈሉም ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ገዲፉ ዝኸይድ ከም ለበዳ እናተመሓላለፈ ዝርከብ ሕማም'ዩ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ብምንኽኻእን ብምትንፋስን ወዘተ ዝመሓላለፍ ኣይኮነን። ስለዚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ማሕበራውን ጥዕናውን ፀገም'ዩ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከም ለበዳ እናተጋፍሐ ኣብ ህዝብና ዘብፅሖ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ፀገም ከቢድ እዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ እታ ሃገር ክተምፀኦ ዝድለይ ለውጥን ምዕባለን ብኣሉታ እናፀለዎ ይርከብ፡፡ ስለዚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ስድራ፣ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ፅልዋ ዓብዪ'ዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ዝተፈላለዩ ጠቓምትን ጎዳእትን ባህልታትን ልምድታትን ኣለዉ። ንኣብነት ንህፃናት ፀባ ጡብ ኣዶ ምጥዋብን ምትሕልላይን ካብቶም ዝጥቀሱ ሰናይ ማሕበራዊ ሃፍታትና ውሽጢ ይምደቡ፡፡ ኣብ ባህልና ጠቓምቲ ልማዳዊ ባህልታት ከምዘለዉ ኹሉ ብጣዕሚ ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት'ውን ኣለዉ'ዮም፡፡ እዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት ዝበሃሉ ብፍላይ ኣብ ኣዴታት፣ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ምስ ጥዕና፣ ስነ ልቦናን ማሕበራዊ ኩነታትን ዝተዛመዱ ፀገማት ይፈጥሩ ዘለዉ'ዮም፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ምኽንሻብ ብልዕቲ ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ፣ ምኽላዕ ዓንቀር፣ ምፍልፋል ስኒ ባርካይ፣ ምጥባሕን ምውቃጥን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ድማ ንምትሕልላፍን ሓደጋን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ'ዮም። እዚኦም ጎዳእቲ ባህልታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ጎደእቲ'ውን እዮም፡፡ ኣብ ኣዴታት ዝፍፀሙ ካልኦት ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን'ውን ኣለዉ፡፡ ንኣብነት ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ ምስ ዘይማንዛ ሓዳር ምግባር፣ መዳሕንቲ ምእንታን ክወርድ ከብዲ ኣዶ ብጠስሚ ምድራዝ፣ ዘይተመጣጠነ ምግቢ ወዘተ ጎዳእቲ ልምድታትን ባህልታትን'ዮም።

ካብዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታው ውሽጢ እቲ ሓደ ብጣዕሚ ጎዳእን መስካሕካሓይን 'ምኽንሻብ' እዩ። ብፍላይ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ተዛሚዱ ንምንታይ 'ምኽንሻብ' ብሕብረተሰብና ይምረፅ ከምዝነበረ ብዝምልከት ኣብዚ መፅሓፍ ዝተመልከቱ ሓሙሽተ ምኽንያታት ኣለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣዝዮም ብዙሓት ጎዳእቲ ሳዕቤናት ኣለዉዎ፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ብዙሕ ደም ምፍሳሱ፣ ፅርየት ብዝጎደሎም መሳርሕታት ምጥቃም፣ ቃንዛን ስቓይን፣ ከምኡ'ውን ቀንዲ መንገዲ ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምኽላዕ ዓንቀርን ምፍልፋል ድርፃንን (ስኒ ባርካይ)

ካብቶም ጎዳእቲ ዝበሃሉ ልማዳዊ ባህልታት ውሽጢ ዝምደቡ'ዮም፡፡ ትሕቲ ዕድመ መርዓ'ውን እቲ ካሊእ ጎዳኢ ልማዳዊ ባህሊ እንትኸውን ምስ ማሕበራዊ መነባብሮ ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ምስ ጥዕና ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ኢኮኖሚያዊ ፀገማትን ሕጋዊ ክፍተታትን ዝመሳሰሉ ሳዕቤናት ኣለዉዎ፡፡ ጎዳእቲ ባህልታትን ልማዳትን ካሊእ ሳዕቤን'ውን የብፅሑ'ዮም። ንህፃናት ናብ ጎደና ሓዳርነትን ጎዳና ተመሓዳዳርነትን የቃልዖም'ዩ። ስለዚ ሕብረተሰብ ብምትሕብባር ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ብምውጋድ ከምኡ'ውን ክንክንን ደገፍን ብምሃብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ተራ ዜግነታዊ ሓላፍነት ክፃወቱ ይግባእ፡፡ ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብብዙሕ መንገዲ ዝግለፅን ዝንፀባረቕን ኾይኑ ስነ ኣእምሮኣዊ ፀቕጢ ይፈጥር'ዩ። ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብደረጃ ስድራ፣ ኣብ ስራሕን ኣብ ማሕበረሰብን ብተፈላለየ መልክዑ ክንፀባረቕ ይኽእል'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣድልዎ'ውን ብምኻኑ ኣሉታዊ ፅልዋ ኣለዎ። ስለዚ ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝለዓለ'ዩ።

በዝሒ ህዝቢ ዓለም ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብሓያል ናህሪ እናወሰኸ ይመፅእ'ሎ። እዚ ሓያል ናህሪ ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ እናዓበየ ይኸይድ'ሎ። ምምጥጣን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሃገር ኣገዳሲ'ዩ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሃገራት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት ይፈጥር'ዩ። ብፍላይ ድማ ንሃገርና ማእኸል ገይርና እንትንርእይ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሲ መሬት ምንኣስ ንዘጋጥም ፀገም መንቀሊ'ዩ፡፡ ዓቐን ዘይብሉ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ምውሳኽ ዓብዩ እጃም ዘለወን ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት እንትኾና ብፍላይ ሃገራት እስያን ኣፍሪካን ዝለዓለ ተራ ኣለወን፡፡ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያውን ከባብያውን ኩነታት ዓብዩ ፅልዋ ኣለዎ፡፡ ምስዚ ተኣሳሲሩ ከባብያዊ ብርሰት፣ ብርሰት ደን፣ ብሰንኪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሞ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህዲ፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ፍግረ መሬትን ምዝባዕ ውሕስና ምግብን ብምኽንያት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሙ ፀገማት'ዮም፡፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ቅልጡፍ እንትኾይኑ እታ ሃገር ዘለዋ ሃፍቲ ኣብ ዝርግሐ ማሕበራዊ ግልጋሎት ስለዝውዕል ዝህሉ ምውህላል ካፒታል ስለዝውሕድ ኢንቨስትመንት ኣብ ምግፋሕ ይውሕድ'ዩ፡፡ ብተወሳኺ ኣብታ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ብሰንኪ በዝሒ ዕያል ኣብ ድኽነት ስለዝጥሕል ዘለዎ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ትሑት ስለዝኸውን ኢንቨስትመንት ንኸይጋፋሕ ዕንቅፋት ይኸውን፡፡ ብመሰረት'ዚ ኢንቨስትመንት ትሑት እንትኾይኑ ዝፈጥሮ ዕድል ስራሕ ብተመሳሳሊ ትሑት ይኸውን፡፡ ብኻሊእ ገፅ ብሰንኪ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ገጠር ዘጋጥም ሕፅረት መሬትን ካልኦት ጉዳያትን ናብ ከተማ ዝግበር ፍልሰት ተዛሚዱ ኣብ ከተማታት ስራሕ ስእነት ንኽጋፋሕ ምኽንያት ይኸውን፡፡

ሰናይ ምምሕዳር ኩለመዳያዊ ንጥፈትን ተበግሶን መንግስታዊ ኣካላት ዝጠልብን ብዘላቒ መልክዑ ድማ ንዝፍፀሙን ዝትግበሩን ስራሕቲ ዲሞክራሲ ዘጎልብትን ልምዓት ዘቀላጥፍን እዩ፡፡ ኣብዚ መፅሓፍ'ዚ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣርባዕተ

መሰረታዊ ቁም ነገራት ዝተመስረተ ከምዝኾነ ተሓቢሩ'ዩ፡፡ ሰናይ ምምሕዳር ኣንፃር ግዕዝይና ብትረት ምንቅስቓስ፣ ንውሳነ ኣወሃህባ ምእንታን ክሕግዝ ድምፂ ካልኦት ምስማዕ፣ ንሕቶ ሕብረተሰብ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብን ማዕረ መሰል ንኹሉ (ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር) ዝበሉ ይርከብዎም፡፡ ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብ፣ ኣድልዎ ዘይምፍፃም፣ ሕጊ ምኽባር፣ ኣሳታፋይነት፣ ሓባራዊ ምርድዳእ፣ ተኣማንነት፣ ሓላፍነት ምውሳድን ወዘተ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር'ዮም፡፡ ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ካብዘለዉዎ ረብሓ እቲ ሓደ መሰላት ህፃናት ንኽክበሩ ምሕጋዝ እዩ፡፡ ልዕልነት ሕጊ ክኽበርን መሰላት ህፃናት ንኽይገሃሱን ዓብዪ መሳርሒ'ዩ፡፡ ህፃናት'ውን ክንክንን ሓለዋን ክግበረሎም ይግባእ፡፡

ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ብምልኦም ህፃናት'ዮም ዝበሃሉ፡፡ መሰላት ህፃናት ብምልኡነት ክሕለውን ክኽበርን ይግባእ፡፡ ኣብ ህፃናት ዝተፈላለዩ ሓደጋት ክበፅሑ ይኽእሉ'ዮም፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ድማ ሓደጋ መኪናን እንስሳትን፣ ብሰንኪ ሕማቕ መሓዛ ዘጋጥም ሓደጋ፣ ብኤሌክትሪክ፣ መርዚ (ስሚ)፣ ባርዕ ሓዊ፣ ነቶግትን ዘጋጥሙ ሓደጋታት፣ ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ዘጋጥም ሓደጋ፣ ብሰንኪ ብክለት ኣየርን ከባብን ዘጋጥሙ ሓደጋታት ወዘተ ዝተወሰኑ'ዮም፡፡ ስለዚ ህፃናት ሓደጋ ካብ ዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል ብዝምልከት ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ፡፡ ስለዚ ህፃናት ብመሰረት ብሕገ መንግስቲ ዝተረጋገፁሎም መሰላት ብወለዶም፣ ብመዕበይቶም፣ ብሕብረተሰብ፣ ብኣብያተ ትምህርቲ፣ ብመንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብዝለዓለ ብርኪ ሓለዋን ክንክንን ክግበረሎም ይግባእ። ድጋፍን ከለላ ሕጊ'ውን የድልዮም'ዩ። መሰላት ህፃናት ንክሕለዉን ህፃናት'ውን ክንክን ንኽግበረሎምን ውዳበ ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት ውዳበ ፓርላማ ህፃናት ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ። ስለዚ ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዓለ ተራ ኣለዎም። መሰላት ህፃናት ምኽባር ካብቶም ክትግበሩ ዝግብኦም ሰብኣዊ መሰላት ውሽጢ ዝምደብ'ዩ።

ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ ደቂ ሰባት ብተፈጥሮኦም ሰባት ብምዃኖም ጥራሕ ዝህልዎም መሰል'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ደቂ ሰባት ብተፈጥሮኦም ሰባት ስለዝኾኑ ጥራሕ ዝሕለወሎም መሰል'ሎ። እዚ ማለት ደቂ ሰባት ብሰብኣዊ ክብሮም ኣይበላለፁን፣ ኩሎም ደቂ ሰባት ብሰብኣዊ ተፈጥሮኦም ማዕረ ክብሪ ይግብኦም፡፡ ሰብኣዊ መሰል ማለት ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቋንቋ፣ ብቀለም (ሕብሪ ቆርበት)፣ ብማሕበራዊ ኣመፃፅኣ፣ ብፆታ፣ ብዓሌት፣ ብፖለቲካ ወይድማ ካልኦት ኣረኣእያታት፣ ብኹነታት ቁጠባዊ ዓቕሚ፣ ብዕድመ፣ ኩነታት ጥዕና ይኹን ብካልእ ምኽንያታት ኣፈላላይ ከይተገበረሎም ብሓባር ዝተዓደልዎም እዮም፡፡

ውድብ ሕብረት ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ማሕበረሰብ ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ) ዓሰርተ ሽዱሽተ ኣባል ሃገራት እንትህልውዎ ልምዓታዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ (ሳድክ) ድማ ዓሰርተ ኣርባዕተ ኣባል ሃገራት ኣለዉዎ፡፡ ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ (ኮሜሳ) ድማ ዒስራን ሓደ ኣባል ሃገራት ኣለዉዎ፡፡ ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ 25 ግንቦት 1963 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝተጣየሸ እንትኸውን ብ2002 ዓ.ም.ፈ ናብ ሕብረት ኣፍሪካ ተሰጋጊሩ።

# ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ<br>HIV/AIDS | ሕማም ንምክልኻል ዘኽእል ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ወዲሰብ ዘዳኽም ቫይረስ - Human Immunio Defficiency Virus / Acquired Immunio Deficiency Syndrome |
| 2 | ምግላልን ምፅያፍን | ብሰላምታ፣ ምትንኻኻፍን ትንፋስን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝመሓላፍ ስለዝመስሎም እዚ ቫይረስ ኣብ ደሞም ንዘለዎም ሰባት ንዘይምቕራብን ንዘይምልፅዓልን ዝግበር ኣካላውን ስምዒታውን ምልክታት |
| 3 | ባህላዊ ልምድታት | ምስ ሃይማኖታውን ልማዳውን ስርዓት መነባብሮ ዝተኣሳሰሩ ዝውቱር ተግባራትን ባህልታትን |
| 4 | ምኽንሻብ | ብምኽንያት ባህላዊ እምነታትን ልምድታትን ዝግበር ምትልታል ብልዕቲ (ምግራዝ) |
| 5 | ድርፃን | ስኒ ፀባ ወይድማ ስኒ ባርካይ እናተብሃለ ዝፍለጥ |
| 6 | ዓንቀር | ኣብ ጉሮሮ ላዕለዋይ ክፍሊ ንታሕቲ ተንጠልጢሉ ዝበቁል ልስሉስን ንእይሽተይን ኣካል |
| 7 | ትሕቲ ዕድመ መርዓ | ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመኣን ምምርዓው |
| 8 | ምውቃጥ | ኣብ ግንባር፣ ክሳድ፣ ድርፃን ስኒ፣ ኢ.ድን ኣካላትን ብዘይለቅቕ ፀሊም ሕብሪ ምፅብባቕ |
| 9 | ምጥባሕ | ኣብ ግንባር፣ ምዕጉርትን ቅርንብ (ቅንድብ) ዓይንን ዝግበር ምትልታል |
| 10 | ጎደና ሓደርቲ | ኣብ ጎደና ውዒሎም ኣብ ጎደና ዝሓድሩ ህፃናት |
| 11 | ጎደና ተመሓዳደርቲ | ኣብ ጎደና ውዒሎም ናብ ገዛ ዝምለሱ ህፃናት |
| 12 | ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን | መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ 2003 — 2007 ዓ.ም ንኽትግበር ዝተዳለወ ትልሚ ዕብየትን ልምዓትን |
| 13 | ሽቶ / ሽቶታት | ዝምዝገቡ ውፅኢታትን ዝብፅሑ ዕላማታትን |

| | | |
|---|---|---|
| 14 | ሰናይ ምምሕዳር | ብኹሉ መዳይ ዝተማልአ ሓባራዊ ምርድዳእ ማእኸል ዝገበረ ግልፂ፣ ፅቡቕ፣ ቅኑዕ፣ ፍትሓዊ፣ ማዕረ፣ ስሉጥ፣ ኣሳታፋይ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት፣ ዲሞክራሲያዊ፣ ተበፃሓይ፣ ተኣማንነትን ተሓታትንትን ዘንገሰ ከምኡ'ውን ልዕልነት ሕጊ ዘረጋገፀን ስርዓት ምምሕዳር ኣብ ኩሉ መዳይ መሓውር መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እንትህልው ዝግለፅ'ዩ |
| 15 | ዲሞክራሲ | ዲሞን ክራሲን ዲሞክራሲ ካብዝብሉ ክልተ ቃላት ግሪክ ዝተወሰደ'ዩ፡፡ ዲሞ ዝብል ቃል ግሪክ ትርጉሙ ህዝቢ ማለት እንትኸውን ክራሲ ዝብል ቃል ግሪክ ድማ ትርጉሙ ኣገዛዝኣ ማለት`ዩ። ስለዚ ዲሞክራሲ ዝብል ቃል ግሪክ ህዝባዊ ምምሕዳር ማለት`ዩ፡፡ |
| 16 | ግልፅነት | ትካላት መንግስቲ፣ ሰበስልጣን መንግስትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ውሳነ ኣወሃህባ ከይዲ ነቶም ዝምልከቶም ሰባት ብዝርድኦም ብዝፈጥልዎን መንገዲ ዝካየድ'ዩ። ከምኡ'ውን ኣሰራርሓ መንግስታዊ ትካላት ብዝምልከት ንህዝቢ ብቑዕ ሓበሬታ ዝወሃብ እንተኾይኑ ግልፅነት ዘለዎ ምምሕዳራዊ ስርዓት'ሎ ማለት'ዩ፡፡ ፈፀምቲ ኣካላት ብዝተውሃቦም ስልጣን መሰረት ምስራሕን ሀብትን ኣገልግሎትን መንግስቲ ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ንዝምልከቶ ኹሉ ምክፍፋልን ምብፃሕን ኣለዎም። ዝህብዎ ዝኾነ ዓይነት ውሳነ ወይድማ ትእዛዝ'ውን ብግልፅን ሕጊ ወይድማ ከም ኩነታቱ ደንቢ ብዝእዝዞ መሰረት ጥራሕ ክፍፅሙ ኣለዎም፡፡ ብተወሳኺ'ውን ግልፅነት እንትበሃል እቶም ብዝወሃብ ውሳነ ወይድማ ትእዛዝ ዝጉድኡ ሰባት ብቐጥታ ብዛዕባ ከይዲ ውሳነ ትእዛዝን መረዳእታን ክረኽቡ ኣለዎም ማለት'ዩ። |
| 17 | ልዕልነት ሕጊ | ስልጣን መንግስቲ ኣግባብ ብዘለዎ ስርዓት ብዝተሓንፀፀ ብናይ ፅሑፍ ሕጊ ጥራሕ ክካየድ ምግባር ማለት እዩ። እዚ ትርጉም ናይ መንግስቲ ስልጣን ከምዝደለኻዮ ብዘይምንም ስርዓት ዝካየድ ከም ዘይኮነ ዝሕብር እዩ። ብተወሳኺ'ውን እዙይ ትርጉም ስልጣን መንግስቲ ብኣግባቡ ብሕጊ ተዘርዚሩ ክቕመጥ ከምዘለዎ ዘመላኽት እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ዝተደንገገ ሕጊ እንተዘይጥሒሱን ኣግባብ ብዘለወን ኣብያተ ፍርዲ እንተዘይተወሲኑዎ ኣብ ኣካሉ ይኹን ኣብ ንብረቱ ጉድኣት ኣይበፅሖን፡፡ |

| | | |
|---|---|---|
| 18 | መሰላት ህፃናት | ኣብ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ዝተቐመጡ ጉዳያት እንተይተሸራረፉ ክትግበሩን ብዝበለፀ ግና ህፃናት ካብ ዓመፅ፣ ምዝመዛን ምግሃስን ክሕለዉ ምግባር |
| 19 | ደሕንነት ህፃናት | ህፃናት በደላትን ግፍዕን ከምኡ'ውን ምዝመዛን ንከይበፅሖም ዝግበር ክትትልን ምክልኻልን |
| 20 | በዝሒ ህዝቢ | ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖፂሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለፂ'ዩ፡፡ |
| 21 | ፀቕጢ ህዝቢ | ኣብ ሃገር ወይድማ ክልል ዝርከብ ህዝቢ ንጠቕላላ ሽፋን መሬት እንትምቀል ኾይኑ ብትርብዒት ኪሎ ሜትር ወይድማ ማይል ዝግለፅ'ዩ፡፡ |
| 22 | ፍግረ መሬት | ዝናብ እንትወቅዕ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መሬት ዝርከብ ሓመድ እናጓሕጎሐ ፅርግርግ ኣቢሉ እንትወስዶ ማለት'ዩ፡፡ ላዕለዋይ ልሙዕ ሓመድ ብውሕጅ ይኩን ብንፋስን ተፀሪጉ እንትጉሕጓሕ ማለት'ዩ፡፡ |
| 23 | ውሕስና ምግቢ | ኩሎም ዜጋታት ኩሉ ጊዜ ብኣካል፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ትሕዝቶኡ ዝተማልአ፣ እኹልን ብቑዕን ምግቢ ዘለዎን ጥዕንኡ ዝተሓለወ መነባብሮ እንትህሉ'ዩ። |
| 24 | ሰብኣዊ መሰል | ደቂ ሰባት ሰብ ብምዃኖም ጥራሕ ዝህለዎም መሰል ማለት'ዩ፡፡ ሰብ ብሰብኣዊ ኽብሩ ኣይበላለፅን፣ ኹሉ ብሰብኣዊ ተፈጥሮኡ ማዕረ ክብሪ ይግብኦ፣ ካብዝብል መሰረታዊ ኣመለኻኽታ ዝፍልፍል እዩ፡፡ ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቛንቛ፣ ብቀለም፣ ብማሕበራዊ ኣመፃፅኣ፣ ብፆታ፣ ብዓሌት፣ ብፖለቲካ ወይድማ ካልኦት ኣመለኻኽታ፣ ብኹነታት ቁጠባዊ ዓቕሚ፣ ብዕድመ፣ ኩነታት ጥዕና ይኹን ብካልእ ምኽንያት ኣፈላላይ ክይተገበረሎም ብሓባር ዝተዓደልዎም እዮም፡፡ ሰብኣዊ ዝብል ቃል ሰብ ምዃን ዘመላኽት እንትኾን እዚ ድማ ተፈጥሯዊ'ዩ፡፡ እዚኦም ባህሪያት ናይ ምሕሳብ፣ ምዝራብ፣ ብነፃነት ናይ ምንባር ድልየትን ዝመሳሰሉን እንትኾኑ ንምህላው ሰብኣዊ መሰላት ኣውራ ምኽንያታት እዮም፡፡ |
| 25 | ኢጋድ Intergovernmental Authority on Development -IGAD) | ሽዱሽተ ሃገራት ብኣባልነት ዝርከባሉ ብ1986 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸን ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ጂቡቲ ዝገበረ ኣጋርነት በይነ - መንግስታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት |

| | | |
|---|---|---|
| 26 | መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል (Nile Basin Initiative) | ዓሰርተ ሃገራት ማለት ብሩንዲ፣ ኮንጎ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክ፣ ግብጺ፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ፣ ሩዋንዳ፣ ሱዳን፣ ታንዛኒያን ኡጋንዳን ብኣባልነት ዝርከቡሉ'ዩ፡፡ |
| 27 | ግዕዝይና | ብልሽውና፣ ጉቦን መማለድን ምቕባል፣ ብዝምድናን ካልኦት ውልቃዊ ርክባትን ተመስሪትካ ምስራሕ፣ ዘይግብኣካ ጥቕሚ ምርካብን ዘይናትካ ንብረት ምውሳድን፣ ሰዓት ስራሕን ሓላፍነትካን ብዘይኣግባብ ምጥቃም፣ ውልቃዊ ረብሓ ምቕዳም |
| 28 | ውድብ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ (ኢኮዋስ) | 16 ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ ማለት ቤኒን፣ ቡርኪናፋሶ፣ ኬፕቨርዴ፣ ኮትዲቮዋር፣ ጋምቢያ፣ ጋና፣ ጊኒ፣ ጊኒ በሳዎ፣ ላይቤርያ፣ ማሊ፣ ኒጀር፣ ናይጀርያ፣ ሰኔጋል፣ ማውሪታንያ፣ ሴራሊዮንን ቶጎን ዝሓቖፈ ኢኮኖሚያዊ ሕብረት'ዩ፡፡ |
| 29 | ኮሜሳ (COMESA) | 5 ሕዳር 1993 ዓ.ም.ፈ ኣብ ካምፓላ - ኡጋንዳ ብሕጊ ፀዲቑ ድሕሪ ሓደ ዓመት 8 ታሕሳስ 1994 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሊሎንግዌ - ማላዊ ብዕሊ ዝተጣየሸን 21 ኣባል ሃገራት ዘለዊዎ ሓባራዊ ዕዳጋ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪካ እዩ፡፡ |
| 30 | ው.ሕ.መ.ዓ (UN) | ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብ1945 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም |
| 31 | ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት | ብ1949 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ኣመልኪቱ ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝፀደቐ ሕጊ እንትኸውን ኣብ 1970ታት ኣብ ጄኔቭ ምርድዳእ ዝተገብረሉ'ዩ፡፡ |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ኣብ ኣፍሪካ ዘለዋ ከባብያዊ ውዳበታት ዝተቐላጠፈ ልውውጥ ንግዲ ኣብ ምፍጣር ምችው ባይታ እናፈጠራ እየን፡፡
2. መሰል ህፃናት ንምርግጋፅ ካብ ህፃናት ባዕሎም ዝግበር ቃልሲ ፍሉይ ጠመተ ዝወሃቦ እዩ፡፡
3. ኮምፒዩተር ምፅዋት ካብቶም ኣብ ንህፃናት ሓደጋታት ዘብፅሑ ጉዳያት እቲ ዝዓበየ'ዩ፡፡
4. ሕብረት ኣፍሪካ ዝሓዞም ዕላማታትን መትከላትን ካብቲ ቅድም እንትብል ዝነበረ ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ ኣፈላላይ ኣለዎ፡፡
5. ኣብ ምቁፅፃርን ምክልኻልን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዘላቕነትን ብዘተኣማምንን መንገዲ ንምትግባር ካብ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ግደን ሓላፍነትን ትፅቢት ይግበር።
6. ኣብ ሃገርና ከባብያዊ ብርሰት ብምህላዉ ብገፊሑ መንቀሊ ምኽንያት ድርቅን ጥምየትን እናኾነ ይርከብ።

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፂ መልስታት እቲ ዝሓሸን ዝበለፀን መልሲ ምረፁ፡፡**

1. ብሰንኪ ስእነት (ሕፅረት) ሰናይ ምምሕዳር ካብ ዘጋጥሙ ፀገማት ዝስዕብ/ቡ ይርከብ/ቡ፤
   - ሀ. ግዕዝይናን ብልሽውናን
   - ለ. ሕድሕድ ኩናት
   - ሐ. ምግፋሕ ድኽነት
   - መ. ኩሎም መልሲ እዮም
2. ካብዞም ዝስዕቡ ከባብያዊ ትካላት እቲ ዝሓሸ ምዕባለ ዘለዎ ውዳበ
   - ሀ. ሳድክ
   - ለ. ኢኮዋስ
   - ሐ. ኮሜሳ
   - መ. ኢጋድ
3. ቅድም እንትብል መማረፂ ስምምዕነት ንግዲ (Preferential Trade Area) እናተብሃለ ይፅዋዕ ዝነበረ ውዳበ መን እዩ?
   - ሀ. ሳድክ
   - ለ. ኢኮዋስ
   - ሐ. ኮሜሳ
   - መ. ኢጋድ
4. ካብዚ ንታሕቲ ካብዝተገለፁ ሓዲኦም መትከል ውዳበታት ሓለዋ ህፃናት ኣይኮነን፡፡
   - ሀ. ፀገማት ብሓባር ምፍታሕ
   - ለ. ነፃን ግልፅን ኮይንካ ሓሳብካ ምግላፅ
   - ሐ. ሕገ መንግስታዊ መሰል ምኽባር
   - መ. ከባቢኦምን ባህሎምን ዘድንቑ ምግባር
   - ሰ. ኩሎም መልሲ እዮም
   - ረ. መልሲ የለን

5. ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝበዝሐ ዝርከበሉ ከባቢ / ዞባ / ኣፍሪካ ኣየናይ'ዩ?
   ሀ. ምብራቕ ኣፍሪካ ለ. ደቡብ ኣፍሪካ
   ሐ. ምዕራብ ኣፍሪካ መ. ሰሜን ኣፍሪካ ሰ.ማእከላይ ኣፍሪካ

ሐ. ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዘለዉ ምስ ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ኣዛምዱ

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| 1. ኮሜሳ | ሀ. ምዕራብ ኣፍሪካ |
| 2. ሳድክ | ለ. ምብራቕ ኣፍሪካ |
| 3. ኢኮዋስ | ሐ. ደቡብ ኣፍሪካ |
| 4. ኢ.ጋድ | መ. ኣዲስ ኣበባ |
| 5. ሕብረት ኣፍሪካ | ሰ. ማእኸላይ፣ ደቡብን ምብራቕን ኣፍሪካ |

መ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕን ትኽክልን ዝኾነ ምሉእ መልሲ ሃቡ

1. ኣብ ኣፍሪካ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተጋፍሐሉ ምኽንያት ዝምልከቱ ሰለስተ ነጥብታት ፀሓፉ፡፡
2. ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ክልልና ዝምልከቱ ጉዳያት ወይድማ ምኽንያታት ሰለስተ ነጥብታት ፀሓፉ፡፡
3. ሓለዋ ህፃናት እንታይ ማለት እዩ? ንምንታይ የድልይ? ኣርባዕተ ምኽንያታት ግለፁ፡፡
4. ኣብ ከባቢኹም ንሰናይ ምምሕዳር ዝፃብኡ ሰለስተ ጉዳያት (ነጥብታት) ግለፁ፡፡
5. ሃገርና ኢትዮጵያ ምስ ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ ከመይ ዝበለ ምትእስሳር ኣለዋ?